# ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን

# መፅሓፍ ተምሃራይ

## 5ይ ክፍሊ


ስንድእ፡- ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ትርጉም፡- ገ/ሂር ቢሆን
ኣለምሰገድ ሃዲስ

ፅፈት፡- ዮሃንስ ገ/ፃዲቕ
ተኽሉ ዕቛር

ፅፈት ምርግጋፅ፡- ሓዱሽ ወ/ማርያም
ሰሎሞን በየነ
ሮማን ግደይ

ክኢላታት ቁልፊ ከይዲ ስራሕ ምድላዉን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ



ሚኒስተር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. 2003

PITAMBRA BOOKS PVT.LTD.

© ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ሪፐብሊክ
ኢትዮጵያ

**ቀዳማይ ሕታም 2003 ዓ.ም**

**መሰሉ ብሕጊ ሕልው እዩ**

ሓታሚ PITAMBRA BOOKS PVT.LTD
B-95 Industraial Area, Aijoli-Jhansi(U.P.) INDIA
Ph.: +91 510 2720106,2720107, Fax: +91 510 2720851
E-Mail: pitambra2001@gmail.com

ኣይ.ኤስ.ቢ.ኤን 978-99944-2-066-7

# ምስግና

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ፅሬቱ ሓልዩ ንክወፅእ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ IDA፣ FTICF፣ ፊንላንድ፣ ልምዓት ተራድኦ ጣልያን፣ ዘ ኔዘርላንድ፣ DFID ገንዘባዊ ሓገዝ ብምርካብ እዩ፡፡

ስለዚ እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ መምርሒ ንመምህር ሓዊሱ ተሓቲሙ ንክወፅእ ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ዘወፈዩ ብዙሓት ውልቀሰባት፣ ጉጅለታትን፣ትካላትን ካልኦት ኣካላትን ክምስገኑ ይግባእ፡፡

ሚኒስተር ትምህርቲ

# ኣይትሕለፉኒ!

## እዚ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንሓዞ



እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡

ከይቐደድ፣ ከይበላሾ ከይጠፍእ ብጥንቃቐ ሓዝዎ፡፡

እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት መፅሓፍኩም ብጥንቃቐ ንምሓዝ ስለ ዝሕግዝኹም ኣንብብዎም፡፡

1. መፅሓፍኩም ብፕላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይ ብኻሊእ ገይርኩም ሸፍንዎ፣
2. መፅሓፍኩም ራህዲ ወይ ራሕሲ ኣብ ዘለዎን ዘይፅሩይን ኣይተቐምጡ፣
3. መፅሓፍኩም ክትጥቀሙሉ እንትትደልዩ ኣእዳውኩም ፅሩይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፣
4. ኣብ ውሽጢ ኾነ ደጋዊ ሽፋን መፅሓፍኩም ብእርሳስ፣ ስክርቢቶ ኮነ ካሊእ ኣይትፅሓፉ፡፡ ኣብቲ መፅሓፍ ናይ ዘለው ሕቶታት መልሲ ኣብ ደፋትርኩም ፅሓፉ፣
5. ኣብ መፅሓፍኩም ከም ምልክት እትጥቀሙሉ ንእሽቶይ ወረቐት ወይ ፈትሊ መሳሊ ተጠቐሙ፡፡ እርሳስ፣ ስክርቢቶ፣ ደፋትር፣ መፅሓፍ ዝመሳሰሉ ከም ምልክት ኣይትጠቐሙ፡፡ መሕቖፊ ደፋትርውን ኣይትግበሩዎ፣
6. ዝኾነ ስእሊ ካብ ውሽጢ መፅሓፍኩም ቀዲድኩም ኣይተውፅኡ፣ ነውሪ እዩ፣
7. ካብ መፅሓፍኩም ዝኾነ ገፅ እንትተቐዲዱ ብፕላስተር ወይ ብኻሊእ መጣበቒ ፀግንዎ፣
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትትኣእትው ብጥንቃቐ ይኹን፣
9. መፅሓፍኩም ክትወሓሓሱ እንተለኹም ብጥንቃቐ ተቐባበሉ፣
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ ግዘ እንትትጥቀሙ በቲ ድሕሪት ገፁ ኣቐምጡዎ፡፡ ውሑዳት ገፃት ኣፍኩስ እናበልኩም ግልፅዎ እቲ ጠርዙ ፍንፅሕ ከይብል፡፡ ደጋዊ ሽፋን ግልፅ ኣቢልኩም ንድሕሪት ዕኹልል ኣቢልኩም ኣይትሓዝዎ ከይፈንጨል፣
11. እዚ መፅሓፍ ብድሕሬኹም ዝመፁ ኣሕዋትኩም ክጥቀምሉ እዮም ልቢ በሉ፡፡

# ትሕዝቶ ሰደቓ


| ሪጋ | ምዕራፍ | ገፅ |
|---|---|---|
| 1 | ምዕራፍ 1. ስርዓት ዴሞክራሲ ---------------------------------- | 1 |
| | 1.1. ዴሞክራሲ እንታይ እዩ? ------------------------------------ | 1 |
| | 1.2. እንታይነት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት----------- | 4 |
| | 1.3. ፍልልይ ----------------------------------------------------- | 6 |
| | 1.4. ስርዓት መንግስቲ ኣብ ኢትዮጵያ -------------------------- | 10 |
| | 1.5. ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ -------------------------------------- | 15 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- | 16 |
| 2 | ምዕራፍ 2. ልዕልነት ሕጊ ------------------------------------------ | 22 |
| | 2.1. ሕገ መንግስቲ እንታይ እዩ? --------------------------------- | 22 |
| | 2.2. ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን ----------------------------- | 27 |
| | 2.3. ስነ-ምግባር ------------------------------------------------------ | 30 |
| | 2.4. ስልጣን ----------------------------------------------------------- | 32 |
| | 2.5. ምስጢር --------------------------------------------------------- | 34 |
| | 2.6. ግዕዝይና --------------------------------------------------------- | 36 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- | 39 |
| 3 | ምዕራፍ 3. ማዕርነት ----------------------------------------------------- | 43 |
| | 3.1. እንታይነት ማዕርነት --------------------------------------------- | 43 |
| | 3.2. መሰል ማዕርነት ብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝብታትን ----- | 44 |
| | 3.3. መሰል ማዕርነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ---------------------- | 48 |
| | 3.4. ማዕርነት ፆታ ------------------------------------------------ | 50 |
| | 3.5. ማዕርነት ባህሊ ------------------------------------------------ | 54 |
| | 3.6. ጉዱኣት ኣካል ------------------------------------------------ | 56 |
| | 3.7. እንታይነት መሰል ማዕርነት ሃይማኖት --------------------- | 58 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- | 60 |

4 ምዕራፍ 4. ፍትሓውነት ---------------------------------------------- 64

4.1. ፍትሒ ------------------------------------------------------------ 64

4.2. ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሕን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣካላት ፍትሕን---------------------------------------------------------------- 69

4.3. ፍትሒ ከንድሉ ዝኽእሉ ኩነታት ---------------------------- 74

4.4. ማሕበራዊ ትካላት -------------------------------------------- 80

4.5. ግብሪ ------------------------------------------------------------ 82

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 86

5 ምዕራፍ 5. ፍቕሪ ሃገር ------------------------------------------------ 89

5.1. ፍቕሪ ሃገር -------------------------------------------------------- 89

5.2. ፍቕሪ ሃገር ዝጎድኡን ዘዕንውን ተግባራት ----------------- 93

5.3. እንታይነት ሓበራዊ ናውቲ መገልገልቲ --------------------- 96

5.4. ካብ ድኽነትን ድሕረትን ምንጋፍ --------------------------- 99

5.5. ዜግነት ------------------------------------------------------------ 103

5.6. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ------------------------------------------ 104

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 108

6 ምዕራፍ 6. ስምዒት ሓላፍነት ------------------------------------ 111

6.1. እንታይነት ግቡእ ምፍፃም ሓላፍነት----------------------- 111

6.2. እንታይነትን ኣድላይነትን ቃልኪዳን ------------------------ 114

6.3. እንታይነት ቅንዕና፣ ተኣማንነትን ሓቀኛነትን ------------- 117

6.4. ኣድላይነት ምፍፃም ሓላፍነት -------------------------------- 119

6.5. እንታይነት ሃፍቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግን ------------- 122

6.6. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ---------------------------------------------- 126

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 128

7 ምዕራፍ 7. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ---------------------------------- 132

7.1. ምፍጣር ስራሕ ------------------------------------------------- 132

7.2. ከይሰራሕካ ምብላዕ ------------------------------------------ 135

7.3. መሰል ምስራሕ ---------------------------------------------------- 141

7.4. እንታይነት ሙያን ሙያዊ ስነ-ምግባርን ------------------ 144

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 148

8 ምዕራፍ 8. ዓርስኻ ምኽኣል ------------------------------------------ 152

8.1. እንታይነት ዓርስኻ ምኽኣል ---------------------------------- 152

8.2. ዓርሰ እምነት ------------------------------------------------- 155

8.3. ብሓሳብካ ምፅናዕ ------------------------------------------------ 156

8.4. መግለፅታት ብዛዕባ ዓርስና ዝህልወና ግጉይ ግንዛበ ---------- 159

8.5. ረብሓ ዓቕምኻ ብምፍላጥ ካብ ካልኦት ክትመሃር ድልው ምዃን -------------------------------------------------------- 162

መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- 167

9 ምዕራፍ 9. ባህሊ ምዕቛር -------------------------------------------- 171

9.1. ምዕቛር---------------------------------------------------------- 171

9.2. ብትልምን ብዓቕምኻን ምንባር -------------------------------- 177

9.3. ኣብ ስድራ ቤት ንምዕቛር ዝፃረሩ ተግባራት ------------- 182

መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- 185

10 ምዕራፍ 10. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ --------------------------------- 190

10.1. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ------------------------------------ 190

10.2. ኣድላይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ---------------------------- 194

10.3. ዓይነታት ተሳትፎ ህዝቢ ------------------------------------ 197

10.4. ሲቪክ ማሕበራት ------------------------------------------- 199

መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- 202

11 ምዕራፍ 11. ኣለሻ ፍልጠት ------------------------------------------ 206

11.1. እንታይነትን ረብሓን ፍልጠት -------------------------------- 206

11.2. መረዳእታ ዝርከቡሎም ሜላታት ------------------------- 209

11.3. ድሑር ኣተሓሳስባን ኣርኣእያን ------------------------------ 213

11.4. ባህሊ ንባብ ---------------------------------------------------- 214

11.5. ሜላ ኣፀናንዓ ትምህርቲ ------------------------------------- 217

መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------------- 220

# ምዕራፍ ሓደ

## ስርዓት ዴሞክራሲ

### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-

እዚ ምዕራፍ'ዚ ምስ ፈፀምኩም፡-

- እንታይነት ዴሞክራሲን ስርዓት ዴሞክራሲን ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ክኸበሩ ዝግበኦም ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ትፈልጡ፡፡
- እንታይነት ፍልልይን ፍልልይ ብኸመይ ኣከኣኢልካ ምንባር ከምዝከኣልን ትግንዘቡ፡፡
- እንታይነት መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ትፈልጡ፡፡
- እንታይነት ርክብ ወፃኢ ትግንዘቡ፡፡

## 1.1. ዴሞክራሲ እንታይ እዩ?



ስእሊ 1.1 መረፃ ሓለቓ ክፍሊ



ስእሊ 1.2 መምርሒ ስነ-ስርዓት እቲ ቤት ት/ቲ

- ኣብ ስእሊ1.1 እንታይ ይረኣየኩም ኣሎ? ኣብቲ ክፍሊ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ገምቱ።
- ኣብ ስእሊ 1.2 እንታይ ይረኣየኩም ኣሎ? ኣብቲ ኣዳራሽ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ገምቱ።
- "ዴሞክራሲ" ዝብል ቃል ብዙሕ ግዘ ከይሰማዕኹምዎ ኣይትተርፉን፣ ንምኳኑ ዴሞክራሲ ዝብል ቃል ክትሰምዑ ከለኹም ኣብ ኣእምሮኹም ዝመፅእ ሓሳብ እንታይ ከምዝኾነ ግለፁ።

# መረፃ ሓለቓ ክፍሊ

መምህር ይርጋ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍኖተ ጥበብ ሓላፊ 5ይ ክፍሊ እዮም። እቲ ቤት ትምህርቲ ንኽረምታዊ ዕረፍቲ ተዓፅዩ ካብ ዝኸፈት ሓደ ሰሙን ኮይኑዎ ኣሎ። መምህር ይርጋ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት፣ ግርማይ ሓለቓ'ዚ ክፍሊ ኮይኑ ዝተመረፀ በቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ሓላፊ ክፍሊ መምህር ከምዝኾነ ምፍላጦም ገለፁ። ብምኳኑ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሓለቓ ዝነበረ ግርማይ ሎሚዘበን'ከ ይቕፅል ዶ? ወይስ ካሊእ ሓለቓ ምምራፅ የድሊ እዩ? ኢሎም ንተምሃሮ ሕቶ ኣቕረቡሎም። መብዛሕቶም ተምሃሮ እቲ ክፍሊ ድማ ሓድሽ ሓለቓ ክምረፅ ከምዘሎዎ ገለፁ። ውሑናት ተምሃሮ ግና ግርማይ ሓለቓ ክፍሊ ኮይኑ ንኽቕፅል ብምድላዮም ነዚ ሓላፍነት ንካልኣይ ግዘ ንኽወዳደር ሓበራዊ ምርድዳእ ገበሩ። ብመሰረት እዚ ድማ ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ተምሃራይ ግርማይ፣ ተምሃራይ ጌታቸውን፣ ተምሃሪት ኣለሚቱን ንመረፃ ክወዳደሩ ኣቕረቦም።

ብመሰረት እቲ ዝተኻየደ መረፃ ድማ ተምሃራይ ጌታቸው 12 ድምፂ፣ ተምሃራይ ግርማይ 12 ድምፂ፣ ተምሃሪት ኣለሚቱ ድማ 26 ድምፂ ብምርካብ ሓለቓ ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ኮነት።

እቶም ተምሃሮ ድማ ሓለቓ ክፍሎም ዝኸውን ተምሃራይ ብኽይዲ ስርዓት ዴሞክራሲ ብምምራፆም ሕጉሳት ኮኑ። ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ፍኖተ ጥበብ ትውክለና'ያ፣ ብዝግባእ ትሰርሓልና እያ ኢሎም ኣሚኖም ስለዝመረፁዋ ኣለሚቱ ድማ መማህርታ ብዝለዓለ ድምፂ ስለዝመረፁዋ ንደቂ ክፍላ ምስግና ኣቕረበት። እቶም ተምሃሮ ድማ ዴሞክራሲ ማለት ከምዚ'ዩ፣ ወነንቲ ስልጣን ኮይንና ኢሎም ካብ ልቦም ተሓጒሶ፡፡

ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ተምሃራይ ባዕሉ ብዝመረዖ ሓለቓ ክምራሕ ብምኽኣሉ ፅቡቕ ምኳኑ ተገንዚቦም። እታ ዝተመረፀት ሓለቓ ክፍሊ'ውን ስርሓ ብግቡእ እንተዘይሰሪሓን ሓላፍነታ እንተዘይተዋፂኣን ካልእ ዝሓሸ ተምሃራይ ክመርፁ ከምዝኽእሉ ኣብ ሓበራዊ ስምምዕ በፅሑ። እቲ ቕድሚኡ ዝነበረ ሓለቓ ድማ ስልጣኑ ብሰላማዊ መንገዲ ነታ ሓዳሽ ሓለቓ ኣረከበ።



## መልመዲ 1

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም፡፡

1. ብመሰረት እቲ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍን ኣብቶም ስእልታት ዘስተውዓልኩም ዎም ተግበራትን “ዴሞክራሲ” እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ፡፡
2. ኣብ ሕቶ ቁፅሪ 1 ዘቕረብኩምዎ ትርጉም “ዴሞክራሲ” ምስቲ ቅድሚ እቲምንባብ ምንባብኩም ዝሃብኩምዎ ትርጉም ክንደይናይ ዝኣክል ይመሳሰል (ከምዝመሳሰል) መልሱ?
3. መምህር ይርጋ ንግርማይ ሓለቓእቲ ክፍሊ ኮይኑ ንኽቕፅል እንተዝገብሩ እንታይ ፀገም ምተፈጠረ? ተመያየጥሉ፡፡

ዴሞክራሲ ዝብል ቃል “ዴሞስ” ን “ክራቶስ”ን ካብ ዝብሉ ክልተ ቃላት ግሪኽ ዝተረኽበ ኢዩ። ዴሞስ ማለት ኣብ ሓደ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ማለት እንትኾን ክራቶስ ድማ ስልጣን ወይ ኣመራርሓ ማለት እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ዴሞክራሲ ዝብል ቃል ስልጣን ወይ ኣመራርሓ ናይ ህዝቢ ዝኾነሉ ምምሕዳር ማለት እዩ። ኣብ ስእሊ 1.1 ከምዝረኣኹምዎ ተምሃሮ ሓለቓ ክፍሎም ብዝመረፁሉ ከይዲ ህዝቢ’ውን ዝመርሑዎን ዘመሓድሩዎን ብድሌቱ ዝመርፀሉን፣ ብዝመረፆ መራሒ ዝማሓደረሉን ስርዓት ዴሞክራሲ ይበሃል፡፡

ከይዲ ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ ስእሊ 1.2 ከምዘስተውዓልክምዎ ተምሃሮ ዴሞክራሲያዊ ኣካይዳ ተጠቒሞም ከምቲ ዝምርሑሉ መምርሒ ስነ-ስርዓት ቤት ትምህርቶም ምይይጥ ኣብ ምክያድን መመሓይሺ ኣብ ምሃብን ዘርኣይዎ ንጡፍ ተሳትፎ እቲ ህዝቢ‘ውን ኣብ ናይ ባዕሉ ጉዳይ ውሳነ ኣብ ዝወሃበሉ ግዘ ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ እቲ ውሳነ ተሳታፋይ ይኸውን፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ መራሒ ኣብ ዝምረፀሉ ግዘ ዝምልከቶም ሰባት ኣብቲ መረፃ ሓቢሮም ብማዕርነት ይሳተፉ። ብዓብላላይ ድምፂ ዝተመረፀ ድማ ሓለቓ ወይ መራሒ ይኸውን። ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ህዝቢ ኣብ ዝምልከቶ ጉዳይ ኣብ ዝግበር ኣብ ዝኾነ ውሳነ ብንጥፈት ይሳተፍ።



### መልመዲ 2

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም፡፡**

1. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ብዘይካ መረፃ ሓለቓ ክፍልን ምይይጥ መምርሒ ስነ-ስርዓት ቤት ትምህርትን ካልእ ዴሞክራሲ ዝግለፀሉም ኣሰራርሓታት ኣለዉዶ? እንተሃልዮም ኣብነታት ፅርሑ፡፡ እንተዘይሃልዮም ድማ ብምንታይ ብምንታይ ኣገባብ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓታት ክህልዉ ከምዝግበኦም ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ክፍልኹምን ኣብ ቤት ትምህርትኹምን ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ክህሉ ምግባር ዝህልዎ ረብሓ ግለፁ።

## 1.2. እንታይነት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት

### 1.2.1 እንታይነት ሰብኣዊ መሰላት

- ሰብኣዊ መሰል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ብናይ ባዕልኹም ኣበሃህላ ኣብ ወረቐት ፅሓፉ፡፡
- ዝፅሓፍኩምዎ ትርጉም ሰብኣዊ መሰል ኣብ ጥቓኹም ምስ ዘለው መሓዝትኩም ተዘራረብሉ፡፡

ሰብኣዊ መሰል ማለት ሰባት ሰብ ብምዃኖም ጥራሕ ዘለዎም መሰል እዩ፡፡ ንኣብነት:- መሰላት ድሕንነት ህይወትን ኣካልን ዝኾነ ሰብ ፤ ሰብ ብምዃኑ ዝህልውዎ ሰብኣዊ መሰላት እዮም፡፡ ዝኾነ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ ክበሃል ከሎ ብሕጊ ዝተደንገገ ከቢድ መቕፃዕቲ ገበን እንተዘይኮይኑ ብህይወት ናይ ምንባር መሰሉ ኣይጠሓስን፡፡

መሰል ድሕንነት ኣካል ክበሃል ከሎ’ውን ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣካሉ ጉድኣት ከይበፅሖ ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ ማለት እዩ፡፡

## 1.2.2 እንታይነት ዴሞክራሲያዊ መሰላት



ስእሊ 1.3 ምስረታ ክለብ

- ኣብቲ ስእሊ ዝተንፀባረቐ ዴሞክራሲያዊ መሰል እንታይ ከምዝኾነ ግለፁ።
- ካብዚ ስእሊ ብምብጋስ ዴሞክራሲያዊ መሰል እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ።

ዴሞክራሲያዊ መሰል ማለት ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝነብሩ ውልቀ ሰባት ኮኑ ህዝብታት ኣባላት እቲ ስርዓት ስለዝኾኑ ዝህልውዎም ብሕጊ ዝተደንገጉ መሰላት እዮም። ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ክኸበሩ ዝግበኦም ዴሞክራሲያዊ መሰላት ብዙሓት እዮም።

ንኣብነት መሰል ብማሕበር ምውዳብ እቲ ሓደ መረጋገፂ መሰል ዴሞክራሲ'ዩ። ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ንዝኾነ ዕላማ ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎ።

ብመንፅር እዚ ድማ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣብ ምምስራት ዝተፈላለዩ ክለባትን ኣብ ዝተፈላለዩ ክለባት ናይ ምስታፍን መሰል ኣለዎም።

ተምሃሮ በዞም መሰላቶም ንኸጥቀሙ ክለባት ኣብ ዝምስርቱሉ እዋን መምርሕን ደንብን እቲ ቤት ትምህርቲ ክኸብሩ ግቡእ ኣለዎም፡፡ ኣብቶም ክለባት ኣብ ዝሳተፍሉ ግዘ እውን ክብርን ድሕንነትን ማሕበረሰብ እቲ ቤት ትምህርትን ካልኦት ተምሃሮን ክኸብሩ ግብኦም እዩ።

መሰል ዝብል ቃል ግቡእነት ዘመልክት እዩ። መሰል በይኑ ምሉእ ኣይኮነን። መሰል እንተሃልዩ ግቡእ'ውን ኣሎ:: መሰል ሰባት ዘለዎም ግቡእን ሓላፍነትን ጠሚሩ ከምዝሓዘ ምፍላጥ የድሊ እዩ። ስለዚ ዝኾነ ሰብ መሰሉ ክጥቀም እንተደልዩ መሰል ካልኦት ሰባት ብዘይፃረር መንገዲ ምጥቃምን መሰሎም ናይ ምኽባርን ግቡእ ከምዘለዎ ክዝንግዕ የብሉን።



መልመዲ 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::*

1. እንታይነት ሰብኣዊ መሰላት ኣሕፂርኩም ብኣብነት ግለፁ።
2. እንታይነት ዴሞክራሲያዊ መሰላት ኣሕፂርኩም ብኣብነት ግለፁ::

## 1.3 ፍልልይ

### 1.3.1 ኣብ ክፍልን ቤት ትምህርትን ኣብ መንጎ ተምሃሮ ዝርኣዩ ፍልልያት



*ስእሊ 1.4 ተምሃሮ ኣብ ሰዓት ዕረፍቲ*

- ንስእሊ 1.4 ብዝግባእ ኣስተውዕሉ:: ምስ ከፍ መባህልትኹም ኮይንኩም ኣብ ቤት ትምህርትኹምን ኣብ መንጎ ተምሃሮን ዝረኣዩ ፍልልያት ዘርዝሩ::
- ሓዴኹም ምስ ሓዴኹም እትመሳሰሉሎምን እትፈላለዩሎምን ሓሙሽተ ሓሙሽተ ባህርያት ዘርዝሩ።

ፍልልይ ማለት ብቐለም፣ ቆርበት፣ ብሃይማኖት፣ ብዕድመ፣ ብፆታ፣ ብመልክዕ፣ ብቑመት፣ ብኽእለትን ብዝመሳሰሉን ባህርያት ሓደ ምስቲ ካልእ ዘይመሳሰል ማለት እዩ። ገሊና ምስካልእ ዘመሳስሉና ብዙሓት ነገራት ኣለዉ፡፡ ብኣንጻሩ ድማ እንፈላለየሎም ብዙሓት ነገራት ኣለዉ።

እቲ ቀንዲ ቁምነገር ግና ካብ እንፈላለየሎም ነገራት እንመሳሰለሎም ነገራት ዝበዝሑ ምዃኖም ምፍላጥ እዩ። እቲ ካልእ ዝዓበየ ነገር ፍልልይ ግድን ኣድላዩ ምዃኑን ምርዳእ እዩ፡፡

ፍልልይ ምህላው መነባብሮናን ህይወትናን ብዝበለፀ ዘሕጉስን ፅቡቕን ዝገብር ምዃኑ ክንግንዘቦ ይግበኣና።



### መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ፍልልይ እንታይ ማለት እዩ?
2. ፍልልይና ፅባቐና እዩ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?

## 1.3.2 ፍልልይ ኣከኣኢልካ ብሰላም ምንባር

- ምስ መሓዝትኩም ወይ ምስሓውኩምን ሓፍትኹምን ኣብ ፃውቲ ወይ ኣብ እዋን ዝርርብ ምርድዳእ ስኢንኩም ዝተበኣስኩምሉ ግዘ ዘክሩ።
- ኣብ ጥቓኹም ንዘላ/ንዘሎ መማህርትኹም ተጓንፎኹም ተዛረቡ። ምኽንያት መበኣሲኹም እንታይ ከምዝነበረን ኣብ እዋን ባእስኹም እንታይ ከም ዝተፈጠረን ኣሕፂርኩም ተዛራብዎም፡፡

# ርግበን ፋጦን

ርግበን ፋጦን ኣዝየን ዝፋተዋ መሓዙት እየን። ስድራ ርግበ ሓረስቶት ክኾኑ ከለዉ ስድራ ፋጦ ግና ነጋዶ ኢዮም። ርግበን ፋጦን ኩሉሻዕ ኣብ ስዓት ዕረፍተን ዝተፈላለዩ ነገራት እናልዓላ ይዘራረባ። ሓደ ሓደ ግዘ ድማ ይካትዓ። ኮይኑ ግና ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ብኣፈላላይ ሓሳብ ዝተላዕለ ተባኢሰን ኣይፈልጣን።

እንተኾነ ይተኣማመና፣ እንተዘይኮነ ድማ ነቲ ዝተፈጠረ ፍልልይ ኣኽቢረንን ብፀጋ ተቐቢለንን ክትዐን ብሰላም ይዛዝመኣ።

ሓደ መዓልቲ ግና ርግበን ፋጦን ካብቲ ልሙድ ንእሽቶይ ፍልይ ዝበለ ነገር ገጠመን።

ንሱ' ውን ካብ ሓረስታይን ነጋዳይን ብዝበለፀ ንሃገር ዝጠቅም ኣየናይ ኢዩ? ዝብል ክትዕ ኣልዓላ። ርግበ ሓረስታይ ይበልፅ ክትብል ከላ ፋጦ ድማ ነጋዳይ እባ ይበልፅ በለት። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ክልቲኣን ኣብ ክትዐን ካብ ናይ ካልእ መዓልቲ ዝተፈለየ ኩነት የርእያ ነበራ። ድምፀን ዓዉ ኣቢለን ድማ ዋዕ ዋዕ ክብላ ጀመራ። ተረኣን ከይሓለዋ ዘዝመፀለን ሓሳብ ይዛረባ ብምንባረን ክደማመፃ ኣይከኣላን።

ድሕሪ ብዙሕ ጭቕጭቕ ግና ክልቲኣን ኩነታተን ኣግሪሙለን ሎምስ እንታይ ረኺበና? እንታይኢና ኮይንና? ኢለን ንዓርስን ሓተታ። ድሕሪ'ዚ ምኽንያት ዘይ ምድምማፀን እንታይ ከምዝኾነ ተረዲኣን። ምኽንያት ምርድዳእ ዘይካኣላሉ እውን ስድራ ርግበ ሓረስቶት ብምዃኖም ሓረስታይ ክበልፅ ብምድላይ፣ ፋጦ እውን ስድራኣ ነጋዶ ስለዝኾኑ ንነጋዳይ ኣዳልያ ብምክተዓ ከምዝኾነ ተረዲኣን። ብድሕሪ እዚ ዝፈፀመኦ ተግባር ግቡእ ከምዘይኮነን ከምዝተጋገያን ኣሚነን ብተግባረን ተጠዓሳ። ኣብ መወዳእታ ፍልልየን ኣልየን ሓረስታይ ኮነ ነጋዳይ ንዕብየት ሃገር ከምዝጠቕሙ ተኣማመና።

ሓረስታይ ብዘይ ነጋዳይ፣ ነጋዳይ እውን ብዘይ ሓረስታይ ውፅኢታዊ ክኾኑ ከምዘይኽእሉ ተገንዘባ። ምውዳእ ስዓት ዕረፍቲ ዘበስር ደወል ተደወለ። ርግበን ፋጦን ድማ ካብ ኮፍ ዝበላሉ ቦታ ተሲኣን ከም ወትረአን ተሓቛቑፈን ናብ ክፍለን ከዳ፡፡



## መልመዲ 5

### ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ርግበን ፋጦን ኣብ ጊዜ ክትዐን ኣብ ክንዲ ምድምማፅ ዋዕዋዕ ዝበላሉ ምኽንያት ንምንታይ እዩ?
2. ፍልልያት ኣካኣኢልካ ምስ ካልኦት ብሰላም ምንባር ዘድልየና ቀንዲ ነገር እንታይ እዩ?
3. ካብ ታሪኽ ርግበን ፋጦን ዝረኸብኩምዎ ትምህርቲ እንታይ እዩ?

ፍልልይ ኣካኣኢልካ ምስ ካልኦት ብሰላም ንምንባር ዘድልየና ቀንዲ ነገር ትዕግስትን ምድምማፅን እዩ። ሰባት ብተፈጥሮ ዝፈላለዩሎም ብዙሓት ነገራት ከምዘለው ተገንዚብና ኢና፡፡

ሰብ ኩሉ ነናይ ዓርሱ ኣተሓሳስባ፣ ኣረኣእያ፣ እምነት ኣለዎ፡፡ ዝኾነ ሰብ ሓሳበይ ኩሉ ግዘ ልክዕ እዩ፣ ናይ ካልእ ሰብ ሓሳብ ድማ ጌጋ እዩ ክብል ኣይኽእልን፡፡ ኣነ ዝበልኩዎ ጥራሕ ልክዕ ዝብል ነገር እንተመፂኡ ግና ሓቢርካ ብሰላም ምንባር ኣይከኣልን። ጐንፂ፣ ናዕብን፣ ህውከትን ይለዓል፡፡

ስለዚ ጎንፅን ናዕብን ከይለዓል ፍልልያት ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ብሰላም ንምንባር ዓቃልነትን ምድምማፅን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ፍልልይ ብፀጋ ምቕባልን ተኸኣኢልካ ብሰላም ንምንባርን ሓጋዚይ እዩ።

ፍልልይ ምኽባር ወይ'ውን ብፀጋ ተቐቢልካ እቶም ፍልልያት ኣከኣኢልካ ብሰላም ምንባር ማለት እምነቱ፣ ኣተሓሳስባኡ፣ መልክዑ፣ ዓሌቱ፣ ወዘተ ካብና ዝተፈልየ እንተኾነ'ኳ ናይ ዝኾነ ሰብ መሰል ምኽባርን ክብሩ ምሕላውን ማለት እዩ፡፡

ፍልልይ ወድሰብ ከም ጠቓሚ ሃፍቲ ቆፂርካ ምድናቕ፣ ዝኾነ ዓይነት ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ወዘተ ወድሰብ ፅቡቕን ጠቓምን ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎ ኣሚንካ ምቕባል እዩ፡፡ እዚ ንምግባር ምኽኣል ድማ ደቂ ሰባት ፍልልዮም ከምዘሎ ኮይኑ ብሰላምን ብፍቕርን ሓቢሮም ክነብሩ ይሕግዝ፡፡



## መልመዲ 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስዎም።*


1. ንወለድኹም ብምሕታት ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ ቤት ኣብ ክንዲ ብፀጋ ተቐቢልካ፣ ፍልልይ ኣፅቢብካ ብሰላም ምንባር ብዝተፈጥረ ፍልልይ ምክእኣል ጠፊኡ ባእስን ጎንፅን ዝተፈጠረሉ መንቀሊ ምኽንያትን ነቲ ባእስን ጎንፅን ንምህዳእ ዝተዋህቡ መፍትሕታትን ዝሓዘ ካብ ሓደ ገፅ ዘይበዝሕ ፅሑፍ ኣቕርቡ።
2. ካብዚ ተርእዮ ዝረኸብኩምዎ ትምህርቲ 'ውን ኣሕፂርኩም ንመምህርኩም ግለፁ።

## 1.4 ስርዓት መንግስቲ ኣብ ኢትዮጵያ

### 1.4.1 እንታይነትን ኣድላይነትን ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ



*ስእሊ 1.5 ናቹጣ መረፃ ጣብያ 01*




*ስእሊ 1.6 መሓውር /ቅርፂ/ ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ*

- ስእሊ 1.5 ሰባት እንታይ ክገብሩ ከለዉ የርኢ?
- ስእሊ 1.6 እንታይ የመልክት?
- መንግስቲ ዝብል ቃል ክትሰምዑ ከለኹም ናብ ኣእምሮኹም ዝመፅእ ሓሳብ እንታይ ከምዝኾነ ግለፁ፡፡

ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ህዝቢ ሓሳቡ ብነፃ ዝገልፀሉን ዝሳተፈሉን ዓይነት ኣመራርሓ መንግስቲ እዩ። ኣብ ኣመራርሓ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ኣብ ምምራፅን ተመራፃይ ኣብ ምኧንን ህዝቢ ቀንዲ ተሳታፋይ እዩ።

ብተወሳኺ ድማ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ንኣብነት ኣብ ልምዓት ከባቢ ብንጥፈት ይሳተፍ እዩ።

ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ህዝቢ ዝሳተፈሉ ስርዓት ስለዝኾነ ብዙሓት ረብሓታት ኣለዉዎ። ካብ መንጎ እቶም ረብሓታት እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ ይፅርሑ፡-

- መሰላትን ረብሓታትን ህዝቢታትን ካልኦትን ብኣግባቡ ክሕለው ይገብር፡፡
- ሰናይ ምምሕዳር የንግስ፣
- ህዝብታት ብሰላምን ብዝተረጋገአ መንፈስን ሰሪሖም ንኽነብሩ የኽእል ዕብየት ሃገር እውን የቀላጥፍ።



መልመዲ 7

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ እንታይ ዓይነት መንግስቲ እዩ?
2. ረብሓ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ዘርዝሩ።

## 1.4.2 እንታይነት ፌዴራላዊ መንግስቲ

- ንምኝኑ ትርጉም ፌዴራል ትፈልጡዶ? እስኪ ፌዴራል ዝብል ቃል ክትሰምዑ ከለኹም ናብ ኣእምሮኹም ዝመፅእ ሓሳብ እንታይ ከምዝኾነ ኣብ ወረቐት ፅሓፉ።
- ኣብ ወረቐት ዝፃሓፍኩምዎ ትርጉም ፌዴራል መቓምጦኹም ምስ ዝፃሓፎን/ ዝፀሓፎቶን ኣገናዝብዎ። ክንደየናይ ዝኣክል ተመሳሳሊ ወይ ዝተረሓሓቐ ትርጉም ከምዝሃብኩምዎ ተመያየጥሉ።

ፌዴራል ማለት ባዕሎም ንባዕሎም ዝመሓዳድሩ መንግስታት ክልል ሕብረት መስሪቶም ዝነብሩሉ ስርዓት መንግስቲ እዩ።

ኣብ ቅርፀ-መንግስቲ ፌዴራል ሓደ ማእከላይ መንግስቲ ዝመስረቱ ባዕሎም ንባዕሎም ዘመሓድሩ ብዙሓት መንግስታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ 9 ኣባል ክልል መንግስታት ኣለዉዎ።

ኣብ ፌዴራላዊ መሓውር ስርዓት መንግስቲ ስልጣን ኣብ ማእኸልን ኣብ ክልላትን ተሸንሺኑ ብሕጊ ዝተፈለየ እዩ። እቲ ማእኸላይ መንግስቲ፣ መንግስቲ ፌዴራል ዝብል ስያመ ክሕዝ ከሎ ብሕጊ ካብ ዝተዋህቦ ስልጣን ወፃኢ ኣብ ጉዳይ ክልላት ኢዱ ኣየ እቱን። መንግስታት ክልል እንትኾኑ እውን ብሕጊ ካብ ዝተውሃቦም ስልጣን ወፃኢ ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ፌዴራል ኢዶም ኣየእቱዉን፡፡




## መለመዲ 8

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም፡፡

1. ፌዴራል ዝብል ቃል ትርጉሙ ንስኻትኩም ምስ ዝሃብኩምዎ መልሲ ክንደየናይ ከምዝቀራረብ ኣነፃፅሩ።
2. ፌዴራል እንታይ ዓይነት ስርዓት መንግስቲ እዩ?

## 1.1.3 እንታይነት መንግስታት ክልል



*ስእሊ 1.7 ክልላት ኢትዮጵያ ዘርኢ ካርታ*

- ኢትዮጵያ ክንደይ መንግስታት ክልል ኣለዉዋ? ስም እቶም ክልላት ዘርዝሩ፡፡
- መንግስቲ ክልል እንታይ ማለት' ዩ?

ካብ መንግስቲ ፌዴራል ቀፂሉ ዝለዓለ መሓውር መንግስቲ ክልል'ዩ፡፡ ክልላት ኣሰፋፍራ ህዝቢ፣ ቋንቋ፣ መንነትን ድሌትን መሰረት ብምግባር ይመሓወሩ፡፡

ብመሰረት እዚ ኢትዮጵያ ኣብዚ እዋን'ዚ 9 መንግስታት ክልል ኣለውዋ፡፡ ንሳቶም'ውን እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡፡

1. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
2. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር
3. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራ
4. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያ
5. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ሱማል
6. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ቤኒሻንጉል ጉሙዝ
7. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ
8. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ህዝብታት ጋምቤላ
9. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ህዝቢ ሃረሪ'ዩም፡፡



**መልመዲ 9**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም፡፡*

1. እንታይነት መንግስቲ ክልል ግለፁ፡፡
2. ስም እትነብሩሉ ክልልን ምስ ክልልኩም መዳወብቲ ዝኾኑ ክልላትን ፅርሑ፡፡

### 1.4.4 እንታይነት ምምሕዳር ከተማ




*ስእሊ 1.8 ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ከተማ መቐለ*

- ምምሕዳር ከተማ ማለት እንታይ ማለት 'ዩ?

በብክልሉ ዓርሶም ብዓርሶም ንኽመሓድሩ ኣፍልጦ ዝተወሃቦም ከተማታት ኣለዉ፡፡ እዞም ከተማታት ኣብያተ ምኽሪ ምምሕዳር ከተማታት ኣለዉዎም፡፡ እዞም ኣብያተ ምኽሪ ነቲ ከተማ ብዝምልከት ኣካላት መዉፃእቲ ሕጊ እዮም፡፡ በዞም ኣብያተ ምኽሪ ዝተመረፁን ናይቶም ከተማታት ዕለታዊ ስራሕቲ ዘፈፅሙን ከንቲባታት ኣለውዎም፡፡ ንኣብነት ከተማ ኣዲስ አበባ ናይ ዓርሳ ምምሕዳርን ከንቲባን ኣለዋ፡፡



## መልመዲ 10

**ነዚ ዝስዕብ ሕቶ መልሱ፡፡**

1. ኣብ ከባቢኹም ምምሕዳር ከተማ ኣሎ ዶ? እንተሃልዩ እቲ ምምሕዳር ብመን ከምዝምራሕ ኣብ ክፍሊ ተመያየጥሉ፡፡

## 1.5 ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ

### 15.1 እንታይነት ርክብ ወፃእን ፖሊሲ ርክብ ወፃእን




*ስእሊ 1.9 ኢትዮጵያን ጐረባብታን*

- ኣብቲ ካርታ እትርእዩወን ዘለኹም ጐረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ መን መን'የን?

- ኢትዮጵያ ምስ ጐረባብታ ብምንታይን ብምንታይን ጉዳያት ርክብ ከምእትገብር ትፈልጡ ዶ?

ርክብ ወፃኢ ክበሃል ከሎ ሓንቲ ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት ብዝተፈላለዩ ጉዳያት (ብኢኮኖሚ፣ ብፖለቲካን ብዝመሳሰሉን) እትፈጥሮ ምሕዝነታዊ ምትእስሳር'ዩ፡

ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ማለት ድማ መንግስቲ ሓደ ሃገር ምስ ካልኦት መንግስታት ሃገራት ዝገብሮ ርክብ እንታይ ክመስል ከምዝለዎ ዘመልክት ሓፈሻዊ መምርሒ'ዩ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሃገራት ብሰላም፣ ብምክብባርን ብፅቡቕ ጉርብትናን ተሰማሚዕኻ ሓቢርካ ምንባር 'ዩ።



መልመዲ11

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ርክብ ወፃኢ ማለት እንታይ ማለት 'ዩ?
2. ዕላማ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ እንታይ'ዩ?

## መጠቓለሊ

ስልጣን ወይ ኣመራርሓ ናይ ህዝቢ ዝኾነሉ ስርዓት ምምሕዳር ዴሞክራሲ ይበሃል፡፡ ኣሰራርሓ ዴሞክራሲ ኣብ ዘለዎ ምምሕዳር ህዝቢ ኣብ ዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ውሳነ ህዝቢ ብንጥፈት ይሳተፍ፡፡

ሰብኣዊ መሰል ማለት ሰባት ሰብ ብምዃኖም ዝረኽብዎ መሰል'ዩ፡፡ ንኣብነት መሰል ብህይወት ምንባር እቲ ሓደ ሰብኣዊ መሰል'ዩ፡፡ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ድማ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝነብሩ ውልቀ ሰባት ኮነ ህዝብታት ኣባላት'ቲ ስርዓት ብምዃኖም ዝህልውዎም ብሕጊ ዝተደንገጉ መሰላት'ዮም፡፡ ንኣብነት መሰል ምውዳብ ሓደ ዴሞክራሲያዊ መሰል'ዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ብመሰላቱ ንኽጥቀም ግቡኡ ክዋፃእ ከምዘለዎ ብዝግባእ ምፍላጥን ተግባራዊ ምግባርን ይግብኦ፡፡

ፍልልይ ማለት ብቐለም ቆርበት፣ ብሃይማኖት፣ ብዕድመ፣ ብፆታ፣ ብኸእለት ኮነ ብኻልእ ነገር ሓደ ምስ ካልእ ሓደ ዓይነት ዘይምኻን ማለት 'ዩ፡፡

ኣብ ሕብረተሰብ ፍልልይ ምህላዉ ዘይተርፍን ኣድላዪን እዩ፡፡ ሰባት በዚ ፍልልይ ዝመፀ ነናይ ባዕሎም ኣተሓሳስባን እምነትን ኣለዎም፡፡
ይኹን'ምበር ፍልልይ ብፀጋ ተቐቢልካን ተኸኣኢልካን ብሰላም ምንባር ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ፍልልይ እንተሃለወና' ውን ስምዒት ካልኦት ብምቕባልን ብምኽባርን ተሓጋጊዝካ ሓቢርካ ንምንባር ይጠቅም፡፡ ኣፈላላይ ብፀጋ ምቕባልን ኣከኣኢልካ ብሰላም ምንባርን ማለት እምነቱ፣ መልክዑ፣ ዓሌቱ ወዘተ ካባና ዝተፈለየ እንተኾነውን መሰል ዝኾነ ሰብ ምኽባርን ክብሩ ምሕላውን ማለት'ዩ፡፡

ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ፡- ማለት ኩሉ ህዝቢ ዝሳተፈሉን ምምሕዳር መንግስቲ'ዩ፡፡ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ መሰላትን ረብሓታትን ህዝብታትን ብዝግባእ ኣብ ርእሲ ምሕላው ሰናይ ምምሕዳር የዕስል፡፡ ህዝብታት ብሰላምን ብቕሱን መንፈስን ሰሪሖም ንኽነብሩ ይሕግዝ'ዩ፡፡

ፌዴራል ማለት፡- ዝተፈላለዩ ባዕሎም ንባዕሎም ዘመሓዳድሩ መንግስታት ብሕብረት ዝነብሩሉ ስርዓት መንግስቲ'ዩ፡፡ ክልላት ዝመሓወሩ ብኣሰፋፍራ ህዝቢ፣ ብቋንቋ፣ ብመንነትን ድሌትን ህዝብታት መሰረት ብምግባር እዩ፡፡ ብመሰረት'ዚ ኢትዮጵያ ኣብዚ እዋን'ዚ ትሸዓተ መንግስታት ክልልን ክልተ ምምሕዳር ከተማታትን ኣሎዋ፡፡

ርክብ ወፃኢ፡- ማለት ሓደ ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት ብዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝፈጥሮ ዝምድና'ዩ፡፡ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ማለት ድማ መንግስቲ ሓንቲ ሃገር ምስ መንግስታት ካልኦት ሃገራት ዝገብሮ ርክብ እንታይ ክመስል ከምዘሎዎ ዘመልክት ሓፈሻዊ መምርሒ'ዩ፡፡ ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሃገራት ብሰላም፣ ብምክብባርን ብፅቡቕ ጉርብትና ተሰማሚዕኻ ሓቢርካ ምንባርን እዩ፡፡

# ኣገደስቲ ቃላት

**ዴሞክራሲ፡-** ምምሕዳር ህዝቢ።

**ስልጣን፡-** ሓደ ተግባር ንምፍፃም ፍቓድ መሰልን ሕግን ምርካብ።

**መሰል፡-** ንወድሰብ ብሕጊ ክግበረሉ ዝግባእ ዝኾነ ጥቕሙን ድሌቱን ንምግላፅ እንጥቀመሉ ቃል'ዩ፡፡

**ሰብኣዊ መሰል፡-** ሰባት ሰብ ብምኻኖም ዝህልዎም መሰል 'ዩ፡፡

**ዴሞክራሲያዊ መሰል፡-** ውልቀ ሰባት ኮኑ ህዝብታት ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ብምህላዎም ዝረኽብዎ መሰል፡፡

**ፌዴራል፡-** ባዕሎም ንባዕሎም ዝመሓዳድሩ ዝተፈላለዩ መንግስታት ክልል ብሓባር ዝነብሩሉ ስርዓት መንግስቲ 'ዩ፡፡

**መንግስቲ፡-** ስልጣን ህዝቢ ብውክልና ወሲዱ ሃገር ዝመርሕ ዝላዓለ ፖለቲካዊ ኣካል'ዩ።

**ርክብ ወፃኢ፡-** ሓደ ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት ኣብ ዙርያ ዝተፈላለዩ ውራያት (ብምጣነ ሃፍቲ፣ ብፖለቲካን ብዝመሳሰሉ) ዝፈጥሮ ዝምድና እዩ፡፡

**ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ፡-** ሓደ መንግስቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ዝህልዎ ርክብ ዝካይደሉ ሓፈሻዊ መምርሒ'ዩ፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኾኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱዎ፡፡

1. ዴሞክራሲ ስልጣን ወይ ኣመራርሓ ናይ ህዝቢ ዝኾነሉ ኣመሓዳድራ እዩ።
2. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ህዝቢ ንባዕሉ ዝምልከት ውሳነ ኣብ ዝህበሉ ግዘ ኣብ ከይዲ እቲ ኣወሃህባ ውሳነ ተሳታፋይ ይኸውን፡፡
3. ዴሞክራሲያዊ መሰል ሰባት ሰብ ብምዃኖም ጥራሕ ዝህልዎም መሰል እዩ።
4. ሰብኣዊ መሰል ውልቀ ሰባት ኮኑ ህዝብታት ብስርዓት ዴሞክራሲ ዝምርሑ ብምዃኖም ዝህልዎም መሰል ነፃነት እዩ።
5. ፍልልይ ብሕብሪ ቆርበት፣ ብሃይማኖት፣ ብመልክዕ፣ ብኽእለትን ብዝመሳሰሉን ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳላይ ዘይምዃን ማለት እዩ።

## II. ኣብ ትሕቲ ፊደል "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ክሰማማዕ ዝኽእል ኣብ ትሕቲ ፊደል "ለ" ካብ ዘለዉ እናመረፅኩም ኣዛምዱዎም፡፡

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ፍልልይ እንተሃለወና 'ውን ስምዒት ካልኦት ምርዳእን ምኽባርን | ሀ. ዴሞክራሲ |
| 2. ኩሉ ህዝቢ ዝካፈለሉን ዝሳተፈሉን ኣመራርሓ | ለ. ርክብ ወፃኢ |
| 3. ሓደ ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት ኣብ ዙርያ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝፈጥሮ ዝምድና | ሐ. ፌዴራል |
| 4. ስልጣን ካብ ህዝቢ ብውክልና ወሲዱ ሃገር ዘመሓድር ኣካል | መ. ምክእኣል |
| | ረ. መንግስቲ |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታት ብቕኑዕ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡዎም፡፡

1. ፍልልይካ ኣከኣኢልካ ምስ ካልኦት ብሰላም ንምንባር ዘድልየና ቁልፊ ነገር __________ እዩ።
2. ዝተፈላለዩ ባዕሎም ንባዕሎም ዘመሓድሩ መንግስታት ብሕብረት ዝነብሩሉ ስርዓት መንግስቲ ________ ይበሃል፡፡
3. ንወዲ ሰብ ብሕጊ ሓለዋ ክግበረሉ ንዝግባእ ዝኾነ ዓይነት ጥቕሙን ድሌቱን ንምግላፅ እንጥቀመሉ ቃል ___________ ተባሂሉ ይፍለጥ።

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ሕረዩ።

1. ተፀዋዕነቱ ንመንግስቲ ፌዴራል ኮይኑ ባዕሉ ንባዕሉ ዘመሓዳድር ከተማ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ባህርዳር    ሐ. መቐለ

   ለ. ድሬዳዋ    መ. መልሲ ኣይተውሃበን

2. ባዕሉ ንባዕሉ ናይ ምምሕዳር ስልጣን ዘለዎን ርእሰ ከተማ መንግስቲ ፌዴራል ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ኣዲስ ኣባበ    ለ. ድሬዳዋ    ሐ. መቐለ    መ. ባህርዳር

3. መፍለይ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ምኽባር መሰላት ሰባት

   ለ. ምኽባር ዴሞክራሲያዊ መሰላት

   ሐ. ምክእኣል፣ ምድምማፅን ምክብባርን

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም

4. መግለፂ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. መራሕቲ ህዝቢ ባዕሉ ህዝቢ ዝመረፆም እዮም

   ለ. መራሕቲ ስልጣን ብሓይሊ ዝሓዙ እዮም

   ሐ. ህዝቢ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ብንጥፈት ይሳተፍ

   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

5. ብሰላምን ብፍቕርን ሓቢርካ ንምንባር ዝጠቅም ኣየናይ እዩ?

ሀ. ንኣፈላላይ ከም ጠቓሚ ሃፍቲ ጌርካ ምድናቕ

ለ. ኩሉ ዓይነት ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ዓሌት ወድሰብ ወዘተ ፅቡቕን ጠቓምን ኣስተዋፅኦ ከምዘሎዎ ምእማን

ሐ. ሓደ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ዓሌት ወዘተ ካብ ካልእ ዝሓሸ ከምዝኾነ ጌርካ ምእማን

መ. "ሀ"ን"ለን"

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ሃቡ፡፡

1. እንታይነት ዴሞክራሲ ግለፁ::
2. ኣብ ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ክኽበሩ ዘሎዎም መሰላት ጥቐሱ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ

## ልዕልነት ሕጊ


### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፤

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስ ወዳእኹም፡-

- እንታይነትን ረብሓን ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግንዘቡ፣
- ልዕልነት ሕጊ ንምንታይ ከምዘድሊ ትርድኡ፣
- ሕግታትን ደንብታትን ቤት ትምህርቲ ንምንታይ ከምዘድልዩ ትፈልጡ፤

## 2.1 ሕገ መንግስቲ እንታይ እዩ?

- ሕገ መንግስቲ ክበሃል ሰሚዕኹም ትፈልጡ'ዶ?
- ሕገ መንግስቲ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?




*ስእሊ 2.2 ሕገ መንግስቲ*

ሕገ መንግስቲ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን፣ ምጣነ ሃፍታውን መትከላት ሓደ ሃገር ተደንጊጎም ዝግለፅሉ ሰነድ እዩ። ብኻልእ ኣገላልፃ ሕገ መንግስቲ መሰረታዊ ነፃነታትን መሰላትን ዜጋታት ዝሰፍራሉ ሰነድ ኢዩ። ብተወሳኺ'ውን ሕገ መንግስቲ ስርዓት ምምሕዳር፣ ጉዳያት ኢኮኖምን ማሕበራውን ሓንቲ ሃገር ዘመላኸት እዩ። ሕገ መንግስቲ ዝለዓለ ሕጊ ሓንቲ ሃገር እንትኾን ስልጣን መንግስቲ'ውን እንተኾነ ካብዚ እዩ ዝፍልፍል።

ንኻልኦት ሕግታት እታ ሃገር እውን መሰረቶም ሕገ መንግስቲ እዩ። ዝኾነ ሕግን ኣሰራርሓን ድማ ምስ'ዚ ሕጊ እዚ ዝስማማዕ ክኸውን ይግብኦ። እንተዘይኮይኑ ኣብ ተግባር ክውዕል ኣይኽእልን፡፡

ኢትዮጵያውን ናይ ባዕላ ሕገ መንግስቲ ኣለዋ። ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ኣመሓዋውራ ዝኽተል ምኳኑን፣ ብሄራት፣ ብሄረሳበትን ህዝብታትን ሰብዋና ስልጣን ምኻኖምን ይድንግግ።



መልመዲ 1

ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡


1. ሕገ መንግስቲ እንታይ እዩ?

## 2.1.1 ኣድላይነት ሕገ መንግስቲ

- ሕገ መንግስቲ ንምንታይ የድሊ ትብሉ?

ሕገ መንግስቲ ሓንቲ ሃገር ንዜጋታት ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለዎ። ንኣብነት ዝኣክል ዜጋታት ብመሰሎም ክርብሑን ሓላፍነቶም ክዋዕኡን ይገብር። መንግሰቲ እውን ዘለዉዎ ግቡኣትን ሓላፍነታትን ተገንዚቡ ክሰርሕ ይገብር። ብፍላይ ድማ ዴሞክራሲያዊ ሕገ መንግስቲ ዜጋታት ፈትዮምን ኣሚኖምን ብዝመረፁዎም ተወከልቶም ኣቢሎም ክመሓደሩ ይገብር።

## 2.1.2 ሕገ መንግስታት ክልል




- ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ካብ ዘሎ ቻርት እንታይ ትግንዘቡ?

ብደረጃ ፌዴራል ዝዳሎ ሕገ መንግስቲ ላዕላዋይ ሕጊ እታ ሃገር ኮይኑ ዘገልግል እዩ ከምዝበልና ዝዝከር እዩ። ክልላትውን ዓርሶም ንምምሕዳር ዘኽእሎም ነናይ ባዕሎም ሕገ መንግስቲ ኣለዎም።

ሕገ መንግስቲ ክልላት ንሕገ መንግስቲ ፌዴራል መሰረት ጌሮም እዮም ዝዳለዉ። ይኹን እምበር ሕገ መንግስቲ ሕድሕድ ክልል ጭቡጥ ኩነታት እቲ ክልል ኣገናዚቡን ጠመተ ሂቡን ዝዳሎ እዩ።



## መልመዲ 2

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ::**

1. ሕጊ እንታይ እዩ? ንምንታይ ዕላማ'ኸ ይዳሎ?
2. ሕገ መንግስቲ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
3. ሓደ ሃገር ሕገ መንግስቲ ንምንታይ የድልዮ?
4. ክልላት ነናይ ዓርሶም ሕገ መንግስቲ ክህልዎም ንምንታይ ኣድለየ?

### 2.1.3 ካልኦት ሕግታትን ደንብታትን፣

- ሕጊ ንምንታይ ዕላማ እዩ ዝወፅእ?
- ካብ ሕገ መንግስቲ ወፃኢ ካልኦት ሕግታት ክህልዉ ዝኽእሉ ብምንታይ ኲነታት'ዩ?

ካብ ሕገ መንግስቲ ወፃኢ ካልኦት ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሒታትን ኣለው:: ዝዳለዉ'ውን ርእሲ ኲሉ ንዝኾነ ሕገ መንግስቲ መሰረት ብምግባር እዩ:: ዕላማታት ሕጊ ካብ ዝበሃሉ እዞም ዝስዕቡ እቶም ቀንዲ እዮም።

- መሰረታዊ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ክኽበሩ ምግባር
- ፍትሓውነትን ማዕርነትን ምዕሳል
- ጐንፅታትን ዘይምርድዳእን ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ
- ሰላምን ምርግጋእን ምዕሳል::

### 2.1.4 ስሪታት ቤት ትምህርቲ



ስእሊ 2.1 ብስርዓትን ስሪትን ዝምራሕ መምሃሪ ክፍሊ




ስእሊ 2.2 ብስርዓትን ደንብን ዘይምራሕ መምሃሪ ክፍሊ

- ካብ ስእሊ “2.1”ን ስእሊ “2.2”ን እንታይ ትርድኡ?
- ኣበየናይ ክፍሊ ዝካየድ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እዩ ውፅኢታዊ ክኸውን ዝኽእል?
- ንስኻትኩም እትሓርዩዎ ኣበየናይ ክፍሊ ዝካየድ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እዩ? ንምንታይ?

ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ኣድላይነት ምህላው ደንቢ ካብ መንነ ዘረጋግፁ ብዙሓት ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

- ስርዓት ዘለዎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ንምግባር፣
- ኣብ መንነ ተምሃሮ ማዕርነት ንምዕሳል፣
- ግዜ ብግቡእ ንምጥቃም፣
- ግድፈት ስነ-ስርዓት ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን፣
- ኣመራርሓን ኣሰራርሓን እቲ ቤት ትምህርቲ ዝተመዓራረየ ንምግባር … ወዘተ::

ብኻልእ ገፅ እዚ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ስርዓት ዘኽብር ደንቢ እንተዘይሃልዩ መሰል ተምሃሮ ኣይኽበርን፣ ብዙሓት ግድፈታት ስነ-ስርዓት ይፍጠሩ፣ ብኽነት ግዜ ይፍጠር፣ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እውን ውፅኢታዊ ኣይኸውንን።



## መልመዲ 3

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው ደንቢ ንምንታይ ኣድለየ?
2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕግን ደንብን እንተዘይህሊ እንታይ ዓይነት ፀገም ምተፈጠረ?

## 2.2 ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን

### 2.2.1 እንታይነት ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን

- ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን እንታይ ማለት እዩ?

ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን ማለት ዝኾነ ዜጋ ንሰበ ስልጣን ሓዊሱ ሕጊ ልዕሊ ኹሉ ከምዝኾነ ምቕባል ከምዝግበኦም ዘመልክት እዩ። እዚ ድማ ሕጊ ንኹሉ ሰብ ከምዝገዝእን ኩሉ ሰብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምዃኑን የረጋግፅ። ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ልዕልነት ሕጊ ከም ዓንዲ ኮይኑ ዘገልግል መትከል እዩ።



መልመዲ 4

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ኮይንኩም ምስ ተመያየጥኩም ሓፂር ፅብፃብ ብፅሑፍ ኣቕርቡ?*

1. ልዕልነት ሕጊ እንታይ ማለት እዩ?
2. ልዕልነት ሕጊ ንምንታይ ኣድለየ?

### 2.2.2 ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን ንምታይ የድሊ?

- ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን ዘድለየሉ ምኽንያታት እንታይ እዮም?

ዜጋታት ብሰላምን ታሕጓስን ንኽነብሩ ልዕልነት ሕጊ የድሊ። ልዕልነት ሕጊ መሰል ዜጋታት ብዝኾነ ኣካል ከይገሃስ ውሕስነት ይህብ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምኽባር ልዕልነት ሕጊ መራሕቲ እቲ ቤት ትምህርቲ፣ መምህራን ኮኑ ተምሃሮ ስርሖም ካብ ሕጊ ወፃኢ ከይፍፅሙ ይገብሮም። መሰል ተምሃሮ እውን ብዝኾነ ኣካል ከይገሃስ ይገብር።

ኣብ ሓደ ሃገር ሕጊ ልዕልነት ረኺቡ እንተዘይሰሪሑን ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን እንተዘይሃልዩ፡-

- ዓቕመ ድኹማት፣ ህፃናት፣ ሰብፀጋ - ዕድመ፣ ሕሙማት ወዘተ ብብዙሕ ፀገማት ተጠቃዕቲ ይኾኑ።
- ምዕማፅ፣ መሰል ህፃናት ዘይምኽባር፣ ንብረት ሰብ ምምንዛዕ፣ ሰብ ምቕታል፣ ወዘተ ከጋጥም ይኽእል።

- ብሓይሎም ዝተኣማሙኑ ይበዝሑ፣ ድኹማት ይጥቕዑ፣ ሕጊ ኣልቦነት ይበራኸት፣ ሰላም ይጠፍእ፣ ፀጥታ ይዝረግ።

## መረረት ኣይተ መረሳ

ኣብ "ምዕባለ ብስራሕ" ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ብዙሕ ንብረት ተምሃሮ ጠፊኡ ኣሎ። በብኽፍሉ ንብረት ዘይጠፍኦ ተምሃራይ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ሰለስተ ተምሃሮ ደቂ ኣይተ መረሳ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ይመሃሩ እዮም። ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ ካብ ቦርሳ ሰለስቲኦም ደቆም ኩሉሻዕ ኣቕሑ ይስረቖም እዩ፡፡ ኣይተ መረሳ በዚ ኩነታት እዚ ብጣዕሚ ስለዝሓረቑ ናብ ቢሮ እቲ ርእሰ መምህር ኣትዮም "ንምኳኑ እዚ ቤት ትምህርቲ ሕጊ የብሉን ድዩ?" ወይስ እቲ ሕጊ ኣይኸበርን ዘሎ? ነቶም ተምሃሮ'ኸ ኣይትቆፃፀሩዎምን ዲኹም? እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ንምታይ መፍረዪ ገበነኛታት ኮይኑ?" ብምባል ሕቶኦም ኣማሪሮም ኣቕረቡ።

በዚ ምኽንያት ኣብዚ ሕማቕ ተግባር ተዋፊሮም ይኾኑ እዮም ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ተምሃሮ ቦርሶኦም ክፍተሽ ተገይሩ፡፡ ኩሩቤል ዝተብሃለ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ ድማ ቦርስኡ ምስ ተፈተሸ ናይ ዝተወሰኑ ተምሃሮ ኣቕሑ ተረኺቡዎ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣቦኡ ሒዙ ክመፅእ ተጌሩ። ምስ ተመርመረ ከዓ ክመይ ገይሩ ይሰርቕ ከምዝነበረ ሓቂ ክዛረብ ክኢሉ።

ነዚ ተግባር ስርቂ ይፍፅም ዝነበረ'ውን ተግባር ጅግንነት ስለዝመሰሎ ምንባሩ ጠቒሱ ይቕረታ ሓተተ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ዳሕራይ ከምዚ ዝበለ ጌጋ ከይፍፅም ብመጠንቀቕታ ይቕረታ ተገበረሉ።

ካብኡ ንዳሓር ግና መብዛሕቶም ተምሃሮ ናውቲ ትምህርቶም ክጠፍኣና ኢዩ ዝብል ጥርጣረ ብምእላይ ሃዲኦም ክመሃሩ ጀመሩ።



**መልመዲ 5**

**ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ናታትኩም ቤት ትምህርቲ ምስ እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ክተወዳድሩዎ ከለኹም ብዓይኒ ምኽባር ስነ-ስርዓት ኣብ ከመይ ዝበለ ብርኪ ይርከብ?
2. ኣይተ መረሳ "እዚ ቤት ትምህርቲ ሕጊ'ዶ የብሉን እዩ? ወይ ከዓ ሕጊ ኣይኽበርን?" ኢሎም ዝሓተቱ እንታይ ማለቶም እዮም?
3. ባህርይ ኩሩቤል ከመይ ትርእዩዎ? ተመያየጥሉ።

## 2.2.3 እንታይነት ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኳን

- ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኳን ማለት ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ ከይተገብረ ኩሎም ሰባት ብሕጊ ማዕረ ዝዳነይሉ ስርዓት ምህላው ማለት እዩ።

እዚ እንትንብል እንተለና ኩሎም ዜጋታት ንዝፍፅሙዎ ጥፍኣት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ተሓተትቲ ይኾኑ ማለት እዩ።

ብሰላምን ብምክብባርን ንምንባር ሕጊ የድሊ። ሕጊ ድማ ንኹሉ ብማዕረ ዓይኒ ይርኢ። ስለዚ ድማ ተምሃሮን ካልኦት ኣባላት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ብዛዕባ ልዕልነት ሕጊ ብዕሊ ክፈልጡ ይግብኦም። ልዕልነት ሕጊ ንክኽበርን ሕጊ ብዝግባእ ኣብ ተግባር ንኽውዕልን ሓገዝ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ የድሊ፡፡ ከምኡ ድማ ኣብ ኣመራርሓ ዘለዉ ሰባት ደገፍን ክትትልን ይሓትት።



## መልመዲ 6

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ልዕልነት ሕጊ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ንዕልነት ሕጊ ተገዛኣይ ምዃን ንምንታይ የድሊ?
3. ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም ክባሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?
4. ሕጊ ላዕለዋይ ኮይኑ እንተዘይሰሪሑ እንታይ ይፍጠር?

## 2.3 ስነ-ምግባር

### 2.3.1 ስነ ምግባር እንታይ እዩ?

- ብስድራኹም ተመስጊንኩም ወይ ድማ ተነቒፍኩም ዶ ትፈልጡ? እንታይ ክትሰርሑ ከለኹም ኢኹም እትምስገኑ?

**ስነ-ምግባር**

- ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ባህርይ መለክዒ እዩ::
- ሓደ ሓሳብ ወይ ተግባር ተቐባልነት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ፅቡቕ ወይ ሕማቕ፣ ልክዕ ወይ ጌጋ ምዃኑ ዝግለፀሉ እዩ፡፡
- ዘመስግኑና ተግባራት ክንፍፅም ከለና ፅብቕ ስነ-ምግባር፣ ዘንቅፍ እንተኾይኑ ድማ ሕማቕ ስነ-ምግባር ኣርኢና ማለት እዩ፡፡



*ስእሊ 2.3 ሰናይ ስድራ ቤት መሰረት ፅብቕ ስነ-ምግባር እዩ፡፡*

*/ፍልፍል ኮሚሽን ፌደራል ስነ- ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን/*

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም?

ብደረጃ ስድራቤት ክንፍፅሞም ካብ ዝግብኡና መግለፅታት ቅኑዕ ስነ-ምግባር እቶም ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፣-

1. ኣዶን ኣቦን ምኽባር

- ኣዶን ኣቦን ክዛረቡናን ክመኽሩናን ከለዉ ምኽሮም ብትዕግስቲ ሰሚዕና ብተግባር ምትርጓም፣
- ዓቕሚ ስድራ ቤት ተረዲእኻ ድሌትካ ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ምግላፅ፣
- ኣዶን ኣቦን ካብ ደገ ኣብ ዝኣትዉሉ ግዘ ተላዒልካ ብኽብሪ ምቕባል፣
- ዓቕሚ ብዝኸኣሎ ኣብ ስራሕ እናተሳተፍካ ንስድራኻ ምሕጋዝ ወዘተ፡፡

2. ንዝዓብየካ ምኽባር

- ምስ ሕድሕድ ኣባል ስድራቤት ምክብባርን ምፍቕቓርን
- ብዕድመ ልዕል ንዝበሉ ኣባላት ስድራ ግቡእ ክብሪ ምሃብ
- ንሓው፣ ንሓፍቲ ኮነ ንኻልኦት ኣባላት ስድራቤት ምኽባር፣ ምፍቃር ወዘተ፡፡

3. ሓላፍነት ብግቡእ ምፍፃም

- ውልቀ ፅሬት ምሕላው (ኩል ግዘ ኢድ፣ ገፅ፣ እግርን፣ ፀጉርን፣ ምሕፃብ፣ ፅሬት ሰብነትካ ምሕላው፣ ፅፍሪ ምቑራፅ፣ ክዳን ምሕፃብ፣ ኣብ ሓመድ ወይ ኣብ ረሳሕ ቦታ ኮፍ ዘይምባል፣ ወዘተ)
- ትምህርቲ ብስርዓት ምክትታል (ዕዮ ገዛ ምስራሕ፣ ምፅናዕ፣ ዘይበርሃልካ ነገር ምሕታት፣ መምህራን ምኽባር፣ ነንሕድሕድካ ምምህሃር ወዘተ)



## መልመዲ 7


*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ስነ-ምግባር እንታይ እዩ?
2. ብደረጃ ስደራቤት ዝግበር ፅቡቕ ስነ-ምግባር ብዝምልከት ኣብዚ ትምህርቲ ካብ ዝተገለፁ ወፃኢ ምኽባር ኣዶን ኣቦን፣ ንዓብይ ምኽባርን ክንክን ውልቀ ፅሬትን ኣመልኪቱ ሰለስተ ኣብነታት ኣቕርቡ፡፡

## 2.4 ስልጣን

### 2.4.1 እንታይነት ስልጣን

- ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ መን እዩ?




*ስእሊ 2.4 መሓውር ቤት ት/ቲ*

ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ወይ ቤት ትምህርቲ ንኻልኦት ሰባት ናይ ምእዛዝ፣ ምትሕብባርን ምምራሕን ሓላፍነት ዝተወሃቦም ሰባት እንታይ እንታይ ስራሕቲ ምስራሕ ከምዝኽእሉ ዘመልክት መሓውር ስልጣን ይበሃል።

## 2.4.2 እንታይነትን ረብሓን ደረት ስልጣን

- ኣብ ስልጣን ደረት ምግባር ዘሎዎ ረብሓ እንታይ እዩ?

ኣቦን ኣዶን ንደቆም ይጠቅም ብዝብሉዎ መንገዲ ስድራቤቶም ክመርሑ ስልጣን ኣለዎም። ርእሳነ መምህራን እውን ከምኡ ንመምህራንን ተምሃሮን ዘመሓድሩሉ ስልጣን ኣሎዎም። ኣሕሉቕ ክፍሊ እውን እንተኾኑ ፀጥታን ድሕንነትን ክፍሎም ናይምሕላው ሓላፍነት ኣሎዎም:: ይኹን እምበር ስልጣኖም ከምድሌቶም ክጥቀሙሉ ኣይኽእሉን። ስልጣን ሓደ ሰብ ሚዛናዊ ክኸውን ይግብኦ። ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ዝዓዘዘ ሓላፍነትን ስልጣንን ኣለዎ። መምህርን ርእስ መምህርን ማዕረ ስልጣን የብሎምን። ምኽንያቱ እቲ ርእሰ መምህር ነቲ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ብዙሕ ሓላፍነት ስለዘሎዎ ነዚ ንኸፍፅም ዝኽእል ብቑዕ ስልጣን ኣሎዎ።

ሕድሕድ ሓላፍነት ዘሎዎ ሰብ ስልጣኑ ብግቡእ ክጥቀመሉ ትፅቢት ይግበረሉ እዩ።

ስልጣኑ ብግቡእ እንተዘይተጠቐመሉ ግን ደረት ስልጣኑ ሓሊፉ ይበሃል። ብምኽንያት እዚ ድማ ልዕልነት ሕጊ ይጠሓስ። እዚ ድማ ንዜጋታት ኣብ ጉድኣት ዘብፅሕ ክኸውን ከሎ ነቲ ፈፃሚ ኣካል ብሕጊ ተሓታታይ ንክኸውን ይገብሮ።



## መልመዲ 8

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።**

1. ስልጣን እንታይ እዩ?
2. ኣብ ስልጣን ደረት ምግባር ንምንታይ ይጠቅም?
3. ሓለቓ ክፍሊ ደረት ዘይብሉ ሙሉእ ስልጣን እንተዝወሃቦ እንታይ ዓይነት ኩነት ክስዕብ ይኽእል?
4. ሓደ መምህር ደረት ስልጣን ከይተገበረሉ ተምሃሮኡ ምቕፃዕ እንተዝኽእልሞ እንታይ ጉድኣት ክስዕብ ይኽእል?

## 2.5 ምስጢር

### 2.5.1 ውልቀ ምስጢር

- ውልቀ ምስጢር ዝባሃል እንታይ ዓይነት ምስጢር እ'ዩ?

### ምብኻን ምስጢር

በዓል ቤት ወይዘሮ ቀለሚ ኣይተ ዘመድኩን በዓልቲ ቤቱ ምስጢር ምዕቓራን ዘይምዕቓራን ክፍትና ደልዩ ሓደ ብልሓት ፈጠረ። እቲ ዝነገራ ምስጢር ድማ ንዝኾነ ሰብ ከይትነግር ቃል ኣእቲ'ዩ "ሎሚ ለይቲ እንቛቑሖ ኣውዲቐ" ኢሉ ሓድሽ እንቛቑሖ ኣርኣያ። ወይዘሮ ቀለሚ ድማ ንፅባሒቱ ንሓንቲ ዓርካ ቃል ኣእቲያ "በዓል ቤተይ እኮ ክልተ እንቛቑሖ ኣውዲቑ" ኢላ ተዛረበታ። ንሳ ድማ ተቐቢላ ንሓንቲ ዓርካ ቃል ኣእትያ "ሰብኣይ እኽለ'ኮ ሰለስተ እንቛቑሖ ኣውዲቑ" ኢላ ነገረታ፡፡ እቲ ወረ ብኽምዚ መልክዕ እናተጋፈሐ ስለዝኸደ ኣይተ ዘመድኩን ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ መዛረቢ ኮነ። ኣብ መወዳእታ እቲ ወረ ኣብ እዝኒ ኣይተ ዘመድኩን በፅሐ።

ኣይተ ዘመድኩን ድማ ነቲ ወረ ምስ ሰምዐ "ባዕለይ ብዘምፃእኹዎ ሽግር ከቢረ ኣብ ዝነበርኩሉ ሰፈር ተዋሪደ" ኢሉ ንባዕሉ ከማርር ጀመረ። ንበዓልቲ ቤቱ ፀዊዑ ድማ ንምንታይ ደኣ ምስጢረይ ተውፅእለይ? እንቛቑሖ እተውድቕ ደርሆ እምበር ሰብ ኣይኮነን" ኢሉ ንበዓልቲ ቤቱ ወቐሰ። ምስጢር ተባሂሉ ዝዝረበካ ነገር ሃፂፅካ ንኻልእ ሰብ ምዝራብ ንፀገም ከምዘቓልዕ እውን ኣረድኣ። ከቢሩ ኣብ ዝነበረሉ

ሰፈር ከም ዘዋረደቶ ድማ ገለፀላ። ድሕሪ እዚ ኣብ መንነ ኣይተ ዘመድኩንን ወይዘሮ ቀለሚን ምትእምማን ዝበሃል ብምጥፍኡ ካብ ግዘኡም ሰላም ጠፍአ። /ፍልፍል ኣባባ ተስፋየና ተረቶቻቸው ካብ ዝብል ቀዳማይ መፅሓፍ/ ዝተወሰደ

ምስጢር ተባሂሉ ዝዝረበካ ነገር ሸኩልካ ንኻልእ ምዝራብ ንሽግር ዘቓልዕ እዩ።



### መልመዲ 9

ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም።

1. ኣይተ ዘመድኩን ውልቀ ምስጢር ብምውፅኡ ዝበፅሖ ሽግር እንታይ እዩ?
2. ኣይተ ዘመድኩን ውልቀ ምሽጥሩ ክፅቅብ ነይሩዎ ወይስ ኣይነበሮን? ንምንታይ?

ውልቀ ምስጢር ሰባት ኣብ ህይወቶም ንዝኾነ ሰብ ከይነገሩ ዝሕዝዎ ጉዳይ እዩ። እቲ ምስጢር እንተተጋሂዱ ኣብ ባዕሉ ወይ እውን ኣብ ካልኦት መዘዝ የስዕብ እዩ።

ብምኽንያት እዚ ድማ ምስጢር ተባሂሉ ዝተነገረ ነገር ብጥንቃቐ ዓቂብካ ምሓዝ ዝግባእ ይኸውን።

ምስጢር ብሓደ ጥራሕ ወይ ኣብ መንነ ኣዕርኽቲ ወይ ድማ ብደረጃ ስድራ ቤት ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብ መንነ ንዝተፈላለዩ ዕላማታት ዝተወደቡ ሰባት ንኻልእ ከይተሓላለፈ ተሓልዩ ዝተሓዘ ጉዳይ እዩ። ካብ ሓደ ናብ ካልእ ዝመሓላለፍ መረዳእታታት ኣብቲ ተዛራባይ ወይ ኣብቲ ሰማዒ ጉድኣት ዘስዕቡ ምኽኒያም እንተተገሚቱ ወይ እንተተረጋጊፁ እቲ ጉዳይ ሓቢእኻ ናይ ምሓዝ ሜላ ምስጢር ይበሃል።

ምስጢር ምሕላው መልክዒ ፅቡቕ ስነምግባርን ተኣማንነት እዩ፡፡ ምስጢር፣ ምስጢር ውልቀ፣ ምስጢር ስድራቤት፣ ምስጢር ዓርኪ፣ ምስጢር ህዝብን ሃገርን ኢልካ መቑልካ ምርኣይ ይካኣል፡፡

ምስጢር ምሕላው መለክዒ ሰናይ ስነ ምግብር'ዩ፡፡



**መልመዲ 10**

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ውልቀ ምስጢር ዘይምዕቛር ዘስዕቦ ፀገም እንታይ እዩ?
2. ምስጢር ምሕላው መግለፂ ፅቡቕ ስነ-ምግባር እዩ ዝበሃል ንምንታይ እዩ?

## 2.6 ግዕዝይና

### 2.6.1 ግዕዝይና እንታይ እዩ?

- ምቕዳሕ ፅቡቕ ድዩ ወይስ ነውሪ ንምንታይ?
- ግዕዝይና ንምክልኻል ግደ መምህራንን ተምሃሮን እንታይ ክኸውን ኣለዎ?

ግዕዝይና ሓደ ሰብ ዘይረሃፀሉን ዘይግብኦን ረብሓ ንምርካብ ዝፍፀሞ ተግባር እዩ።

ግዕዝይና ስልጣንካ ብምጥቃም ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ውልቀ ረብሓ ንምርካብ ዝፍፀም ተግባር እዩ። ግዕዝይና ቦታ ከይዓገቶ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክፍፀም ዝኽእል ተግባር ጥሕሰት ሕጊ እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ እውን ግዕዝይና ብዝተፈላለየ ኣካላት ክፍፀም ይክእል እዩ። ብተምሃሮ ካብ ዝፍፀሙ መግለፅታት ግዕዝይና እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ'ዮም።

- ዕዮ ገዛ ወይ ፈተና ኣብ ክንዲ ባዕልኻ ምስራሕ ካብ ካልኦት ምቕዳሕ ወይ ምግልባጥ፣
- ንብረት ካልእ ተምሃራይ ምስራቕ፣
- ንብረት ቤት ትምህርቲ ብጥንቓቐ ዘይምሓዝ ወይ ምውሳድ፣

- ናብ ቤት ትምህርቲ ደንጒኻ ምምፃእ ወይ ድማ ጊዜ ፋዱስ ከይኣኸለ ኣቐዲምካ ምውፃእ ወዘተ...

ብመምህራን ካብ መንጎ ዝፍፀሙ መግለፅታት ግዕዝይና እቶም ውሱናት፣-

- ንተምሃሮ ብማዕረ ዓይኒ ዘይምርኣይ ወይ ኣድልዎ ምግባር፣
- ፍትሓዊ ብዘይኮነ መንገዲ ንተምሃራይ/ሪት ነጥቢ ምውሳኽ ወይ ምጉዳል ፣
- ንብረት ቤት ትምህርቲ ብጥንቓቐ ዘይምሓዝን ምብኻንን፣
- ክፍለ ግዘ ትምህርቲ ብግቡእ መንገዲ ዘይምጥቃም፣
- ንስርዓትን ደንብን ቤት ትምህርቲ ተገዛኣይ ዘይምኻን ወዘተ  ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም፡፡



መልመዲ 11

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም።*

1. መግለፅታት ግዕዝይና ዘርዝሩ፡፡
2. ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝፍፀሙ ዓይነታት ግዕዝይና ጥቐሱ፡፡

## 2.6.2 ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርትን መንበርን ዝፍፀሙ ተግባራት ግዕዝይና

- ኣብ ከባቢኹም ዝተፈፀሙ ተግባራት ግዕዝይና ኣለዉ ዶ? እንተሃሊዮም  እንታይ እንታይ እዮም?

## ኣድማስ ግዕዝይና

መምህር ዓይናለም መኽበሪት ሰዓትን ዘምህረኦ ትምህርቲ ብዝግባእ እናተዳለዋ ዝመፃን መምህር ነይረን። ድሕሪ ጊዜ ግና እዚ ንጥፈተን እናቐነሳ መፂአን።

ኣርፈድካ ናብ ክፍሊ ምእታው፣ ቀልጢፍካ ካብ ክፍሊ ምውፃእን ከዘውትራ ጀሚረን። ብዝግባእ ምስትምሃር እውን ሓዲገንኦ። ዘዳልወኦ ፈተና ከም ፈተና ካልኦት መምህራን ግልፂ ኣይኮነን። ካልኦት መምህራን ወረቐት ፈተና ክምልሱ ከለዉ ንሰን ኣይምልሳን። ንኹሉ ተምሃራይ ካብ ሰማንያ ነጥቢ ንላዕሊ ብምሃብ ዝተፈለጣ እየን። ብሓፈሻ እተን መምህር ባህርያት መግለፂ ግዕዝይና ይረኣየን እዩ።



## መልመዲ 12

**ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ፀገም መምህር ኣይናለም እንታይ ከምዝኾነ ብዝርዝር ግለፁ፡፡
2. እተን መምህር ነዚ ባህሪኣን ከመሓይሻ እንታይ ዓይነት ርኢቶ ትህብወን?
3. እተን መምህር ነዚ ባህሪኣን እንተዘይኣመሓይሸን ኣብቶም ተምሃሮ ዝፍጠር ፀገም እንታይ እዩ?

ኣብ ከባቢ መንበሪ ግዕዝይና ዝፍፀመሎም ዝተፈላለዩ መንገድታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ኣብ ከባቢ መንበሪኹም ወፍሪ ፅርየት ዝካየድ እንተኾይኑ ኩሉ ነባራይ እቲ ከባቢ ኣብቲ ምንቅስቓስ ወፍሪ ፅርየት ክሳተፍ ትፅቢት ይግበረሉ እዩ። እንተኾነ ግና መተሓባበሪ ነቲ ወፍሪ ፅርየት ካልኦት ሰባት ክሳተፉ ከለዉ ስድራ ቤቱ ከይሳተፉ እንተተገይሩ እዚ እውን መግለፂ ግዕዝይና እዩ፡፡

ምኽንያቱ ድማ ካብ ካልኦት ብዝተፈለየ መንገዲ ንኣባላት ስድራቤቱ ዝጠቅም ተግባር ፈፂሙ እዩ። ከምኡ ድማ ኣብ እትነብሩሉ ጣብያ እቲ ምምሕዳር ዝተፈላለዩ ጉቦታት ብምቕባል ሓደ ነገር ንዓኻትኩም ወይ ንወለድኹም እንተ ፈፂሙ እዚ እውን ተግባር ግዕዝይና 'ዩ። ብኻልእ ገፅ ድማ ጉቦ እንተዘይሂብኩምኒ ብምባል ሓላፊ ጣብያ ንወለዱኹም ወይ ድማ ንስኻትኩም ዝግበኣኩም መሰል እንተኸልኪልኩም እዚ መግለፂ ግዕዝይና እዩ። ብዘይካ' ዚ ንስኻትኩም ዝኾነ ፀወታ ኣብ እትፃወትሉ ግዘ ነቲ ፀወታ ንዝመርሕ ዳኛ ጥቕሚ ብምሃብ ነቲ ፀወታ እንተስዒርኩም ብግዕዝይና ዝተረኸበ ውፅኢት እዩ።

## ግዕዝይና ዘስዕቦም ጉድኣታት፣

- ኣሰራርሓ ኣድልዎ ክዓስል ይገብር፣
- ኣብ መንጎ ተምሃሮ ዘይምርድዳእ ይፈጥር፣
- ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ምስተምሃሮን ወለድን ክረሓሓቕ ይገብር፣
- ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክመዛበል ይገብር፣
- ሕማቕ ስነ-ምግባር ክዓስል የተባብዕ፣ ወዘተ፡፡



## መልመዲ 13

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ብተምሃሮ ክፍፀሙ ዝኽእሉ መግለፂ ግዕዝይና ዘርዝሩ?
2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝፍፀም ግዕዝይና ዘስዕቦ ጉድኣት እንታይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ሕገ መንግስቲ እቲ ዝለዓለ ሕጊ ሓንቲ ሃገር ክኸውን ከሎ፣ ዝኾነ ሕግን ኣሰራርሓን ምስዚ ሕጊ'እዚ ዝተገናዘበ ክኸውን ይግብኦ። ሕገ መንግስቲ ዜጋታት ብመሰሎም ክጥቀሙን ሓላፍነቶም ንኽፍፅሙን ይሕግዝ፡፡ ሕገ መንግስቲ ክልላት ንሕገ መንግስቲ ፌዴራል መሰረት ገይረን ምስ ጭቡጥ ኩነታት ክልላት ብዘገናዘበ ኩነታትን የዳልዋ።

ካብ ሕገ መንግስቲ ወፃኢ'ውን ብዙሓት ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን ኣለዉ። እዚኣቶም ዝዳለዉ ነቲ ሕገ መንግስቲ መሰረት ጌሮም እዮም፡፡ ካብ እዚኣቶም ሓደ ደንቢ ቤት ትምህርቲ እዩ። ደንቢ ቤት ትምህርቲ ስርዓት ዘለዎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምዕሳል ይጠቅም እዩ።

ኣብ ዝኾነ ክፋል ሕብረተሰብ ሕጊ ልዕሊ ኹሉ ምኻኑ ኣሚንካ ምቕባል ልዕልነት ሕጊ ይበሃል። ኣብ ሓንቲ ሃገር ሕጊ ልዕልነት ረኺቡ እንተዘይሰሪሑን ንልዕልነት ሕጊ ድማ ምግዛእ እንተዘይሃልዩን ድኹማት ዓቕሚ፣ ህፃናት፣ ሽማግለታት፣ ሕሙማት፣ ውሑዳት ክፋል ሕብረተሰብ ፀገም ክገጥሞም ይኽእል እዩ።

ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ ከይተገብረ ኩሎም ሰባት ብሕጊ ዝዳነዩሉ ስርዓት እንተሃልዩ ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኮይኖም ኣለዉ ማለት እዩ።

ስልጣን ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ወይ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ሓላፍነት ንኣልኦት ሰባት ንምምራሕን ንምትሕብባርን ዝተቐመጡ ሰባት እንታይ እንታይ ተግባራት ክምዝፍፅሙ ይገልፅ፡፡ ብተወሳኺ ከመይ ንዝበሉ ነገራት ውሳነ ክህቡ ከምዝኽእሉ የመልክት።

ምስጢር ብሓደ ሰብ ጥራሕ ወይ ኣብ መንጎ መሓዙት ወይ ብደረጃ ስድራቤት ወይ ተመሳሳሊ ዕላማ ሃልዩዎም ብዝተወደቡ ሰባት ተሓልዩ ናብ ካልእ ሰብ ከይሓልፍ ዝተሓዝ ጉዳይ እዩ። ውልቀ ምስጢር ዝበሃል ሰባት ብእምነት ንዝኾነ ሰብ ከይቀልዑ ዝዓቐኑዎ ጉዳይ እዩ።

ግዕዝይና ሓደ ሰብ ዘይደኸመሉን ዘይግብኦን ጥቕሚ ንባዕሉ ንምግባር ዝፍፅሞ ተግባር እዩ። ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ እውን ብተምሃሮን ብመምህራንን ዝፍፀሙ መግለፅታት ግዕዝይና ኣለዉ።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሕገ መንግስቲ፡-** ሓደ መንግስትን ህዝብን ክስዕብዎ ዝግባእ ድንጉግን መሰረታውን ዝኾነ ሰነድ ሕጊ 'ዩ።

**ሕጊ፡-** ንሕገ መንግስቲ መሰረት ዝገበሩ እኩብ ደንብታትን መምርሕታትን እዮም።

**ስነ-ምግባር፡-** ባህሪ ሰባት ዝቆፃፀር ወይ ኣብ ባህሪ ሰባት ፅዕንቶ ዘሕድር፣ ሓደ ሕብረተሰብ ቅቡል ዝገበሮ መለክዒ ትኽክለኛን ትኽክል ዘይኮነን ባህሪ እዩ።

**ምስጢር፡-** ብሓደ ሰብ ጥራሕ ወይ ኣብ መንጎ ውሑዳት ሰባት ካብ ካልኦት ተሓቢኡ ዝተሓዝ ጉዳይ እዩ።

**ሰነድ፡-** ውሳነ ዝዓረፎ መዝገብ እዩ።

**ምድንጋግ /ሕጊ ምቛም/፡-** ምውሳን፣ ምእዋጅ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

### I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ጌጋ ንዝኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡

1. ኢትዮጵያ እትመሓደረሉ ናይ ዓርሳ ዝኾነ ሕገ መንግስቲ የብላን።
2. ልዕልነት ሕጊ ንሰበ ስልጣን ኣይምልከትን።
3. ሕጊ ልዕልነት ረኺቡ እንተዘይ ሰሪሑ ፀገም ዝገጥሞም ክፋል ሕብረተሰብ ኣለዉ።
4. ንስልጣን ርእሰ መምህር ደረት ኣይግበረሉን፡፡
5. ዕዮ ገዛ ኮነ ፈተና ካብ ካልኦት ምቕዳሕ ግዕዝይና ኣይኮነን፡፡
6. ምስጢር ምሕላው መለክዒ ሰናይ ስነ-ምግባርን ተኣማንነትን እዩ።

### II. ኣብትሕቲ ፊደል "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ዝሰማማዕ መልሲ ኣብ ትሕቲ ፊደል "ለ" ካብ ዘለዉ እናመረፅኩም ኣዛምዱዎም

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ብሓደ ሰብ ወይ ኣብ መንጎ ውሑዳት ሰባት ጥራሕ ተዓቂቡ ዝተሓዝ ጉዳይ | ሀ) ሕገ መንግስቲ |
| | ለ) ግዕዝይና |
| 2. ላዕለዋይ ሕጊ ሓንቲ ሃገር | ሐ) ስነ-ምግባር |
| 3. ንሕገ መንግስቲ መሰረት ዝገበረ ግቡእ ዘለዎ እኩብ ደንብታትን መምርሕታትን | መ) ምስጢር |
| | ረ) ሕጊ |
| 4. ሓደ ሰብ ዘይረሃፀሉን ዘይግብኦን ረብሓ ንምርካብ ዝፍፀም ተግባር | |
| 5. ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ባህርይ ዝዕቀነሉ | |

### III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡

1. ካብዞም ዝስዕቡ መግረፅታት ኣድላይነት ሕገ መንግስቲ ዘመልክት ኣየናይ እዩ?

   ሀ) ዜጋታት ብመሰሎም ክጥቀሙ ይገብር

   ለ) ዜጋታት ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ይገብር

ሐ) መንግስቲ ዘለዉዎ ግቡኣት ክፍፅም ይገብር

መ) ኩሎም መልሲ እዮም

2. ካብዞም ዝስዕቡ ዕላማ ሕጊ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ) ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት

ለ) ምዕሳል ፍትሓውነት

ሐ) ምጥንኻር ግርጭታት

መ) ምዕሳል ሰላም

3. ብዛዕባ ግዕዝይና ሓቂ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ) ተግባር ስሰዐ እዩ

ለ) ዘይግባእ ረብሓ ምቕባል እዩ

ሐ) ሕጋዊ ብዘይኮነ ኣገባብ ውልቀ ረብሓ ምድላብ እዩ

መ) ኩሎም መልሲ እዮም

4. ሰባት ክሳብ ዕለተ ሞቶም ንዝኾነ ሰብ ከይነገሩ ዝሕዝዎ ጉዳይ ------------ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ሀ) ምስጢር ቤተሰብ

ለ) ምስጢር ዓርኪ

ሐ) ምስጢር ሃገር

መ) ውልቀ ምስጢር

## IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ሓፀርቲ መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ብመምህራን ክፍፀሙ ዝኽእሉ ሰለስተ መግለፅታት ግዕዝይና ሓብሩ።
2. ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ደንቢ ዘድልየሉ ሰለስተ ምኽንያታት ግለፁ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ማዕርነት

### ዕላማታት ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ:-

እዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም:-

- እንታይነት ማዕርነት ትፈልጡ፡፡
- ኩሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ዜጋታት ኢ.ትዮጵያ ዘለውዎም ቀንዲ መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተጠቃምነትን ትግንዘቡ፡፡
- እንታይነት ጉዱኣት ኣካል ትፈልጡ፡፡

## 3.1 እንታይነት ማዕርነት

- ማዕርነት ዝብል ቃል መጀመርታ እንትትሰምዑ ናብ ኣእምሮ'ኹም ዝመፅእ ሓሳብ እንታይ እዩ?

ማዕርነት ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዉ ሰባት ብውልቀ ኮነ ብሓባር ብተመሳሳሊ ኩነታት ክረኽቡዎ ዝግባእ መሰልን ጥቕምን እዩ፡፡ ብኻልእ መልክዕ ማዕርነት ሰባት ብተመሳሳሊ ብርኪ ክዋፅኡዎ ዝግባእ ሓላፍነት እውን ዘጠቓልል እዩ፡፡

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝኾነ ዜጋ ብዘይ ኣፈላላይ ክረኽቦ ዝግባእ መሰልን ጥቕምን ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ሓደ ሰብ፣ ሰብ ስለዝኾነ ጥራሕ መሰሉ ከም ካልኦት ማዕረ ክኸበረሉ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ንዝተዋፈሩ ሰባት ተመሳሳሊ ረብሓ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፡፡

ማዕርነት ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኩሎም ዜጋታት ብውልቀ ኮነ ብሓባር ክረኽቡዎ ዝግባእ ማዕረ መሰልን ሓላፍነትን እዩ፡፡ ማዕርነት ብዘርኢ፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋን ብካልኦትን ኣፈላለይ ከይተገበረ ክኸበር ዝግብኦ መሰል እዩ፡፡



## መልመዲ 1

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ማዕርነት ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ስድራኹም ማዕርነት ከመይ ይግለፅ? ኣብነት እናቕረብኩም ኣረድኡ፡፡

## 3.2 መሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን




*ስእሊ 3.1 ኢትዮጵያ ሃገር ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እያ፡፡*

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም?
- ኣብ ከባቢኹም ዝነብሩ ስም ኣባላት ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ጥራዝኹም ዘርዝሩ፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 80 ንላዕሊ ዝኾኑ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብሓባር ይነብሩ፡፡ እቲ ሓደ ካብቲ ካሊእ ዘይነኣኣሱ ኩሎም ማዕረን እዮም፡፡ መግለፂ ማዕርነቶም ድማ ባዕሎም ንባዕሎም ምምሕዳሮም፣ መሰል ብቋንቋኦም ምጥቃሞም፣ ባህሎም ምምዕባልን ሃይማኖቶም ምስፍሕፋሕን ብተግባር ምትርጓሞም ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም፡፡



መልመዲ 2

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣብ ክፍልኹም ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ናይ ዝመፁ መሓዙትኩም መሰላት ምኽባር እንታይ ረብሓ ኣሎዎ?
2. ኣብ ከባቢኹም ዝነበሩ ህዝብታት ዝተኸበሩሎም መሰላት ማዕርነት ኣብ ዝገልፁ ጉዳያት ተመያየጡ፡፡

### 3.2.1 መሰል ዓርሰ ምምሕዳር

- ዓርሰ ምምሕዳር ማለት እንታይ ማለት እዩ?

## ህዝቢ ኣገው

ህዝቢ ኣገው ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ ብሄረሰባት ሓደ እዩ፡፡ እዚ ህዝቢ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ብሄራዊ ክልል ኣምሓራ ዋግኽምራን ኣዊ'ን ኣብ ዝተባህሉ ዞባታት ብበዝሒ ይርከብ፡፡ ኣብ ከባቢኡ ምስ ዝርከቡ ካልኦት ብሄረሰባት ብማዕርነትን ብምክብባርን ይነብር፡፡ ህዝቢ ኣገው ናይ ባዕሉ ዝኾነ ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ኣለዎ፡፡

ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ብምርጭኡን ብድሌቱን ዓርሱ ኣብ ምምሕዳር ይርከብ፡፡ ኣብ ሕገ መንግስቲ እታ ሃገር ብዝተደንገገ መሰረት ኣብ ቤት ምኽሪ እታ ሃገርን ኣብ ቤት ምኽሪ እቲ ክልልን ብዝመረፆም፡፡ ሰባት ውክልና ረኺቡ ኣሎ፡፡ ብዝተደንገገን መሰረት'ውን ብሄረሰብ ኣገው ዓርሱ ብምምሕዳር መሰል ማዕርነቱ ኣብ ምጥቃም ይርከብ፡፡ እዚ ድማ ከባቢኡ ንከልምዕን መሰል ህዝቢ ክኽበር ንምግባር ጠቒሙዎ ኣሎ፡፡



## መልመዲ 3

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።

1. መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝህቦ ጥቕሚ እንታይ እዩ?
2. ህዝቢ ኣገው ኣብ ከባቢኡ ምስዝርከቡ ካልኦት ብሄረሰባት ብኸመይ መልክዕ ይነብር ኣሎ?

### 3.2.2 መሰል ብቋንቋኻ ምጥቃም

- ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝዝረቡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት እትፈልጡዎም ዘርዝሩ።
- ኣብ ከባቢኹም ቋንቋ ስራሕ መንግስቲ እንታይ እዩ?

ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኩሎም ቋንቋታት ሓደ ካብቲ ካሊእ ከይተበላለፁ ብመረዳድኣይነቶም ማዕረ እዮም። ኩሎም ቋንቋ ንዝጥቀሙሎም ህዝብታት መግለፂ መንነቶምን መንፀባረቒ ባህሎምን እዮም። ህፃናት መፍትሒ ኣፍ ቋንቋኦም ካብ ስድራኦም ካብ፣ ዝተወለዱሉ ከባብን ሕብረተሰብን ክመሃሩ ይኽእሉ።

መሰል ብቋንቋኻ ምጥቃም ክንብል ከለና ድማ ብቋንቋኻ ምዝራብ፣ ምፅሓፍን ቋንቋኻ ምዕባይን ከምኡ'ውን ንትምህርቲ ንስራሕ ምጥቃም ዘጠቓልል እዩ።



## መልመዲ 4

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. መሰል ብቋንቋኻ ምጥቓም ክባሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?
2. ብቋንቋኻ ምጥቃም ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?

### 3.2.3 መሰል ምርካብ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ

- መሰል ምርካብ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰሎም ብሕገ መንግስቲ ዝተኸበረ እዩ። እዚ መሰል እዚ ንጓል ኣንስተይቲ ኮነ

ንወዲ ተባዕታይ፣ ንነበርቲ ከተማ ይኹን ንነበርቲ ገፀር፣ ብዘይ ሓደ ኣፈላላይ ብማዕረ ደረጃ ተግባራዊ ይኸውን ኣሎ፡፡ ኣድልዎኣዊ ኣሰራርሓ ክውገድ እንተሎ ትምህርቲ ንኹሉ ብማዕረ እንትባፃሕን ሃገርና ቅልጡፍ ዕቤት ምምዝጋብ ክትቅፅል እያ፡፡ ዜጋታት እውን ማዕረ ናይ ምምሃር መሰሎም እንትኸበር ሃገራዊ ስምዒቶም ክብ ይብል፡፡ እዚ ድማ ንዕቤት እታ ሃገር ወሳናይ ይኸውን፡፡



መልመዲ 5

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. መሰል ማዕረ ዕድል ምርካብ ትምህርቲ ብምንታይ ይግለፅ?
2. ምኽባር መሰል ማዕረ ምምሃር ዜጋታት ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?

## 3.2.4 መሰል ምርካብ ማዕረ ዕድል ስራሕ

- መሰል ምርካብ ማዕረ ዕድል ስራሕ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ዝኾነ ሰብ ብዘለዎ ፍልጠትን ሞያን ማዕረ ዕድል ስራሕ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡፡ ዕድል ስራሕ ንምርካብ ብፆታ፣ ብብሄርን ብሄረሰብን፣ ብሃይማኖትን ኣፈላላይ ኣይግበርን፡፡ ሓደ ሰብ ማዕረ ክእለትን ልምድን እንተሃልዩዎ ምስ ካልኦት ብማዕረ ተወዳዲሩ ኣብ ስራሕ ተቖፂሩ ክሰርሕ ይኽእል እዩ፡፡

መሰል ኣብ ስራሕ ምቑፃርን ምስራሕን ብምኽንያት ዝምድና፣ ፍልጠን ብጥቕማ ጥቕምን ወዘተ ክተኣጓጎል የብሉን፡፡



መልመዲ 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ማዕረ ዕድል ምርካብ ስራሕ ክባሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?
2. ምኽባር መሰል ማዕረ ዕድል ኣብ ምርካብ ስራሕ ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?

## 3.3 መሰል ማዕርነት ኣብ ቤት ትምህርቲ


- ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዎም ማዕርነት ዘርዝሩ፡፡

### ቤት ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ደንጐሎ

ቤት ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ደንጐሎ ኣብ ወረዳ ወርዒ ለኸ ዝርከብ እዩ፡፡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምምስራት ፓርላማ ተምሃሮ ስለዘድለየ ከካብ ክፍሊ ተወከልቲ ተምሃሮ ተሓርዮም ኣኼባ ተኻየደ፡፡ ኣብቲ ኣኼባ ፈለማ ርእሰ መምህር እቲ ቤት ትምህርቲ ዘረባ ምስ ኣስምዑ ካብ መንጎ እቶም ተምሃሮ ነቲ መረፃ ዘፈፅም ኮሚቴ ተመሪፁ ተመስረተ፡፡ እቲ ኮሚቴ ኣባላት ፓርላማ ተምሃሮ ንምምራፅ ነዚ ዝስዕብ መምርሒ ኣዳለወ፡፡

ትሕዝቶ እቲ መምርሒ "ኣብቲ መረፃ ምስታፍ ዝኽእሉ ኣወዳትን ምንም ዓይነት ጉድኣት ኣካል ዘይብሎምን ምኻን ኣሎዎም ዝብል ነበረ፡፡ ተምሃሮ ግና ነቲ መምርሒ ብትረት ኰነኑዎ፡፡ እቲ ኮሚቴ ድማ ነቲ ጉዳይ ከም ብሓድሽ መርሚሩ ካልእ መምርሒ ክወፅእ ብዓብላሊ ድምፂ ተወሰነ፡፡ ብመሰረት እዚ ድማ እቲ ዝተመሓየሸ መምርሒ ከምዚ ይብል፡፡

ዝኾነ ተምሃራይ እዚ ቤት ትምህርቲ ንኣባልነት ፓርላማ ተምሃሮ ብሕፁይነት ምቕራብን ምውድዳርን ይኽእል፡፡ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝቐረበ መምርሒ ድማ ሓሙሽተ ኣባላት ዝሓዘ ፓርላማ ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ ተመስረተ።



ስእሊ 3.2 ተምሃሮ ኣብ ክይዲ መረፃ ፓርላማ ተምሃሮ



## መልመዲ 7

### ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብቲ ከይዲ መረፃ በቲ ዘምርፅ ኮሚቴ መረፃ ዝተንፀባረቑ ኣድልኣዊ ኣተሓሳስባታት እንታይ ነይሮም? ንምንታይ?
2. “ኣኳላትን ጉዱኣት ኣካልን ኣብ ኣባልነት ኣመራርሓ ተምሃሮ ክሳተፉ ኣይኽእሉን”፡፡ ዝብል ኣተሓሳስባ ትኽክል ድዩ? ንምንታይ?
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፓርላማ ተምሃሮ ኣሎዶ? ክንደይ ኣዋልድ ተምሃሮ ኣብ መሪሕነት ይርከባ?

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብፆታ፣ ብቐለም፣ ብሃይማኖትን ብኻልኦት ኲነታትን መድልዎ ዘይግበረሉ ኣሰራርሓ ምህላው ምኽባር መሰላት ማዕርነት ዝገልፅ እዩ፡፡ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ክኽበሩ ካብ ዝግቦኦም መሰላት ዝኾነ ተምሃራይ ዘይተረደኦ ሕቶ ናይ ምሕታት፣ ንዝሓተቶ ሕቶ መልሲ ናይ ምሃብ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ክለባት ናይ ምስታፍ፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ሓሳብ ናይ ምሃብ፣ ብንብረት እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምጥቃምን ዝመሳሰሉን ይጥቀሱ፡፡

ይኹን እምበር ዝኾነ ተምሃራይ ምስ መሰላቱ ጐናጐኒ ግቡኡውን ብኣግባቡ ክፍፅም ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ ንኣብነት ሕግን ደንብን እቲ ቤት ትምህርቲ ምፍላጥን ምኽባርን፣ ኣብ ክፍሊ ኮነ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ንኻልኦት መርኣያ ኮይኑ ምርካብን ዕዮታት ገዛን ክፍልን ኣብ ግቡእ ግዘ ምውዳእን ይጥቀሱ፡፡



## መልመዲ 8

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ክኽበሩልኩም ዝግብኦ መሰላት ግለፁ፡፡
2. ክትፍፅሙዎም ዝግብኡኹም ግቡኣት እንታይ እንታይ እዮም?

## 3.4 ማዕርነት ፆታ

### 3.4.1 ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብዅሉ ዘፈር

ስእሊ 3.3 ኣደን ውላድን ኣብ ስራሕ ክለዉ

- ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን እንታይ ማለት እዩ?
- ብመሰረት እቲ ስእሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ምስ ወዲ ተባዕታይ ማዕረ ክሰርሓ ይኽእላ እየን ኣብ ዝብል ሓሳብ ትሰማምዑ'ዶ?

## ናብራ ወይዘሮ ለታይ

ኣምልሻን ከድርን ተምሃሮ ሓምሻይ ክፍሊ እዮም፡፡ ሓደ እዋን ወይዘሮ ለታይ ንዝተባህላ ኣደ ከምዚ ዝስዕብ ቃለ መሕትት ገይሮምለን ነይሮም፡፡ ንስኻትኩም ድማ ነዚ ቃለ መሕትት ተኸታተሉ፡፡

ኣምልሻ:- ኣበይ ተወሊድክን ዓቢኽን?

ወ/ሮ ለታይ:- ተወሊደ ዝዓበኹሉ ወልቃይት ኣብ ዝበሃል ቦታ እዩ፡፡

ከድር:- ከም መጠን ኣደ እንታይ ዓይነት ስራሕቲ ትሰርሓ?

ወ/ሮ ለታይ:- መብዛሕቱ ስራሕ ገዛ ማለት ቆልዑ ምሕብሓብ፣ ገዛ ምፅራይ፣ ምግቢ ምድላውን ዝመሳሰሉን እሰርሕ::

ኣምልሻ፡- እዚ ስራሕ ኣብ እትሰርሓሉ ግዘ ዘጋጥመክን ፀገማት እንተሃሊዩም እንተትነግራና?

ወ/ሮ ለታይ:- ደቀየ! ቅድም ክብል እቲ ዝነበረ ዓብዪ ፀገም ስራሕ ገዛ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ተገይሩ ይውሰድ ምንባሩ'ዩ፡፡ ሎሚ'ውን እዚ ኣረኣእያ 'ዚ ምሉእ ብምሉእ ገና ኣይተቐረፈን፡፡

ከድር:- ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ስራሕ ገዛ ኣይሳተፉን ማለት ድዩ?

ወ/ሮ ለታይ:- እወ! መብዛሕትኡ ስራሕ ገዛ እንሰርሖ ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ኢና፡፡

ኣምልሻ:- ተግባር ደቂ ተባዕትዮ እንታይ'ዩ?

ወ/ሮለታይ:- ስድራይ ብዝምልከት፣ እንመሓዳደር ብስራሕቲ ግብርና'ዩ፡፡ ኮይኑ ግን በዓል ገዛይን ደቂ ተባዕትዮ ደቀይን ኣብ ስራሕ ገዛ ብዙሕ ኣይ ሳተፉን፡፡

ከድር:- ኣብ ከባቢኹም ደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ስራሕን ከቢድ ሓላፍነትን ኣለወን ማለት ድዩ?

ወ/ሮ ለታይ:- እወ! ስራሕ ጓል ኣንስተይቲ ብዙሕ'ዩ፡፡ ንመራሒ ስድራ ድማ ስራሕ ሓግዘኒ ኢልካ ምሕታት ብዙሕ ኣይተለመደን፡፡

ኣምልሻ:- እዚ ኩነት'ዚ ከመይ ጌርካ ምስተኸኻል ዝከኣል ይመስለክን?

ወ/ሮ ለታይ:- ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክኸበር ብምግባር፣ ነቲ ሕብረተሰብ ድማ ብዛዕባ ማዕርነት ብምምሃር፣ ብተወሳኺ'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ዕድል ትምህርቲ ክረኽባ ብምግባር'ዩ፡፡

ከድር:- ፍቓደኛ ኮይንክን ንዝሃብክናና መልሲ ነመስግነክን፡፡

ወ/ሮ ለታይ:- ኣነው'ን እዚ ዕድል'ዚ ስለ ዝሃብኩምኒ ኣመስግን፡፡



**መልመዲ 9**

***ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ቃለ መሕትት መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ነናይ ባዕልኹም ስድራ ኣብ ላዕሊ ምስ ዝቐረበ ቃለ መሕትት ክተነፃፅሩዎ ከለኹም እንታይ ይመስል? ዘመሳስሎን ዘፈላልዮን ኣረድኡ፡፡
2. ወ/ሮ ለታይ እዚኹሉ ስራሕ በይነን ምስረሐን ንስድራ ቤት ይጠቅም'ዶስ ይጐድእ? ንምንታይ?
3. በዓል ቤት ወ/ሮ ለታይ ኣብ ስራሕ ገዛ ንምስታፍ እንታይ ክገብሩ ይግባኦም? እቶም ቀልዑ'ኸ?

ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ኣካል እቲ ሕብረተሰብ ስለዝኾና መሰለን ምኽባርን ማዕርነትን ምቕባልን ጠቓሚ እዩ። ኩሎም ዜጋታት ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ዘይቕበል ኣረኣእያን ተግባርን ምቕላስን መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ምድጋፍን ትፅቢት ይገብረሎም።

## ደቂ ኣንስትዮ ብኣካላዊ ኮነ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ'የን

ማዕርነት ፆታ ማለት ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ኣብ ዝኾነ ኩነታትን ዘፈር ስራሕን ማዕረ ምኻን ማለት'ዩ። ንኣብነት ኣብ ገዛ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ስራሕ ሕርሻ፣ ኣብ ምርባሕ እንስሳት፣ ኣብ ንግድን ካልኦት ሓላፍነትን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ'የን።



### መልመዲ 10

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ብልማድ ኣብ ከባቢኹም ስራሕቲ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተባሂሎም ዝፍለጡ እንታይን እንታይን 'ዮም?
2. ደቂ ኣንስትዮ ዝሰርሕኦ ስራሕ ደቂ ተባዕትዮ'ዶ ክሰርሑዎ ይኽእሉ?
3. ብልሙድ ስራሕቲ ደቂ ተባዕትዮ ተባሂሉ ዝግመት ደቂ ኣንስትዮ ክሰርሐኦዶ ይኽእላ?

### 3.4.2 መግለፅታት መሰል ማዕርነት ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ቤት ትምህርቲ



*ስእሊ 3.4 ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ትግንዘቡ?
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ምኽባር መሰል ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብምንታይ ይፍለጥ?

ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ብኹሎም መሰላት ማዕረ እዮም። ንኣብነት ኣብ ክለባት ምስታፍ፣ ኣብ ኣመራርሓ ፓርላማ ተምሃሮ፣ ማዕረ ውክልና ኣብ ምርካብን ዝመሳሰሉ መሰላት ክኽበሩለን ይግባእ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተምሃሮ ኣብ ተግባር ንክውዕል ኣካላት ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ፣ ተምሃሮ፣ መምህራን፣ ወለድን መንግስትን ማዕረ ሓላፍነት ኣለዎም።



**መልመዲ 11**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ኣብ ክፍልኹም ክንደይ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ኣለዋ? ቁፅሪ ተምሃሮ ደቂ ተባዕትዮ'ኸ ክንደይ እዩ? ኣየናይ ቁፅሪ ይበዝሕ?
2. ኣብ ክፍልኹም ንምብዛሕ ወይ ንምውሓድ ቁፅሪ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ቀንዲ ምኽንያታት እንታይ ይመስለኩም? ብጉጅለ ተመያይጥኩም ኣረድኡ።

3. ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተምሃሮ ንኽመጣጠን እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ? ዝተመጣጠነ እንተኾይኑ'ኸ ቀፃልነት ንኽህልዎ ካብ ቤት ትምህርትኹምን ካብ ስድራኹምን እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## 3.5 ማዕርነት ባህሊ

### 3.5.1 እንታይነት ማዕርነት ባህሊ





*ስእሊ 3.5 ባህሊ ዝተፈላለዩ ህዝብታት*

- ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተዓዘብኩምዎ ስእሊታት እንታይ ተረዲኣኹም?

ባህሊ ማለት ሓፈሻዊ ሜላ ኣነባብራ ደቂ ሰብ ዝገልፁ ተግባራት ዘጠቓልል እዩ። ካብ መንነ መግለፂ ባህሊ ዝኾኑ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ኣዘራርባ፣ ኣከዳድና፣ ኣመጋግባ፣ ኣገላልፃ ሓጎሰን ሓዘንን ዝመሳሰሉን ይጥቀሱ።

ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ባህልታት ኣለዉ። ኩሎም ባህልታት ድማ ማዕረ እዮም። እዞም ባህልታት እዚኣቶም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለዩ እዮም። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ባህሊ ካብ ግዘ ናብ ግዘ፣ ብብርኪ ዕብየትን ኩነታት ኣነባብራን ወድሰብ ከምኡ'ውን ብዝፍጠሩ መገደድቲ ኩነታት ክልወጥ ይኽእል እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ኩሎም ባህልታት ማዕርነቶም ብሕገ መንግስቲ ዝተኸበረ እዩ።



## መልመዲ 12

**ኣብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።**

1. ባህሊ እንታይ እዩ?
2. ማዕርነት ባህሊ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ካብ መግለፅታት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሓደ ምኽባር ማዕርነት ባህሊ'ዩ፡፡ ኩሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ባህሎም ቋንቋኦምን ታሪኾምን ክጥቀሙሎምን ከዕብዩን ማዕረ መሰል ኣለዎም። ስለዝኾነ ድማ ህዝብታት ሓዲኦም ናይቶም ካልኦት ባህሊ፣ ቋንቋን፣ ታሪኽን ክፈልጡን ከኽብሩን ይግባእ። ኣብ ማዕርነትን ኣብ ምፍቓድን ዝተደረኸ ሰናይ ዝምድና ክምዕብል ይግባእ፡፡ ስለዚ ምዕባይን ምዕቃብን ባህሊ ዝድለየሉ ምኽንያት ቋንቋና፣ ታሪኽና ካልኦት ጠቐምቲ ዝኾኑ ሜላታት ኣነባብራናን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምትሕልላፍ እዩ፡፡



## መልመዲ 13

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱዎም።**

1. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ሓበርቲ ባህላዊ መግለፅታት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ጠቐምትን ጎዳእትን ልምዳዊ ተግባራት ስዒቡ ዘሎ ሰደቓ ኣብ ጥራዝኩም ገልቢጥኩም ኣስፍሩ።

| ተ.ቁ | መግለፅታት ጠቃሚ ባህሊ | ድሑር ልማዳዊ ተግባራት |
|---|---|---|
| 1 | | |
| 2 | | |
| 3 | | |

### 3.5.2 ኣድላይነት ምዕባይ ባህሊ

- ባህልኻ ምዕባይ ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?

ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ካብ መንጎ ዝረኣዩ ልማዳዊ ተግባራት:-

#### ሀ. ድሑር ልምዳዊ ተግባራት

- ምኽላእ ዓንቀር ህፃናት
- ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ
- ትሕቲ ዕድመ መርዓ
- ኣብ ግዜ ሓዘንን ብኽያትን ኣካላት ምቑሳልን ሰብነትካ ምሕማቕን
- ምብሕጓግ ጎረሮ ህፃናት(ሃናት)
- ኣካልካ ግቡእ ብዘይኮነ ኩነታት ብበሊሕ ነገር ምቑራፅ
- ንመርዓን ካልእ ድግስን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ወፃኢ ምግባር

#### ለ. ጠቐምቲ ልምዳዊ ተግባራት

- ስራሕ ብሓባር ተሓጋጊዝካ ምስራሕ/ወፈራ፣ ልፍንቲ/
- ምቕባል ጋሻን ምኽባር ዓበይትን
- እድር /ኣብ/ ግዜ ሓዘን ሜላ ምትሕግጋዝን/ ዕቁብ / ሜላ ምዕቛር/
- ንዝተፀገሙ ወገናት ከም ዓቕምኻ ምርዳእ ወዘተ እዮም።

**ዕዮ ጉጅለ**

ኣብ ከባቢኹም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮን ኣብ ህፃናትን ዘጋጥሙ ጕዳእቲ ተግባራትን ዘስዕቡዎ ፀገም ጥዕናን ተጎጂልኩም መረዳእታ ብምትእኽኻብ ካብ ሓደ ገፅ ዘይዛይድ ፅሑፍ ኣቕርቡ።

## 3.6 ጉዱኣት ኣካል

### 3.6.1 እንታይነት ጉዱኣት ኣካል

- ጉዱኣት ኣካል ማለት እንታይ ማለት እዩ?
- ንጉድኣት ኣካል ዘቃልዑ ኩነታት ዘርዝሩ።

ጉድኣት ኣካል ማለት ሓደ ኣብ ምሉእ ጥዕናን ኩነታትን ዘሎ ሰብ ክሰርሖ ዝግብኦ ተግባር ምሰራሕ ዘይምኽኣል እዩ። ብኻልእ ገፅ ጉዱኣት ኣካል ማለት ሓደ ተግባር ወይ ምንቕስቓስ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ምፍፃም ዘይምኽኣል እዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ጉዱኣት ኣካል ኣለዉ። ጉዱኣት ኣካል ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ስራሕ ቦታ፣ ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ኣብ ዝመሳሰሉን ክግለሉን ኣድልዎ ክበፅሖምን ይረአ።

ከምዚ ዝዓይነቱ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ዝበፅሕ ከይዲ ምግላልን ምርሓቕን ብሕጊ ዝተኸልከለን ንዕብየት ሃገርን ዝጎድእ እዩ። ጉዱኣት ኣካል ምሉእ ክብሪ ኣለዎም። ከምቲ ካልእ ዜጋ ንሃገር ዝረብሕ ተግባር ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም። ስለዝኾነ ድማ መንግስትን ሕብረተሰብን መሰሎም ከኽብሩሎምን ደገፍ ክገብሩሎምን ትፅቢት ይግበር።



መልመዲ 14


*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ንጉዱኣት ኣካል ክግበረሎም ዝግባእ ደገፍ እንታይ እንታይ እዩ?
2. ጉዱኣት ኣካል ከምኩሉ ዜጋ ንሃገር ዝጠቅም ተግባር ክሰርሑ ዝኽእሉ እንታይ ዓይነት ኩነታት ክመቻቸዉሎም ከለዉ እዩ?

### 3.6.2 ንጉዱኣት ኣካል ዘድልዮዎም ደገፋት፣

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ጉዱኣት ኣካል ዝደልዩዎም ደገፋት እንታይ እንታይ እዮም?

ጉዱኣት ኣካል ካብ መንግስቲ፣ ካብቲ ሕብረተሰብን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ክግበሩሎም ዝግብኡ ደገፋት ኣለዉ። ካብ መንጎ እዚኣቶም ኣብ ዝነብሩሉ ከባብን ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ፍቕርን ክንክንን የድልዮም። ከምኡ ድማ ዘድልዩዎም ናውቲ ክማልኡሎም ይግባእ። ንኣብነት ምርኣይ ንዘይኽእሉ ወገናት መፃሕፍቲ ብሬል ክቐርቡሎም ይግባእ። ጉዱኣት ኣካል መሰላቶም እንተተኸቢሩሎምን ኣድላዩ ደገፍ እንተተዋሂቦምን ሃገር ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ዕዙዝ ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።



ስእሊ 3.6 ጉዳኣት ኣካል ከም ካልእ ሰብ መፍረይቲ ዜጋታት እዮም፡፡



መልመዲ 15

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።*

1. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ጉዱኣት ኣካል እንተሃልዩም ንዓኣቶም ንምሕጋዝ ዝተገበረ ምንቅስቓስ እንታይ ዓይነት እዩ?
2. ንጉዱኣት ኣካል ደገፍ ኣብ ምግባር ናታትኩም ግደን ሓላፍነትን እንታይ ክኸውን ይግባእ?

## 3.7 እንይነት መሰል ማዕርነት ሃይማኖት

- ማዕርነት ሃይማኖት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሃይማኖት ማለት ፈጣሪ ኣሎ ኢልካ ምእማን እዩ። ብቓላት ክግለፅ ዘይኽእልን ካብ ምፍላጥ ዝሓለፈን ኣምላኽ ምፍራሕን ብሕግታቱ ምግዛእን ሃይማኖት ይበሃል። መብዛሕቶም ኣብ ዓለምና ዘለዉ ሃይማኖታት ዘምህሩዎ ፅቡቕ ስነ-ምግባርን ንደቂሰብ ፅቡቕ ወይ ቅኑዕ ዝኾነ ነገር ምግባርን እዩ።

መግለፂ መንነት ህዝብታት ካብ መንጎ ዝኾኑ ሰብኣዊ መሰላት ሓደ መሰል ዝደለኻዮ ሃይማኖት ምሓዝን ምስጓምን እዩ። መሰል ምስዓብ ዝደለኻዮ ሃይማኖት ኣዝዮም ኣድላይቲ ኣብ ዝኾኑ መሰላት ይምደብ።

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፑብሊክ ኢትዮጵያ ማዕርነት ሃይማኖት ብምርግጋፅ ዝኾነ ዜጋ ዝመስሎ ሃይማኖት ንኽስዕብ መሰል ከምዘለዎ ብግልፂ ደንጊጉ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ሓደ ሃይማኖት ወይ ውልቀ እምነት ኣብ ልዕሊ ካልእ ብሓይሊ ንምፅዓን ንዝግበር ፈተነ ይኽልክል እዩ።

መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ክበሃል ከሎ ዝኾነ ዜጋ ሃገርና ዝመሰሎ እምነት ክሕዝ፣ እምነት ካለኦት ዜጋታት ምኽባርን ብመሰረት እምነቱ ተግባራዊ ንምግባር ዘይምኽልካልን ማለት እዩ፡፡ ሓዲኡ ዓይነት እምነት ዝኽበረን ላዕለዋይን እቲ ካልእ ዓይነት እምነት ድማ ዝተናዕቐን ዝተሓተን ዘይምኻኑ ብግለፂ ምድንጋጉ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ማዕርነት ሃይማኖት ከምዝተረጋገፀ የመልክት።



## መልመዲ 16

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ሃይማኖት እንታይ እዩ?
2. መሰል ማዕርነት ሃይማኖታት ክንብል ከለና እንታይ ማለትና ኢና?

## መጠቓለሊ

መሰል ማዕርነት ደቂ ሰባት መሰረታዊ መሰል እዩ። ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ጉዳዮም ብናይ ዓርሶም ድሌት ንኽካይዱ ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተደንገገ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብተግባር ይግለፅ። ኣብ ርእሲ እዚ ህዝብታት ብቋንቋኦም ክጥቀሙ፣ ባህሎም ከዕብዩን ታሪኾም ክከናኽኑን ከለዉ መሰል ማዕርነቶም ተኸቢሩሎም ይበሃል።

መሰል ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ምርካብ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ኣብ ሃገርና ዕቤትን ልምዓትን ንምቅልጣፍ የኽእል።

ማዕርነት ፆታ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ኣሰራርሓ  ኣድልዎ ጉዳኢ ልምዲ ንምትራፍ ዝጠቅም መሰል እዩ። መሰል ጉዱኣት ኣካል'ውን ብግቡእ ኩነት ምኽባርን ክኽበር ምግባርን ንኹልና ኣዝዩ ጠቓሚ ብምኳኑ ክንክን ፍቕርን ክነርእዮም ይግባእ።

ማዕርነት ሃይማኖት ኣብ ዴሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ዝተረጋገፀ መሰል ዜጋታት እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሓደ ናይቲ ካልእ ሃይማኖት ብምኽባር ብሰላም ሓቢርካ ምንባር ዝግባእ እንትኾን ንዕቤት ሃገር እውን ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**መሰል፡-** ሓደ ሰብ ክረኽቦ ዝግባእ ዝኾነ ዓይነት ረብሓን ግልጋሎትን ምሉእ ክብርን ወዘተ ዝገልፅ ቃል እዩ፣

**ባህሊ፡-** ናይ ሓደ ህዝቢ፣ ሃይማኖቱ፣ ኣነባብራኡን  ልማዱን  ወዘተ ዝገልፅ ቃል እዩ፡፡

**ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብን፡-** ሓበራዊ ባህሊ፣  ቋንቋን ታሪኽ ዘለዎምን ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብርን ህዝቢ/ ማሕበረሰብ፣

**ብሬል:-** ምርኣይ ዝሰኣኑ ወገናት ንመፅሓፊ ዝጥቀሙሉ ወረቐት ዝመስል ነገር፣

**ኣድልዎ:-** ኮነ ኢልካ ንሓደ ወገን ጎዲእኻ ንኻልእ ወገን ናይ ምጥቃም ተግባር ወይ ዝንባለ፣

**ማዕርነት:-** ክይተበላለፅካ እቲ ትኽክለኛ ወይ ግቡእ ደረጃ ብፅሒት ምርካብ፣ /ሃይማኖት፣ ዓርሰ ምምሕዳር፣ ቋንቋ ስራሕ/

**ልፍንቲ:-** ኣብ ከባቢ ገፀር በብተራ ዝግበር ሜላ ምትሕግጋዝ

**ወፈራ :-** ንብዙሓት ሰባት እናብልዑን እናስተዩን ብሓባር ኮይኖም ብምትሕግጋዝ ዝስርሑዎ ስራሕ፣

ፍልፍል ከሳቴብርሃን /1951 ዓ/ምን መዝገበ ቃላት
ኣምሓርኛ /1993ዓም / ከምዝስማማዕ ተገይሩ ዝተወሰደ።

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱዎም።*

1. ባህሊ ኩነታት ኣነባብራ ደቂ ሰብ ብኽፉል ዝገልፅ እዩ።
2. ተሓጋጊዝካ ብሓባር ምስራሕ ኣብ ሃገርና ዝተለመደ ጠቓሚ ባህሊ እዩ።
3. ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ጠቐምቲ ዝኾኑ ተግባራት ክንምድቦ ንኽእል ኢና
4. መሰል ዓርሰ ምምሕዳር መግለፂ ማዕርነት እዩ።
5. ማዕርነት ፆታ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣፈላላይን ኣድልዎን ክፍጠር ዝገብር እዩ።

II. *ኣብ ትሕቲ ፊደል " ሀ " ንዝተዘርዘሩ ዝሰማማዕ ኣብ ትሕቲ /"ለ"/ ካብ ዘለዉ እናመረፅኩም ኣዛምዱ።*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ማዕርነት ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን | ሀ. ንዓበይቲ ምኽባር |
| 2. መግለፂ መንነት ብሄራት ብሄረሰባትን፣ ህዝብታትን | ለ. ቋንቋ |
| 3. ኩሉ ሰብ ሃይማኖቱ ናይምኽታል መሰል | ሐ. ማዕርነት ሃይማኖት |
| 4. ፅቡቕ ስነ-ምግባር | መ. ማዕርነት ፆታ |
| 5. ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ክፋላት ሕብረተሰብ | ረ. ጉዱኣት ኣካል |

### III. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡

1. ኣብ ገፀር ሃገርና በብተራ ዝግበር ናይ ሰራሕ ምትሕግጋዝ ______ ይበሃል።
2. ህፃናት መፍትሒ ኣፍ ቋንቋኦም ካብ ______፣ ______ን ______ን ክመሃሩዎ ይኽእሉ።

### IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡

1. ካብ እዞም ዝስዕቡ መማረፅታት ዓርሰ ምምሕዳር ብሂራት ብሂረሰባትን ህዝብታትን ዝህቦ ጥቅሚ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ኣብ ከባቢኦም ልምዓት ንምምፃእ
   ለ. መሰል እቲ ህዝቢ ንምኽባር
   ሐ. ምስ ካልኦት ህዝቢ ተኸኣኢልካ ንምንባር
   መ. ኩሎም ትኽክል እዮም

2. ካብ እዞም ዝስዕቡ መማረፅታት መሰል ማዕርነት ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘይገልፅ ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ኣብ ክፍሊ ትምህርታዊ ሕቶ ምሕታት
   ለ. ኣብ ዝተፈላለዩ ክለባት ምስታፍ
   ሐ. ኣብ ሰዓት ትምህርቲ ፀወታ ምፅዋት
   መ. ንተምሃሮ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ሓሳብ ምሃብ

3. ሰብኣዊ መሰልን ክብርን ደቂ ኣንስትዮ ዝትንክፍ ጎዳኢ ዝኾነ ተግባር ኣየናይ እዩ
   ሀ. ትሕቲ ዕድመ መርዓ
   ለ. ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ
   ሐ. ወዲ ተባዕታይ ዝሰርሖ ስራሕ ምስራሕ
   መ. 'ሀ' ን 'ለ'ን

4. ንጉዱኣት ኣካል ክግበሩሎም ካብ ዝግብኡ ደገፋት ሓደ ዘይኮነ፣
   ሀ. ፍቕርን ክንክንን
   ለ. ምግላልን ኣድልዎን
   ሐ. ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምቕራብ
   መ. መሰሎም ብማዕረ ደረጃ ምኽባር
5. መግለፂ ባህሊ ሓደ ህዝቢ ክኸውን ዝኽእል ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ኣከዳድና
   ለ. ኣመጋግባ
   ሐ. ኣገላልፃ ሓጎስን ሓዘንን
   መ. ኩሎም ትኽክል እዮም

*V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ተምሃሮ ብቋንቋኹም ምምሃርኩም ዝረኸብኩምዎም ጥቕምታት ጥቐሱ።
2. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ንምዕባይን ቀፃልነት ክህልዎ ንምግባርን ዘኽእሉ ሜላታት ብሓፂር ኣረድኡ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ፍትሓውነት

### ዕላማታት እዚ ትምህርቲ፣

እዚ ምዕራፍ እዚ ተማሂርኩም ምስ ወዳእኹም፣

- እንታይነት ፍትሓውነት ትግንዘቡ።
- ፍትሒ ክጠሓሰሎም ዝኽእል ኩነታትን እንታይነት ኣድላዊ ኣሰራርሓን ትፈልጡ፡፡
- እንታይነት ኣድላይነትን ማሕበራዊ ትካላት ትግንዘቡ፡፡
- ምህላው ፍትሓዊ ኣሰራርሓታትን ንምዕሳል ሰላም እቲ ከባቢ ኣድላዪ ምዃኑ ትግንዘቡ፡፡
- እንታይነት ግብሪ ትግንዘቡ፡፡

## 4.1 ፍትሒ

### 4.1.1 እንታይነት ፍትሒ

- ፍትሒ እንታይ ማለት እዩ? እትፈልጡዎ ሓሳብ ኣብ ወረቐት ዕሒፍኩም ብብተራ ንኻልኦት ኣንብቡሎም።



*ስእሊ 4.1 ሚዛን*

- እቲ ዝዘበለ ሚዛን እንታይ የመልክት?
- እቲ ዝተስተኻኸለ'ኸ እንታይ የመልክት?
- ካብዞም ሚዛናት እንታይ ትርድኡ? ኣየናይ ሚዛንከ ትመርፁ? ንምንታይ?

ፍትሒ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ትኽክለኛ ፍርዲ ወይ ሚዛናዊ ዝኾነ ውሳነ ምሃብ ዘመልክት ሓሳብ እዩ። ብኻልእ ኣገላልፃ ፍትሒ ካብ ኣድልዎ ወይ ካብ ወገንነት ዝፀረየ ዳይነት ወይ ምስክርነት ምሃብ ማለት እዩ። ፍትሒ ንዝኾነ ወገን ከየዳለኻ ሓቀኛ ሓሳብ ምግላፅ፣ ሓቂ ምዝራብን፣ ሓቂ መሰረት ብምግባር ምስራሕን የመልክት።

ፍትሒ ማለት "ትኽክለኛ ፍርዲ ፣ግቡእ፣ሓቂ፣ ትኽክል ምኳን" ማለት እዩ፡፡



መልመዲ 1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብሓፂሩ መልሱ፡፡

1. ኣብ ምምሕዳር ስድራቤት ንፍትሒ ዝገልፁ ተግባራት ኣብርሁ፡፡
2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፍትሒ ዝገልፁ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡

### 4.1.2 ኣድላይነት ፍትሒ

- ብደረጃኹም ፍትሒ የድሊ እዩ እትብሉሎም ጉዳያት ዘርዝሩ፡፡
- ፍትሒ ንደቂ ሰብ ኣድላዪ እዩ ኢልኩምዶ ትኣምኑ? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡

## ስድራ ቤት ፍቕርተ

ስድራ ቤት ፍቕርተ ብፅቡቕ ኣመሓዳድራ ስድራ ብሕብረተሰብ እቲ ከባቢ ከም ኣብነት ዝጥቀስ እዩ። እዚ ስድራ ቤት ንፅቡቕ ስም ካብ መንገ ዘብቅዑዎ ጉዳያት ፍትሒ ዝዓሰሎ ቤተሰባዊ ኣመራርሓኦም እዩ። ነዚ'ውን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብመርኣያ ይጥቀሱ።

- ወለዲ ፍቕርተ ገንዘቦም ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ይጥቀምሉ።
- ብዘዕባ ኩነታት ትምህርቲ ደቆም ብምኽርን ምይይጥን ይውስኑ።
- ኣብ መንጎ ደቆምን ከዕብዮዋ ኢሎም ዘምፅእዋ ጓል ዘመዶምን ኣፈላላይ ከይገበሩ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ የምህሩዎም።

- ካብ ቤት ትምህርቲ እንትምለሱ እውን ንኹሎም ቆልዑ ከከም ዓቕሞም ተመጣጣኒ ማዕረን ግዜ ስራሕ፣ መፅናዕትን ፀወታን ተመዲቡሎም ኢዩ።
- እኒ ፍቕርተ እውን ኣብዝምልከቶም ጉዳያት ብነፃነት ሓሳቦም ወይ ርእይቶኦም ይህቡ። ዝደለዩዎ ሕቶ ድማ ይሓቱ።
- እዞም ቆልዑ ብትምህርቶም ፃዕራማትን ንፋዓትን እዮም። ሓሓሊፉ ኣብ መንጎ መሓዝቶም ቅርሕንትታት ክፍጠሩ ከለዉ ኣድልዎ ዘይብሉ መፍትሒ ይእልሹ።



**መልመዲ 2**

*ብመሰረት እዚ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ምሕደራ ስድራቤት ፍቕርተ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዝገልፁ ተግባራት ዘርዝሩ።
2. እኒ ፍቕርተ ፃዕራማትን ንፍዓትን ተምሃሮ ዝገበሮም እንታይ እዩ?
3. ፍትሒ ዝነገሶ ቤተሰባዊ ኣመሓዳድራ ዘለዉዎ ረብሓታት ዘርዝሩ፡፡

## ስድራ ቤት ዓፈራ

ስድራ ቤት ዓፈራ ካብ ስድራ ቤት በዓል ፍቕርተ ብዝተፈለየ ኩነት ዝመሓዳር እዩ። እዚ ስድራ ቤት እዚ ካብ ዝድለ ንላዕሊ ፍልፍል እቶት እንተሃለዎ'ኳ ናይ ዘሎ ንብረት ኣዛዚ'የ ዝብሉ ግን ኣቦ ዓፈራ ኣይተ ሽብሩ እዮም።

ንሶም ይሰራሕ ዝብሉዎ ኩሉ ክፍፀም ኣለዎ። ኣዶ እኒ ዓፈራ ዝኾነ ሓሳብ እንተሃባ'ውን ዝሰምዐን የለን። ኣይተ ሽብሩ ንበዓልቲ ቤቶምን ደቆምን ከየማኸሩ ከዕቢ፣ ከምህር ኢሎም ዝተቐበልዎም ደቂ ኣዝማዶም መገልገልቲ ገዛ ገይሮምዎም። ብተወሳኺ ኣይተ ሽብሩ ብዘዕባ ትምህርቲ ኣወዳት ደቆም እምበር ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ደቆም ዕጅብ ኣይብሎምን። እቶም ደቂ ተባዕትዮ ደቆም እንተኾኑ እውን ግቡእ ክትትል ስለዘይግበረሎም ብትምህርቶም ድኹማት እዮም።

ካብዚ ፍትሒ ዝጎደሎ ቤተሰባዊ ኣመሓድራ ዝነቐለ ኣብቲ ስድራ ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ምስምማዕ ወዘተ ዝበሃል የለን። እቶም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ኣብ ሰፈር ብምርባሽ ዝተፈለጡ ኮኑ። ኣደ እኒ ዓፈራ እውን ብፅዕንቶ ኣይተ ሽብሩ ተማሪረን ገዝአን ሓዲገን ካብ ዝወፃ ፅኒሓን እየን። ብድሕሪ እዚ መንበሪ ገዝኦም ተሸይጡ ኣብ ምምቓል ንብረት ምኽኖም ብሰፌሑ ይውረ ኣሎ።



## መልመዲ 3

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ኣመሓዳድራ ቤተሰብ ፍትሓዊ ዘይኮነ ኣሰራርሓ ዝገልፁ ተግባራት ጥቐሱ።
2. ኣመሓዳድራ ስድራ ዓፈራ ፍትሓዊ ብዘይምኻኑ እቶም ቆልዑ እንታይ ዓይነት ባህርያት ክህልዎም ገይሩ?
3. ኣብ ስድራቤት ፍትሓዊ ኣመሓድራ ኣብ ዝጓደለሉ ጊዜ እቲ ዝጉዳእ መን እዩ?
4. ኣብ ላዕሊ ካብ  ዝተጠቐሱ ስድራ ቤታት ናይ ኣየንኦም ኣባል እንተትኾኑ ትመርፁ? ንምንታይ?

ፍትሒ ህይወትን ናብራን ደቂ ሰብ ፅቡቕ ክኸውን ኣብ ምግባር ዘለዎ ረብሓ ዕዙዝ እዩ። ፍትሒ ኣብ ኩሉ ምንቅስቃስ ህይወት ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ጣብያን ኣብ ቤተሰባዊ ናብራን ኣድላዪ እዩ። ኣብ መንጎ ሰባት ዝኾነ ኣፈላላይን ኣድልዎን ከይፍጠር ይግብር።  ኣፈላላያት እውን እንተሃሊዮም ክስተኻኸሉ መግበሪ መሳርሒ እዩ።

ብደረጃ ዕርክነት ፍትሒ ርክብ ሕድሕድ  ሰባት ሚዛናዊ ክኸውን ብምግባር እቲ ሓደ ታሕተዋይ እቲ ካልእ ላዕለዋይ ከይኸውን ይግብር። ምስ መሓዙትኹም ተሰማሚዕኹም እተፅንዑ ወይ እትፃወቱ ኣብ መንጎኹም ፍትሓዊ ርክብ ብምህላዉ ከምዝኾነ ኣስተዉዒልኩም ዶ ትፈልጡ? ፍትሒ እቲ ሓደ ተጐዳኣይ እቲ ካልእ ብዘይግቡእ ተጠቃማይ ከይኸውን ብምግባር መሰል ዜጋታት ከምዝኽበር ይገብር።

ብደረጃ ስድራ ፍትሒ ቤተሰባዊ ናብራ ሰላም ዝዓሰሎ ክኸውን ብምግባር ቀፃላይ ህይወት ዜጋታት ፅቡቕን ዝሓሸን ክኸውን ይገብር።
ብደረጃ ሃገር ፍትሒ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝለዓሉ ጕንፅን ቅርሕንት'ን ብሰላማዊ መንገዲ ብምፍታሕ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ይከላኸል።

ዜጋታት ሃፍቶምን ንብረቶምን ብዘይግባእ ብሽፋቱን፣ ብኸተርትን ከይውረሩ ውሕስነት ይህብ። ፍትሒ ንዕብየት፣ምዕባለን ልምዓትን ሕብረተሰብ መሰረት እዩ። ዜጋታት ኣብ ሃገሮም ብማዕርነትን ብነፃነትን ናይ ምንባር፣ ምምሃር፣ ምስራሕን መሰሎም የረጋግፅ።

ፍትሒ ኣብ ሃገር ሰላም ክዓስል ይገብር። በዚ ድማ ህፃናት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ድኹማት ዓቕሚን ኣደታትን ጥቕዓት ከይበፅሖም ይከላኸል።

ፍትሒ ንመዕሰሊ ሰላም፣ ንዕብየት፣ ንምዕባለን ንመጠናኸሪ ማዕርነትን ርክብ ሕድሕድን ህዝብታት መሳርሒ እዩ።



## መልመዲ 4

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ፍትሒ ኣብዞም ዝስዕቡ ከባብታት ዘለዎ ረብሓታት ዘርዝሩ።
   - ሀ/ ኣብ ቤተሰባዊ ህይወትኩም
   - ለ/ ብደረጃ ርክብ ሰፈርኩም
   - ሐ/ ኣብ ቤት ትምህርቲ
2. በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ነገራት ክትፍፅሙዎም እትኽእሉ ተግባራት ፍትሒ ዘርዝሩ።

# 4.2. ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሕን ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኣካላት ፍትሕን

## 4.2.1 ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ብብርኪ ማሕበረሰብ

- ኣብ ክፍልኹም በደል እንተበፅሐኩም እዚ ተግባር እዚ ንመን ኢኹም እትነግሩዎ? እዚ ተግባር ከምዝተፈፀመኸ ብምንታይ ተረጋግፁ?
- ኣብ ከባቢኹም ኣብ መንጎ ሰባት ዘይምርድዳኣት ክፍጠሩ ከለዉ ነቶም ዘይምርድዳኣት ዝኣልዩ ሰባት ኣለዉዶ? ነቲ ቅርሕንቲኸ ከመይ ጌሮም ይኣልዩዎ?

### ኣይተ ስብሓት "ኣቦ ብልሓት"

ኣይተ ስብሓት ኣብ ከባቢኦም ፍትሓዊ ውሰነ ብምሃብ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም። ዝተበኣሱ ሰባት ምስምዕማዕ፣ኣብ ሰፈር ንዝፍጠሩ ፀገማት መፍትሒ ብምሃብ ሰላምን ዕርቅን ክወርድ ብምግባር ዝወዳደሮም የለን።

ኣይተ ስብሓት እዚ ተግባር እዚ እንትፍፅሙ ሓድሓደ ግዘ በይኖም ካልእ ግዘ ድማ ምስ ካልኦት ሰባት ኮይኖም እዩ። ኣይተ ስብሓት ብስራሕ ዕርቂ ውፅኢታዊ ዝኾኑ ተኣምረኛ ወይ ዝተፈለዩ ፍጡር ብምኻኖም ኣይኮኑን። ቀንዲ ምስጢር ክእለት ምስምዕማዕ ኣይተ ስብሓት ግቡእ መንገዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ወይ ሜላ ብምኽታሎም እዩ፡፡

ኣይተ ስብሓት መጀመርታ ሰብ ጉዳይ ናብኦም ኣብ ዝመፁሉ ግዘ መንቀሊ እቲ ሽግር ወይ ዘይምርድዳእ ክርድኡዎ ፃዕሪ ይገብሩ።

ሓሳብ ክልቲኦም ወገናት ይሰምዑ። እንታይነት እቲ ሽግር ምስተረድኡ ንዝኾነ ወገን ከየዳለዉ ውሳነ ይህቡ። በዚ ምኽንያት እዚ ኣይተ ስብሓት ዝህቡዎ ውሳነ ሽምግልና ብብዙሓት ተቐባልነት ይረክብ።



## መልመዲ 5

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. መብዛሕቶም ውሳነታት ኣይተ ስብሓት ንምታይ ተቐባልነት ይረኽቡ?
2. ከይድታት ኣወሃህባ ፍትሒ ኣይተ ስብሓት ዘርዝሩ። ካብ ሜላታታት ኣይተ ስብሓት እንታይ ትመሃሩ?
3. ካብ መሓዙትኩም ፀወታኹም ብዳይነት ክመርሕ እትመረፁዎ ከመይ ዝበለ ባህሪ ዘለዎ ቆልዓ እዩ? ንምንታይ?

ፍትሒ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታትን ጉዳያትን ይወሃብ። ኩነታት ኣወሃህባ ፍትሒ ምስ ዕለታዊ ናብራን ህይወትን ሰባት ብቐጥታ ዝተተሓሓዘ እዩ። ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ገዛ፣ ኣብ መፃወቲ ቦታታት በብዕለቱ ዝወሃቡ ውሳነታት ዘክሩ። እዚኦም ኩሎም ውሳነታት ንፍትሒ ዝገልፁ ተግባራት እዮም። ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ንዝተፈላለዩ ቅርሕንትታት ወይ ሽግራት ግቡእ ፍታሕ ወይ ውሳነ ናይ ምድላይ ኣሰራርሓ ምስዓብ የመልክት፡፡ ነዚኣቶም ዝመሳሰሉ ተግባራት ኣወሃህባ ፍትሓዊ ውሳነ ናይ ባዕሎም ዝኾኑ ከይድታት ኣለዉዎም፡፡

ኣብ ዝኾነ ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ክፍለጡ ዘለዎም መሰረታዊ ነጥብታት ኣለዉ፡፡ ንሳቶም ድማ፡-

- መንቀሊ እቲ ሽግር ብግቡእ ንምርዳእ ዝኽእሉ መረዳእታት ምትእኽኻብ
- ነቲ ጉዳይ ብግቡእ ምርዳእ፣
- ኣብ ሓቂ ተደሪኽካ ብዘይ ኣድልዎ ግቡእ ውሳነ ምሃብ'ዮም፡፡



## መልመዲ 6

*ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።*

1. ክይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ዝሕዞም ነጥብታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ኣብ ከባቢኹም ፍትሒ ዝህቡ ኣካላት ንዘይምርድዳኣት ብኸመይ ይፈትሑዎም?

### 4.2.2 ኣካላት ፍትሒ

- ኣብ ስድራ ቤት፣ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ከባቢ መንበሪ፣ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ፍትሒ ዝህቡ ኣካላት ጥቐሱ።
- ንስኻትኩም ኣብ ገዛኹም፣ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ወይ ኣብ መምሃሪ ክፍልኹም ኣብ ዝግበር ክይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ እንታይ ዓይነት ሓላፍነት ተዋፂእኹም ትፈልጡ?

ኣካላት ፍትሒ ማለት ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ዝፍጠሩ ቅርሕንትታትን ጎንፅታትን ወይ ድማ ዘይምርድዳኣትን ንምእላይ መፍትሒ ንዝህቡ ኣካላት ዘመልክት እዩ። ነዚ ዓይነት ሓላፍነት እዚ ዝዋፅኡ ኣካላት ፍትሒ ባህላውን ዘበናውን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ። እዞም ኣካላት እዚኦም ኣብቲ ሕብረተሰብ ንዝፍጠሩ ሽግራት ፍትሓዊ ውሳነ ብምሃብ ዘገልግሉ እዮም።

## ሀ. ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ



ስእሊ 4.2 ኣወሃህባ ባህላዊ ፍትሒ

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ትርድኡ?
- ኣብ ከባቢ'ኹም ንዝተገራጨዉ ሰባት ዘተዓርቑ ኣካላት ዘርዝሩ፡፡

ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ ካብ ቀደም ጀሚሩ ኣብ ሃገርና ዝነበሩ ህዝብታት ኣብ መንጎኦም ንዝፍጠሩ ዘይምርድዳኣትን በደላትን ፍታሕ ንምሃብ ባህላዊ ኣሰራርሕታት ይጥቀሙ ነይሮም፡፡ እዞም ባህላዊ ትካላት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝተፈላለየ ስያመ ኣለዎም። እዚኣቶም ሽማግለታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ፍሉጣት ውልቀ ሰባት ዝበሃሉ ወዘተ እንትኾኑ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ዝርከቡ ባህላዊ ትካላት ፍትሒ እዮም፡፡ እዞም ባህላዊ ትካላት ብቐረባ እናተረኽቡ ነቲ ሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ፍትሒ ዝህቡ እዮም፡፡ ተግባር ኣይተ ስብሓት“ኣቦ ብልሓት” ንባህላዊ ኣካል ፍትሒ ሓደ ኣብነት እዩ።

## ለ. ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ



ስእሊ 4.3 ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ



ስእሊ 4.4 ከባብያዊ ምምሕዳር ቀዳማይ ወያነ




ስእሊ 4.5 ቢሮ ፖሊስ ፍትሕን ፀጥታን

- ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ስእልታት ብምዕዛብ ተግባራት ሕድሕድ ትካል ዘርዝሩ፡፡ ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ ዜጋታት ብኣካላት መንግስቲ ኮነ ብኻልኦት ኣድልዎ ከይበፅሖም ሓለዋ ይገብሩ።

ዜጋታት ዝተፈላለዩ ሽግራት ፍትሒ ክጋጥሞም ከሎ ጉዳዮም ነዞም ትካላት የቕርቡ። እቶም ኣካላት'ውን ሕግን ደንብን ሒዞም ግቡእ ፍትሒ ይደልዩሉ። ኣብ ዝቐረቡሎም ጉዳያት ውሳነታት የሕልፉ። ካብ መንጎ እዞም ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ ቀንዲ ዝኾኑ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

| ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ጣብያ | ጣብያ ፖሊስ | ኣብያተ ፍርዲ |
|---|---|---|
| ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ውሳነ ፍትሒ ብምሃብ ንሕብረተሰብ የገልግሉ። ካብ መንጎ ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ ንተገልጋላይ ብቐርበት ዝርከቡ ትካላት እዮም፡፡ | ኣብ ከባቢኹም እትርእዩዎም መኸበርቲ ፀጥታ ፖሊሳት ድሕነት ሕብረተሰብን ድሕነትኩምን ይሕልዉ። በዚ ተግባሮም'ውን ሰላምን ፀጥታን ሕብረተሰብ ዘኽብሩ ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ እዮም። | ኣብ ሓንቲ ሃገር ካብ ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ ኣብያተ ፍርዲ ብዋናነት ይጥቀሱ። ሰባት ፀገማት እንተ ኣጋጥሙዎምን በደላት እንተ ጓንፍዎምን ፍትሒ ዝወሃበሎም ትካላት እዮም። |



## መልመዲ 7

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ከይዲ ምዕሳል ሕጊ ተግባር እዞም ዝሰዕቡ ኣካላት ዘርዝሩ፡፡
   - ሀ. ጣብያኹም
   - ለ. ኣብያተ ፍርዲ
   - ሐ. ጣቢያ ፖሊስ
2. ኣባላት ፖሊሲ ኣብ ከባቢኹም እንተዘይህልዉ ክስዕቡ ዝኽእሉ ፀገማት ፍትሒ ዘርዝሩ።

## 4.3 ፍትሒ ክጓደል ዝኽእለሎም ኩነታት

### 4.3.1 ምጥሓስ ሕጊ

- ንሕጊ ቤት ትምህርትኹም ከኽብሮ ዘለዎ መን እዩ?
- ነቲ ሕጊ ዘየኽብር እንተሃልዩ እንታይ ይኸውን? እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ምውሳድ ይሓይሽ ትብሉ?

### "ቁሸታት ቻነር" /ክፋል ሓደ/

ቁሸታት ቻነር ንነዊሕ ዘበናት ንጎረባብቲ ህዝብታት ኣብነታት ፍቕርን ሰላምን ነይሮም። ካብ መንጎ ተፈለጥቲ ጉዳያት ሓደ እቲ ሕብረተሰብ ብሙሉኡ ብዘይ ሓደ ፍልልይ ሕጊ ቁሸቶም ብዝግባእ ስለዘኽብሩ እዩ ነይሩ። ብተወሳኺ'ውን ስርዓት ፍትሖም ካብ ኣድልዎ ነፃ ዝኾነ ኣሰራርሓ መሰረት ዝገበረ ነይሩ። ንዝፍጠሩ ጎንፅታትን በደላትን ብቕልጡፍ ሚዛናዊ ፍታሕ ዝህብ ኣሰራርሓ ይኽተል፡፡ በዚ ምኽንያት እዚ ቻነር "ሰፈር ፍቕሪ፣ ዓዲ ፍትሒ" እናተባህለት ክትምጐስ ፀኒሓ እያ። ኮይኑ ግና ካብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ጀሚሩ ኩነታት ቁሸት ቻነር ከምቶም ቀዳሞት ግዝያት ኣይኮነን።

ኣብቲ ሕብረተሰብ ንነዊሕ ግዘ ፍትሒ ክኽበር እናገበሩ ዝፀንሑ ትካላት ዘኽብሮም ሰኣኑ፡፡ ምጥሓስ ሕግን ደንብን ካብ ዝጅመር ፀኒሑ እዩ፡፡ መመሓዳደርቲ እቲ ቁሸት ካብ ሕግን ስርዓትን ወፃኢ ዝኾነ ውሳነ ምሃብ ጀሚሮም። እቲ ሕብረተሰብ ካብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዝረኽቦ ግልጋሎት ብገንዘብን ብፍልጠን ኮይኑ። ዝተደለየ ነገር ንምርካብ ብጉልበትን ብገንዘብን ወይ ዘመድ ምርካብ ዝተለመደ ኣሰራርሓ ምዃን ካብ ዝጅመር ፀኒሑ ኣሎ።

ገበናት ምኽታርን ባእስን በዚሖም፡፡ ገበነኛታት'ውን ብሓይሊ መኸበርቲ ፀጥታ ብዋዛ ዝተሓዙ ኣይኮኑን። እንተትሕዙ' ውን ሽዑ ንሽዑ ካብ ማእሰርቲ ይፍትሑ።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንዝወርድ በደልን ግፍዕን ግቡእ ፍታሕ ዝህብ ጥንኩር ኣካል ፍትሒ የለን። ሓባራዊ ንብረት እቲ ህዝቢ ንኣብነት ቦታታት ሕርሻ መስኖ፣ መስርሒ ገዛውቲ፣ ዱራት ወዘተ ብወልቀ ሰባት እናተወነኑ ይርከቡ። ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘበናውን ትካላት ፍትሒ ብኣድልዎን ብፅዕንቶ ሰበ -ስልጣን ሕጊ

እናዛብዑ ይፈርዱ። ነበርቲ ቁሸታት ኩነታት ሰፈራቶም ኣዝዩ ኣስጊኡዎም ኣሎ። እዚ ኩነታት ከምዘለዎ እንተቐፂሉ ቁሸት "ቻነር ሰፈር ፍትሒ" እንታይ ኮን ክትከውን ትኾን?



## መልመዲ 8

*ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ኣብ ቁሸታት ቻነር ሽግር ዝተፈጠረ ብምንታይ ምኽንያት እዩ? ተመያየጥሉ፡፡
2. ንምጥሓስ ፍትሒ ምክንያት ዝኾኑ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡

ፍትሒ ንኽጠሓስ ካብ መንጎ ዝገብሩ ነገራት ቀዳማይ ሕጊ ዘይምኽባር እዩ። ሕጊ ማለት ኩሉ ክኽብሮ ዘለዎ ስርዓት ማለት እዩ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝርከብ ሕጊ ብዜጋታት ክኽበር ይግባእ። ሕጊ ኣብ ኩሉ ቦታን ኣብ ምንቅስቓስ ህይወትን ይርከብ። ኣብ ስድራቤት፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፣ኣብ ውሽጢ ክፍሊ፣ ኣብ መፃወቲ ቦታ፣ ኣብ ቦታ ስራሕ ወዘተ ሕጊ ኣሎ። ሕጊ ቤት ትምህርቲ ወይ ስርዓት ብግቡእ እንተዘይተኸቢሩ ከይዲ ትምህርቲ ውፅኢታዊ ክኸውን ኣይኽእልን። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ ተምሃሮ ትምህርቶም በቲ ዝድለ ብርኪ ክኪታተሉ ስለዘይኽእሉ መፃኢ ህይወቶም ይበላሸው።

ከምኡ'ውን ሕድሕድ ፀወታ ናይ ባዕሉ ሕጊ ኣለዎ። ፀወታ ንምፅዋት ኩሎም ተፃወትቲ ነቲ ሕጊ ምኽባር ይግበኦም። እቲ ሕጊ እንተዘይተኸቢሩ ምቁራፅ ፃውቲ ጥራሕ ከይኮነስ ካልእ ዝኸፍአ ሽግር'ውን ክስዕብ ይኽእል እዩ። ብደረጃ ስድራቤት'ውን ፅቡቕ ቤተሰባዊ ኣመሓዳድራ ዘይብሉ ስድራ ኣብ ሽግር ምወዳቑ ዘይተርፍ እዩ። ቅድም ኢሉ ዘንበብኩምዎ ታሪኽ ቁሸታት ቻነር ናይዚ ኣብነት እዩ።

ብደረጃ ሃገር ዝውፁ ሕግታት ብዜጋታት ክኽበሩ ይግበኦም። እዚ እንተዘይኮይኑ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክህሉ ኣይኽእልን። "ሕጊ እንትጓደል ሃገር ትብደል" ዝብል ኣበሃህላ ብቐሊሉ ይገልፆ፡፡ ብምኽንያት ዘይምኽባር ሕጊ ብደረጃ ውልቀ ሰብ፣ ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ከቢድ ዝኾነ በደልን ጉድኣትን ይበፅሕ። ስለዚ ሰባት ንዓርሶም፣ ንስድርኦም፣ ንሃገሮም ሰላምን ዕብየትን ክብሉ ሕጊ ክኽብሩ ይግባእ። ብዝተፈላለዩ ኩነታት ዝፍጠሩ ሽግራት ፍትሒ ሰባት ሕግን ደንብን ካብ ዘይምኽባሮም ዝተላዕለ እዩ።



**መልመዲ 9**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ሃቡ፡፡*

1. ኣብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ምኽንያት ምጥሓስ ሕጊ ይኾኑ እዮም እትብሉዎም ነጥብታት ጥቐሱ።
   ሀ. ኣብ ስድራ ቤት
   ለ. ኣብ ቤት ትምህርቲ
   ሐ. ኣብ ክፍሊ
2. ዘይምኽባር ሕጊ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ጣብያን ዘስዕቡዎም ጉድኣታት ዘርዝሩ፡፡

### 4.3.2 ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ምፍፃም፣

- ኣብዞም ዝስዕቡ ከባብታት ይረኣዩ እዮም እትብሉዎም ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ዘርዝሩ።
  ሀ. ኣብ መምሃሪ ክፍሊ
  ለ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ
  ሐ. ኣብ ጣብያታት
- ሰባት ንምታይ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ይፍፅሙ? ምኽንያታት እዮም እትብሉዎም ነጥብታት ጥቐሱ።

ፍትሒ ክጠሓስ ካብ መንገ ዝገበሩ ጉዳያት እቲ ካልኣይ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ምፍፃም እዩ። ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ተፃረርቲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ እዮም። ኣድልዎኣዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ሕብረተሰብ እንተተጋፊሖም ፍትሒ ይጓደል።

ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ማለት ብዘይግባእ ንሓደ ዝጠቅም ነቲ ካልእ ድማ ዝጎድእ ተግባር ምፍፃም ብዝብል ክገለፅ ይከኣል። ሓድሓደ ሰባት ብዝምድና፣ ብቋንቋ፣ ብዓሌት፣ ብሃይማኖት፣ ብምቅርራብ፣ ገንዘብ ምቕባልን ወዘተ ኣድላዊ ተግበራት ይፍፅሙ።

ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ጣብያ፣ ትካላት ፍትሒ ወዘተ ክፍፀሙ ይኽእሉ እዮም። እዞም ኣድልኣዊ ተግባራት ሕጊ ክዘብል ብምግባር ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ከይዓስል ዕንቅፋት ይኾኑ። ኮይኑ ግና ኣብ ዝኾነ ከባቢ ዝፍፀሙ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ፈፂሞም ዝድገፉ ተግባራት ኣይኮኑን።



**መልመዲ 10**

*ኣብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ንምእላይ ካብ ተምሃሮ እንታይ ትፅቢት ይግበር?
2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝፍፀሙ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ንምእላይ እንታይ ክግበር ኣሎዎ?

### 4.3.3 ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ዘስዕቡዎም ፀገማት፣



*ስእሊ 4.6 ባእስን ስርቅን*



*ስእሊ 4.7 -ንብረት ኣዕኒኻ ምህዳም*



*ስእሊ.4.8. ምዝራፍ*

- ኣብ ላዕሊ ካብ እትርእዮዎ ስእሊ እንታይ ትግንዘቡ? እንታይ ዓይነት ተግባራት ይፍፀሙ ኣለዉ?
- ከምኣቶም ዓይነት ተግባራት ከይፍፀሙ ዜጋታት እንታይ ክገብሩ ይግብኦም?

## ቁሸታት ቻነር /ክፋል ክልተ/

ኩነታት ቁሸታት ቻነር ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተጋደዱን ካብ ቁፅፅር ወፃኢ እናኾኑን ብምምፃኦም ንምንባር ዘፍርሕ ኮይኑ። እዞም ቁሸታት እቲ ቀደም ዝነበሮም ዓይነት ወታሃደራዊ ጥንካረን ሕብረትን ብዘይምህላዉ ምኽንያት ብኻልኦት ህዝብታት ይውረሩ ኣለዉ። ህፃናት ከምቲ ዝሓለፉ ጊዜያት ኣብ ሜዳታት ክፃወቱ፣ እንስሳታት ክዕንድሩ ኣይረኣዩን። ምዝራፍ እውን የመና ብምግዳዱ ምኽንያት ደቂ ኣንስትዮ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ኣቋሪፀን እየን።

ኣዴታት እውን እንተኾና ናብ ዕዳጋ ንኽወርዳ ፍርሒ ይስመዐን። ሓልሓሊፉ’ እውን ሰባት ይቕተሉ ከምዘለዉ ብዙሕ ይውረ እዩ። ሰባት ሰፈሮም እናሓደጉ ክስደዱ ጀሚሮም፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እቶም ቁሸታት ሰብ ኣልቦ ኮይኖም፡፡ ከም ቀልዲ ዓንዮም ባዲሞም። ሎሚ በቶም ዝዓነዉ ሰፈራት ከሓልፉ ከለው “ቻነር፣ ሰፈር ፍቕሪ፣ ዓዲ ፍትሒ” እናበሉ ይቕልዱ፣ የባጭዉ።



### መልመዲ 11

ኣብ ላዕሊ ብዝቐረበ ምንባብ መሰረት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሕጊ ዘይምኽባርን ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታትን ዘስዕቡዎ ጉድኣት ዘርዝሩ።
2. ነበርቲ ቻነር ሽግር ከይፍጠር እንታይ ክገብሩ ነይሮምም? ክልተ ነጥብታት ጥቐሱ?

## ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ቀፂሎም ዘለዉ ሽግራት የስዕብ፡-

- ዜጋታት ካብ ሃገሮም ክረኽቡዎ ዝግበኦም ጥቕሚ ዜግነት ከይረኽቡ ይገብር። ንኣብነት ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንተተጋፊሑ ህፃናት ክረኽቡዎ ዝግበኦም ዕድል ትምህርቲ ዘይክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ኣብ ትካላት ጥዕና እንተተጋፊሑ ዜጋታት ግቡእ ዝኾነ ገልጋሎት ሕክምና ምርካብ ኣፀጋሚ ይኸውን።
- ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ስድራ ቤት እንተተጋፊሖም

ናብራ ይማዛበል። ብተወሳኺ ድማ ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ሕገ መንግስትን ደንብን ከይኽበር ብምግባር ዜጋታት ኣብ መንግስቲ እምነት ክስእኑ ይገብሮም። ዓመፅን ናዕብን ክፍጠር ምኽንያት ይኸውን። በዚ ዝተልዓለ ሰላምን ፀጥታን ሃገር ይዝረግ፡፡ ዜጋታት ሃብፍቶምን ንብረቶምን ብሓያላት ይምንዝዑ። ሓልሓሊፉ እውን ኣብ ኣካላቶምን ህይወቶምን መጥቃዕቲ ክበፅሖም ይኽእል።



### መልመዲ 12

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ምህላው ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዘስዕቦ ጉድኣት እንታይ እዩ?
2. ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት ንምውጋድ ካብ ሕድሕድ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## 4.4 ማሕበራዊ ትካላት

### 4.4.1 እንታይነት ማሕበራዊ ትካላት







*ስእሊ 4.9 ትካላት ውሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት*

- እዞም ኣብዚ ስእሊ ዝረኣዩ ትካላት ኣብ ከባቢ'ኹም ምንባሮምን ዘይምንባሮምን ኣስተውዒልኩም ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ምልኡ።

| ዝርዝር ትካላት | የለን | ኣሎ | በዝሒ | ኣብቶም ትካላት ዝሰርሑ ዓይነት ሰብ ሞያ |
|---|---|---|---|---|
| 1. ቤት ትምህርቲ | | | | |
| 2. ጣብያ ጥዕና | | | | |
| 3. ቤት ፅሕፈት ጣብያ | | | | |

ማሕበራዊ ትካላት ኣብ ሓደ ከባቢ ንሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ንኽህቡ ተባሂሎም ዝተተኸሉ ኣብያተ ፅሕፈት ዝገልፅ ሓሳብ እዩ። ኣብ ላዕሊ ኣብቲ ሰደቓ ዝሰፈሩ ኣብያተ ፅሕፈት ኣብነታት ማሕበራዊ ትካላት እዮም። እዞም ትካላት እዚኦም ንሕብረተሰብ ጠቐምትን ኣድለይትን ግልጋሎት ይህቡ። ንኣብነት ንስኻትኩም ኣብዛ ደቒቓ እዚኣ እትመሃሩሉ ዘለኹም ቤት ትምህርቲ ንሕብረተሰብ ካባቢኹም ግልጋሎት ትምህርቲ ንምሃብ ዝተመስረተ ማሕበራዊ ትካል እዩ።



መልመዲ 13

*ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ማሕበራዊ ትካላት ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ዘርዝሩ፡፡
2. ማሕበራዊ ትካላት እንታይ እንታይ ግልጋሎታት ይህቡ?

### 4.4.2 ፍትሓውነት ግልጋሎት ማሕበራዊ ትካላት

- ፍትሓውነት ማሕበራዊ ግልጋሎት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ፍትሓውነት ግልጋሎት ማሕበራዊ ትካላት ብምንታይ ይግለፅ? ማሕበራዊ ትካላት ዝምስረቱሉ ምኽንያት ንኹሉ ሕብረተሰብ ብዘይምንም ኣፈላላይ ብማዕረ ከገልግሉ እዩ።

ነዚ ድማ ትካላት ኣብ ማዕርነትን ኣብ ፍትሓውነትን ዝተመስረተ ስርዓት ኣወሃህባ ግልጋሎት ክኽተሉ ይግበኦም። ፍትሓዊ ግልግሎት ማለት ሃፍታም፣ ድኻ፣ ስልጣን ዘለዎ፣ ሰልጣን ዘይብሉ፣ ዘመድ ዘለዎ ዘመድ ዘይብሉ ወዘተ ከይተባህለ ዜጋታት ካብ ትካላት ዝደልዩዎ ግልጋሎት ብግቡእ ኩነታት ምርካብ ወይ ምሃብ ማለት እዩ።



## መልመዲ 14

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ማሕበራዊ ትካላት ፍትሓዊ ግልጋሎት ከይህቡ ዕንቅፋት ይኾኑ እዮም እትብልዎም ነጥብታት ጥቐሱ።
2. ፍትሓዊ ግልጋሎት እንተዘይሂቦም ክስዕቡ ዝኽእሉ ፀገማት ዘርዝሩ፡፡

## 4.5 ግብሪ

### 4.5.1 እንታይነትን ረብሓን ግብሪ




*ስእሊ 4.10 ስርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ*

- ኣብቲ ስእሊ ብብተራ ዝኣቱ ሰባት እንታይ ዝገብሩ ዘለው ይመስለኩም?
- ግብሪ ዝብል ቃል ሰሚዕኹምዶ ትፈልጡ? እትፈልጡዎ ሓሳብ ግለፁ?

## ሕቶ ከድጃ

ከድጃ ኣብዚ ሰሙን እዚ ብዛዕባ "እንታይነት ማሕበራዊ ትካላት" ድሕሪ ምምሃራ ኣብ ከባቢኦም ዘለው ዝተፈላለዩ ትካላት መን ከምዝሰርሖም ክትፈልጥ ደልያ ኣላ። ኣብ ክሊ እዚ ሕቶ ምስ ኣቦኣ ኣይተ ዓሊ ተመያይጣ ኣላ።

እቲ ምይይጥ ከድጃ ብዛዕባ ማሕበራዊ ትካላት ካብ ዝረኸበቶ ፍልጠት ብተወሳኺ ብዛዕባ "እንታይነት ግብሪ "ንኽትፈልጥ ሓጊዙዋ ኣሎ። ኣቦን ጓልን ዝገበርዎ ዝርርብ ኣብ ክልተ ክፋላት ከምዚ ዝስዕብ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ።

# ሕቶ ከድጃ /ክፋል ሓደ/

ከድጃ፡- ኣባባ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ጣብያታት ጥዕና፣ ግብርና፣ ፅርጊያ፣ ወዘተ መን እዩ ሰሪሑዎም?

ኣይተ ዓሊ፡- እዞም ዝፀራሕኽዮም መብዛሕቶም ትካላት ዝሰርሖም መንግስቲ እዩ። መንግስቲ ማለት ሰላምን ድሕንነትን ህዝብታት ዝሕሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት ዝሰርሕ ውክልና ህዝቢ ዝተዋህቦ ኣካል እዩ።

ከድጃ፡- ኣባባ መንግስቲ ነዞም ኩሎም ስራሕቲ ክሰርሕ ገንዘብ ካበይ የምፅእ?

ኣይተ ዓሊ፡- መንግስቲ ነዞም ኩሎም ተግባራት ዝፍፅም ካብ ዜጋታት ብዝእከብ ገንዘብ ወይ ግብሪ እዩ።

ከድጃ፣- ኣባባ ንምኻኑ ግብሪ እንታይ እዩ?

ኣይተ ዓሊ፣- ግብሪ ማለት ዜጋታት ካብ ዝረኽቡዎ እቶት ዝተወሰነ እናቐነሱ ንመንግስቲ ዝኸፍሉዎ ገንዘብ እዩ። መንግስቲ ድማ ብግብሪ ካብ ዝኣከቦ ገንዘብ ነቲ ሕብረተሰብ ዘድልዩ ማሕበራዊ ትካላት ይሰርሕ። መሰረት ልምዓታት /መንገዲ፣ ማይ፣ መብራህቲ፣ ስልኪ ወዘተ/ ይዝርግሕ። ድሕነትን ሰላምን ሃገር የኸብር።

ከድጃ፣- ኣባባ ኩሉ ሰብዶ ንመንግስቲ ግብሪ ይኸፍል'ዩ?

ኣይተ ዓሊ፣- እወ! ነጋዳይ፣ ሓረስታይ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ፣ ፋብሪካ፣ መዓልታዊ ሸቃላይ ኮነ ወታደር ግብሪ ምኽፋል ግብኡ'ዩ።



## መልመዲ 15

**ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ዝርርብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ግብሪ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ግብሪ ብግቡእ እንተዘይተኸፊሉ እንታይ እንታይ ፀገማት ይመፁ ኢልኩም ትሓስቡ?
3. መንግስቲ ብግብሪ ዝኣከቦ ገንዘብ ኣብ ከመይ ዝበሉ ተግበራት የውዕሎ?

## ሕቶ ከድጃ /ክፋል ክልተ/

**ከድጃ፡-** ኣባባ ኩሉ ሰብ ዝኸፍሎ ግብሪ ማዕረ ድዩ?

**አይተ ዓሊ፡-** ኣይኮነን ዛጓላይ፣ ዜጋታት ዝኸፍሉዎ መጠን ግብሪ ማዕረ ኣይኮነን። እቲ ዝኸፍልዎ መጠን ግብሪ ከከም እቶቱ ዝተፈለየ እዩ፡፡ መጠን ክፍሊት ግብሪ መጠን እቶት መሰረት ዝገበረ እዩ። ስለዚ ብዙሕ እቶት ዘሎዎ ሰብ ብዙሕ ግብሪ ይኸፍል። ትሑት እቶት ዘሎዎ ሰብ ከምእቶቱ ውሑድ ግብሪ ይኸፍል ማለት እዩ።

**ከድጃ፡-** ኣባባ ንስኻኸ ክትከፍሎ ዝግበኣካ ግብሪ ከፊልካዶ?

**አይተ ዓሊ፡-** ብዝግባእ! ኣነ ኣቦኺ ኣነ፣ ቅድሚ መብዛሕትኦም ከፊልቲ ግብሪ ግቡእይ ብምውፃእ ኣብ ቀረባ እዋን ዝኸፈልኩሉ መረዳእታ እንኪ ረኣይዮ።

**ከድጃ፡-** ኣባባ ግብሪ ብግቡእ እንተዘይተኸፊሉ እንታይ ሽግር የምፅእ?

**ኣይተ ዓሊ፡-** ኣየ ጓለይ! ዜጋታት ብግቡእ ንመንግስቲ ግብሪ እንተዘይከፊሎም ከማኻትኩም ዝበሉ ህፃናት ትምህርቲ ክመሃሩ ኣይኽእሉን፡፡ ጣብያታት ጥዕና'ውን ክንድቲ ዝድለ ክሰርሑ ስለዘይኽእሉ ሕብረተሰብ ብሕማም ይጥቃዕ። መንገድታት፣ ጐዳጉዲ ማይ፣ መብራህቲ ወዘተ… ካልኦት ኣድለይቲ ግልጋሎት ኣይስፋሕፍሑን፡፡ ስለዚ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ይተዓናቐፍ። ሃገርና ድማ ካብ ድኽትነት ክትላቐቕ ኣይትኽእልን።

ከድጃ፡- ኣባባ ዓብዮም ወይከዓ ሰልጢኖም ዝበሃሉ ሃገራት ዝሰልጠኑ ዜጋታቶም ግብሪ ስለዝኸፈሉ ድዩ?

ኣይተ ዓሊ፡- እወ ዛጓለይ፣ ዜጋታቶም ጠንኪሮም ብምስርሖምን ዝግብኦም ግብሪ ንመንግስቶም ስለዝኸፍሉን እዩ። መንግስቲ ከም ሓደ ሓላፊ ስድራ ቤት ይምሰል። ሓለፍቲ ስድራ ቤት ኣድለይቲ ናውቲ ንስድራ ቤቶም ከምዘቕርቡ መንግስቲ እውን ንሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይሰርሕ። ነዚ ተግባር እዚ ዝፍፅም ድማ ካብ ዜጋታቱ ብዝእከብ ግብሪ እዩ።

ከድጃ፡- ኣባባ ሕዚ ማሕበራዊ ትካላት መን ከምዝሰርሖምን ብዛዕባ እንታይነት ግብርን ብዝግባእ ተረዲአ ኣለኹ። ኩሉ ዝተረዳእኹዎ ድማ ፅባሕ ንመሓዙተይ ክነግረን እየ። ኣነ'ውን ምስዓበኹን ናይ ውልቀይ ስራሕ ክህልወኒ ከሎ እቲ ዝግበኣኒ ግብሪ ንመንግስቲ ክኸፍል እየ፡፡

ኣይተ ዓሊ፡- የዒስ፣ የዒስ፣ ዛጓለይ እዚ ከምእትገብሪ እኣምን እየ፡፡



### መልመዲ 16

*ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ጥቕምታት ግብሪ ዘርዝሩ፡፡
2. ዜጋታት ዝኸፍሉዎ መጠን ግብሪ ዝውሰን እንታይ መሰረት ብምግባር እዩ?
3. ግብሪ ብግቡእ እንተዘይተኸፊሉ ኣብ ከማኹም ዝበሉ ህፃናት እንታይ ዓይነት ፀገማት ይፍጠሩ?

## መጠቓለሊ

ፍትሒ ማለት ሚዛናዊ ዝኾነ ሓቀኛ ፍርዲ ወይ ርእይቶ ምሃብን ወይ ብሓቂ ምስራሕ ዝገልፅ ሓሳብ እዩ። ፍትሒ ኣብ ኩሉ ህይወትን ምንቅስቓስን ሕብረተሰብ ኣድላይን ጠቓምን ጉዳይ እዩ። ፍትሒ መሰረት ሓደ ህዝቢ ንዝኾነ ስድራ ቤታዊ ኣመሓዳድራ ዝተረጋገአን ጥዑይን ክኸውን ይገብር። ፍትሒ ኣብ መንነ ዜጋታት ኣድልኣዊ ኣሰራርሓ ከይህሉ ብምግባር ስርዓት ማዕርነት የጠናኽር እዩ። ፍትሒ ዝማዕበለትን ሰላም ዝዓሰላን ሃገር ንምህናፅ ዘኽእል ዓብዪ መሳርሒ ኮይኑ የገልግል፡፡

ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክጠናኸር ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኽታት ዝርከቡ ሕግታት ክኽብሩ ይግባእ። ንኣሰራርሓ ፍትሒ ዕንቅፋት ዝኾኑ ኣድልኣዊ ተግባራት ካብ ምፍፃም ክቑጠቡ ይግበኦም። ክፍፀሙ ዝርእዮም ኣድልኣዊ ኣሰራርሓታት’ውን ብግልፂ ምቅዋም ሓላፍነት ሓደ ዕቡቕ ዜጋ እዩ። ስለዚ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ትካላት ክጠናኸር ይግባእ።

ማሕበራዊ ትካላት ክጋፍሑ ዜጋታት ካብኣቶም ዝድለ ግብሪ ከም መጠን እቶቶም ንመንግስቲ ምኽፋል ይግበኦም። ብሓፈሻ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ንኽጠናኸር ዜጋታት ኣብ ህይወት ስድራ ቤት፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፣ ኣብ ከባቢ መንበሪ፣ ኣብ ቦታታት ስራሕ ወዘተ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ክገብሩ ይግባእ።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ፍትሓውነት:-** ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ስራሕ ወይ ተግባር

**ቅርሕንቲ:-** ጎንፂ፣ ባእሲ፣ ዘይምስምዕማዕ

**ኣድልዎ:-** ናብ ሓደ ወገን ዝዘበለ ነቲ ካልእ ዝጎድእ ተግባር ወይ ውሳነ

**በደል:-** ጉድኣት፣ ጥቕዓት

**ትካል:-** ዝተወሰነ ስራሕ ንኽፍፅም ስልጣን ዝተዋህቦ ቤት ፅዮ

**ዳይነት:-** ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ውሳነ ናይ ምሃብ ተግባር

**ሚዛን:-** ኣብ ርክብ ሕድ ሕድ እቲ ሓደ ንኻልእ ከይብድል ዘገልግል መስርሕ ማዕርነትን ፍትሓውነትን ዝገልፅ ምልክት

**ባህሪ:-** ጠባይ

**ክኢላታት:-** ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት እኹል ትምህርትን ፍልጠትን ወይ ክእለት ዘለዎም::

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**I. *እዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል እንተኾይኑ /ሓቂ/ ትኽክል እንተዘይኮይኑ /ጌጋ/ ብምባል መልሱ።***

1. ሚዛናዊ ዝኾነ ኣወሃህባ ግልግሎት ንዕብየት ሃገር ጠቓሚ ኣይኮነን።
2. ባህላዊ ትካላት ፍትሒ፣ ፍትሒ ንምዕሳል ረብሓ ኣሎዎም።
3. ኣካላት ፖሊስ ምስ ዘበናዊ ኣካላት ፍትሒ ኣይምደቡን።
4. ግብሪ ንምግፋሕ ማሕበራዊ ትካላት ዝለዓለ ፍልፍል እቶት እዩ።
5. ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ምንቅስቓስ ህይወት ሰባት ጠቐምቲ ኣይኮኑን።

**II. *ኣብ ትሕቲ ፊደል /ሀ/ ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ ፊደል /ለ/ ካብ ዘለዉ እናመረፅኩም ኣዛምዱዎም።***

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ሕጊ ዘይምኽባር | ሀ. ባህላዊ ትካል ፍትሒ |
| 2. ፍትሓውነት | ለ. ትኽክለኛ ውሳነ |
| 3. ሽምግልና | ሐ. ዘመናዊ ትካል ፍትሒ |
| 4. ማሕበራዊ ትካል | መ. ምድንጓይ/ምርፋድ |
| 5. ቤት ፍርዲ | ረ. ኬላ ጥዕና |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡

1. ሰለስቲኦም ቀንዲ ትካላት ዘመናዊ ፍትሒ __________፣ _____ን __________________ን እዮም
2. ንዜጋታት ፍልጠት ዘስፋሕፍሕ ማሕበራዊ ትካል __________ እዩ።
3. ዜጋታት ከም መጠን እቶቶም ንመንግስቲ ዝኸፍሉዎ ገንዘብ __________ ይበሃል።

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡

1. ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ወይ ስርዓት ኣድላዪ ዝኸውን ኣበየናይ ከባቢ እዩ?

ሀ. ኣብ ስድራቤት  ሐ. ኣብ ምምሕዳር ጣብያ

ለ. ኣብ ቤት ትምህርቲ  መ. ኩሎም መልሲ እዮም

2. ካብ መንነ እዞም ዝስዕቡ ንፍትሓዊ ውሳነ ዓንቃፊ ዝኸውን ኣየናይ እዩ?

ሀ. ሓሶት  ሐ. ቅንዕና

ለ. ሓቀኛነት  መ.ሚዛናዊ ፍርዲ

3. ግብሪ ክኸፍል ዘለዎ ክፋል ሕብረተሰብ መን እዩ?

ሀ. ነጋዳይ  ሐ. ሓረስታይ

ለ. ሰራሕተኛ መንግስቲ  መ. ኩሎም

4. ማሕበራዊ ትካል ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ጣብያ ጥዕና  ሐ. ቤት ትምህርቲ

ለ. መደበር ፖሊስ  መ. ኩሎም

5. ካብ መንነ እዞም ዝስዕቡ ውፅኢት ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምብታን ስድራ ቤት  ሐ. ማዕርነት

ለ. ሰላምን ዕብየትን  መ. ምፍቻር

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ፀሓፉ።

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ንኽዓስል እንታይ ክግበር ኣለዎ?
2. ግብሪ ብግቡእ እንተዘይተኸፊሉ ክስዕቡ ይኽእሉ እዮም እትብሉዎም ፀገማት ዘርዝሩ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ፍቕሪ ሃገር

### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣

ነዚ ምዕራፍ እዚ ተማሂርኩም ምስወዳእኹም፡-

- ፍቕሪ ሃገር ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ መንጎ ዜግነትን ፍቕሪ ሃገርን ዘሎ ርክብ ትፈልጡ።
- ንስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝጕድኡ መዕነውቲ ተግባራት ትፈልዩ።

## 5.1 ፍቕሪ ሃገር

### 5.1.1 እንታይነት ፍቕሪ ሃገር



*ስእሊ 5.1 ካብ መግለፅታት ፍቕሪ ሃገር ሓዲኡ*

- እቲ ስእሊ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ግለፁ
- ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝንገሩ ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር ዝገልፁ ምስላታት፣ ኣበሃህላታት፣ ሓፀርቲ ህዝባዊ ግጥምታት፣ ደርፍታትን መዝሙራትን እትፈልጡዎም ንደቂ ክፍልኹም ንገሩዎም።

  ንአብነት

  ብፍቕሪ ይስራሕ ሃገር፣<br>
  ህዝቢ ብፍልጠት ይኽብር፣<br>
  ህዝቢ ብጥበብ ይኾርዕ፣

  (ህዝባዊ ግጥሚ )

ፍቕሪ ሃገር ሃገርካ ካብ ልቢ ምፍታው ማለት እዩ። ኣባላት ሓደ ስድራ ቤት ዝተፈላለየ መልክዕ፣ ባህርይን ልምድን ዘለዎም እንተኾነ እውን ተረዳዲኦም፣ ተፋቒሮም፣ ተኸኣኢሎምን ተፋቲዮምን ይነብሩ። ኣባላት እቲ ስድራቤት ኣብ ገዛ ማዕረ መሰልን ግቡእን ከምዘለዎም ይግንዘቡ እዮም። ብተመሳሳሊ ኩነታት ዝተፈላለየ ባህሊ፣ ቋንቋ ፣ ሃይማኖትን ልምድን ዘለዎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና እውን ከምኡ ኣብ ሃገሮም ማዕረ መሰል ምንባር ከምዘሎዎም ሕገ መንግስትና ኣረጋጊፁ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ንሃገሮም ዝህልዎም ፍቕሪ ክብ ዝበለ ይኸውን።

ዓለምለኸ ኣፍልጦ ዘለዎ ክልል ግዝኣት ሃገርና ንብሄራት፣ ንብሄረሰባትን ህዝብታትን ከም መንበሪ ሓደ ስድራቤት ብማዕርነት የገልግል። በዚ ምኽንያት እዚ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ብፍቕሪ ተኣሳሲሮም፣ ተኸኣኢሎምን ተኸባቢሮምን ይነብሩ ኣለዉ።



**መልመዲ 1**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ክፍሊ ተዛራረቡሎም፡፡*

1. ሃገርና እንፈቱ ንምንታይ እዩ?
2. ሓደ ሰብ ሃገሩ ይፈቱ እዩ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

## 5.1.2 መግለፂ ባህርያት ፍቕሪ ሃገር



*ስእሊ 5.2 ካብ መድረኻት መለማመዲ ፍቕሪ ሃገር ሓደ*

- ካብዚ ስእሊ እንታይ ትግንዘቡ?

# ኣቦይ ኣርዓዶምን ደቂ መንደር በሪሁን

ሰፈር ኣቦይ ኣርዓዶም እንዳጡረታ እዩ። እንዳ ጡረታ ኣብ ከተማ መቐለ ጣብያ 18 ዝርከብ መንደር እዩ፡፡ ቆልዑ እንዳጡረታ ንኣቦይ ኣርዓዶም ብጣዕሚ ስለዝፈትዉዎም ክፅውዑዎም ከለዉ ኣቦዋይ እናበሉ እዮም፡፡ ኣብ 1928 ዓ/ም ጥልያን ንኢትዮጵያ ብዓገብ ክትወራ ከላ ኣቦይ ኣርዓዶም ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኮይኖም ኣንፃር እቲ ወራር ሰራዊት ተዋጊኦም ነይሮም፡፡ ኣብዚ ኩናት እውን ሓንቲ እግሮም ዝሰኣኑ በዓል ውዕለታ ሃገር ዝኾኑ ሓርበኛ እዮም፡ኣቦዋይ ንበሪሁ ኣቦሓጉኡ እዮም፡፡ ዓሰርተ ኣርባዕተ ምስ ኮነ ጀሚሩ ንኣቦይ ፍሉይ ፍቕሪ ነይርዎ፡፡ መሓዙት በሪሁ ሕሉፍ፣ ዘምዘም፣ በርሀ፣ ተስፋይን ንፅህትን ይበሃሉ፡፡ በሪሁን መሓዙቱን ምስ ኣቦዋይ ምፅዋት ስለዝፈትው ካብ ቤት ትምህርቲ መልሲ ነዚ ስዒቡ ዘሎ ምይይጥ ይገብሩ፡፡

**ዘምዘም፡-** ኣቦዋይ እዚ እግርኹም እንታይ ኮይንኩም ኢኺም ሓሚምኩም?

**ኣቦዋይ፡-** ኣየ ጓለይ ዘምዘም እግረይ ሓሚመ ከይኮንኩስ ዝተቖረፀ ንነፃነት ሃገረይ ምስ ሰራዊት ጥልያን እንትዋጋእ እዩ።

**ዘምዘም፡-** ኣቦዋይ ሃገርኩም ብጣዕሚ ትፈትዉዋ ማለት ድዩ?

**ኣቦዋይ፡-** ካብ ሃገር ንላዕሊ ዝፍቶ ነገር ዶ ኣሎ?

**በሪሁ፡-** ንሕናኸ ሃገርና ምፍታውና ብኸመይ ንገልፅ?

**ኣቦዋይ፡-** ንፉዕ! በርሀ ፅቡቕ ሕቶ ሓቲቱኒ ኣሎ። ምፍታው ሃገር ዝጅምር ካብ ስድራ ቤትን ካብ ከባብን እዩ። ንወላዲ ምኽባር፣ ንጐረባብቲ ፅቡቕ ባህርይ ምርኣይ፣ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ መጠን ከባቢኻ ብፅሬት ምሓዝ፣ ንትምህርቲ ቀዳምነት ምሃብ፣ ውልቃውን ሓባራውን መገልገልቲ ናውቲ ብጥንቃቐ ምሓዝ መግለፅታት ፍቕሪ ሃገር እዮም።

**ተስፋይ፡-** ኣቦዋይ ኣነ ከማኹም ወታደር እንተዝኾንዶ ፅብቕ ኣይኮነን?

**ኣቦዋይ፡-** ብጣዕሚ ፅቡቕ ሓሳብ እዩ። ተስፋይ! ግን' ኮ ሃገር እትሕሎ ኣብ ዓውዲ ኩናት ጥራሕ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብዚ መንደርና ሰላም እቲ ህዝቢ ዝህውኺ ዘሎዉ ምምዓድ፣ ሃገርን ህዝብን ክጐድኡ ካብ ዝኽእሉ ፅያፍ ባህርያት ምርሓቕ፣ ዓርስኻ ኣብነት ጌርካ ምቕራብ ከም ምሕላው ሃገር ማዕረ ኮይኑ ይቑፀር።

ንፅህቲ፡- ኣቦዋይ ወራሪ ሃገር እንተመፀኽ እንታይ ክንገብር ኣለና?

ኣቦዋይ፡- ፅብቕተይ ፀላኢ ሃገር ወራሪ ሰራዊት ጥራይ ኣይኮነን። ወራሪ ፀላኢ እንተመፃኣ'ማ ህዝቢ ተሓባቢሩ ይከላኸሎ። እቲ ዝዓበየ ፀላኢ ሃገር ድኽነት እዩ። ሎሚ ኣብ ቅድሜና

ዝተገተረ ዝዓበየ ፀላኢ ድኽነትና ስለዝኾነ ሕድሕድ ዜጋ ቅድሚ ኹሉ ክዋገኦ ዝግባእ ነዚ ሕሱም ፀላኢ እዩ።

ሕሉፍ፡- ድኽነት እንዋገኦ ብኸመይ እዩ?

ኣቦዋይ፡- ድኽነት እንዋገኦ'ማ ብምምሃርን ፍቕሪ ስራሕ ብምጉልባትን እዩ። ሃፍቲ መንግስትን ህዝብን ከይባኽን ብምሕላው ድኽነት ምጥፋእ ይካኣል። ቡንባ ከባቢኹም ተሰቢሩ ማይ እንትፈስስ ንዝምልከቶ ክፍሊ ምንጋር። ኣምፑላት መብራህቲ መንገዲ ዘይምስባር፣ ንባርዕ ሓዊ ከቃልዑ ካብ ዝኽእሉ ተግባራት ምርሓቕ፣ ንኽባቢ ብፅሬትን ብጥንቓቐን ምክንኻን ካባኻትኩም ትፅቢት ይግበር።

በሪሁ ኣቦዋይ፡- ካብ ሎሚ ጀሚሩ ሃገርና ንኽንፈቱ ዝመኸርኩምና ኩሉ ተግባራዊ ንምግባር ቃል ንኣቱ ኣለና። ኩሎም ድማ ብሓደ ድምፂ፣" እወ ኣቦዋይ ኩልና ብሓባር ቃል ንኣቱ ኣለና።

ኣቦዋይ፡- የዕቢኹም! የዕቢኹም! ንፋዓት ተምሃሮ ኩኑለይ ደቀይ። ናይ ሎሚ ዕምበባታትና ናይ ፅባሕ ፍረታት ሃገርና ንስኻትኩም ኢኹም።



## መልመዲ 2

**ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ዝርርብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ብመሰረት ዝርርብ ኣቦዋይን መሓዙት በሪሁን ፍቕሪ ሃገር ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. መግለፂ ፍቕሪ ሃገር ክኾኑ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ሓሳባት ዘርዝሩ።
3. ዶብ ሃገር ብሰራዊትን ብህዝብን ከምዝሕሎ ሃፍቲ ሃገር እውን ካብ ብኽነት ክሕሎ ከሎ ድኽነት ዓቕሚ ኣይህልዎን።

ኣብዞም ክልተ ሓሳባት እዚኦም ምስደቂ ክፍልኹም ተዘራረቡሎም። ሃገረይ እፈትው እየ ዝብል ዜጋ ኩሉ ንሃገሩ ዘሎዎ ፍቕሪ ብተግባር ክርኢ ኣለዎ። እዞም ዝስዕቡ መግለፂ ባህርያት ፍቕሪ ሃገር ኣብ ተግባር ምውዓል ካብ ሕድሕድ ፈታዊ ሃገሩ ዜጋ ትፅቢት ይግበር።

- ሃገርና ኢትዮጵያ መተካእታ ዘይብላን ብታሪኽ እትሕበን ምዃናን ምግንዛብን ብዝበለፀ ንኽትዓቢ እጃምካ ምውፋይን፣
- ንህዝቢ ዝጠቅም ስራሕ ምስራሕ፣
- ሃገር ካብ ዝጎድኡ ተግባራት ምርሓቕ፣
- ናይ ካልኦት ባህሊ፣ ቋንቋ፣ እምነትን ኣረኣእያን ብምኽባር፣ ብምክእኣልን፣ ብሰላምን ሓቢርካ ምንባር፡፡
- ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ ዝበፅሐኦ ብርኪ ምዕባይ ንምብፃሕ በርቲዕኻ ምስራሕ፡፡

## 5.2 ንፍቕሪ ሃገር ዝጕድኡ መዕነውቲ ተግባራት

- ንኣፈን ዘይረኽባ ቀጠምጠም፣ ንርእሰን ሻሽ መጠምጠም
- ብድሕረይስ ዳንዴር እኳ ኣይትብቆላ
- ዓዲ'ቦኻ ክውረር ሓቢርካ ውረር
- ብላዕን ሌባን ብኣፍደገ ኣይኣትውን

እዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ምሳላዊ ኣባህላታት እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ከምዝሕልፉ ግለፁ።


# ኣብራር “ቀስቶ”

ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ ብርሃን ፍልጠት ብመንፋዕቶም ዝተፈለጡ እዮም። እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ብውፅኢት ሃገርለኸ ፈተና 8ይ ክፍሊ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ቀዳማይ ወፂኡ እዩ፡፡ እቶም ተምሃሮ ብትምህርቲ ጥራሕ ከይኮነስ ብጠባይ”እውን ዝተመስገኑ እዮም። ኣብራር “ቀስቶ” ተምሃራይ እዚ ቤት ትምህርቲ እዩ።

ኣብራር “ቀስቶ”ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝፍለጥ ከምቶም መሓዝቱ ብመንፋዕቲ ትምህርቱን ብፅቡቕ ጠባዩን ከይኮነስ ብሕማቕ ባህሪኡ እዩ። እቶም ተምሃሮ “ቀስቶ” ኢሎም ሳጓ ዘውፅኡሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ብርሃን ፍልጠት መምህር ንዝኾኑ ኣቦኡ መምህር ሃይደር እዩ።

ኣብራር ብኣቦኡ መምህር ቀሰቶ እናተመከሐ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ጥፍኣት ሰሪሑ እዩ። ንኣብነት ኣቡኡ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ዝተለቅሕዎም መፃሕፍቲ ገፃት እናቖደደ ይወስድ። ካብ ኣቦኡ መምህር “ቀስቶ” ሕቶታት ፈተና እናሰረቐ ንተምሃሮ 8ይ ክፍሊ ክሸይጥ ከሎ ተረኺቡ እዩ፡፡ ሓደ እዋን ንጓል ሓትኖኡ ንዘይነብ ሕቶታት ፈተና ሰሪቑ ሂቡዋ እዩ። ኣብ ክፍሊ እውን ናውቲ ትምህርቲ ተምሃሮ እናሰረቐ ምውሳዱ ተመሲኪሩዎ እዩ፡፡

ቡንባ ቤት ትምህርቲ ሰይሩ ፣ ኣብ ክፍሎም ብማንቲግ ኣምፑል ከምዝሰበረ’ውን ተረጋጊፁ እዩ። ኣብ ድሕሪ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘሎ ግራት ዝተተኸሉ ተኽልታት ከፍቲ ኣትየን ከበላሽዎኦ ከሎዋ ኣይምልከተንን ኢሉ ከቢድ ጥፍኣት ንኽበፅሕ ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ባህርይ ኣብራር “ቀስቶ” ካብ ዕለት ናብ ዕለት ምብላሻዉ ዘስገኦም መማህርቱ ኩሉ በደሉ ዘርዚሮም ንርእሰ መምህሮም ከቕርቡ ኣብ ውሳነ በፅሑ።



ስእሊ 5.3 ምብልሻው ንብረት ፍቕሪ ሃገር ብዘለዎ ዜጋ ኣይግበርን



## መልመዲ 3

### ነቲ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. መማህርቲ ኣብራር "ቀስቶ" ንርእሰ መምህሮም ንምቕራብ ዝተሰማዕምዕሎም ጥፍኣታት መብዛሕትኦም ኣብ ኣየኖት ቀንዲ ርእሰ ጉዳያት ክጠቓለሉ ይክእሉ። ብ(✓) ኣመልክቱ።
   - ሀ. ብብላዕን ብዝምድናን ዉዕለታ ምውዓል ..............።
   - ለ. ንብረት ህዝቢ ብምጥፋእ ................።
   - ሐ. ኣብ ክፍሊ ብዘርእዮ ተግባራት ጥፍኣት ..............።
   - መ. ጥፍኣት ብሸለልትነት እናረአኻ ምሕላፍ ..............።
   - ረ. ንህዝቢ እቲ ከባቢ ዘይምኽባር............................።
2. ጥፍኣት መምህር ሃይደር ክኾኑ ዝኽእሉ ሰለስተ ምኽንያታት ጥቐሱ፡፡
3. ዘይግቡኣት ባህርያት ኣብራር "ቀስቶ" ፍቕሪ ሃገር ክጕድኡ ዝኽእሉ ኣዕነውቲ ተግባራት ምዃኖምን ዘይምዃኖም ምስ መምህርኩም ተዘራረቡ።

## 5.3 እንታይነት ሓበራዊ ናውቲ መገልገልቲ

### 5.3.1 ኣብ ገዛ ዝርከቡ ሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲ

- ኣብ ገዛኹምን ኣብ ከባቢኹምን ዝርከቡ ሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲ ዘርዝሩ።

ሓበራዊ ናውቲ ገዛ ዝበሃሉ ካብ ሓደ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት ወይ ጉጅለታት ግልግሎት ዝህቡ መሳርሒታት እዮም። ሓበራዊ ናውቲ ገዛ ንውልቀ ሰባት ጥራሕ ከይኮነ ንብዙሓት ሰባት ዘገልግሉ እዮም።



*ስእሊ 5.4 ናይ ሓባር ናውቲ*

ካብ ውልቀ መሳርሒታት ብተወሳኺ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝነብሩ ናይሓባር ናውቲ እናተጠቐሙ እዮም:: ኣባላት እቶምሓደ ስድራቤት'ውን ብሓባር ዝግልገሉሎም መስርሒታት ኣለዉዎም:: እዞም መሳርሒታት እዚኦም ክዳውንቲ፣ መፃሕፍቲ፣ መብሰሊ ምግቢ፣ ናውቲ ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ። እዞም ሓባራዊ ናወቲ ብኹሎም ኣባላት ስድራ ቤት ብጥንቓቐ ክተሓዙ ይግበኦም። ሓደ ኣባል ስድራ ቤት ጥንቑቕ እቲ ካልእ ድማ ግዲ ዘይብሉ እንተኾይኑ ሰላም እቲ ስድራ ቤት ይዝረግ። ብግዴለሽነት ዝተሰበረ ኣቕሓ ንምዕጋን ወይ ንምትካእ ዝወፅእ ተወሳኺ ወፃኢ በጀት እቲ ስድራ ይውስኽ። ስለዚ ሕድሕድ ኣባል ስድራቤት ነቶም ሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ይግባእ።



## መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ሓበራዊ ናውቲ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ገዛ ዝርከቡ ሓበራዊ ናውቲ መገልገልቲ መሳርሕታት ዘርዝሩ፡፡

## 5.3.2 ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲ

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናውትታት ዘርዝሩ፡፡

“ናብዚ ዘይመውት መዕበዩ ወዲ ሰብ ዝኾነ ቦታ እተዉ!” ዝብል ጥቕሲ ኣብ ብዙሓት መእተዊ በሪ ኣብያተ ትምህርቲ ተፃሒፉ ይርከብ። ቤት ትምህርቲ ህያው ዝኾነ ጥበብ ዝርከበሉ ቦታ እዩ። ኣብዚ ትካል ትምህርቲ እዚ ብዙሓት ሓበራዊ መገልገልቲ ይርከቡ እዮም። ሕድሕድ ተምሃራይ መገልገልቲ ናወቲ ቤት ትምህርቲ ብጥንቀቐ ክሕዝ ሓላፍነት ኣለዎ። መንበርን ጠረጴዛታትን እንተተሰበሩ ጉድኣቱ ናይ ኩሉ እዩ። ሽቓቓት ብጥንቃቐ እንተዘይታሒዞም ተምሃራይ ሕሙም ይኸውን። ተምሃራይ እንተሓሚሙ ድማ ወለድን መንግስትን ንሕክምና ወፃኢ ክገብሩ እዮም። ዕርየቱ ዘይሓለወ መምሃሪ ክፍሊ ኣብ ኣቀባብላ ትምህርቲ ተምሃራይ ‘ውን ፅዕንቶ የሕድር።

ቤት ትምህርቲ ናይ ትማሊ፣ ሎምን ፅባሕን ወለዶ ዘተኣሳስር ማእኸል ፍልጠት ስለዝኾነ ሓበራዊ ናውትታት መገልገሊ ቤት ትምህርቲ ብጥንቃቐ ክተሓዙ ይግባእ።

## 5.3.3 ንሓበራዊ መገልገልቲ ናውትታት ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት

- ንሓበራዊ መገልገሊ ናውትታት ጥንቃቐ ምግባር ንምንታይ የድሊ?

ኣብ ገዛ እንግልገለሎም ናውትታት ዘማልኡልና ወለድና እዮም። መሳርሕታት ቤት ትምህርትናን ከባቢናን ዘማልኡልና ድማ ህዝብን መንግስትን እዮም። ካብ ህዝቢ ዝእከብ ግብርን ቀረፅን ንሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲታት መማልኢ ይውዕል።

ሕድሕድ ዜጋ ነዞም ሓበራዊ መገልገልቲ መሳርሕታት ብጥንቃቐን ብፅሬትን ክሕዝ ይግብኦ፡፡ ጐሓፍ መዋህለሊ ጋብላ ብፅሬት እንተዘይተታሒዙ ነባራይ እቲ ከባቢ ብፀገም ጥዕና ይጉዳእ። መስመራት መብራሕቲ፣ ማይ፣ ስልኪ፣ ብጉድለት ጥንቃቐ እንትበላሸዉ ዝጉዳእ ህዝቢ እዩ።

ብመንፅር ድኽነት እታ ሃገር ድማ ዘየድልዩ ወፃእታት እንድሕር በዚሖም ነቲ ዘሎ ድኽነትና የጋድዱ። ስለዝኾነ እውን ሕድሕድ ዜጋ ንሓበራዊ መገልገልቲ መሳርሕታት ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ይግባእ። ብዘይ ግቡእ መገልገልቲ መሳርሕታት ህዝቢ ዘበላሸወ ‘ውን በሕጊ ይሕተት።



**መልመዲ 5**

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።*

1. ካብ መንነ መገልገልታት ውልቀ ዝኾኑ ኣርባዕተ ዘርዝሩ።
2. ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ ህዝቢ ብሓባር ካብ መንነ ዝግልገለሎም መሳርሕታት ሰለስተ ዝኾኑ ብምዝርዛር ብዝዕባ ኣተሓሕዝኦም ብጉጅለ ተመያየጡ።
3. ዝተሰበረ ወይ ዝተበላሸወ መሳርሒ ቤት ትምህርትኹም እንተሃሊዩ እቲ መሳርሒ ብምስባሩ ዘስዓቦ ጉድኣት ብዝምልከት ተመያየጡሉ።

## 5.4 ካብ ድኽነትን ድሕረትን ምንጋፍ

### 5.4.1 መግለፅታት ድኽነትን ድሕረትን

ቆልዓ እንጀራ! እንጀራ! ኣደውን እንተበለት የለን።
ድኽነት ሕሱም እዩ ፅጋብ ዝበሃል የለን፡፡
(ህዝባዊ ግጥሚ)

- እዚ ግጥሚ ንሕማቕነት ድኽነት ከመይ ከምዝገለፀ ተዘራረብሉ፡፡

ድኽነት ዝበሃል፣ ክዳን፣ ምግቢ፣ መፅለልን ካልኦት ንህይወት ኣድለይቲ ዝኾኑ መሰረታዊ ነገራት ብዝተማልአ ደረጃ ዘይምርካብ እዩ። ድሕረት እውን ብዕብየት ዝገሰገሱ ሃገራት ዝበፅሑዎ ብርኪ ኣፈራርያ፣ ኣሰራርሓን ኣነባብራን ዘይምብፃሕ እዩ።

ሃገርና ድኻ ምስ ዝበሃሉ ሃገራት ተርታ እትምደብ እያ። መንቀሊ ድኽነትና ካብ ዝኾኑ ሓደ ተጊህና ዘይምስራሕና እዩ። ድኽነት ኩሉ ዜጋ ፅግዕተኛ ካልኦት ንክኸውን ይገብር። ድኽነት ንተመፅዋትነት የቃልዕ። ድኻ ህዝቢ ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕ ሓደጋታት ብቐሊሉ ይጥቃዕ።

ኣብ ስድራ ቤትኩምን ኣብ ከባቢኹምን ዘለዉ ሰባት ብህድኣት እንተ ኣሰተውዒልኩም ሓድሓደ ቆልዑ ካብ ድኽነት ስድራቤቶም ዝነቐለ ክመሃሩ ኣይኽእሉን። ብዙሓት ቆልዑ ግቡእን ዝተመጣጠነን ምግቢ ኣይረኽቡን።

ብድኽነትን ብድሕረትን ዝተጠቐዐ ህዝቢ ኩነታት መነባብሮኡ'ውን ዝጎስቆለ ይኸውን፤ ብስእነት ጥዕና እውን ይጥቃዕ። ብዞም ምኽንያታት እዚኦም ድማ ብዝተማልአ መልክዕ ከፍሪ ስለዘይኽእል ድኽነት ይጋፋሕ፡፡



መልመዲ 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብምኽንያት ድኽነት ምምሃር ዘይከኣሉ ቆልዑ ውዕሎኦም እንታይ ከምዝመስል ተዘራረብሉ።
2. መግለፅታት ድኽነትን ድሕረትን ካብ ዝኾኑ ነገራት ሰለስቲኦም ጥቐሱ፡፡

## 5.4.2 ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ መፍትሒ ስጉምትታት

- ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ ዘድልዩ ስጉምታት እትብሉዎም ሓሳባት ዘርዝሩ።

ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምውፃእ ቀንዲ ፍታሕ ተጊህኻ ምስራሕ እዩ። ኣብ ዝለዓለ ዕቤት ንምብፃሕ ፈጣርነትን ኣፍቃርነትን ስራሕ ዜጋታት ኣድላዪ እዩ። ኣብ ሃገርና እውን ዝረአ ዘሎ መንፈስ ምንቕቓሕ ስራሕ ዜጋታት በርቲዑ ክቕፅል ይግባእ። ብመንግስቲ ዝተዳለዉ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ንዜጋታት ንስራሕ ዘለዓዕሉ እዮም። ስለዝኾነ በዞም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ተሓጊዝና ጥንኩር ባህሊ ስራሕ ኣማዕቢልና ንሃገርና ካብ ድኽነት ክነውፅእ ንኽእል ኢና፡፡



መልመዲ 7

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ከባቢኹም ካብ መንኻ ዝረኣዩ ምንቅስቓሳት ልምዓት ሰለስተ ዝኾኑ ጥቐሱ፡፡
2. ኣብ ሃገርና ይረኣዩ ካብ ዘለዉ ቅልጡፍ ምንቅስቃሳት ልምዓት ክልተ ዝኾኑ ጥቀሱ፡፡

## 5.4.3 ግልጋሎት ሰናይ ድሌት

- ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ማለት እንታይ ማለት እዩ?
- ብሰናይ ፍቓድ ዝተዋፈሩ ውልቀ ሰባት ወይ ማሕበራት ኣብ ከባቢ'ኹም እንታይ እንታይ ተግባራት የካይዱ ከምዘለዉ ዘርዝሩ፡፡

### ብዓርሰ ድሌት ዝተፈፀመ ሰናይ ተግባር

ኣብ ሓደ ሃገር ዝነብር ሓደ መንእሰይ ነይሩ። ብ'ሽባቢ መንበሪ ገዛ እቲ መንእሰይ ዝሓልፍ መንገዲ ባቡር ኣሎ። እዚ መንእሰይ ኩሉ ግዜ ኣብወሰን እቲ መንገዲ ባቡር ጠጠው ኢሉ ኢዱ እናወዛወዘ ነቶም ገየሽቲ ብፍ'ቕሪ ሰላም ስለዝብሎም ኩሎም መንገደኛታት ይፈትዉዎ። ብፍላይ ኩሎም ገናሕቲ ባቡር ብዝግባእ ስለዝፈልጡዎ ሓድሓድ ግዘ ኣናእሽተይ ህያብ እናደርበዩሉ ይሓልፉ።

ሓደ ንግሆ እዚ መንእሰይ ዘሰንብድ ነገር ይርኢ። ኣብ ትሕቲ ገዝኦም ዝርከብ ነቲ ዝተዘርገሐ መገዲ ባቡር ዝተሰከመ ድልድል ፈሪሱ ይርኢ። መምፅኢ ባቡር ሰዓት ድማ ይቐርብ ነበረ። እቲ ዝተፈጠረ ሽግር ነቲ ገናሒ ባቡር ኣቐዲሙ እንተዘይነጊሩን እቲ ባቡር ጠጠው እንተዘይኢሉን እቲ ተሳፋራይ ብምሉኡ ከምዝመውት ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ዝተ'ኸደኖ ቐይሕ ሸሚዝ ኣውፂኡ ኣብ ኢዱ ብምሓዝ ምምፃእ እቲ ባቡር ክፅበ ጀመረ።

ኣብቲ ከባቢ ምስ በፅሐ እቲ መንእሰይ ነቲ ቀይሕ ሸሚዙ እናምበልበለ ምስቲ ባቡር ብምጉያይ እቲ ገናሒ ባቡር ነቲ ባቡር ጠጠው ን'ኽብሎ "በጃ'ኻ ጠጠው ኣብል እቲ ድልድል ተሰቢሩ እዩ" እናበለ ከእዊ ጀመረ። እቲ ገናሕን እቶም ገየሽትን ግና ከምወትሩ መሲሉዎም ኢዶም እናወዛወዙ ሰላምታ ሃቡዎ። እቲ መንእሰይ ግን እናበ'ኽየ ብምጉያይ ሸሚዙ እናወዛወዘ እንተእወየ እውን ጭንቀቱ ዝተረደአሉ ኣይረ'ኸበን። ዳሕራይ እቲ ባብር ናብቲ ዝፈረሰ ቢንቶ እናቐረበ ምስከደ እቲ ቆልዓ እውን ነቲ ባቡር ብኢዱ እናኗሕኰሐ ደው ከብል ክፍትን ከሎ ተዓንቂፉ ናብ እግሪ እቲ ባቡር ብምውዳቑ ወዮ ባቡር ጨፍሊቑ ቀተሎ። ነዚ ኩነታት እዚ ብመስትያት ይከታተል ዝነበረ ገናሒ ባቡር ነቲ ባቡር ቀስ ጌሩ ጠጠው ምስ ኣበለ ብተግባር እቲ መንእሰይ ተናዲዱን ሓሪቑን ወሪዱ

ኩነታት እንተሰምዐስ ለከስ እቲ መንእሰይ ንህይወቱ ከይበለ ንባዕሉ ኣሕሊፉ ዝሃበ ተሳፊርቲ እቲ ባቡር ከይሃልቁ እዩ ነይሩ።

(ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝዝንቶ ጥዑም ዛንታ)



## መልመዲ 8

**ነቲ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እቲ ምንባብ ብዛዕባ ሰናይ ተግባር እቲ መንእሰይ እንታይ የምህር?
2. እቲ መንእሰይ ነቲ ተግባር እቲ እንተዘይፍፅም ነይሩ እንታይ ዓይነት ኩነታት ምተፈጥረ ነይሩ?
3. ከምቲ በዓል ዛንታ ዓይነት ቅኑዓት መናእሰይ ንኻልእ ጥቕሚ ክብሉ ህይወቶም ከይተረፈ የሕልፉ እዮም። ንስኻትኩም'ኩ ኣብ ከባቢኹምን ኣብ ቤት ትምህርትኹምን ብሰናይ ፍቓድኩም፣ ዓቕምኹምን ክእለትኩምን ክንዲ ዝፈቐዶ ተበርክቱ'ዶ? ተዘራረብሉ፡፡

ሰናይ ድሌት ብዓርሰ ተበግሶ ንኻልኦት ንምሕጋዝ ዝግበር ፃዕሪ እዩ። ኣብ ግልጋሎት ሰናይ ፍቓድ ኩሎም ዜጋታት ክሳተፉ ይግባእ። ኣገልግሎት ሰናይ ፍቓድ ካብጊዜ ህፃንነት ጀሚሩ ክዓቢ ዝግብኦ ሰናይ ተግባር'ዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ብሰናይ ፍቓድና (ድሌትና) ሓደ ተግባር ንኽንፍፅም ዘይክእዝዘና ይኽእል። ወገንና ንምሕጋዝ ስምዒትና ንሰናይ ስራሕ ክለዓዓል ይግባእ።

ሓድሓደ ሰብ ብገንዘቡ፣ ሓድሓደ ሰብ ብፍልጠቱ ወይ ድማ ብምኽሩ ሰናይ ተግባራት ክፍፅም ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ፅጉማትን ሕሙማትን ክንሕግዝ ንኽእል። ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርትና'ውን ነገራት ንምምላእ ብሰናይ ፍቃድና ዓቕምና ክንዲ ዝፈቐዶ እጃምና ምውፋይ ንኽእል።



## መልመዲ 9

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሰናይ ድሌት ንምጉልባት እንታይ ክግበር ኣለዎ?
2. ኣብ እትነብርሉ ከባቢ ኣብ ተግባር ሰናይ ፍቓድ ዝተዋፈሩ ሰባት ዝፈፀምዎም ስራሕቲ ዘርዝሩ፡፡

## 5.5 ዜግነት

ሰብ ኣብ ሃገሩ ሰብ ኣብገረቡ
እንተበልዐ ሳዕሪ ኣሚኑሉ ልቡ
መንነቱ ይፍለጥ ይኽበር ብህዝቡ፡፡

( ህዝባዊ ግጥሚ)

- እዚ ህዝባዊ ግጥሚ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንታይ ከምዝኾነ ምስ መምህርኩም ተዛተዩሉ።

ዜግነት ማለት ሕጋዊ ኣባል ሓደ ሃገር ምኻን ማለት እዩ። ሓደ ሰብ ዜጋ ሓደ ሃገር ክኸውን ከሎ መንግስቲ እቲ ሃገር ንዘውፅኦ ሕግን ስርዓትን ተገዛኣይ እዩ። ብዜግነቱ'ውን ሕጊ ብዝድንግጎም መሰረት ምሉእ ብምሉእ ተጠቃማይ እንትኸውን ግቡኡ'ውን ብዝግባእ ንኽፍፅም ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ ሓደ ዜጋ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ሃገሩ ብቐዳምነት ተሳታፋይ ክኸውን ይግብኦ። ንሃገሩን ህዝቡን ካብ ዝጐድኡ ተግባራት እውን ብትረት ክቃወም ይግባእ፡፡ ሽግራት ክፍጠሩ ከለዉ እውን ንኣካላተ ሕጊ ብቕልጡፍ ከፍልጥ ግቡእን ሓላፍነትን ዜግነት እዩ፡፡



## መልመዲ 10

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ዜግነት እንታይ እዩ?
2. ካብ ሓደ ኢትዮጵያዊ ዜጋ እንታይ እንታይ ተግባራት ዜግነት ትፅቢት ይግበር?
3. " ሃገረይ ነዓይ እንታይ ገይራትለይ ከይኮነስ ኣነ ንሃገርይ እንታይ ገይረላ ኢልካ ሕተት" ዝብል ኣበሃህላ እንታይ መልእኽቲ የመሓላልፍ?

## 5.6. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ

### 5.6.1 እንታይነትን ኣድላይነትን ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን መዝሙርን



*ስእሊ 5.3 ተምሃሮ ኣብ ስነ ስርዓት ሰንደቕ ዕላማ*

- እዚ ፎቶ ግራፍ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንታይ እዩ?

# ሰራዊትን መሓዝቱን

ሰራዊትን ሰለስተ መሓዝቱን ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሕብረት ተምሃሮ ሓምሻይ ክፍሊ እዮም። ኣርባዕቲኦም መሓዙት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘይግባእ ባህርያት ብምርኣዮም ብዙሕ ጊዜ ተቐፂዖም እዮም። ብፍላይ ንጎሆ ንጉሆ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዝግበር ስነ ስርዓት ምስቃል ሰንደቕ ዕላማ ኣብ መስርዕ እናረበሹ ኣሸጊሮም እዮም። ሓድሓደ መዓልቲ ተምሃሮ ብሄራዊ መዝሙር ህዝቢ ኣብ ዝዝምሩሉ ጊዜ ኣርባዕቲኦም መሓዙቱ ካልእ መዝሙር ብምዝማር ግቡእ ዘይኮነ ራብሻ ይፍፅሙ እዮም። ካልእ መዓልቲ ድማ ነቶም ኣብ ሰልፊ ደው ዝበሉ ተምሃሮ እናተናኾሉ ህውከት ክፍጠር ይገብሩ።

ከምዚ ዝኣምሰለ ራብሻ ኣርባዕቲኦም መሓዙት ብተዳጋጋሚ ዘስተውዓሉ ተወከልቲ ተምሃሮ ክለብ ትምህርቲ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን እቲ ቤት ትምህርቲ ንኣርባዕቲኦም ኣቕሪቦም ኣዘራረብዎም። ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን መዝሙርን መግለፂ ክብሪ ሓንቲ ሃገር ስለዝኾኑ ግቡእ ኣኽብሮት ክወሃብ ከምዝግባእ ብዕሊ ኣረዲኦምዎም። እዞም ብሄራዊ ሰንደቕ ዕላማን መዝሙርን በብዘበኑ ዝተፈፀሙ ዓብይትን ጠቐምትን ሃገራዊ ታሪኻት ከምዝውክሉ ኣገንዚበሙዎም፡፡

ብፍላይ ሉኣላውነትን ብሄራዊ ክብርን ሃገርና ንምኽባር ሃርበኛታት ኣቦታትናን ኣዴታትናን ንሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማና ቀዳምነት ብምሃብ ዝኸፈሉዎ መስዋእትነት ኣካልን ህይወትን እናዘርዘሩ ኣረዱኡዎም። ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ስፖርት ኣብ መድረኻት ዓለም ለኸ ኣደባባያትን ክምብልበል ንተመልካታይ ዓብይ ትርጉም ከምዘመሓላልፍ ብዙሓት መረዳእታታት ብምዝርዛር ከረድኡዎም ፈተኑ።

ድሕሪ ከምዚ ዝበለ ነዊሕ ምይይጥ ኣርባዕቲኦም መናእሰይ ጌጋታቶም ኣሚኖም ይቕረታ ብምሕታት ካልእ ግዘ ከምዚ ዝበለ ጌጋ ከምዘይደግሙ እውን ቃል ኣተው። ቅድም ክብል ኣብ ስነስርዓት ምስቃል ሰንደቕ ዕላማ ብዛዕባ ዝፈፀሙዎ ዘይግቡእ ጌጋ እውን ንኹሎም ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሰልፊ ይቕረታ ከምዝሓቱ ቃል ኣተዉ።



## መልመዲ 11

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኣርባዕቲኦም መሓዙት ኣብ ግዘ ስነ-ስርዓት ምስቃል ሰንደቕ ዕላማ ካብ ዝፍፀሙዎም ጌጋታት እንታይ ተረዲኦኹም?
2. ከምዚኦም ዓይነት ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ኣለዉዶ? እንተልዮም ኣብ ስነ ስርዓት ምስቃል ሰንደቕ ዕላማ ዝፍፅምዎ ጥፍኣት እንታይ ይመስል?
3. ኣባላት ክለብ ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝፈፀሙዎ ተግባር እንታይ ተማሂርኩም?
4. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ሰንደቕ ዕላማን ብሄራዊ መዝሙርን ኣመልኪቱ ተምሃሮ ግቡእ ፍልጠት ክህልዎም እንታይ እንተዝግበር ይሓይሽ?

ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ሓንቲ ሃገር ብሃገራዊ ምልክትነቱ ክብ ዝበለ ትርጉም ኣለዎ። ንኣብነት ኩሎም ዜጋታት ቁም ነገር ንዘለዎ ሃገራዊ ጉዳያት ክተሓባብሩን ክለዓዓሉን ኣብ ምግባር ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ። ሰንደቕ ዕላማ ንነፃነት፣ ንጅግንነት፣ ንምድግጋፍን ንኽብሪ ሉኣላውነትን ዝውክል ተምሳሌት እዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ንሃገሩ ካብ ሰንደቕ ዕላምኡ ነፂሉ ከምዘይርኢ ኣብ ሰናይ ይኹን ኣብ ሕማቕ ታሪኻዊ ግዝያት ኣመስኪሩ እዩ። ስርዓታት መንግስቲ ዓፈንትን ጨቆንትን ኣብ ዝነበርሉ እዋን’ውን እንተኾነ እቲ ህዝቢ ንሃገራዊ ሰንደቕ ዕላምኡ ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ ልዕሊ ወረርቲ ስርዓታት ዘሚቱ ነፃነቱ ኣዊጁ እዩ። ንኽብሪ ሰንደቕ ዕላምኡ ክብል እውን መስዋእትነት ህይወትን ኣካልን ብምኽፋል ወረርቲ ወፃኢ ኣሕፊሩ መሊሱ እዩ።

ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብ ትካላት መንግስትን ውልቀን ኣብ ኣብያተ እምነት፣ ኣበየ ሃገሩ ኣብ ዘለዉ ኣብያተ ፅሕፈት ኢምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓብይቲ ኣኼባታት መንግስታት ኣብ ሜዳታት ስፖርት ኣብ ዓውደ ኩናት

ወዘተ ሃገራዊ መዝሙርና እናተፀምበለ ክምብልበል ከሎ ምስ ምውካል ሃገር ጕኒጕኒ ክብ ዝበለ ኩነታት ሃገራዊ ስምዒት የለዓዕል።

ዋንነት ህዝባውነት ዋንነት ዘይንዓቕ ባህልን ዘኩርዕ ቅርስን ብሂር ብሂረ ሰባትን ህዝብታትን ዝተዓደልናዮ ፀጋ ተፈጥሮ ጅግንነትና ኣጉሊሁ ዘርእይ ብሂራዊ መዝሙርና እውን ሰንደቕ ዕላማና ኣብ ዝምብልበለሉ ግዘ ክዝመር ከሎ ንኽብሪ ሉዓላውነት ሃገርና ክብ ዘብል እዩ።



## መልመዲ 12

### ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ንሃገር ይውክል እዩ ክባሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?
2. ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ብዓወት ክምብልበል ከሎ ዝተሰመዓኒ ሓጎስ ብዝብል ርእሲ ነናይ ውልቐኹም ተጓንፎ ብምዝካር ንደቂ ክፍልኹም ንገሩዎም።
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹምን ኣብ ከባቢኹምን ዝምብልበሉ ሰንደቕ ዕላማታት ብዝምልከት ብዛዕባ ኣተሓሕዛኦም ሓፂር ትረኻ ፅሑፍ ብምቕራብ ተዛራረቡሉ። እቶም ሰንደቕ ዕላማታት ብፅቡቕ ኩነታት ተታሒዞምዶ ኣለው? ወይስ ካብ ምእራግ ዝተልዓለ ተበላሽዮም እዮም? ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ግቡእ ድዩ?

## መጠቓለሊ

ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝምዕብል ኣብ ገዛ ኣብ ከባብን ኣብ ቤት ትምህርትን ብእንገብሮም ውፅኢታዊ ምንቅስቓሳት'ዩ። ንፍቕሪ ሃገር ዝሳድኡ ተግባራት እውን ኣለዉ እዮም። ዝኾነ ሰብ ንኻልእ ሰብ ብሃይማኖቱ፣ ብባህሉን ብቛንቋኡን ፍልልይ ከይገበረ ክኸብሮ ይግባእ። ፍትሓውነትን ማዕርነትን ዓሲሉ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ እውን ኩሎም ዜጋታት ብስራሕ ምእማንን ንሓባር መገልገልቲ ናውትታን ጥንቃቐ ምግባር ይግብኦም።

ዜግነት ሕጋዊ ኣባል ሓንቲ ሃገር ምዃን ማለት እዩ። ሕድሕድ ዜጋ ብዜግነቱ ክረኽቦ ዝግባእ መሰል ምሕታት ጥራይ ኮይኮነ ግቡኡ'ውን ክዋፃእ ይግባእ። ንሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ክብሪ ምሃብ ሓላፍነት ሕድሕድ ዜጋ ምዃኑ እውን ክርሳዕ የብሉን።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሉኣላዊ ሃገር፡-** ዓለምለኻዊ መሰሉ፣ ጥቕሙን ክብሩን ዝተሓለወሉ ነፃ ሃገር።

**ብላዕ/ጉቦ/፡-** ንኻልእ ሰብ ብዘይግባእ ብምጥቃም ዝርከብ ዝኾነ ዓይነት ዘይግቡእ ጥቕሚ።

**ህዝባዊ ግጥምታት፡-** ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብምቅብባል ዝመፁ ደራሲኦም ዘይፍለጥ ግጥምታት።

**ሃርበኛ፡-** ሃገር ኣብ ምክልኻል፣ ኣብ ዝተዋፈረሉ ሙያ ውፅኢታዊ ስራሕ ብምስራሕ ወዘተ ዝተፈለጠ ሰብ

**ዳንዴር፡-** ዕሾኽ ዝበዝሖ ተኽሊ

**ግብርን ቀረፅ'ን፡-** ካብ ንግዲ፣ ዕለታዊ እቶትና ንግስቲ ካብ ድርጅታት፣ ካብ ትካላትን ካብ ዜጋታትን ከም መጠን እቶቶም ንስራሕ ልምዓት ዝእከቦ ገንዘብ።

**ፖሊሲ፡-** ንኣፈፃፅማ ሓደ ተግባር መንግስቲ ዘውፀኦ ሕግን ደንብን።

**ስትራቴጂ፡-** ሓደ ተግባር ንምፍፃም መንግስቲ ዝሕንፆ መምርሒ ኣፈፃፅማ።

**መራኸቢ ሓፋሽ፡-** ሬድዮ፣ ጋዜጣ፣ ቴሌቪዥንን ካልኦት ፍልፍላት መርከቢ ሓበሬታ።

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳብ ብምንባብ ትኽክል ንዝኾነ /ሓቂ/ ትኽክል ንዘይኮነ /ጌጋ/ እናበልኩም መልሱዎም።

1. ባህሊ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከይተበላለፀ ኩሉ ብማዕርነት ክረአ ኣሎዎ።
2. ዜጋታት እንተሞቱ እውን ሃገር ግን ነባሪት እያ።
3. ንብረት ቤት ትምህርትና እንተጠፊኡ ዝጉዳእ መንግስቲ ጥራሕ እዩ::
4. ጉቦ ንባዕልኻ ካብ ሽግር ንምውፃእ ተመራፃይ ዝኾነ ሓፂር መንገዲ እዩ።
5. ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኩሎም ዜጋታት ማዕረ መሰል የብሎምን።
6. ሰንደቕ ዕላማ መግለፂ ክብሪ ሓንቲ ሃገር እዩ፡፡

## II. ኣብ ትሕቲ /ለ/ ዝተዘርዘሩ ኣብ /ሀ/ ምስ ዝተዘርዘሩ ኣዛምዱዎም

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ነፃ መንግስቲ | ሀ. ብዓርሰ ተበግሶ ዝፍፀም ተግባር |
| 2. ዜግነት | ለ. መግለፂ መንነት ህዝብታት |
| 3. ጉቦ | ሐ. ግቡእ ብዘይኮነ መንገዲ ዝርከብ ረብሓ |
| 4. ሰናይ ፍቓድ | መ. ኣባል ሓደ ሃገር ምዃን |
| 5. ባህሊ | ረ. ሉኣላዊ |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዝስማማዕ መልሲ ምረፁ፡፡

1. ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝረጋገፅ
   - ሀ. ብመራኽቢ ሓፋሽ ትምህርቲ ስለዝወሃብ
   - ለ. ቋንቋኦም ጥራሕ ስለዝኽበር
   - ሐ. ናይ ዓርሶም ክልል ብፍቓድ መንግስቲ ስለዝምስርቱ
   - መ. ብዘይ ሓደ ፅዕንቶ ዕድሎም ባዕሎም ስለዝውስኑ
2. ዜጋ ሓንቲ ሃገር ዜግነታዊ ሓላፍነቱ ዝዋፃእ ብኸመይ እዩ
   - ሀ. ንሕገ መንግስቲ እታ ሃገር ተገዛኣይ እንተኾነ እዩ
   - ለ. ክንድቲ ዴሞክራሲያዊ መሰሉ ኽሕለወሉ ዝደሊ ንሱውን መሰል ካልኦት እንትሕሉ እዩ

ሐ. ግቡእ ብምፍፃምን መሰል ካልኦት ሰባት ብምኽባርን እዩ

መ. ኩሉ መልሲ ክኸውን ይኽእል እዩ

3. ሓበራዊ መገልገልቲ ናውቲ ንክኸውን ዘይምረፅ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ዴስክ ቤት ትምህርቲ ሐ. መቑረፂ ፅፍሪ ላማ

ለ. ቴሌቪዥን መንበሪ ገዛ መ. ማይቡንባ ከባቢ

4. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ጉቦ ክበሃል ይከኣል እዩ ።

ሀ. ንንፉፅ ተምሃራይ ዝወሃብ ሽልማት

ለ. ጉዳይ ንምፍፃም ብሕጋዊ ቅብሊት ዝኸፈል ገንዘብ

ሐ.ብደገፍ ዘመድ ኣብ ስራሕ ምእታው

መ. ብተሞክሮ ስራሕ ስዒርካ ስራሕ ምሓዝ

## IV. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክል ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡዎም፡፡*

1. ሃገርና ነፃ ሃገር እያ ክንብል ከለና ________ሃገር እያ ማለትና 'ዩ።
2. ህዝብታት ሃገርና ካብ ሃብቲ ሃገሮም ማዕረ________ምኻን ይግበኦም
3. __________ምልክት መግለፂ መንነትና እዩ፡፡

## V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣሕፂርኩም መልሱ፡፡*

1. ዜግነት እንታይ እዩ?
2. ሓበራዊ መገልገሊ መሳርሒ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
3. ፍቕሪ ሃገር ከመይ ይግለፅ?

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ስምዒት ሓላፍነት

### ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ፦

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስወዳእኹም፡-

- እንታይነት ሓላፍነት ትርድኡ፡፡
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓላፍነት ትፈልጡ፡፡
- ተግባር ብቕንዕና፣ ብተኣማንነት፣ ብሓቀኛነት ብምፍፃም በቢብርኩ ዝህሉ ምፍፃም ዜግነታዊ ሓላፍነት ትግንዘቡ፡፡

## 6.1. እንታይነት ግቡእ ምፍፃም ሓላፍነት



*ስእሊ 6.1 ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ንፈልስታት ማይ እንተስትዩን እንትኩስኩሱን*

- ተግባር ኣብቲ ስእሊ ዝረኣዩ ተምሃሮ እንታይ የመልክት?
- ምትካል ፈልሲ ጥቕሙ እንታይ እዩ?

# ለምለም መረባ

ወ/ሮ ኣዜብን ኣይተ ትርፈን ሰብ ሓዳርን ወለዲ ኣርባዕተ ቆልዑን እዮም፡፡ ኣይተ ትርፈ ኣላሚ እንትኾኑ ወ/ሮ ኣዜብ ድማ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ መምህር እየን፡፡

ብሩኽ፣ ኣስቴር፣ ሳባን፣ ባህታን ኣብ መንግስታዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝመሃሩ፡፡ እዚ ስድራ ስራሕ ብሓባር ይሰርሕ፡፡ በዓል ብሩኽ ስራሕቲ ገዛ ብምክፍፋልን በቢሰሙኑ ብምልውዋጥን እዮም ዝሰርሑ፡፡ ናይ ሰበይትን ሰብኣይን ዝብል ባህላዊ ምደብ ስራሕ ኣየኣምንሉን፡፡ ግዘኦም ብስርዓት መዲቦም ስለዝጥቀምሉ እኹል ግዘ መፅናዕቲ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ በብድልየቶም ስራሕቲ ልምዓት ይሰርሑ፡፡ ብሩኽ ተኽልታት ገደና የልምዕ፣ ሳባ ንህቢ ተራብሕ፣ ባህታ ደርሆ የርብሕ፣ ኣስቴር ናይ ኣቦኣ ሞያ ሒዛ ስራሕ ማእለማ ትሰርሕ፡፡ መረበኦም ለምለምን ዝተፈላለዩ ምህርትታትን ዝራኣየሉ ብምዃኑ ብናይቲ ከባቢ ሰባት “ለምለም መረባ” ብዝብል ስም ይፍለጥ፡፡ ነበርቲ ከባቢኦም ምህርቶም ይገዝኡሎም፡፡

እኒ ብሩኽ ሸይጦም ካብዝረኸብዎ እቶት ናብራ ስድራኦም ብዝግባእ ይሕግዙ፡፡ ንቤት ትምህርቶም ዘድልዩዎምን ካልኦት ወፃእታትን መብዛሕትኡ ካብ ልምዓቶም ብዝርከብ እቶት ይሽፍንዎ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ እድር ከባቢኦም ኣብ ዘጣየሾ ማሕበር ተራድኦ ሰብ ፀጋ ዕድመ ኣባል ኮይኖም ይሰርሑ፡፡ ናይ ኣባልነት ክፍሊት እውን ይኸፍሉ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ድማ ዝመረፅዎም ክለባት ብምስታፍ ናይ ስራሕ ተሞክሮኦም ንኣዕርኽቶም የካፍሉ፡፡ እኒ ብሩኽ ግዘኦም ብስርዓት ብምጥቃም ልዑል ውፅኢት ስለዘመዝግቡ ኣብ ቤት ትምህርቶምን ኣብ ቁሽቶምን ከም ኣብነት ዝጥቀሱን ምስጉናትን እዮም፡፡



## መልመዲ 1

**ነዚ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እኒ ብሩኽ ተግባር ሓላፍነት ዝፍፀሙዎ ብኸመይ እዩ?
2. ስራሕ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ናይ ደቂ ተባዕትዮን ኢልካ ምምዳብ ትኽክል ድዩ ወይስ ኣይኮነን?
3. ኣብ ገዛን ኣብ ቤት ትምህርትን እትሰርሕዎ ስራሕ ኣሎዶ? እንትልዩ እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ንኣዕርኽትኹም ግለፁ፡፡

**ግቡእ ምውሳድ ሓላፍነት፦** ማለት ሓደ ጉዳይ ብዓርሰ ተበግሶ ወይ ብዘወሃብ መምርሒ ብስርዓት ንምፍፃም ሓላፍነት ምቕባልን ምፍፃምን ማለት እዩ፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ዝተዋፈረሉ ሞያን ስራሕን ጠቓሚ ውፅኢት ናይ ምምዝጋብ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ሓላፍነት ከም ዓይነትን ደረጃን እቲ ሞያ ይፈላለ'ዩ፡፡ ንኣብነት ወለዲ ቆልዑ ወሊዶም ምዕባዮም፣ ሓኻይም ምሕካሞም፣ መምህራን ምስትምሃሮም፣ ሰራዊት ንሃገር ካብ ፀላኢ ምሕላዉ፣ ሓረስታይ ምሕራሱን ምህርቲ ምፍራዩን፣ ተምሃሮ ምምሃሮም ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሓላፍነት ዝተዋፈሩ ምኻኖም የርኢ፡፡ በዚ መሰረት ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት ብምስታፍ ሓላፍነት ተቐቢሎም ብምስራሕ ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ኣስተዋፅኦ ናይ ምግባር ባህሊ ከማዕብሉ ይግባእ፡፡

ብርኪ ሓላፍነት ልዕልን ትሕትን ክብል ይኽእል፡፡ ኮይኑ ግና ሓደ ሰብ ኣብ ዝተዋፈረሉ ስራሕ ዘዕግብ ውፅኢት ንምምፃእ ሓላፍነት ናይ ምቕባል ግቡእ ኣለዎ፡፡ ፅቡቕ ውፅኢት ስራሕ ሕድሕድ ሰብ ንዓርሱ፣ ንሕብረተሰብ ቀፂሉ'ውን ንሃገር ዕብየት ጠቓሚ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ እዋን ተምሃርነትኩም ስራሕኹም ትምህርቲ ብምኻኑ ብፅቡቕ ውፅኢት ንምፍፃም ዕላማ ክህልወኩም ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ገዛ ብዝኽኣልኩምዎ መጠን ሓላፍነት ብምቕባል ንስድራ ቤትኩም ሓገዝ ስራሕ ክትገብሩ ኣለኩም፡፡

ወለድኹም ግዚኦም፣ ጉልበቶምን ሃፍቶምን ንናታትኩም ዕብየት መስዋእቲ ምግባሮም ዕቡቕ ዜጋ ንምፍራይ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ስለዚ ብዝኸኣልኩምዎ መጠን ሓላፍነት ብምቕባል ዕቡቕ ውፅኢት ምምፃእን ወለዲ ክሕጎሱ ምግባርን ዜግነታዊ ግቡእነት እዩ፡፡

ሓላፍነት ምቕባል ኣብ ቤት ትምህርቲ'ውን ክትግበር ዘለዎ ተግባር እዩ፡፡ ናይ ሓባር መገልገልቲ ዝኾኑ ንብረታት ቤት ትምህርቲ ካብ ሓደጋ ምሕላው ሓላፍነት ሕድ ሕድ ተምሃራይ ብምኻኑ ብመንፈስ ዋንነት ምክንኻን ካብ ኩሉ ትፅቢት ይግበር፡፡ ብተወሳኺ ምቅዋምን ምክልኻልን ጥቕዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሚሩ ክምዕብል ዝግበኦ ግቡእ ሓላፍነት እዩ፡፡



### መልመዲ 2

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ሓላፍነት ምፍፃም ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ብድሌትካ ዝሰራሕ ስራሕ ሓላፍነት ምፍፃም ማለት ድዩ? ወይስ ኣይኮነን? ኸመይ?
3. ተምሃሮ ንብረት ቤት ትምህርቲ ንምንታይ ይከናኸኑ?
4. ምክልኻል ጥቕዓት ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን ክጅምር ዘለዎ ኣበይ እዩ?

## 6.2 እንታይነትን ኣድላይነትን ቃል ኪዳን

"ዝተዛረቦ ብተግባር መብሰሪ፣
ሓቀኛ ሰብ'ዩ ቃል ኪዳን መኽበሪ፡፡"

- ብመሰረት ልዕል ክብል ዝተውሃቡ ተለላታት ግጥሚ ቃል ኪዳን እንታይ ማለት እዩ?
- ቃል ኪዳን ብምንታይ ይግለፅ?
- ቃሉ ዘኽብር ሰብ እንታይ ተባሂሉ ይፅዋዕ?

# ፀልማትን ክረምትን

ዝሓለፈ 30 ሓምለ ዝወቕዐ ዝናብ ኣዝዩ ከቢድ ነይሩ፡፡ ነበርቲ ጣብያ ሓድነት ካብ ስራሕ ቦተኦም ናብ ገዝኦም ንምእታው ተፀጊሞም ኣምሽዮ፡፡ ውሕጅን ፀልማትን ካብ ዘሸግሮም ሰባት ሓደ ሃናፃይ ዝኾነ ኣይተ ኣማረ ነይሩ፡፡ ዝናብ እናወቕየ ብቕልጡፍ እንተሰደረ'ውን ፀልማት እናበርተዐ ብምምፅኡ እቲ መንገድን ሕርሻ ቦታን ምፍላይ ኣይከኣልን፡፡

ምስ ሸገሮ ዋሕዋሕታ ብርሃን ናብ ዝራኣየላ ገዛ ኸደ፡፡ ደጋጊሙ ፀወዐ፡፡ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ካብገዝኦም ውፅእ ኢሎም ላምባዲና ኣብሪሆም ምስራኣይዎ ሓዘኑሉ፡፡ ናብ ገዝኦም ኣትዩ ንኽዕቅል "ናብ ገዛ እቶ በልዎ"፡፡ ኣማረ ግና ኽትወልድ ዝበለት ጥንስቲ ሰበይቱ ተፀጊማ ከምትፅበዮ ዘላ ገሊፁ ላምባዲናን ፅላልን ንኽህብዎ ለመኖም፡፡ እቶም ሽማግለ ሰብኣይ ንጉሆ ገስጊሱ ንኽምልሰሎም ቃል ኣእተውዎ፡፡ ቃሉ ንሽኽብር'ውን ደጋጊሞም ኣተሓሳሰብዎ፡፡

ኣማረ'ውን ዝኣተዎ ቃል ኪዳን ከምዝፍፅም ቃል ብምእታው ኣመስጊኑ ናብ ቁሸቱ ከደ፡፡ ኣብ ገዝኡ ምስበፅሐ ወ/ሮ ገነት ዝተባሃለት ሰበይቱ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ጠጠው ኢላ ክትፅበዮ ረኸባ፡፡ ካብኡ ናብ ዝሞቐ ገዝኦም ኣትዮም ድራር ተደሪሮም፣ ቡን ሰትዮም ብሰላም ደቀሱ፡፡ ምስነግህ ወ/ሮ ገነት ሕማም ሕርሲ ሓዛ፡፡ ኣማረ ኣዝዩ ተጨነቐ፡፡ ናብቶም ጎረባብቲ ብምኻድ ሰበይቱ ሕርሲ ዝሓዛ ምዃና ነገሮም፡፡ ከም ባህልና፣ ኩሎም ጎረባብቲ ንኽሕግዙዎ ብቕልጡፍ ተኣከቡ፡፡ ምስ ወግሐ ንቶም ሽማግለ ሰብኣይ ዝኣተዎ ቃል ኪዳን ንምኽባር ክብል ሰበይቱ ንጎረባብቲ ሓደራ ብምሃብ ብቕልጡፍ ገስጊሱ ኸደ፡፡ ሓድ ሓደ ጎረባብትን ሰበይቱን ግና ብሓባር ሓመይዎ፡፡ ተግባሩ ከም ጭካነ ቆፀሩዎ፡፡ ንሱ ግና ፅላልን ላምባዲናን እቶም ሽማግለ ንምብፃሕ ብጉያ ከምዝኸደ፣ ሐዚ'ውን ብጉያ ተመሊሱ መፅአ፡፡ ወ/ሮ ገነት ጓል ወሊዳ ዕልል እናተብሃለ በፅሐ፡፡



## መልመዲ 3

**ብመሰረት ልዕል ኢሉ ዝተውሃበ ታሪኽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ቅንዕነት ዝርአ ኣብ ናይመን ተግባር እዩ?
2. ኣብ መንጎ እቶም ሽማግለ ሰብኣይን ኣማረን ዝተገበረ ቃል ኪዳን ብኸመይ ተዛዚሙ?
3. ኣማረ ሰበይቱ ብሕማም ሕርሲ ተታሒዛ እንተላ ናብቶም ሽማግለ ሰብኣይ ምኸያዱ ጭካነ ድዩ ወይስ ኣይኮነን?
4. ኣብ ውሽጢ እቲ ታሪኽ ሓቀኛነት ብኸመይ ተገሊፁ?
5. ንቶም ሽማግለ ሰብኣይ ሕያዋይ እንተይልና ንኣማረ እንታይ ንብሎ?

**ቃል ኪዳን፡-** ማለት ሓደ ሰብ ዝተዛረቦ ከምዝፍፅም ንኽሊእ ሰብ ዝህቦ ቃል ማሕላ እዩ፡፡ ዝተዛረቦ ብተግባር ዝገልፅ ሰብ ሓቀኛ፣ ተኣማኒ እንትበሃል፤ ዝተዛረቦ ብስራሕ ምትርጓም ዝኣበዮ ድማ ቃሉ ዘዕብር ተባሂሉ ይናዓቕ፡፡ ቃል ኪዳን ወዲሰብ ውፅኢታዊ ስራሕ ንኽሰርሕ ዘበረታትዕ ሓይሊ እዩ፡፡ ሕድሕድ ሰብ ንዓርሱ፣ ንስድራቤት፣ ንሕብረተሰቡን ንሃገሩን ቃል ኪዳን ክኣቱ ኣለዎ፡፡ ንሃገር ዝኣቶ ቃል ኪዳን ብስራሕ ክትርጎም'ከሎ ምፍፃም ዜግነታዊ ብፅሒት የርኢየና፡፡ ናብራ ሕብረተሰብ ንምልዋጥ፣ ስልጣነ ንምስፍሕፋሕን ንሃገር ዕብየትን ናይ ዜጋታት ቃል ኪዳን ምእታው ወሳኒ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ቃል ኪዳን ናብ ተግባር ዘእቱ ናይ ህሊና መንቀሳቐሲ ሓይሊ እዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ ገዛ ብፅሒት ስራሕኹም ብቲ ዝድለ እንተፈፂምኩም ፣ ትምህርትኹም ብዕቡቕ ኩነታት ምክትታል እንተኽኢልኩም መኽበሪ ቃል ኪዳን ትበሃሉ፡፡ ቃል ኪዳን ናይ ምኽባር ሓላፍነት ዝጅምር ኣብ ስድራቤት ካብ ዝካየድ ተሳትፎ ስራሕ እዩ፡፡ ከምዙይ እናበለ ዕብየት እናወሰኸ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝካየዱ ዝተፈላለዩ ተሳትፎታት ይምዕብል፡፡

ንኣብነት ተምሃራይ ምኳን ባዕሉ ቃል ኪዳን እዩ፡፡ ምኽንያቱ ናብ ዕቡቕ

ውፅኢትን ብቕዓትን ንምብፃሕ ተምሃሮ ስርሖም ምምሃር ኩልግዘ ጠንኪርካ ስለዝኾነ እዩ፡፡ በተወሳኺ ሓለቓ ክፍሊ፣ መተሓባበሪ ክለብ ኮይንካ ምስራሕን ምግልጋልን ቃል ምእታውን ሓላፍነት ምፍፃምን እዩ፡፡



**መልመዲ 4**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ቃል ኪዳን ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ቃሉ ዘይፍፅም ሰብ እንታይ ተባሂሉ ይፅዋዕ?
3. ጥቕሚ ቃል ኪዳን እንታይ እዩ?

## 6.3. እንታይነት ቅንዕና፣ ተኣማንነትን ሓቀኛነትን

- ቅንዕና፣ ተኣማንነት፣ ሓቀኛነት እንታይ ማለት እዩ?

### ዕቁብ እኒ ጩሎ

ኣብ ደቡባዊ ኣዲስ ኣበባ ላቡን ላፍቶን ዝበሃሉ ክልተ ገፋሕቲ ቁሸታት ይርከቡ፡፡ ኣብ ሞንጎኦም ሓደ ገፊሕ ኣደባባይን መንገዲ ኣስፋልትን ተሰሪሑ ኣሎ፡፡ ኣብ እዋን ሓጋይን ክረምትን ናብቲ መንገድን ኣደባባይን ብዙሓት ነበርቲ በቢ ኣንፈቱ ይመፁ እዮም፡፡ ጩሎን ሓሙሽተ መሓዛቱን ናይቶም ሰባት ጫማታት ኣብ ኽረምቲ ካብ ጭቃ፣ ኣብ ሓጋይ ድማ ካብ ዶረና ብምፅራግ ዓመት ሙሉእ ብንቕሓት እዮም ዝሰርሑ፡፡

እኒ ጩሎ ዕላማን ራእይን ኣለዎም፡፡ ትምህርቲ ምምሃርን ድንኳን ምኽፋትን እቶም ቀንዲ ትልምታቶም እዮም፡፡ ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ባህሊ ዕቛር ይኽተሉ እዮም፡፡ በቢ መዓልቱ ካብዝረኽብዎ እቶት ናይ ሓምሳ ሳንቲም ዕቁብ የውድቑ እዮም፡፡

ጩሎ ዳኛ፣ ኣረጋ ፀሓፊ፣ ቱሉ ተሓዚ ገንዘብ ኮይኖም ተመሪፆም እዮም፡፡ ሓላፍነት ኣረጋ በብወርሑ ኣብ ልዕሊ ወረቓቕቲ ዕፃ ሽም ምፅሓፍን ጠቕሊልካ ምቕራብን እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ዝተዉሃቦ ሓላፍነት ብምዝንጋዕ ኽልተ ኽልተ

ብር ጉቦ እናተቐበለ ናይ ምትላል ተግባር ፈፂሙ፡፡ እዙይ ማለት ድማ ኣብ ዝጥቕልሎም ወረቓቕቲ ዕፃ ናይ ሓደ ሰብ ሽም ደጋጊሙ ብምፅሓፍ እቲ ዝወፅእ ዕፃ ብዘይተወዳዳሪ ንሓደ ሰብ ንኽበፅሕ ምግባር እዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ከንብብን ክፅሕፍን ዝኽኣለ ካብቶም ሰብ ዕቑብ ሓደ ዝኾነ ግርማ፣ ኣረጋ ደጋጊሙ ዝፀሓፎ ስለዘንበቦ ኣቃለዮ፡፡ እኒ ጩሎ'ውን ብዝገበርዎ ምፅራይ ኣረጋ እምነት ስለዘጉደለን ሓቀኛ ዘይምኳኑን ኣረጋገፁ፡፡ ኣረጋ ድማ ግርማ ሓቂ ብምዝራቡ ንኽወቕዕ ኩሉ ፈተነ ኣካየደ፡፡ መሓዙቱ ድማ እምነት ብምጉዳሉ ወቐስዎ፡፡ ድሓር ግና ኣረጋ ብዝሰርሖ ስሕተት ስለዝተጠዓሰ ይቕርታ ሓተተ፡፡ እኒ ጩሎ'ውን ካብ ቅንዕና ወፃእ ዝኾነ ስራሕ ብምስርሑ ክብሪ ተኣማንነት ከምዝሰኣነ ብምግላፅ ካብ ስሕተቱ ንኽመሃር መኺሮም ይቕረታ ገበሩሉ፡፡ ናይ ፀሓፍነት ሓላፍነት ግና ንግርማ ሃብዎ፡፡



**መልመዲ 5**

*ብመሰረት ልዕል ክብል ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1) ብመሰረት እዚ ታሪኽ ውፅኢት ምጉዳል እምነት እንታይ እዩ?
2) ተግባር ግርማ እንታይ የርኢ?
3) ኣረጋ ካብ ፀሓፍነት ምውራዱ ግቡእ ድዩ ወይስ ኣይኮነን?

ዝኾነ ይኹን ተግባር ብቕንዕና፣ ብተኣማንነት፣ ብሓቀኝነት ምፍፃም ማለት ብትሕትናን ብሰላማዊ ኩነታትን ብዘይምትላል ትኽክለኛ ጉዳይ ምግላፅ ወይ ብተግባር ምትርጓም ማለት እዩ፡፡

ተኣማምንነት፣ ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም እንትኾን ሓቀኛነት ድማ ዝኣተኻዮ ቃል ኪዳን ብተግባር ምትርጓም ማለት እዩ፡፡ ሰለስቲኦም ኣምራት ዝተታሓሐዙ እዮም፡፡ ስለዚ እቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ እቲ ካልእ ይርከብ፡፡ ቅንዕና፣ ተኣማንነትን፣ ሓቀኛነትን ንትኽክለኛ ተግባር መሰረታዊ ዝኾኑ ባህርያት እዮም፡፡ ኣብ ዝኾነ

ዘፈር ስራሕ ዝተዋፈረ ሰብ ብምሉእ ሓይሉን ፍልጠቱን ኣብ ግቡእ እዋንን ኩነታትን ብትኽክል ሰሪሑ ብምጥንቓቕ ውፅኢት እንተርእዩ ሓላፍነቱ ብቕንዕና፣ ብተኣማንነት፣ ብሓቀኛነት ፈፂሙ ክበሃል ይከኣል፡፡ ካብዚ ይ ወፃኢ ብዓርሰ ፍትወትን እምነት ብምጉዳልን ስራሕ ምብዳል መሕፈርን ሃገር ምብዳልን እዩ፡፡

ስለዚ ብቑፅ ዜጋ ንምኳን ብቕንዕና፣ ብተኣማንነት፣ ብሓቀኛነት ንምስራሕ ሕሊናዊ ምድላው ግበሩ፡፡ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ከባቢ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ባህሊ ምምዕባል ረብሕኡ ዝላዓለ እዩ፡፡



*መልመዲ 6*

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ዓርሰ ፍትወት ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. መግለፂ ብቑዕ ዜጋ እንታይ እዩ?
3. ኣብ ቤትትምህርቲ ኣብ ዝግበር ተሳትፎ ቅንዕና፣ ተኣማንነትን፣ ሓቀኛነትን ዝግለፀሎም ኩነታት ዘርዝሩ፡፡

## 6.4 ኣድላይነት ምፍፃም ሓላፍነት



*ስእሊ 6.2 ንከባቢኻ ምክንኻን ምፍፃም ሓላፍነት እዩ*

- ከባቢና እንተዘይተኸናኺና እንታይ ፀገም ክፍጠር ይኽእል?
- ከባብያዊ ፀገም ንምፍታሕ ዝግበር ተሳትፎ እንታይ ይባሃል?

# ኣደይ ኣስቴር

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብርሃን ጮራ በቢ ዓመቱ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ክለባት ውድድር ይካየድ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ስዓርን ተሸላምን ክለብ ምትሕግጋዝ ነይሩ፡፡ ኣዶ መንበር እቲ ክለብ ኣስቴር ኣበራ ተምሃሪት 7ይ ክፍሊ ነይራ፡፡ ኣስቴር ብዘይመምርሕን መተሓሳሰብን ኣብ ገዛኣ ክትሰርሖ ዝግብኣ ተግባር ብዝግባእ እያ ትሰርሕ፡፡ ኩሉሻዕ ኣንጊሃ ተላዒላ ንደርሁ ጥረምረ ሂባ፣ ሰፈረን ፀሪጋ፣ እቲ ዕራግ ድማ ንድኹዒ ኣብቲ መደብ ተኽልታት ትንስንስ ነይራ፡፡ ከልቦም ንኽናፈስ ምስፈትሐቶ እያ ገዛ ትፀርግ፡፡

ብድሕሪዚ ተዳልያ ቁርሳ ቆሪሳ ብቕልጡፍ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ብእዋኑ ትበፅሕ፡፡ በዚ ምኽንያት እንኳን ጎረባብታን የድንቑዋ ነይሮም፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ'ውን ዝተመረፀትሉ ክለብ ውፅኢታዊ ንክኸውን ብንጥፈት ትሰርሕ ነይራ፡፡ ኣባላት እቲ ክለብ ብዝግባእ ተተሓባብር እያ፡፡ ቤት ትምህርታ ወኪላ ኣብ ዝተሳተፈትሉ ውድድር ሕቶን መልስን ኣሸኒፋ ሓደ ሽሕ ብር ተሸሊማ እያ፡፡ ብሽልማት ዝረኸበቶ ገንዘብ ንክለብ ምትሕግጋዝ ብምውፋይ ጠቓሚ ተግባር ንኽስርሓሉ ገይራ እያ፡፡

እቲ ክለብ ብምኽንያት ፀገም ትምህርቶም ምክትታል ንዘይከኣሉ ተምሃሮ ይሕግዝ፡፡ እቶም ዕጉማት ቆልዑ ብዓቕሞምን ኣብ ትርፊ ግዘኦምን ብምስራሕ ዓርሶም ንኽኽእሉ ሓገዝ ምኽርን ገንዘብን ይግበረሎም እዩ፡፡ እዙይ ድማ ባህሊ ስራሕ ንኽማዕብሉ መሰረት ኮይኑዎም እዩ፡፡

ካብዙይ ወፃኢ ኣስቴር ኣብ ሰፈራ ኣብ ኮሚቴ ልምዓት መናእሰይ ተሳታፊት እያ፡፡ እቲ ምምሕዳር ጣብያ ኣብ ዝሃቦም ቦታ ካብ ዝስራሕ ውፅኢት ልምዓት ዝርከብ እቶት ኣብቲ ጣበያ ዝነብሩ ብኤድስ ዝተጎድኡ ሰባት ይሕግዙሉ፡፡ በብወርሑ ኣብ ዝግበር ስራሕቲ ምፅራግ መትረብ፣ ስራሕቲ ጉሓፍ ኣብ ምውጋድን፣ ኤች ኣይ ቪ/ ኤድስ ዝምልከት ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ብንጥፈት ትሳተፍ እያ፡፡ ሕሙማትን ሰብ ፀጋ ዕድመን ሰባትን ስለትሕግዝ፣ ብብዙሓት ሰባት ምስግንትን ምርቕትን እያ፡፡ ስለዚ ኣስቴር ብዕድመ ከይኮነስ ስርሓ ዓብዪ ብምዃኑ "ኣዶ" ተባሂላ ትፅዋዕ፡፡



## መልመዲ 7

### ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ሓላፍነት ምፍፃም ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣስቴር ኣብ ገዛ፣ ኣብ ቤትትምህርትን ኣብ ከባቢኣን እትሰርሖም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
3. ከም ኣስቴር ሓላፍነትኩም ትፍፅሙ'ዶ? ብኸመይ?

ቅድም ክብል ከምዝተጠቐሰ ሓላፍነት ምፍፃም ማለት ብዓርሰ ተበግሶ ወይ ካብ ካልኦት ንኽትግበር ዝተውሃበና ስራሕ ብብቕዓትን ብተኣማንነትን ምስራሕ ማለት እዩ፡፡ ሕድሕድ ሰብ ብውልቀን ብሓባርን ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ግቡእ ኣለዎ፡፡ ተምሃሮ ስለዝኾንኩም ትምህርትኹም ብስርዓት ምምሃርን ብብቕዓት ምፍፃምን ክትዋፅእዎ ዝግባእ ውልቃዊ ሓላፍነት እዩ፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ስድራቤትን ከባብን ኣብ ዝግበር ስራሕ ምስ ካልኦት ኮይንካ ምስታፍ ናይሓባር ሓላፍነት ምፍፃም እዩ፡፡ ኣብ ልምዓት ከባቢ ምስታፍ ብዓርሰ ተበግሶ ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ኣብነት እዩ፡፡

ሓላፍነት ምፍፃም ንለውጢ ኣተሓሳስባን ናብራን፣ ንምምፃእ ስልጣነን ምዕባለን፣ ብሓፈሻ ድኽነት ንምቕራፍ ኣድላዪ እዩ፡፡ ሕድሕድ ዜጋ ብቕንዕናን ብተኣማንነትን ብሓቀኛነትን ኣብ ዝተዋፈረሉ ተግባር ሓላፍነቱ ዝፍፅም እንተኾይኑ ዕብየትን ለውጥን ዘይቐርዩ ውፅኢታት እዮም፡፡



## መልመዲ 8

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. መሰረት ስልጣነን ዕብየትን እንታይ እዩ?
2. ካባኻትኹም ትዕቢት ዝግበረሉ ሓላፍነት ብኸመይ ትፍፅምዎ?
3. ብዓርሰ ተበግሶ ዝስርሑ ስራሕቲ ግለፁ፡፡

## 6.5. እንታይነት ሃፍቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግን



ስእሊ 6.3 መንጫዕጫዕታ ጢስ ኣባይ



ስእሊ 6.4 ትኩላት እምኒ ጢያ

- መንጫዕጫዕታ ጢስ ኣባይ ብምንታይ ይፍለጥ?
- ሓወልትታት እምኒ ጢያ ኣበይ ይርከቡ? ብዛዕባ እቶም ሓወልትታት ትፈልጥዎ ግለፁ፡፡
- ካብቶም ክልተ ስእልታት ኣየናይ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ኣየናይ ታሪኻዊ ሓድጊ ምዃኑ ፍለዩ፡፡

# ሽልማት ጫልቱ

**ኣይተ ደጀኔ፦** ጫልቱ ኳለይ እትደልይዮ ነገር ክሸልመኪ ሓሲበ ኣለኹ፡፡ እንታይ እንተገበርኩልኪ ይሕሸኪ?

**ጫልቱ፦** እትሸልመኒ ብምንታይ ምኽንያት እዩ ኣቦዋ?

**ኣይተ ደጀኔ፦** ካብ ክፍሊ ቀዳመይቲ ብምኳንክን ትምህርትኺ ብዝግባእ ብምፍፃምን ሓላፍነትኪ ብምውፃእኺ ስለዝተሓጎስኩ እዩ፡፡

**ጫልቱ፦** የመስግን ኣቦዋይ፡፡ እቲ ሽልማት ሽርሽር እንተዝኾነለይ ይሕሸኒ፡፡

**ኣይተ ደጀኔ፦** ፅቡቕ ሓሳብ እዩ ጫልቱ፡፡ ናበይ ክወስደኪ ትደልዪ?

**ጫልቱ፦** ብመሰረት እቲ ዝተምሃርናዮ ኣብ ሃገርና ዘደንቑ ሃፍትታ ተፈጥሮ፣ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ሓድግታት ምህላዎም ፈሊጥና ኢና፡፡ ካብዚኣቶም ገለገሊኦም እንተተርእየኒ ብጣዕሚ ደስ ይብለኒ፡፡

**ኣይተ ደጀኔ፦** ፅቡቕ ሓሳብ እዩ ጫልቱ፡፡ ንምኳኑ ሃፍቲ ተፈጥሮ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

**ጫልቱ፦** ሃፍቲ ተፈጥሮ ማለት ኣብ ልዕሊ መሬትን ኣብ ትሕቲ መሬትን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ማይ ብተፈጥሮ ዝርከቡ ነገራት እዮም፡፡

**ኣይተ ደጀኔ፦** ጫልቱ ፅቡቕ ተገንዚብኪ ኣለኺ፡፡ ታሪኻዊ ሓድጊ'ኸ እንታይ ማለት እዩ?

**ጫልቱ፦** ታሪኻዊ ሓድግታት ድማ ህዝብታት ኣብ ውሽጢ ነዊሕ ዘበናት ዝሰርሕዎምን ንትውልዲ ዝተሓላለፉን ከምኒ ኣብያተ መንግስቲ፣ ሓወልትታትን፣ ስእልታትን ወዘተ እዮም፡፡

**ኣይተ ደጀኔ፦** ፅቡቕ እዩ፡፡ መሰረታዊ ሓሳብ ሒዝኪ ኣለኺ፡፡ ኣብ ዝቕፅል ክፍሊ ብሰፊሑ ክትማሃርዮ'ኺ፡፡ ካብ ሃፍትታት ተፈጥሮን ሓድግታትን ኣብነት ዝኾኑ ኣብዚ ዓመት ክልቲኦም ከሪአኪ ይኽእል እየ፡፡

**ጫልቱ፡-** ብጣዕሚ ደስ ይብለኒ ኣቦዋይ፡፡ ብዛዕባ ዝረኣኹዎ ታሪኻዊ ቦታን ከባቢን ፀብፃብ ፅሒፈ ንክፍሊ ምሓዙተይ ንምቕራብ ክዳሎ እየ፡፡ ናበይ ክትወስደኒ ሓሲብካ ኣለኻ ኣቦዋይ?

**ኣይተ ደጀኔ፡-** ኣብዚ ዓመት ኣብ ክልል ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታት ደቡብ፣ ዞባ ጉራጌ ኣብ ከባቢ ሶዶ ዝርከቡ ካብ እምኒ ዝተሰርሑ ሓወልትታት ጢያን ከባቢ ኣምቦ ዝርከብ ቃላይ ወንጪን ከነብንየኪ እየ፡፡ ቃላያትን ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ነገራትን ሃፍትታት ተፈጥሮ እዮም፡፡

**ጫልቱ፡-** ኣዝየ የመስግነካ ኣቦዋይ፡፡ ኣነ'ውን ፀብፃብ ዝፅሕፈሉ ደፍተረይ ክዳሉ እየ፡፡



**መልመዲ 9**

***እቲ ዝቕረበ ምይይጥ መሰረት ብምግባር እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣቦ ጫልቱ ንምንታይ ተሓጒሶም?
2. ትፈልጥዎም ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን እንተልዮም እንታይነቶምን ኣበይ ከምዝርከቡን ግለፁ፡፡
3. ሃፍቲ ተፈጥሮ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ታሪኻዊ ሓድጊ'ከ?

ሃፍትታት ተፈጥሮ ማለት ደቂ ሰብ ብፍልጠቶምን ብልምዲ ስርሖምን ከየማሓየሽዎም ብተፈጥሮ ዝርከቡ ነገራት ኩሎም ሃፍትታት ተፈጥሮ ይበሃሉ፡፡ እዚኣቶም ኣብ ልዕሊ መሬት፣ ኣብ ውሽጠ መሬት፣ ኣብ ውሽጢ ባሕርታትን ቃላያትን ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝርከቡ ተኽልታት፣ እንስሳት ዘገዳም፣ ኣዕዋፍ፣ ሩባታት፣ መንጫዕጫዕታ ወዘተ ዝጥቀሱ እዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ፣ ከምኒ ወርቂ፣ ነሓስ፣ ሓፂን፣ ብሩርን ነዳዲ ዘይቲ ዝመሳሰሉን ማዓድናት እዮም፡፡

ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ማይ ዝርከቡ ዝንቀሳቐሱን ዘይንቀሳቐሱን ፍጥረታት ኩሎም ሃፍትታት ተፈጥሮ እዮም፡፡ ኣብ ሃገረና ካብ ዝፍለጡ ሃፍትታት ተፈጥሮ፦

- ሩባታትና፦ መንጫዕጫዕታ ጢስ ኣባይ፣ ኣዋሽ፣ ተከዘ፣ ገናሌ ወዘተ እዮም፡፡
- ቃላያት፦ ጫሞ፣ ሃዋሳ፣ ላንጋኖ፣ ጣና፣ ሓሸንገ ወዘተ እንትኾኑ
- ኣብ ኣዋሽ፣ ኣብ ባሌ፣ ኣብ ነጭ ሳር፣ ኣብ ውሽጢ እምባታት ሰሜን ዝርከቡ እንስሳተ ገዳምን ኣዕዋፍን ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡

ምልማዕ ሃፍትታት ተፈጥሮ ንህይወት ደቂ ሰብ ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎም፡፡ ንሓበራዊ ዕብየት ህዝብታት ሰፊሕ ግልጋሎት ይህቡ እዮም፡፡ ሕድሕድ ዜጋ ንሃፍትታት ተፈጥሮ ብዝግባእ ናይ ምፍላጥ፣ ምልማዕን ምሕላውን ግቡእ ኣለዎ፡፡ እዚ ሓደ ክፋል ሓላፍነት ምፍፃም እዩ፡፡

ንኣብነት ተኽልታት ምክንኻን ካብ መንበሪ ሕድሕድ ሰብ ብቐሊሉ ይጅምር፡፡ ንስኻትኩም'ውን ኣብ መረባኹም ተኽልታት ብምትካል፣ከባቢኹም ብለምለም ክሽፈን እንተገይርኩም ሓመድ ከባቢ ብማይ ከይሕፀብን ተኽልታት ከይበርሱን ይሕግዝ፡፡ ብኸምዙይ ዓይነት ኩሉ ሰብ ብፅሒቱ እንተሰሪሑ ኣብ ምብራስ ዘለዉ ተኽልታት ህይወት ይዘርኡ፡፡ ማይ ሩባታትን ቃላያትን ብስርዓት ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሉ ሓገዝ ልምዓት ይኸውን፡፡ ኣድዋር ምክንኻን ንሃለዋት እንስሳትን ኣዕዋፉትን ውሕስና እንትኸውን ንስራሕቲ ሕርሻ ጠቓሚ ዝኾነ ሓመድ'ውን ከይሕፀብ ይገብር፡፡

**ታሪኻዊ ሓድግታት፦** ዝብሃሉ ህዝብታት ኣብ ዝነበሩሎም ዘበናት ዝሰርሕዎም ውፅኢታት ስልጣነ እዮም፡፡ እዞም ውፅኢታት ስልጣነ ንትውልዲ ብምትሕልላፍ መረዳእታ ታሪኽ ብምኺን የገልግሉ፡፡ ናይቶም ዝሰርሕዎም ህዝብታት ዝነበሮም ብርኪ ዕብየት የረድኡ፡፡ ታሪኻዊ ሓድግታት ባህላውን ሃይማኖታውን ናውቲ፣ ሓወልትታት፣ ኣብያተ ክርስትያን፣ ኣብያተ መንግስቲ፣ መስጊዳት፣ ስእልታትን ዝመሳሰሉን እዮም፡፡

ንዞም ሓድግታት ክንክን እንተዘይተገይሩሎም ክዓንዉ ይኽእሉ እዮም፡፡ ዕንወት ሓድግታት ድማ ዕንወት ታሪኽ እዩ፡፡ ታሪኻዊ ሓድግታት ናይ ሓባር ንብረትና ስለዝኾኑ ኩልና ኽንሕልዎም ዜግነታዊ ግቡእ ኣለና፡፡

ዝኾነ ይኹን ሰብ ነዊሕ ዕድመ ዝገበሩ ብውህብቶ ወይ ብውርሲ ዝረኸቦም ንብረታት ከምሓድገ ክሪኦምን ከሕልዎምን ይግባእ፡፡ ናይ ውልቀ ይኹኑ ናይ ሓባር ታሪኽን ግዘን ዝጠቕሱ ሓድግታት ፈሊና ምፍላጥን ምሕላውን ግቡእና እዩ፡፡ መግለፂ መንነትና ዝኾኑ ሓድግታትና ከይዓንዉ፣ ከይስረቑን ከይሽየጡን ምክልኻል የድሊ እዩ፡፡



## መልመዲ 10

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1) ሃፍቲ ተፈጥሮ ሓለዋ እንተዘይተገይሩሉ ዘስዕቦ ጉድኣት እንታይ እዩ?
2) ጥበብን ክእለትን ሰባት ከምኡ'ውን ዝነበረሉ ብርኪ ስልጣነ ዘርእየና እንታይ እዩ?
3) ኣብቲ ንባብ ዝተገለፁ ፍሉጣት ቦታታት፣ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ታሪኻዊ ሓድግታትን ወይ ሃፍትታት ተፈጥሮ ኩነታቶም ብምፅናዕ ንናይ ክፍሊ ተምሃሮ ግለፁ፡፡
4) ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ኣብ ምሕላውን ኣብ ምክንኻን ናትኩም ብፅሒት እንታይ ክኾን ኣለዎ?

## 6.6 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

- ሕማም ኤች ኣይቪ/ኤድስ እንታይ ከምዝኾነ ትፈልጡ'ዶ? ትፈልጥዎ ተዛረቡ፡፡

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ዓለም ክሳብ ሎሚ መድሓኒት ዘይተረኸበሉ ተመሓላላፊ ሕማም እዩ፡፡ ሰውነት ብምድኻምን ዓቕሚ ምክልኻል ሕማም ብምስኣን ኣብሞት የብፅሕ፡፡

እዚ ተመሓላለፊ ሕማም ኣብ ዓለምና ናብ ኩለን ክፍለዓለማትን ሃገራትን ተስፋሕፊሑ እዩ፡፡ ሃገርና'ውን ካብ ገፀር ክሳብ ከተማ ብምስፍሕፍሑ በዚ ሕማም ተጎዳኢት ብምኳን ብቐዳምነት ተጠቃሲት ኮይና ኣላ፡፡

እዚ ሕማም ኣቦን እኖን እንትቐትል ስድራ ቤት ይጉዳእ፡፡ ህፃናት ብዘይ ኣካቢ ይቐርዩ፡፡ ትምህርቶም ክቕፅሉ ኣይኽእሉን፡፡ ብሽግር ምኽንያት ናብ ጎደና ናብራን ምንግልታፅን ይቃልዑ፡፡ እዚ ኩነታት ተረኪቡቲ ሃገር ናይዝኾኑ ህፃናት ዕብየት የፅንቅፍ እዩ፡፡ ንሃገርና'ውን ኣፍረይቲ ዝተምሃሩ ዜጋታትን የስእና፡፡ ስለዚ እዚ ሕማቕን መሽገርን ዝኾነ ሕማም ካብ ምስፍሕፋሕ ንምዕጋትን ንምክልኻልን ዝመሓላለፈሉ ኩነታት ክትፈልጡ ኣለኩም፡፡ ዝተሓላለፈሉ'ም መንገድታት ምስፈለጥኩም ባዕልኹም ካብቲ ሕማም ብምክልኻል ሓላፍነትኩም ክትዋፁኡ ይግባእ፡፡

## ኤድስ ዝመሓላለፈሉ'ም መንገድታት

1. ኤድስ ወይ እቲ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ብዝተወግአሉ መርፍእ ጥዑይ ሰብ እንትተወጊኡ፣
2. ናይቲ ሕሙም ደም ናብ ናይ ጥዑይ ሰብ ደም እንትተሓዊሱ፣
3. ኤድስ ዘለዎ ሰብ ብዝተጠቐመሎ'ም በላሕቲ መሳርሒታት (ላማ፣ ፅፍሪ መቑረፂ፣ ወዘተ) እቲ ጥዑይ ሰብ እንትተጠቒሙሉ፣
4. እቲ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ብዝተጠቐመሉ መመወፂ ስኒ ጥዑይ ሰብ እንትተጠቒሙሉ፣
5. ብጥንሲ ኣቢሉ ካብ ኣዶ ናብ ዕሽል እንትሓልፍ እዩም፡፡



መልመዲ 11

*እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎ'ም፡፡*

1. መከላኸሊ ሜላታት ኤድስ እንታይ እዮም?
2. ናይ ወለዲ ብኤድስ ምሟት ንህፃናት ዝጎድእ ብኸመይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ዝኾነ ይኹን ዜጋ ንሃገሩ ሓበን እዩ። ሃገር ተረካባይ ዝኾነ ዜጋ ድማ ሓላፍነቱ ብዝግባእ ክዋፃእ ኣለዎ። ብዝተውሃቦ ወይ ብዓርሰ ተበግሶ ብዝጀመሮ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ውፅኢት የምፅእ። ብተኣማንነትን ብቅንዕናን ዝኾነ ስራሕ ምፍፃም እንተኽኢሉ ቃል ኪዳኑ ዝሓለወን እሙንን ዜጋ እዩ።

ሓላፍነት ምፍፃም ካብ ዝግለፀሎም ኩነታት ሓደ ድማ ሓድግን ሃፍትን ሃገር ዝኾኑ ንብረታት ብሓላፍነት ምክንኻንን ምሕላውን እዩ። ሃፍቲ ሃገር ብዝግባእ ኣብ ልምዓት እንተውዒሉ ንስልጣነን ንምዕባለን መሰረት ስለዝኾነ ክንክንን ሓለዋን ክግበረሉ ይግባእ። ነዚ ይ ከም ቀንዲ ኣብነት ገይርና እንጠቕሶ ሓመድና ብዝለዓለ ቅልጣፈ እናተሓፀበ ምኻያዱ እዩ። ሓድግታትና 'ውን እንተኾነ ክንክንን ሓለዋን የድልዮም እዩ።

ቅድም ክብል ከምዝተገለፀ ዜጋታት ቀንዲ ሃፍትታት ሃገር እዮም። ዓርሶም ብትምህርትን ብፍልጠትን ብምህናፅ መፍረይቲ ዜጋ ንኽኾኑ ትፅቢት ይግበረሎም። ንምምሃር ይኹን መፍረያይ ኮይንካ ሃገር ንምህናፅ ብቐዳምነት ጥዕናኻ ዝተሓለወ ምኻኑ ወሳንነት ኣለዎ። ብዝላዓለ ቅልጣፈ ኣብ ዓለም እናተጋፈሐ ንዝርከብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክንካላኸል ኣለና።

ዝመሓላለፈሎም መንገድታት ዝተጠቐሱ ብምኻኖም ዓርስና ካብዚኣቶም ብምሕላውን ኤድስ ምክልኻል እቲ ካሊእ መልክዕ ምፍፃም ሓላፍነት እዩ። ዋላ 'ኳ' ካብዘይ ምፍላጥን ብዘይምጥንቃቕን ዓብዩ ጉድኣት እናብፅሐ እንተኾነ፣ ኤድስ ክነሸንፎ እንኽእል ፀላኢና ምኻኑ ክንፈልጥ ኣለና።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሓላፍነት ምቕባል፦** ተግባር ብግቡእ ንምፍፃም ምውሳን

**ቃል ኪዳን፦** ተስፋ ወይ መተኣማመኒ ቃል

**ቅንዕና፦** ሕያዋይነት ዝግለፀሉ ፅቡቕ ባህሪ

**ተኣማንነት፦** ቃል ኪዳን መኽበራይነት

**ሓቀኛነት፦** ትኽክለኛነት

**ሃፍቲ ተፈጥሮ፦** ብሰባት ፍልጠት ዘይተፈጠረ ሃፍቲ (ማይ፣ መሬት፣ ኣየር ወዘተ)

**ታሪኻዊ ሓድጊ፦** ናይ ዝሓለፉ ዘበናት ታሪኽን ስልጣነን ከረድእ ዝኽእል ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ሃፍቲ

**ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፦** መድሓኒት ዘይተረኽበሉ ተመሓላለፍን ቀታልን ሕማም

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡*

1. ቃል ምእታው ብእምነት መተኣማመኒ ምሃብ እዩ፡፡
2. ተፈጥሮ ምክንኻን ናይ ዓበይቲ እምበር ናይ መናእሰይ ሓላፍነት ኣይኮነን፡፡
3. ሓድጊ ምሕላው ሓላፍነት ምፍፃም እዩ፡፡
4. ኤድስ ምክልኻል ምስ ሓላፍነት ርክብ የብሉን፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ዝስማዕማዕ ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1) መርኣያነት | ሀ) ተስፋን መተኣማመኒ ቃላትን |
| 2) ሓድጊ | ለ) ብሰባት ጥበብ ዘይተሰርሐ |
| 3) ሓላፍነት ምፍፃም | ሐ) ተመሓላላፊ ሕማም |
| 4) ሃፍቲ ተፈጥሮ | መ) ኣብነታውነት |
| 5) ተኣማንነት | ረ) መረዳእታ ታሪኽ |
| 6) ኤድስ | ሰ) ውፅኢት ስራሕ ምርኣይ |
| 7) ቃል ኪዳን | ሸ) ዘይምሕሳው |
| | ቀ) ሽለልትነት |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ዘበንን ታሪኽን ብሂልን ልምድን ዝገለፀሎም ነባር ሃፍትታት __________ ብምባል ይፍለጡ፡፡
2. ኣብ ዓለም ፈውሲ ዘይተረኸበሉ ሕማም __________ እዩ፡፡
3. ብጥበብ ቴክኖሎጅን ሳይንስን ዘይተሰርሐ ሃፍቲ ________ ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ካብዞም ዝስዕቡ ምሉእሓሳባት ሓላፍነት ምፍፃም ዝገልፀሉ፧

ሀ) ትምህርቲ ብግቡእ ምምሃርን ፅቡቕ ውፅኢት ምምፃእን

ለ) ግዘ መፅናዕቲ ከይሓፅር ኣብ ስራሕ ገዛ ዘይምስታፍ

ሐ) ከባብያዊ ልምዕትን ፅሬትን ተግባር ምምሕዳር ጣብያ ጥራሕ እዩ ምባል

መ) ብዶረና ንዘይምርሳሕ መምሃሪ ክፍሊ ዘይምፅራይ

2. ሓድጊ ምክንኻን ናይ መን ሓላፍነት እዩ?
   ሀ) ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ
   ለ) ናይ ሰበ ስልጣን መንግስቲ
   ሐ) ናይ ኩሉ ዜጋ
   መ) ኩሎም መልሲ እዮም
3. ኒያላ፣ ዋልያ፣ ቀይሕ ቡኻርያ
   ሀ) ሓድጊ ሃገር እዮም
   ለ) ሃፍታት ተፈጥሮ እዮም
   ሐ) ኣብ ኩሉ ክፍለ ዓለም ዝረከቡ ዓሌት እንስሳ እዮም
   መ) ሀን ለን መልሲ እዮም፡፡
4. ንስልጣነን ዕብየትን ሃገር ጠቓሚ ዝኾነ
   ሀ) ምምሃር ዜጋታት እዩ
   ለ) ብመሳርሕታት ቴክኖሎጂ ምጥቃም
   ሐ) ብፍልጠት ዝተደገፈ ስራሕ ብዘዕግብ ውፂኢት ምፍፃም እዩ
   መ) ኩሎም መልሲ እዮም
5. ዓርስኻ ካብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘይምሕላው፣-
   ሀ) ግቡእኻ ምፍፃም እዩ
   ለ) ንሂይወትካ ዋጋ ዘይምሃብን ሓላፍነት ዘይምፍፃምን እዩ
   ሐ) ቐዳምነት ንትምህርትን ንመፅናዕትን ጠመተ ምሃብ እዩ
   መ) ቃል ኪዳን ምኽባር እዩ

V) *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኸመይ ይመሓላለፍ?
   ቃል ኪዳንን ተኣማንነትን እንታይ ማለት እዩ? ብኸመይ ይግለፅ?
2. ብኣብነት ኣረድኡ፡፡
3. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብኸመይ ምክንኻን ኣለዎም?

# ምዕራፍ ሸውዓተ

## ህርኩት ባህሊ ስራሕ

### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣-

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስ ወዳእኹም፡-

- እንታይነት ህርኩት ባህሊ ስራሕ ትርድኡ፡፡
- እንታይነት ሙያዊ ስነ-ምግባር ትፈልጡ፡፡
- ክቡርነት ስራሕ ትርድኡ፡፡
- ኣድላይነት ክቡርነት ስራሕን ባህሊ ስራሕን ትግንዘቡ፡፡

## 7.1 ምፍጣር ስራሕ





*7.1 ኣብ ዝተፈላለዩ ሙያታት ዝተዋፈሩ ሰባት እንትሰርሑ*

- ልዕል ክብል ካብ ዝቐረቡ ስእልታት ዝተረዳእኹምዎ ሓሳብ ግለፁ
- ኣብቶም ስእልታት እትርእዩዎም ዓይነታት ስራሕ ብዛዕባ ዝሰርሑ ሰብ ሙያ ትፈልጥዎ ንኽፍሊ ምሓዙትኩም ንግርዎም። ስራሕ ምፍጣር ማለት ክእለትካ ተጠቒምካ ምህርቲ ወይ እቶት ንምርካብ ዘኽእል ሓዱሽ ዓይነት ስራሕ ምምሃዝ ማለት እዩ።

### ሓፂን መፂን ዝስረሐላ ንእሽተይ መረባ

ኪዱ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ እዩ። ኩሉሻዕ ዝወሃቦ ዕዮ ገዛ ብዝግባእ ስለዝሰርሕ መምህሩ ንፉዕ እናበሉ የተባብዕዎ ነይሮም፡፡ ኮይኑ ግና ሓልሓሊፉ ክዳኑ ንምንታይ ከምዝረስሐ ሓተትዎ። ኪዱ ክዓ ዓቕሙ ክንዲ ዝፈቐዶ ኣብ ውሽጢ መረቦኦም ኣብ ዘሎ ስራሕቲ ሓፂን መፂን ነቦኡ ብስራሕ ዝሕግዝ ምኳኑ ገሊፁሎም። እቶም መምህርን ተምሃሮን ኣብ መረባ እኒ ኪዱ ብኣካል ተረኺቦም ብዛዕባ እዚ ኩነታት ንምርኣይ ድልየት ኣሕደሩ። ሓደ ማዓልቲ ኪዱ ንመምህሩን

ንመሓዝቱን ንምጉብናይ ናብ ገዝኡ ንክወስዶም ሕቶ ኣቕሪበሎም። ንሳቶም ድማ ፃዊዕቱ ብታሕጓስ ተቐቢሎም ናብ ገዝኡ ከዱ። ኣብ ገዝኡ ምስበፅሑ ኣብ ውሽጢ እቲ መረባ ሓደ ንኢሽቶይ ናይ ሓፂን መፂን መሳርሕን መገጣጠሚ ማሽናትን ረኣዩ።

ኣብቲ ስራሕ አቦ ኪዱ ሓዊስካ ሓሙሽተ ዝኾኑ ፀሊም ክዳን ስራሕ (ኮምፕላስዮን) ዝተኸደኑ ሰራሕተኛታት ነይሮም። እዞም ሰራሕተኛታት ብዝተፈላለየ መሳርሒ ሓፂን እንትቖርፁ፣ እንትልሑሙን እንትቕጥቕጡን ረኣዩ።

ኣብቲ ቦታ ሓደ እንትሰርሕ ካሊእ ጠጠው ኢሉ ኣይርእን፡፡ ኩሎም ብንቕሓትን ብቕልጣፈን ስርሖም የስልጡ ነይሮም። መምህርን ምሓዙት ኪዱን ብዝረኣይዎ ነገር ብጣዕሚ ተሓጎሱ። እቶም ሰራሕተኛታት ኣዝዮም ቁልጡፋትን ስራሖም ዘኽብሩን ምዃኖም ካብ ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ስራሕ ተገንዘቡ። ኣብቲ ቀፅሪ ገዛ ብዙሓት ዝሰርሖ ኣቑሑ፣ ማዕፆን መሸኮትን ዘስርሑ ዓማዊል ረኣዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተምሃርዎ "ጥንኩር ባህሊ ስራሕ" ዝብል ኣርእስቲ ዘከሩ። መምህሮም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዘምህርዎም ኣብዛ ንኡሽተይ ሓፂን መፂን ዝሰረሐላ መረባ ብተግባር ረአዩ። እቶም መምህርን ተምሃሮን ኪዱ ካብ ቤት ት/ቲ ምስተመለሰ መሳርሒ ብምቕባልን ብምልኣኽን ከምዘገልግል ኣቡኡ ምስ ነገርዎም ብዝበለፀ ኣድነቑዎ።



## መልመዲ 1

**ብመሰረት እቲ ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ካብቲ ታሪኽ ዝተረዳእኹምዎ ሓሳብ ንናይ ክፍሊ ምሓዝትኩም ንገርዎም።
2. ካብቶም ኣብ ስራሕቲ ሓፂን መፂን እንዳ ኪዱ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት እንታይ ተማሂርኩም።
3. ካብ ተግባር ኪዱ እንታይ ተረዲእኹም።

# ተስኡ ንስራሕ!

ስእነት፣ ድንቁርና፣ ድኽነት፣ ሕማም፣
ብስራሕ ንምርታዕ ብዝሓበረ ቅልፅም።
ኩልኹም ተልዓሉ ብስራሕ እመኑ፣
ሃገር ትዓብየሉ ሎሚ እዩ እዋኑ።
ከምናይ ፃፀ ሕብረት ከም ንህቢ ፃዕሪ፣
ደላይ ናይ ጥበብ ንፍልጠት መርማሪ፣
ናይ ፅባሕ ዓብዪ ሰብ-ናይ ሎሚ ተምሃሪ።
ፅግዕተኛነት ሕማቕ-ምኳኑ ፈሊጥኩም፣
ከይሰራሕኻ ምብላዕ ስንፍና ፀሊኡኹም፣
ዓብዪ ንእሽተይ ንስራሕ ኣኽቢርኩም፣
በርቲዕኹም ድኣ ስርሑ ብሓባር ኮይንኹም።



## መልመዲ 2

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ግጥሚ መልሱ።

1. እቲ ግጥሚ ምስ ኣንበብኩም ዝተረዳእኹምዎ ሓሳብ ብሓፂሩ ፃሓፉ።
2. ኣብቲ 5ይ፣ 6ይ፣ 7ይ መስመር እቲ ግጥሚ ዝተገለፀ ሓሳብ ብምብራህ ንመምህርኩም ንገርዎም።
3. ኣብ ውሽጢ እቲ ግጥሚ "ፅግዕተኛነት ሕማቕ ምኳኑ ፈሊጥኩም" እንትብል እንታይ ማለት ይመስለኩም?።

## 7.2 ከይሰራሕኻ ምብላዕ

- ከይሰራሕኻ ምብላዕ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

### ሰናይት

ሰናይት ፈቀዶ ገና ህፃን እንከላ ሓደ መዓልቲ እኖኣን ኣቦኣን ብዛዕባ ዝጀመርዎ ናይ ውልቀ ስራሕ እንትመያየጡ ሰምዐት፡፡ ሽዑንሽዑ ናይ ባዕላ ስራሕ ንምፍጣር ሓደ ሓሳብ መፅኣላ። እዚ'ውን ሰባት ተጠቒሞም ዝድርቢዮዎም ብርችርች ወረቓችቲ ብምእራይ ምሻጥ ነይሩ።

ሰናይት ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ባህላዊ ስፊ እናሰፈዩ ብምምልኻዕ ዝመሓዳደሩ ሰብ ሙያ ነይሮም፡፡ እዞም ሰባት ብርችርች ወረቓችቲ ንስፊ መመላኽዒ ስለዝደልዩዎም ሰናይት ዝኣረየቶም ብርችርች ወረቓችቲ ዝገዝኡ ብዙሓት ዓማዊል ኣፍረየት። ከምዙይ እናበለት ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ካሊእ ንግዲ ንምጅማር ዝኽእላ ገንዘብ ኣከበት። ብድሕሪ 'ዙይ ክዳን መተርኣስ ጠሊፍካ ኣብ ምሻጥ ስራሕ ተዋፈረት። ብምቕፃል ናይ ገንዘብ ዓቕማ ብምዕባይ ናብ ካሊእ ስራሕ ዓበየት።

ቀስ ብቀስ ብሰራሕ ስፌት ክዳን ብምስልጣን ናይ ባዕላ ቅዲ ክዳን ዝስርሓሉን ክዳን ዝስፈየሉን ድንኳን ንምኽፋት ከኣለት። ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ዓይነት ክዳውንቲ መርዑ ብምክራይ እቶታ ኣዕበየት። ንስራሕቲ ፈጠራ ንምምሽሕያሽ ዝኽእልዋ መኪናታት ስፌትን፣ ዘበናዊ መሳርሕታትን ቅዲ ክዳንን ንምግዛእ ከኣለት።

ሰናይት ኣብዚ ሓዚ እዋን ኣብ ከባቢኣ ዝተፈለጠት ብዓልቲ ሙያ ስፌት ክዳን ንምኳን በቒዓ ኣላ።



## መልመዲ 3

### ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ካብ ታሪኽ ሰናይት ስራሕ ንምፍጣር ዝሓሳበት ብምንታይ ምኽንያት እዩ?
2. ካብ ታሪኽ ሰናይት እንታይ እንታይ ተማሂርኩም?
3. ንስኻትኩም ንቐፃላይ እንታይ ዓይነት ስራሕ ንምስራሕ ትሓስቡ? ብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡ።

ኩሉ ሰብ ዝደለዮ ዓይነት ስራሕ ብምፍጣርን ብምምሕያሽን ናብ ዝላዓለ ብርኪ ንምብፃሕ ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ስራሕ ፈጢሩ ንምንባር ፈለማ ዘድልይዎ መሰረታዊ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

**ክቡርነት ስራሕ ምርዳእ፦** ስራሕ ንኡሽተይ ወይ ዓብይ እዩ ብምባል ከየማረፅካ ብክቡርነት ስራሕ ምእማንን ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንምስራሕ ዓርስኻ ድልዊ ምግባር፤

**ዓርሰ ተበግሶ፦** ሓደ ሰብ ስራሕ ምፍጣርን ምስራሕን ኣለኒ ኢሉ ዓርሱ ንስራሕ ምድላውን ምንቅስቓስን፤

**ፃዕሪ ምምሕያሽ፦** ስራሕ ንምፍጣርን ምህዞ ስራሕ በብእዋኑ ንምምሕያሽን ንምዕባይን ብዘይ ምቁራፅ ፃዕሪ ምግባር።

ወዲ ሰብ መነባብርኡ ካብ እዋን ናብ እዋን እናመሓየሸን እናለወጠን ዝመፀ ብስራሕ ኣቢሉ እዩ። ሰብ ስራሕ ጠንኪሩ ብምስርሑ ቀደም ካብ ዝነበሮ ድሑር መነባብሮ ናብ ዝሓሸን ዘበናዊን ናብራ ክበፅሕ ክኢሉ እዩ።

እቶም ሎሚ እንሪኦም ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ኩሎም ውፂኢታት ስራሕ ወድሰብ እዮም። ህርኩት ባህሊ ስራሕ ሓደ ህዝቢ እንትምዕብል፣ ሃገሩን ወገኑን ናብ ዘሓሸ ደረጃ ዕብየት ከሰጋግርን ኢሉውን ባዕሉን ስድርኡን ክሕግዝ ይኽእል፡፡ ስራሕ ንኡሽተይ ወይ ዓብይ ኢልካ ምምራፅ ግቡእ ኣይኮነን፡፡ ከምዚ እንተኾይኑ ልምዓትን ዕብየትን ክመፅእ ኣይኽእልን፡፡

ዝኾነ ይኹን ስራሕ ክቡር እዩ። ተምሃሮ! ንስኻትኩም ስራሕ ንምፍጣር ታሓስቡ ዶ? እዚ ዓብይ ነገር እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ምሕሳብ ስራሕ እንተይኾነ ንምፍጣር እትሓስቡዎ ስራሕ ከይዘንጋዕኹም ናብ ተግባር ምልዋጥ ይግባእ።



### መልመዲ 4

**ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ንምኳኑ ስራሕ ፈጢርካ እናሰራሕኻ ንምንባር ባኣኻትኩም ወገን እንታይ እንታይ የድልየኩም? ኣብ ደፍተርኩም ዘርዚርኩም ንመማህርትኹም ኣንብቡሎም።
2. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ንልምዓት ሃገር ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ ግለፁ።
3. ሰባት ብዛዕባ ክቡርነት ስራሕ እንትዛረቡ ሰሚዕኹም'ዶ ትፈልጡ? እንተሰሚዕኹም እንታይ ማለቶም ከምዝኾነ ኣብርሁ፡፡

## 7.2.1 ከይሰርሐ ምብላዕ እንታይ ማለት እዩ?

- ንስኻትኩም ካብ ቤት ትምህርቲ ምስተመለስኩም እትሰርሕዎ ስራሕ ኣሎዶ? ንኽፍሊ ምሓዙትኩም ንገርዎም።
- ከይሰራሕኻ ምብላዕ ሕማቕ ምኳኑ ዝገልፅ ሓደ ኣብነት ንመምህርኩም ንገርዎም

ከይሰራሕኻ ምብላዕ ማለት ካልኦት ሰባት ብዝደኸምሉ ውፅኢት ምጥቃም ማለት እዩ። ሰባት ንዓርሳቶም ይኹን ንስድራቤቶም ንምሕጋዝ ኣብ ስራሕ ክሳተፉ ኣለዎም።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስድራቤት ይኹን ኣብ ሕብረተሰብ ኣባል ብምኳን ስራሕ እንተዘይሰሪሑ ሸኽሚ ካልኦት ኮይኑ ማለት እዩ። ከይሰርሐ ምብላዕ ድማ ነውርን ዝንቀፍን ተግባር እዩ። ሰራሕተኛ ሰብ ንባዕሉን ንሃገሩን ዝጠቅም ተግባር ዝፍፅም ስለዝኾነ ዝፍቶን ዝኽበርን እዩ።



## መልመዲ 5

**ቀፂሎም ኣብ ዘለዉ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ከይሰርሖ ምብላዕ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ስራሕ ምስራሕ ዝግበእና ንምንታይ እዩ?
3. ከይሰራሕኻ ምብላዕ ዝጎድኦ ንመን እዩ?

## 7.2.2 ከይሰርሖ ምብላዕ ዘስዕብዎም ፀገማት

- ብዓቕምኹም ክስርሖ ይግባእ እትብልዎም ስራሕቲ ዘርዝሩ፡፡

### ስራሕ ውሕስና ምንባር ደቂ ሰባት'ዩ

ሓደሰብ በዘይስራሕ ጥዑይን ዝተማልአን ናብራ ንምንባር ኣይኽእልን። ሰብ ንምንባር እንተወሓደ ምግቢ፣ ክዳንን፣ መፅለሊ ገዛን የድልዮ እዩ። ንዞም መሰረታዊ ድልየታት ንምምላእ ድማ ስራሕ ምስራሕ ይግብኦ። ስራሕ ምስራሕ እናኻኣለ ዘይሰርሕ ሰብ ብኹሉ ሰብ ተቐባልነት ኣይህልዎን። ይኹን 'ምበር ሓድሓደ ሰባት ስራሕ ከይሰርሑን ከይደኸሙን ምንባር ይደልዩ እዮም፡፡ እዚኣቶም ከይሰርሑን ከይደኸሙን ካልኦት ዝሰርሕዎ ዝበልዑ እዮም። እዙይ ግቡእ ኣይኮነን፡፡ ንሳቶም ከይሰርሑ ካልኦት ዝሰርሕዎ ፍረ ድኻም ስለዝማቐሉ ብፅሒት ሰራሕተኛታት ትሑት ይኸውን።

በዚ ምኽንያት ኩሉ ሰብ ብዓቕሙን ብኽእለቱን ንምስራሕ እንተዘይ ፂዕሩ ኩነታት ናብራ ደቂ ሰባት ክማሓየሽ ኣይኽእልን። ምዕባለ ሃገር እውን ኣይህሉን፡፡ ሰባት ስራሕ ከይሰርሑ ምንባር ዝደልዩ እንተኾይኖም ፅግዕተኛነት ይጋፋሕ። ፅግዕተኛነት ማለት ኢድ ካልኦት ብምሕላው ብዘይደኸምሉ ንብረትን ጉልበትን ምንባር ማለት እዩ። ስለዚ ካልኦት ብዝደኸምሉ ተቐሚጥካ ናይ ምብላዕ ባህሊ ክተርፍ ኣለዎ።



## መልመዲ 6

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ከይሰርሑ ምብላዕ እንታይ ዓይነት ፀገም የስዕብ?
2. ፅግዕተኛነት ካብዝፍጠረሎም ምኽንያታት ክልተ ጥቐሱ።
3. ስራሕ ውሕስና ደቂ ሰብ እዩ ዝበሃል ብምንታይ ምኽንያት እዩ?

## 7.2.3 ከይሰርሑ ምብላዕ ምፅያፍ

- ከይሰርሑ ምብላዕ ነውሪ እዩ ዝባሃል ንምንታይ እዩ?

ከይሰርሑ ምብላዕ መነወሪ ተግባር እዩ፡፡ ብደረጃ ስድራቤትን ሃገርን'ውን እንተኾነ ማሕለኻ ዕብየትን ልምዓትን ካብዝኾኑ ፀገማት ሓደ እዩ፡፡ ስለዚ ከይሰርሑ ምብላዕ ብምፅያፍን ከይሰርሑ ንምንባር ንዝደልዩ ሰባት ብምስትምሃርን ኩሉ ሰሪሑ ንኽነብር ምትብባዕ የድሊ።

## መረባ ሳራ

ሳራን በርሀን መሓዙት እዮም፡፡ ክልቲኦም ዓዕርኽቲ ሓደ ምዓልቲ ዕዮ ገዘኦም ኣብ እንዳ ሳራ ኮይኖም እናሰርሑ እንከለዉ በርሀ ኣብቲ መረባ ዝተተኽሉ ዕምበባታትን ተኽልታት ገደናን ሪኡ ብለምለምነቶም ተደኒቑ ንሳራ ድማ ከምዚ ክብል ሓተታ፡፡ "ሳራ ተኽልታት መረባኹም ስሓብትን ብዝግባእ ዝቦቐሉን እዮም። መን እዩ ዝከናኸኖም?

ሳራ ንቶም ፈልስታት ካብ ካሊእ ቦታ ብምምፃእ ዝተኽልዎ ኣቦኣ ምኗኖምን ንሳን ንእሽተይ ሓዋን ድማ ብምፅሃይን ማይ ብምስታይን በብተራ ከምዝከናኸኑዎም ነገረቶ። በርሀ ቅድሚኡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ስራሕ ሰሪሑ ስለዘይፈልጥ ብጣዕሚ ተገሪሙ ኣናእሽተይ ቆልዑ ስራሕ ይሰርሑ ድዮም?" እንክብል ሓተታ። ሳራ ድማ ተገሪማ እናረኣየቶ "ብሓቂ ኣናእሽተይ ቆልዑ  ከም ዓበይቲ ሰባት ከቢድ ስራሕ ኣይሰርሑን። ኮይኑ ግና ቀለልቲ ስራሕቲ ምስራሕ ክለምዱ ኣለዎም፡፡

ብዓቕሞምን ብኽእለቶምን ስራሕ ምስራሕ ኣድላይ ምዃኑ ካብ ህፃንነቶም ጀሚሩ ምእማንን ምልማድን ይግብኦም" በለቶ። በርህ ክሳብ ሐዚ ኣብ ስድራቤቱ ብዝኽእሎ ዓቕሚ ኣብ ስራሕ ብዘይ ምስታፉ ተናሰሐ፣ ካልኦት ዝደኸሙሉ እናበልዐ ብምፅንሑ ሓዘነ:: ካብቲ ዕለት ጀሚሩ በርህ ብናቱ ዓቕሚ ክስሩሑ ዝኽእሉ ስራሕቲ ብምስራሕ ስድራቤቱ ምሕጋዝ ጀሚሩ።



### መልመዲ 7

**ልዕል ክብል ብዝቐረበ ምንባብ መሰረት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::**

1. ካብ ታሪኽ ሳራን በርህን እንታይ ተምሂርኩም?
2. ህፃናት ኣብ ዝኽእልዎ ስራሕ ምስታፎም ዝጠቅም ንመን እዩ? ተመያየጥሉ።
3. ናይ መወዳእታ ውሳነ በርህ እንታይ ነይሩ?

ንዓርሶምን ኸባቢኦምን ኣብ ዝጠቅም ስራሕ ዝዋፈሩ ሰባት ስራሕ ምስራሕ ዝፈትው እዮም:: ከምዚ ዝበለ ሓሳብ ዘለዎም ሰባት ንዓርሶም ጥራሕ ከይኮነስ ካልኦት ሰባት 'እውን ከይሰራሕኻ ምብላዕ ንኽፅየፉን ሰሪሖም ንኽረኽቡን ዘተባብዑ እዮም። ሰብ ክነብር ዘለዎ ዓቕሙን ክእለቱን ኣብ ዝፈቐደሉ ዓይነት ስራሕ ተዋፊሩ ብዝረኸቦ ውፅኢት ክኸውን ይግባእ።

ብውፅኢት ስርሖም ዓርሶምን ሃገሮምን ከልምዑ ዝደልዩ ሰባት ከይሰርሑ ምብላዕ ዝፅየፉ'ዮም። ኮይኑ ግና ገለገለ ሰባት ካሊእ ዝደኸመሉ ተቐሚጦካ ምብላዕ ይደልዩ እዮም። እዙይ ግና ብደረጃ ውልቀ ሰብን ስድራቤትን፣ ሃገርን ጉድኣት ዘምፅእ ስለዝኾነ ብዝግባእ ክውገዝ ኣለዎ። ብኻሊእ ወገን ከይሰራሕኻ ምብላዕ ዝፅየፉ ሰባት ንኻልኦት ፅቡቕ መርኣያ እዮም።



## መልመዲ 8

**ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ካልኦት ዝደኸሙሉ ንዘይምብላፅ ንቐፃላይ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?
2. ኣብ ገዛ ብፅሒት ስራሕኹም እንታይ እዩ?
3. ሓደ ሰብ ፅግዕተኛ ካሊእ ሰብ እዩ ዝበሃል መዓዝን እንታይ እንትኾንን እዩ?

## 7.3 መሰል ምስራሕ

- ዜጋታት ክስርሕዎ ዝኽእሉን ዘይኽእሉን ስራሕቲ መን ይመርፀሎም?

ስራሕ እናሰራሕኻ ምንባር መሰል ኩሎም ዜጋታት እዩ። ዝኾነ ሰብ ንኽነብር ክሰርሕ ኣለዎ። ህፃናት ኣብ ዝኽእልዎ ዓይነት ስራሕ ምስታፎም ፅቡቕ እዩ። ኮይኑ ግና ካብ ዕድሚኦምን ዓቕሞምን ንላዕሊ ዝኾነን ምዝመዛ ጉልበት ዘስዕብን ስራሕ ክሰርሑ ኣይግቦኦምን፡፡ ስለዚ ዝኾነ ሰብ ናይ ምንባር ሕገ መንግስታዊ መሰል ከምዘለዎ ሰሪሑ ምንባር ዝኽእለሉ ሕገ መንግስታዊ መሰል'ውን ኣለዎ። መሰል ምስራሕ ዝሳኣነ ሰብ ናይ ምንባር መሰሉ እውን ተሓዲጉ ኣሎ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ናብራ ወድሰብን ስራሕን ዘይፈላለዩ ብምዃኖም እዩ፡፡



## መልመዲ 9

**ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡**

* ምዝመዛ ጉልበት ዘስዕብ ስራሕ እንትንብል እንታይ ማለትና ይመስለኩም?

## 7.3.1 ዝደለይዎ ስራሕ ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ናይ ምስራሕ መሰል

*ስእሊ 7.2 ኣብ ዝተፈላለዩ ሙያታት ዝተዋፈሩ ሰባት*

- ኣብቲ ስእሊ እትርኢዩዎም ሰባት ኣብ እንታይ ዓይነት ስራሕ ዝተዋፈሩ ይመስለኩም?
- ንስኻትኩም'ከ ንሓዋሩ እንታይ ሰሪሑኹም ክትነብሩ ትደልዩ?

ንኹሎም ዜጋታት ዝተፈቐደን ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተቐመጠን መሰል ስራሕ ሕገ መንግስታዊ መሰል ምስራሕ ተባሂሉ ይፍለጥ። እዞም ሕገ መንግስታዊ ናይ ምስራሕ መሰላት ቀጺሎም ዘለዉ እዮም።

1. **ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ዝደለዮን ዝመረፆን ዓይነት ስራሕ ናይ ምስራሕ መሰል ኣለዎ፡፡** ኩሉሰብ ተመሳሳሊ ድልየት ስራሕ ኣይህልዎን፡፡ ሓደ ሓረስታይ፣ ካሊእ መምህር፣ ሓኪም ወዘተ ብዝብል መፀውዒ ሙያ ኩሉ ዝተዋፈረሉ ዓይነት ስራሕ ከከምድልየቱ ይፈላለ እዩ። ይኹን'ምበር ዝኾነ ሰብ ብዜግነቱ ኣብ ዝመረፆ ዓይነት ስራሕ ምውፋር ብሕጊ ዝተውሃቦ መሰል እዩ፡፡
2. **ዝኾነ ሰብ ሙያ ናይ ምምራፅን ናብ ዝደለዮ ቦታ ከይዱ ናይ ምስራሕን መሰል ኣለዎ፡፡** እዚ ማለት ዝኾነ ዜጋ ዝመረፆ መዳይ ስራሕ ናብ ዝኾነ ናይታ ሃገር ክልላት ከይዱ ናይ ምስራሕ መሰሉ ብሕጊ ተረጋጊፁሉ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ሓድሓደ ዓይነታት ሙያ ንምትግባርን ንምፍራይን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ፍልልይ ክህልዎም ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰራሒ ሸኽላ ካብ ዝነበሮ ቦታ ሓመድ ሸኽላ ብበዝሒ ናብ ዝረከበሉ ቦታ ተዛዊሩ ስሩሑ ክቕፅል ይኽእል እዩ።

### 3. ዝኾነ ሰብ መሰል ምፍራይን ምውናንን ውልቀ ንብረት ኣለዎ።

እዙይ  ማለት ሓደ ዜጋ ኣብ ዝመረፆ ሙያን ኣብ ዝደለዮ ከባቢን ተዋፊሩ ምስራሕ ፣ ንብረት ውልቀ ናይ ምፍራይን መሰል ዋንነቱ ክሕለወሉ ናይ ምግባር ሕገ መንግስታዊ መሰል ኣለዎ። ልዕል ክብል ዝተጠቐሱ እዞም ሕገ መንግስታዊ መሰላት ምስራሕ ንኹሎም ዜጋታት ብማዕርነት ዝተዋሃቡ ነፃነታት እንትኾኑ ኩሉ ዜጋ ሰሪሑ ንኽሓድር ምሉእ መሰል ንኽህልዎ ዝገብሩ እዮም። ሰብ እዞም  መሰላት ተጠቒሙ ስራሕ ብዝሰረሖ መጠን ህይወቱ ይልወጥ፣ መነባብሮ ስድርኡ ይመሓየሽ፣ ዕብየት ስድራቤት ድማ ዕብየትን ልምዓትን ከባብን ሃገርን የምፅእ። ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ናይ ምስራሕ መሰሎም ተጠቒሞምን ተሓባቢሮምን እንተሰሪሖም ሃገር ትለምዕ ደረጃ ናብራ ህዝቢ ይዓቢ ይመሓየሽ፡፡



**መልመዲ 10**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ሕገ መንግስታዊ መሰል ስራሕ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ሰብ ህይወት ዓርሱን ስድራቤቱን ተለዊጡ ንምርኣይ እንታይ ንኽገብር ትፅቢት ይግበረሉ?

### 7.3:2 መሰል ምፍራይ ውልቀ ንብረት

- ውልቃዊ ንብረት እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ንብረት ውልቀ እንትበሃል ሓደ ሰብ ብውልቁ ዝውንኖ ናይ ባዕሉ ሃፍቲ እዩ፡፡ ንኣብነት መንበሪ ገዛ፣ እንስሳ ዘቤት፣ መኪና ማሕረስ፣ መሳርሕታት ሕርሻ ወዘተ ዝሓወሰ እዩ። ዝኾነ ይኹን ኢትዮጵያዊ ኣብ ዝኾነ ቦታን ከባብን ዝመረፆ ስራሕ ሰሪሑ ክነብር ይኽእል እዩ። በቲ ዝሰርሖ ውፅኢት ስራሕውን ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎ። ካብዙይ ንላዕሊ ሰሪሑ ካብዝረኸቦ ውፅኢት መሰል ምፍራይ ጥሪትን ኣብቲ ጥሪት እውን ናይ ምእዛዝን መሰል ኣለዎ፡፡



መልመዲ 11

1. ሓደሰብ ናይ ውልቀ ንብረት ንምፍራይ ዘኽእሎ እንታይ እዩ?
2. ብሕታዊ ንብረት ስደራቤትኩም ዝኾኑ ጥቐሱ።

## 7.4 እንታይነት ሙያን ሙያዊ ስነ-ምግባርን

- ሙያ እንትበሃል እንታይን እንታይን ይሓቁፍ?
- ሙያዊ ስነ-ምግባር ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሙያ ናይ ዓርሱ ዝኾነ ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ዝሓትት ዓይነት ስራሕ እዩ። ንኣብነት ግብርና፣ ጋዜጠኛነት፣ መምህርነት፣ ዳይነት ወዘተ ዓይነታት ሙያ እዮም፡፡ ክእለት ሙያ ማለት ኣብ ሓደ ስራሕ ንምውፋር ዘኽእልን ብዛዕባ እቲ ሙያ ክህልዉና ዝግብኦ ፍልጠትን ብቕዓትን ምህላው ማለት እዩ።

ሙያዊ ስነ-ምግባር ማለት ድማ ሓደ ሙያ ኣብ ተግባር እንትውዕል እቲ ባዓል ሙያ ክኽብሮ ዝግብኦ ደንብን ስነ-ስርዓትን ኣሰራርሓን እቲ ሙያ እዩ። ኩሎም ዓይነታት ሙያ ናይባዕሎም ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሙያዊ ስነ-ምግባራት ኣለውዎም፡፡

ኮይኑ ግና ኣብ ኩሎም ሙያታት እንረኽቦም ሓባራዊ ዝኾኑ ሙያዊ ስነ-ምግባራት ኣለዉ፡፡ እዞም ሙያዊ ስነ-ምግባራት ብኹሎም ሰብ ሙያ ክኽበሩ ዝግበኦም እዮም። እዚኦም እውን ስራሕ ምኽባር፣ ብቅንዕነት ምግልጋል፣ ንዓማዊል ተኣማኒ ምኳን፣ ሓቀኛነት፣ ሙያዊ ግቡእ ምውፃእ፣ ብቲ ሙያ ተጠቒምካ ንኻልኦት ዘይምጉዳእ፣ ኣብ ተገልገልቲ መድልዎ ዘይምፍፃም ወዘተ ዝብሉ እዮም።

ዝኾነ ተገልጋሊ ትኽክለኛ ግልጋሎት ዝህቦን ዘይህቦን ባዓልሙያ ኣብ ሓፂር እዋን ንምፍላጥ ይኽእል እዩ። ዕብ'ቕ ግልጋሎት ዝሃቦ ባዓል ሙያ የኽብር እዩ። ናይ ኩሉሻዕ ዓሚል ንምኳን ይፅዕር። ብኻሊእ ወገን ሙያዊ ስነ-ምግባሩ ዘይዋፃእ ውልቀሰብን ትካልን ይወቅሶ እዩ። ካብዙይ ሓሊፉ መሰሉ ብግልፂ ክሓትት ይኽእል። እዚ እናተዳጋገመ እንተኸይዱ እቲ ትካል ኣብ ኪሳራ ይወድ'ቕ ማለት እዩ።



## መልመዲ 12

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ብኹሎም ሰብሙያ ክኽበሩ ዘለዎም ሙያዊ ስነ-ምግባራት ዘርዝሩ
2. ፅቡቕ ግልጋሎት ምሃብ ዝጠቕም ንመን እዩ?

## 7.4.1. ንስሪትን መትከላት ስራሕን እቲ ሙያ ተገዛኣይ ምዃን

- ንደንብን መትከላትን ሙያ ተገዛኢ ምዃን ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሕድሕድ ሙያ ናይ ዓርሱ ዝኾነ ውፅኢት ኣለዎ። ሓደ በዓልሙያ ዝስርሖ ስራሕ ውፅኢታዊ ንኽኾውን ኣቐዲሙ ናይቲ ሙያ ስነ-ስርዓት ስራሕ ብዝግባእ ክፈልጥ ይግባእ።

ንኣብነት ሓደ ሓረስታይ ፅቡቕ ምህርቲ ንኽረክብ ብእዋኑ ንመሬቱ ምሕራስ፣ ቀፃሊ እኽሊ ምዝራእን ክንክን ንኽገብርን ትፅቢት ይግበረሉ። ነዚ ስርዓት ኣሰራርሓ እንተተጠቒሙ ዓርሱን ስድራቤቱን ንምምጋብ ከምኡ'ውን ሸይጡ ዘድልይዎ ካልኦት ነገራት ንምግዛእ ይኽእል ማለት እዩ።

ኮይኑ ግና ነዞም ስርዓታት ኣሰራርሓ እንተዘይተኸቲሉ እቲ ዝደልዮ ውፅኢት ኣይረክብን፡፡ ከምኡ'ውን ሓደ መምህር ንተምሃርኡ ኣምሂሩን ብፍልጠት ሃኒፁን ፅባሕ ዝሓሹ ዜጋታት ንምግባር ኣቐዲሙ ፍቕሪ ስራሕ፣ ስዓት ምኽባር፣ ተምሃርኡ ምፍቃርን ተምሃራይ ዘሳትፈ ሜላ ኣማሃህራ ምጥቃምን ክህልዎ ይግባእ፡፡ እዙይ እንተዘይገይሩ ግና ተምሃርኡ ብቲ ዝድለ ፍልጠት ሃኒፁ ብቑዓት ዜጋታት ክገብሮም ኣይኽእልን።



## መልመዲ 13

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ሓደ በዓል ሙያ ብዝተዋፈረሉ ስራሕ ውፅኢታዊ ንምኳን እንታይ ንኽገብር ትፅቢት ይግብረሉ?
2. ብትምህርትኹም ውፅኢታዊ ንኽትኮኑ ካባኻትኩም እንታይ ትፅቢት ይግበር?

### 7.4.2 ምዕባለ ሙያዊ ክእለት



*ስእሊ 7.3 ሙያዊ ስልጠና ዘርኢ*

- ኣብቲ ስእሊ ዘለዉ ሰባት ስልጠና ብምርካቦም እንታይ ረብሓ ይረኽቡ? እታ ሃገር'ከ እንታይ ትረክብ?

ሓደ ስራሕ ፅቡቕ ውፅኢት ዝህልዎ እቲ ባዓል ሙያ ዓርሱን ሙያኡን ንምዕባይ ብዝገብሮ ፃዕሪ እዩ። ውፅኢታውነት ስራሕ ንምዕባይ ሙያዊ ክእለት ምምዕባል የድሊ። በብእዋኑ ክእለት ንምምዕባል ዘድልዩ ስልጠናታት ምውሳድ ውፅኢት ስራሕ የዕቢ። ካብዚ ብተወሳኺ ብዛዕባ እቲ ሙያ ዝሐሸ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ምሕታትን ምርዳእን የድሊ። ሙያዊ ክእለቱ ንምምዕባል ዝዕዕር ሰብ ንፉዕ ባዓልሙያ ይኸውን።

ውፅኢት ምህርቱ ዝለዓለን ፅሬቱ'እውን ዝተማለኣን ይኸውን። ፅሬት ዘለዎ ምህርቲ ዘፍሪ ባዓል ሙያ ኣብቶም ተጠቀምቲ እምነት የሕድር። ስለዚ ዝኾነ ስራሕተኛ ኣብ ዝወፈረሉ ዘፈር ሙያ ፅቡቕ ውፅኢት ንምርካብን ነቲ ሕብረተሰብ ግቡእ ግልጋሎት ንምሃብን እቲ ሙያ ዝሓቶ ስነ-ምግባር ከኽብር ኣለዎ። እዚ ኣብ ተግባር እንትውዕል እቲ በዓል ሙያ ስድራ ቤቱን ከባቢኡን ይጠቅም ማለት እዩ። እዚ ንሕዝቢ ብቅንዕና፣ ብተኣማንነትን፣ ብፅቡቕ ሙያዊ ስነ-ምግባርን ምግልጋል ድማ ሃገር ናብ ልምዓትን ዕብየትን የሰጋግር።



### መልመዲ 14

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ብዘይካ ብስልጠና ሙያ ብምንታይ ኩነታት ክምዕብል ይኽእል?
2. ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምስራሕ እንታይ ረብሓ ዘለዎ ይመስለኩም?

## መጠቓለሊ

ዝኾነ ሰብ ንምንባር እንተነኣሰ ምግቢ፣ መፅለሊ ገዛ፣ ክዳን፣ የድልዮ። እዚ ድልየት ንምምላእ ድማ ክሰርሕ ኣለዎ። ሰብ ስራሕ ከይነዓቐ እንተሰሪሑ ካብ ባዕሉ ሓሊፉ ንኸባቢኡን ንሃገሩን ዝጠቅም ተግባር ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ሎሚ ንኡሽተይ ዝመስል ስራሕ ብፍልጠትን ብሙያዊ ስነ-ምግባርን እንተተሓጊዙ ዓብይ ውፅኢት ክህልዎ ይክእል እዩ።

ስራሕ ክፍጠር ዝኽእል ነገር እዩ። ኮይኑ ግና ስራሕ ንምፍጣር ብቐዳምነት ድልየት ስራሕ፣ ተበግሶን ውልቀ ፃዕርን ኣዝዮም ኣድለይቲ እዮም። እዞም ናይ ምስራሕ መንፈሳት እዚኦም እንተሃሊዮም ሓደ ቀሊል ስራሕ ብምፍጣር፣ ነቲ ሙያ ብትምህርቲ ብምምዕባልን ሙያዊ ስነ-ምግባር ብምኽባርን ናብ ዝለዓለ ዓይነት ስራሕ ንምስግጋር ይካኣል እዩ። ስራሕ እናሰራሕኻ ምንባር መሰል ኩሉ ዜጋ እንትኾን፣ ከይሰራሕኻ ምብላዕ ድማ ነውርን መሕፈርን እዩ፡፡ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ኣብዝተዋፈሩሉ ሙያ ጠንኪሮም እንተሰሪሖም ውፅኢቶም ዝለዓለ ይኸውን።

ኣብ'ዚ ከይዲ ድማ ሃገር ኣብ ጎደና ልምዓት ትጓዓዝ ማለት እዩ። ልምዓትን ዕብየትን ሃገር ምስላጥ ድማ ቀስ ብቐስ ድኽነትን ድሕረት ንምውጋድ ይሕግዝ። በዚ ኩነታት ሃገር ትምዕብል፣ ህዝባ ድማ ጥዑይን ዝተደላደለን ፅቡቕ ህይወት ክመርሑ ይኽእሉ።

## ኣገደስቲ - ቃላት

**ፅግዕተኛ፡-** ብናይ ኻልኦት ድኻምን ረሃፅን ዝነብር፣ ብናይ ካልኦት ሰባት እቶት ዝመሓደር

**ነውሪ፡-** ግቡእ ዘይኮነ ተግባር፣ ሰባት ዘይቕበልዎ ፀያፍ ባህርይ

**ሙያ፡-** ብዛዕባ ሓደ ዓይነት ስራሕ ዘሎ ፍልጠትን ክእለትን

**ተሞክሮ፡-** ሓደ ሙያ ኩልግዘ ካብ ምስራሕ ዝርከብ ክእለት

**መትከል፡-** ሓደ ተግባር ንምፍፃም ሰባት ዝኽተልዎ ኣንፈት ስራሕ፣ መተሓዳደሪ

**ምውጋዝ፡-** ምርጋም፣ ብሕማቕ ሽም ንኽፈለጥ ምግባር

**ሙያዊ ስነ-ምግባር፡-** ሓደ ስራሕ ንምስራሕ ካብ ሓደ በዓል ሙያ ዝሕሎ ባህሪይ

**ጥሪት፡-** ገንዘብ፣ ንብረት፣ ሃፍቲ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ቀፂሎም ዘለዉ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮነ "ጌጋ "ብምባል መልሱ*

1. ስራሕ መሰረት ህይወት ወድሰብ እዩ።
2. ሓደሰብ ስራሕ እንተሊይዎ ካሊእ ስራሕ ምፍጣር ኣየድልዮን።
3. ዓርስኻ ክኢልካ ምንባር ዝጠቅም ንውልቀኻ ጥራይ እዩ።
4. ከይሰርሑ ካልኦት ዝደኸምሉ ምብላዕ ነውሪ ኣይኮነን።
5. ዝደለይዎ ስራሕ ምስራሕን ውልቀ ጥሪት ምፍራይን መሰል ኩሎም ዜጋታት እዩ።

**II. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ዝስማዕማዕ ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ሙያ | ሀ) መሰል ሰሪሕኻ ምንባር ዜጋታት |
| 2. ሙያዊ ክእለት | ለ) ሰባት ብሓባር ዝሰርሕዎ ተግባር |
| 3. መሰል ስራሕ | ሐ) ሓደ በዓል ሙያ ንሙይኡ ዝህቦ ክብሪ |
| 4. ኣፀያፊ | መ) ናይ ባዕሉ ፍልጠት ዝደሊ ዓይነት ስራሕ |
| 5. ንብረት ውልቀ | ረ) ሓደ ዜጋ ብሙያኡ ሰሪሑ ዘጥርዮ ሃፍቲ |
| 6. ሙያዊ ስነ ምግባር | ሰ) ኣብ ስራሕ ንምውፋር ዘኽእልን ብዛዕባ እቲ ስራሕ ዝህሉ ፍልጠትን |
| 7. ዕዮ ጉጅለ | ሸ) ተገልጋላይ ሕብረተሰብ ምስታፍ |
| | ቀ) ሕብረተሰብ ዘይቕበሎ መሕፈሪ ተግባር |

**III. ነቶም ክፍቲ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ**

1. ሃገር እትምዕብል ክሰርሑ ዝኽእሉ ዜጋታት ባህሊ ...................... እንተማዕብሉ እዩ::
2. ስራሕ ፈጢርካ ምስራሕ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት ካብ ............ን ......................ን ንምንጋፍ እዩ፡፡
3. ሓደ ሙያ ኣብ ስራሕ እንክውዕል እቲ በዓል ሙያ ክኽብሮ ዝግብኦ ደንብን መምርሒ ኣሰራርሓን እቲ ሙያ ................ ይበሃል፡፡

**IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡**

1. ሓደ በዓል ሙያ ፅቡቕ ግልጋሎት ንምሃብ ክማዕብሎ ዝግብኦ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ሙያዊ ስነ ምግባር

   ለ. ሙያዊ ክእለት

   ሐ. ሓደሽቲ ስራሕቲ ምፍጣር

   መ. ኩሎም ኣድለይቲ እዮም

2. ካብዞም ዝስዕቡ ነውርን መሕፈርን ዝበሃል ኣየናይ እዩ?

    ሀ. ተወሳኺ ስራሕ ምስራሕ

    ለ. ብፃዕርኻ ስራሕ ምፍጠር

    ሐ. ምስራሕ እናኻኣለ ካሊእ ዝደኸመለ ምብላዕ

    መ. ሙያዊ ክእለት ምምዕባል

3. ስራሕ ንምፍጣር ኣድላይ ነገር ኣየናይ እዩ?

    ሀ. ንስራሕ ምልዓዓል

    ለ. ሓገዝ ካልኦት ምድላይ

    ሐ. ገንዘብ ክሳብ ዝርከብ ምሕላው

    መ. ሙያ ንምምሃር ድልዊ ዘይምኻን

4. ስራሕ ዘይሰርሕ ሰብ ኣብ መወዳእታ እንታይ ይኸውን?

    ሀ. ንስድርኡን ንሃገርን ሸኽሚ ይኸውን

    ለ. ናብ ዝለዓለ ውፅኢት ይበፅሕ

    ሐ. ሙያዊ ስነ ምግባር ዘለዎ ይኸውን

    መ. ስራሕ ይፈጥር

5. ሰብ ስራሕ ክሰርሕ ዘለዎ ንምንታይ እዩ?

    ሀ. ንምንባርን ተወሰኽቲ ድልየታቱ ንምምላእን

    ለ. ንባዕሉን ስድራቤቱን ንምሕጋዝ

    ሐ. ከባቢኡን ሃገሩን ብሙዩኡ ንምሕጋዝን

    መ. ኩሎም መልሲ እዮም

## V. *ነዞም ስዝዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ውፅኢታውነት ስራሕ እንታይ ማለት 'ዩ?
2. ሓደ በዓል ሙያ ሙያዊ ስነ ምግባር የብሉን እንብሎ መዓዝ እዩ?

# ምዕራፍ ሸሞንተ

## ዓርስኻ ምኽኣል

### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስወዳእኹም፡-

- እንታይነት ዓርስኻ ምኽኣል ትረድኡ፡፡
- ጥቕሚ ዓርሰ እምነት ትረድኡ፡፡
- ካብ ካልኦት ንምምሃር ድልዊ ምኳን ንምንታይ ከምዝጠቅም ትፈልጡ፡፡

## 8.1 እንታይነት ዓርስኻ ምኽኣል



ስእሊ 8.1 ዕግዕተኛነት



ስእሊ 8.2 ዓርስኻ ምኽኣል

- ካብ ክልቲኢም ስእልታት ዓርሰኻ ምኽኣል ዘርኢ ኣይናይ እዩ?
- ዓርስኻ ንምኽኣል ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ገዛኻትኩምን እትሰርሕዎም ስራሕቲ በብተራ እናተልዓልኩም ንደቂ ክፍልኹም ግለፁ፡፡

## ንፋዓት ተምሃሮ

ኣብ ዘለዉ ሃሊዮም ንፋዓት ተምሃሮ
ገሲጊሶም ይላዓሉ ክኸዱ ናብምህሮ፡፡
ቀልጢፎም ተልዒሎም ይኸደኑ ኽዳኖም
ገፆም ተሓፂቦም ቁርሶም'ውን በሊዖም
ምድላዎም ወዲኦም ንስድራኦም ይብሉ
ናብ ትምህርትና ክንከድ በሉ ዳሕን ውዓሉ፡፡
ሰንደቕ ዕላማ እንትሰቀል ሓቢሮም ዘሚሮም
ናብ ክፍሊ እንተኣተዉ ኣኸቢሮም ስዓቶም
መምህራን እንተብርሁ ፅንኢሎም ሰሚዖም
ንሕቶታት ይምልሱ ተረኦም ሓልዮም፡፡
ፍልጠቶም ንምዕባይ የንብቡ መፃሕፍቲ
ከምዚ'ዩ ጉብዝና ከምዚ'ዩ መንፋዕቲ፡፡



### መልመዲ 1

*ብመሰረት እዚ ግጥሚ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. መግለፂ ዓርሰ ምኽኣል ዝኾኑ ተግባራት ዝገልፁ ሓረጋት እናፈለኹም ኣውፅኡ፡፡
2. ሓደ መማያየጥን ሓደ ፀሓፊን ምረፁ፡፡ ብምቕፃል ዓርስኻ ምኽኣል ብዛዕባ ዝህቦ ጥቕሚ ተመያየጡ፡፡

**ዓርስኻ ምኽኣል፣-** ማለት ጉልበትካ፣ ፍልጠትካን ዓቕምኻን ብዝግባእ ብምፍላጥ ብኡ መጠን ዝከኣል ነገር ኩሉ ብዓርሰ ተበግሶ ጠንኪርካ ምስራሕ እዩ፡፡ ካብ ስድራ ቤት፣ ካብ ማሓዙት፣ ካብ መንግስታዊ፣ ወይ ዘይ መንግስታዊ ትካላት ሓገዝ ከይተፀበኻ ብገንዘብካ፣ ጉልበትካን፣ ፍልጠትካን ውዕኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ቀንዲ መግለፂ ዓርስኻ ምኽኣል እዩ፡፡ ንኣብነት ቆልዑ፣

- ትምህርቶም ብንቕሓት እንተተኸታቲሎምን ኣብ እዋን ፈተና ግቡእ ምድላው ብምግባር እንተይቀድሑ እንተሰሪሖም፣
- መምህራን ዝህብዎም ዕዮ ታት ገዛ ብዘይ ድፍኢት ስድርኦም እንተሰሪሖም
- ኣብ ገዝኦምን ቤት ትምህርቶምን ናዉቲ ብስርዓትን ብጥንቃቐን ዘቕምጡ እንተኾይኖም፣
- መእተውን መወፅእን ስዓታት ቤት ትምህርቲ ኣኽቢሮም ዝኣትውን ዝወፅኡን እንተኾይኖም፣

ብሓፈሻ ንባዓልቶም ዘድልይዎም ነገራት ባዓልቶም ዝሰርሑ እንተኾይኖም ዓርሶም ክኢሎም ማለት ይከኣል፡፡

ኣብ ስእሊ 8.1 ዘሎ ቆልዓ ዓራቱ ባዕሉ ምንፃፉ ዓርሱ ንምኽኣል ዝላዓለ ፃዕሪ እናገበረ ከምዝርከብ እዩ፡፡ ብኣንፃሩ እቲ ካልኣይቆልዓ ግን ዓርሱ ንምኽኣል ዝገብሮ ፃዕሪ ዘመለኽት ነገር ከምዘየለን ኣብ ካልኦት ፅግዕተኛ ከምዝኾነን እዩ፡፡ ኣብ ስእሊ 8.2 ዘሎ ቆልዓ ዓርሱ ንምኽኣል ጫማ እናፀረገ ከምዘሎ የመለኽት፡፡ ስለዚ ካብ ቁልዕነት ጀሚሩ ስምዒት ዓርሰ ምኽኣል ምዕባይ ናይ ቀፃላይ ህይወት ቅኑዕ ይገብሮ፡፡

ብኻሊእ ገፅ እንትረአ ዝኾነ ይኹን ሰብ ናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባ ሃልይዎ ናይ ባዕሉ ቁዋም ንምሓዝን ንምፍፃምን ንኽኽእል ብቐዳምነት ዓርሱ ምኽኣል ይግብኦ፡፡ ኣብ ልዕሊ ካሊእ ሰብ ፅግዕተኛ ኮይኖም እናነበሩ ናይ ዓርስኻ ኣረኣእያ ምኽታልን ወልቀ ቁዋም መሓዝን ኣፀጋሚ'ዩ፡፡



## መልመዲ 2

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓደ ተምሃሪይ ዓርሱ ንምኽኣል እንታይ እንታይ ስራሕቲ ክሰርሕ ትፅቢት ይግበረሉ?
2. ንስኻትኩም ኣብ ገዛኹም ዓርስኹም ክኢልኩም እትሰርሕዎም ስራሕቲ ግለፁ?

## 8.2. ዓርሰ እምነት

- ዓርሰ እምነት ማለት እንታይ ማለት ‘ዩ?

### ኣሸብርን እንኡን

ወ/ሮ ኣብርሀት ንኣሸብር ወደን ብምፅዋዕ፡“ኣሸብር ወደይ ሎሚ ብጣዕሚ ኣሒሙኒ እዩ ዘሎ፡፡ ፅባሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትኸደኖ ዩኒፎርም ኣይተሓፀበን፡፡ እንታይ እንተገበርኩ ይሕሸኒ? እስቲ ካብ ጎረቤት ክዳን ዝሓፅብ ክልምን” በለኦ፡፡

ኣሸብር “ኣደዋ ንምታይ እዩ ሰብ ትልምኒ?” በለን፡፡ “እሞ እንታይ ደኣ ክገብር፡፡ እንተዘይተሓፂቡልካ ፅባሕ ካቤት ትምህርቲ ምትራፍካ እዩ” በለኦ፡፡ ኣብዚ እዋን ኣሸብር ብጣዕሚ ብምግራም “ኣነ ባዕለይ ንምንታይ ዘይሓፅቦ በለን?” “ኣየ ወደይ! ንስኻማ ኣይትኽእልን” በለኦ፡፡

“ኣየ ኣደዋ ለካ ዓሻ’ኺ፡፡ ኣነኮ ንስኺ ኩሉሻዕ ክተሓፅቢ እናረኣኹ ክዳን ብኸመይ ከምዝሕፀብ ይፈልጥ’የ፡፡ ሓፍትነይ’ውን ኣምህርኒ እናበልኩ ኣምሂራትኒ እያ፡፡ ስለዚ ኣነ ክሓፅቦ’የ በለን፡፡ እንኡ ግና ስለዘይኣመንኦ “ኣይኾንን” በለኦ፡፡

ኣሸብር ግና ክዳን ምሕፃብ ከምዝኽእል ርግፀኛ ስለዝኾነ፣ “ግዲ የብልክን ኣደዋ! እንተዘይኣሚንክኒ ኣብ ጥቓኺ ኣቀራሪበ ክዳውንቲ ክሓፅብ” በለን፡፡ ብዚ ስለዝተሰማማዓ እናረኣየኦ ምሕፃብ ጀመረ፡፡

“ንፋዕ ዝወደይ የዕብየለይ! ብጣዕሚ ንፋዕ ኢኻ!፡፡ እሞ ኣነውን ምእንታን ክሕሸኒ ኣትየ ክድቅስ” በለኦ፡፡



**መልመዲ 3**

*ነቲ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብመሰረት ልዕል ክብል ዘንበብኩምዎ ታሪኽ “ዓርሰ እምነት “ዝብል ሓረግ ኣብርሁ፡፡
2. ኣሸብር ክዳን ምሕፃብ ይኽእል’የ ኢሉ ብዓርሱ ንምትእምማን ዘኽኣሎ እንታይ እዩ?
3. ብዓርስኻ ንምትእምማን እንታይ የድሊ?

ዓርሰ እምነት ማለት ዓቕምኻ ብዝግባእ ብምፍላጥ ብትሰርሖ ስራሕ ርግፀኛ ምዃን ምኽኣል እዩ። ዓርሰ እምነት ብዛዕባ ዓርስኻ ትኽክለኛ ግንዛበ ካብ ምትሓዝ ዝለዓልን ንስራሕ ዘለዓዕልን ስምዒት እዩ። ንኣብነት ሓደ ተምሃሪ ትምህርቱ ኣብ ክፍሊ ብዝግባእ እንተተኸታቲሉ፣ መምህራን ዝህብዎ ዕዮ-ገዛ እንተሰሪሑን ትልሚ እናውፀአ እንተፅኒዑን ኣብ እዋን ፈተና ዓርሱ ተኣማሚኑ ክሰርሕ ይኽእል'ዩ።

ብዓርስኻ ንምትእምማን ጠንኪርካ ምስራሕን ፍልጠት ምምዕባልን መሰረታዊ ነገራት እዮም። ልዕል ክብል ኣብ ዝቐረበ ታሪኽ ኣሸብር፣ እንኳን ሓፍትነኡን ክዳን እንትሓፅባ ብምስተውዓል ስለዝተምሃረ ባዕሉ ክዳን ምሕፃብ ከምዝኽእል ርግፀኛ ኮይኑ። ኣብ ዓርሱ ተኣማሚኑ ማለት'ዩ። ኣብ ዓርሱ ተኣማሚኑ ብምስርሑ ጎረባብቲ ካብ ምልማን ዲሒኑ። ብዓርስና እናተኣማመና ብመንነትና ንኽንኮርዕ ጠንኪርና ክንሰርሕ ይግበአና።



### መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ብዓርስኻ ንምትእምማን እንታይ ምግባር የድሊ?
2. ብዓርስኻ ተኣማሚንካ ምስራሕ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ?

## 8.3 ብሓሳብካ ምፅናዕ



*ስእሊ 8.3 ሓሳብካ ንኻልኦት ምእማን*

- ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ስእሊ እንታይ የርኢ?

# ዘኪን ናይ ክፍሊ ምሓዝቱን

ዘካርያስ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ እዩ። ደቂ ክፍሉ ዘኪ እናበሉ ይፅውዕዎ፡፡ መምህር እንተምህሩ ኣይከታተልን። ዝዋሃቦ ዕዮ ገዛ ባዕሉ ሰሪሑ ኣይመፅእን፡፡ በዚ ምኽንያት ንናይ ክፍሊ ምሓዝቱ እናለመነን ካብ ገዝኡ ሕንባሻ፣ ከረሜላን ብስኩትን ኣምፂኡ እናሃቦምን ካብቲ ዝሰርሕዎ እናቐድሐን የእርም ነይሩ። ኣብ እዋን ፈተና'ውን ንክቕድሕዎ ቃል ኣእቲይዎም እዩ።

ብኽምዙይ ኩነታት ፈተና ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት በፅሐ። ዘካርያስ ኣብ ጥቓ ንክቕድሑዎ ቃል ዝኣተዉሉ ተምሃሮ ንምቕዳሕ ከምዝጥዕሞ ኮይኑ ከፍ በለ። እቶም ፈታኒ ናብ ክፍሊ ምስ ኣተዉ ግና እቲ ኣቀማምጣ ተምሃሮ ቀየርዎ። ዘካርያስ ንክቕድሕዎ ቃል ካብ ዝኣተውሉ ቆልዑ ተፈልዩ ኣብ ቅድሚት ወንበር ተቐመጠ።

ውፅኢት ፈተነኦም እንትዋሃብ ዘካርያስ ኣዝዩ ትሑት ውፂኢት ስለዝረኸበ ሓዘነ፡፡ "ክወድቕ" እየ እናበለ በኸየ፡፡ ዳኒኤል ዝተብሃለ ዓርኩ ድማ መንከስ ዘካርያስ ዳጊፉ ብምቕናዕ "ንምቕዳሕ ካብ ምድላው ባዕልኻ ክኢልካ ንምስራሕ ንትምህርትኻ ጠመተ ሂብካ ምክትታል ይግበኣካ ነይሩ" በሎ፡፡ ኣልማዝ ድማ ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና ኢላ ቀለደትሉ። ዘካርያስ'ውን ኣዝዩ ተናሰሐ።

"ድሕሪ ሕዚ ኣብ ክፍሊ ንትምህርተይ ጠመተ ሂበ ክከታተል እየ። ዕዮ ገዛይ'ውን ባዕለይ ክሰርሕ እየ። በርቲዐ ከፅንዕ እየ። እዚ ብምግባር ልዑል ውፅኢት ኣምፂአ ናብ ሻድሻይ ክፍሊ ክሓልፍ እየ" ኢሉ ወሰነ።

ብዝሓዞ መርገፂ ፀኒዑ ብትኹረት፣ ምምሃርን ምፅናዕን ዓርሱ ክኢሉ ዕዮታት ገዛ ምስራሕን ቀፀለ። ኣዕርኽቱ ብሽኩትን ከረሜላን ስለዝቐረዮም "ዝሰራሕናዮ ወሲድካ ገልብጥ" ዋላኳ እንተበልዎ፣ ኣይኸውንን ኣነ ናታትኩም ፅግዕተኛ ኣይኰንኩን፡፡ ዓርሰይ ክኢለ በርቲዐ እንተሰሪሐ ፅቡቕ ውፅኢት ምምፃእ ይኽእል እየ" በሎም።

ዘካርያስ ብቑዋሙ ብምፅናዕ ፈተንኡ ብዓርሰ እምነት በይኑ እናተቐመጠ ተፈተነ። ልዑል ውፅኢት'ውን ኣምፀአ፡፡ መሓዝቱ ግና ስለዝበለዖም ሓሪቖም "ንስኻ 'ኮ ሰነፍ ተምሃራይ ኢኻ ነይርካ" በልዎ፡፡ ንሱ'ኻዓ "ብናይ ቀደም ብዕራይ ዝሓርስ የለን" ኢሉ ብተርኡ ቀለደሎም።



## መልመዲ 5

**ብመሰረት ልዕል ክብል ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ዘካርያስ ትሑት ውፅኢት ብኸመይ ከምፅእ ከምዝኸኣለ ግለፁ።
2. ዘካርያስ ዘዋፅኦ ሓሲቡ ድዩ ዝወሰነ ወይስ ኣይኮነን? ምኽንያትኩም ግለፁ።

ዝኾነ ሰብ ሓደ ጉዳይ ንምፍፃም ቆሪፁ ዝተልዓለ ምኺኑ እንትገልፅ “ቑዋም ሒዙ” እዩ ይባሃል።

ነዚ ቑዋሙ (ሓሳቡ) ብዘይሰጋእ መጋእ እንተፈፂምዎ ድማ ብቑዋሙ (ብሓሳቡ) ናይ ምፅንዑ መግለፂ ይኸውን። ቑዋም ምሓዝን ምፅናዕን ብዝምልከት፦

- ፈለማ ኣብቲ ጉዳይ ግዘ ሂብካ ምሕሳብ፣
- እቲ ንምሓዝ ዝተደለየ ቑዋም ምስ ድሕነትን ረብሓን ዓርስኻ፣ ስድራኻን ሃገርን ምግንዛብ፣
- ናይ ዓርስኻ ነፃ ቑዋም ምሓዝን ዝኣመንካሉ ሓሳብን ኣርኣእያን ብነፃነት ምክያድ መሰረታዊ ነገራት እዮም።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ቑዋም ክህልዎን ብቑዋሙ ክፀንዕን ይግባእ። ንኣብነት ካብ ዘኪን ኣዕርኹቱን ዝምልከት ምንባብ ከምዝተረዳእኹምዎ ዘካርያስ ፅግዕተኛ ኻልኦት ንዘይምኺን ብምውሳን ቑዋም ሒዙ። ብመሰረት እዚ ትምህርቱ ብዝግባእ ብምክትታሉ ዓርሱ ክኢሉ ዝላዓለ ውፅኢት ንምምፃእ ክኢሉ።



## መልመዲ 6

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓደ ወዲ ክፍልኹም ዝኾነ ተምሃራይ ትምህርቱ/ታ ንምቁራፅ እንተሓሲቡ ኣብዚ ሓሳብ ቁዋም ንምሓዝ መጀመርታ እንታይ ክገብር /ክትገብር ኣለዎ/ዋ ትብሉ?
2. ንቕድሚት ምኳን ትደልይዎን ንምኳን እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩምን ዝገልፅ ፅሑፍ ኣዳሊኹም ንደቂ ክፍልኹም ኣንብቡ፡፡

## 8.4 መግለፅታት ብዛዕባ ዓርስና ዝህልወና ግጉይ ግንዛበ

### 8.4.1 ስምዒት ልዕልነት

- ስምዒት ልዕልነት ማለት እንታይ ማለት እዩ?

### ዕሾኽ

መዓልቱ ቀዳም ስለዝነበረ ሃይሉን ኣለሚቱን ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይከዱን። እንኦም ወ/ሮ ኣበባን ኣብኦም ኣይተ ኢሳያስን ድማ ናብ ኣኼባ እድር ዝኸድሉ ዕለት እዩ ነይሩ። ኣቦን እኖን ደቆም ስራሕ ንክለምዱን ንቐፃላይ ዓርሶም ንኽኽእሉን ብምሕሳብ ብሓባር ኮይኖም ገዛ ንኽፅርዩን ዓራት ንኽንፅፉን ነጊሮም ናብ ኣኼባ እድር ኸዱ።

እዞም ወለዲ ካብ እድር ተመሊሶም ናብ ገዛ እንተኣተዉ ሃይሉን ኣለሚቱን እናተጨቃጨቑ ረኺብዎም ገዛ ኣይተኾስተረን ዓራት'ውን ኣይተነፀፈን፡፡

**ወለዲ፡-** "እንታይ እዩ ዘባእሰኩም ዘሎ?" በሉ ናብ ገዛ እናኣተዉ።

**ኣለሚቱ፡-** "ንሱ ከም ናተይ ገይሩ ገዛ ምኹስታርን ዓራት ምንፃፍን ኣይኽእልን፡፡ ስለዚ ኣነ ፅቡቕ ገይረ ዝሰራሕኹዎ እናበላሸወለይ እዩ፡፡ ምስኡ ድማ ኣይሰርሕን"።

**ሃይሉ፡-** ኣነ ንፍዕቲ ስለዝኾንኩ ምሳኻ ኣይሰርሕን ኢላ ኣብያትኒ፡፡

**እኖ፡-** ብሕርቀት "ኣለሚቱ ልክዕ ኣይኮንክን፣ ኩሉ ነገር ኣነ ጥራሕ እየ ዝፈልጥ እናበልኪ ስለትጨቓጨቒ ሓቢሩኪ ምስ ዝሰርሕ ሰብ ኣይትሰማምዕን፡፡ ሎሚ መዓልቲ 'ውን ዋላ ሓንቲ ኣይሰራሕኹምን"።

**ኣቦ ፡-** "ኹሉ ነገር ይፈልጥ እየ ኢልኪ ስለትሓስቢ ንኽትመሃሪ ድልውቲ ኣይኮንክን፡፡ ንትሰርሕዮ ስራሕ'ውን ጠመተ ኣይትገብርሉን፡፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ መትሓዚ ማዕፆ ዝሰበርክዮ ጠመተ ሂብኪ ብኸመይ ከምዝሰርሕ ንምፍላጥ ብዘይ ምሕታትኪ'ዩ፡፡ እዚ ክትመሓይሺ ይግባእ" በልዎ፡፡



## መልመዲ 7

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኣብ ውሽጢ'ዚ ታሪኽ ስሚዒት ልዕልነት ዘንፀባርቐ ሰብ መን ከምዝኾነ ግለፁ? ኣይተንፀባረቐን እትብሉ ድማ ምኽንያትኩም ግለፁ።
2. ስሚዒት ልዕልነት ዘለዎ ሰብ ዝፈጥሮ ፀገም እናዘርዘርኩም ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡

ስምዒት ልዕልነት ዓርስኻ ቆሊልካ ካልኦት ኣትሒትካ ካብ ምርኣይ ዝፍልፍል እዩ፡፡ ሓድሓደ ሰባት ምሁር እየ ብዝብል ስምዒት ኣይተምሃሩን ንዝብሉዎም ሰባት ኣትሒቶም ይርኢዎም እዮም፡፡ እዚ መግለፂ ስምዒት ልዕልነት እዩ፡፡

ብካሊእ መዳይ ሓድሓደ ሰባት ድማ ሃፍቲ ስለዘለዎም ጥራሕ ክንዲ ናቶም ዝኸውን ሃፍቲ ንዘይብሎም ሰባት ኣትሒቶም ይሪኡ፡፡ እዚ ድማ ኣብቲ ሃፍቲ ኣለኒ ዝብል ሰብ ስምዒት ልዕልነት ክፈጥር ይኽእል፡፡ ብሓፈሻ ስምዒት ልዕልነት መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ካልኦት ሰባት ንዘይምርድዳእ፣ ንዘይ ምስምማዕን ንግርጭትን መበገሲ ይኸውን፡፡



መልመዲ 8

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ስምዒት ልዕልነት ብምንታይ ይግለፅ?
2. ስምዒት ልዕልነት እንታይ ዓይነት ጉድኣት የስዕብ?

## 8.4.2 ስምዒት ታሕተዋይነት

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ንተምሃሮ ዓርሶም ኣትሒቶም ንኽሪኡ ዝገብርዎም ነገራት ዘርዝሩ፡፡

### ፍቅርተ

ፍቅርተ ተማሃሪት 5ይ ክፍሊ እያ፡፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ፀወታ ትፈቱ። ስለዚ መብዛሕትኡ ግዜ እናታሓብአት ካብ ቤት ትምህርቲ ትተርፍ እያ። መምህራን ዝህብዋ ዕዮገዛ መብዛሕትኡ ግዜ ኣይትሰርሕን። ውፅኢት ፈተናኣ'ውን ኩሉሻዕ ካብ መሓዙታ ዝተሓተ ስለዝኾነ ስምዒት ታሕተዋይነት ይስምዓ። "ኣነ ትምህርቲ ኣይርደኣንን፣ ሰነፍ ተምሃሪት እየ "ኢላ እያ እትሓስብ። በዚ ምኽንያት ስምዒት ዓርሰ እምነት የብላን፡፡ ኣብ ክፍሊ መምህር እንትሓትት ክጋገ እየ ኢላ ስለ ትፈርሕ እትፈልጦ ሕቶ'ኳ እንተኾነ ኣይትምልስን።



መልመዲ 9

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. "ኣነ ትምህርቲ ኣይርደኣንን ፣ሰነፍ ተምሃሪት እየ" ዝብል መግለፂ እንታይ ዓይነት ስምዒት እዩ?
2. ከምናይ ፍቅርተ ዓይነት ስምዒት ታሕተዋይነት ከይስመዐኩም እንታይ ምግባር ከምዝግበአኩም ግለፁ።

ስምዒት ታሕተዋይነት ዝብገስ ንባዕልኻ ትሕት ኣቢልካካብ ምርኣይ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ዓርሱ ትሕት ኣቢሉ እንትርኢ ዝፈልጦ ነገር ኩሉ ዘይፈልጦ ይመስሎ፡፡ ክሰርሖ ዝኽእል'ውን ምስራሕ ከምዘይኽእል ይመስሎ፡፡ ስምዒት ታሕታዋይነት ስምዒት ዓርሰ እምነት ከይምዕብል ዝገብር ማሕለኻ እዩ። ዓርሰ እምነት እንተዘይሃልዩ ድማ ብትምህርቲ ውፂኢታዊ ኮይንካ ንከይትምሃርን ካልኦት ስራሕቲ'ውን ብግቡእ ንኸይትሰርሕን ይገብር። ንኣብነት ፍቅርተ ንትምህርቲ ጠመተ ብዘይምሃባ ዓርሰ እምነት ንከይህልዋን ስምዒት ትሕትነት ንኽስምዓን ምኽንያት ኮይኑዋ እዩ፡፡



## መልመዲ 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ስምዒት ታሕተዋይነት ብምንታይ ይግለፅ?
2. ዓርሰ እምነት ብምንታይ ይግለፅ?

## 8.5 ረብሓ ዓቕምኻ ብምፍላጥ ካብ ካልኦት ክትመሃር ድልው ምዃን

- ንሰንሳትካ ምምህሃር ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሓደ ተግባር ንምስራሕ ካብ ዘድልዩና ነገራት ሓደ ክእለት እዩ፡፡ ክእለት ኣለና ኢልና ምሕሳብ ጥራይ ከይኮነስ ብርግፀኛነት እቲ ክእለት ክህልወና ይግባእ። ክእለት ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ይምዕብል' ዩ፡፡ ንሕና'ውን ንቲ ስራሕ ዘድሊ ፍልጠት ከምዘለና ክንፈልጥን ብዓርስና ክንተኣማመንን ይግበኣና። ዘለና ፍልጠት ብዝበለፀ ክዓቢ ካብ ዝኽእለሎም መንገዲታት ሓደ ፍልጠት ካብዘለዎም ካልኦት ሰባት ብምምሃር እዩ።



## መልመዲ 11

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ናይ ዓርስና ክእለት ንምፍላጥ እንታይ ክንገብር ኣለና?
2. ኣብ ክልተ ጉጅለ ተወዲብኩም እቲ ሓደ ጉጅለ ካብ ደቂ ክፍሉ ክማሃር ዝኽእሎም ይገልፅ። እቲ ካልአይ ጉጅለ ድማ ካብ ስድራቤት ዝማሃሮም ይገልፅ።

### 8.5.1 ንዕብየትን ምዕባለን ሃገር ምስራሕ

- ዕብየትን ምዕባለን ሃገር ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ሓደ ሰብ ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ክህልዎ ኣይኽእልን። ስለዚ ሰብ በይኑ ሰሪሑ ዝዕግብ ውፅኢት ከመዝግብ ኣይኽእልን። ዝጠቕሞ ወፅኢት ንምምፃእ ኩሉሻዕ ብሓባር ምስራሕ መማረፂ የብሉን። ንኣብነት ሓደ ገዛ ንምስራሕ ዝተፈላለዩ ሰብ ሙያ የድልዩ እዮም። መሃንዲሳት፣ ሃነፅቲ፣ ቀለም ዝቐብኡ፣ ነደቕቲ፣ ኤሌክትሪሻን፣ ኮዓቶ፣ ተሸከምቲ፣ ወዘተ የድልዩ እዮም። እዞም ሰብ ሙያ ተሓባቢሮምን እቲ ሓደ ናይቲ ካሊእ ሙያ ኣኽቢሩ እንትሰርሑ ጥራይ እዩ ፅቡቕ ገዛ ክስራሕ ዝከኣል።

ሓደ ዝሓመመ ሰብ ንምሕካም ድማ ሓኪም፣ ላብላቶሪ ቴክኒሻያን፣ ነርሲ፣ ሰራሕተኛ ፅሬት ወዘተ ... የድሊ። እዚኣቶም ኩሎም ተሓባቢሮምን ተሓጋጊዞምን እንትሰርሑ ጥራሕ እዩ ውፂኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ዝካኣል፡፡ ስለዚ ንሓበራዊ ምዕባለ ሓቢርካ ምስራሕ ጠቓሚ እዩ፡፡ ስለዚ ንሃገርና'ውን ክነዕብን ክነማዕብልን እንኽእል ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ተሓጋጊዝና ሓደ መንፈስ ፈጢርና ክንሰርሕ እንተለና ጥራሕ እዩ፡፡ "ዝሓበራያ ኣፃብዕትስ ኣርቃይ የፀምባዓ" ዝብል ምስላ ወለዲ ምዝካር ኣድላይ እዩ፡፡

**መልመዲ 12**

## ስዒቡ ኣብ ዝቀረበ ሕቶ ተመያየጡ።

ኣብ ጥቓኹም ናይ ዝርከብ ሓደ ማሕበር ስራሕ ኣመራርሓ ብመምህርኩም ኣቢልኩም ናብ ክፍሊ ብምዕዳም ብሓባር ምስራሕን ምምህሃርን ብዝምልከት ሕቶታት ኣዳሊኹም ብምቕራብ ተመያየጡ።

### 8.5.2 ንዕብየትን ምዕባለን ሃገር ዝጎድኡ ተግባራት ዘይሕጋዊ ንግዲ /ኮንትሮባድ/

- ንግዲ ኮንትሮባንድ እንታይ እዩ? ብኮንትሮባንድ ካብ ዝኣትዉ ኣቑሑ እስቲ እትፈልጥዎ ግለፁ።



*ስእሊ 8.4 ኮንትሮባንድ ንሃገር ዝጎድእ ተግባር እዩ*

## መፍትሒኡ

ወ/ሮ ኣማረች “ኡይ! ኡይ! ኡይ!” ኢለን ኣእወያ። ጎረባብተን እናተጓየዩ እንተኣተዉ እታ ንእሽተይ ጓለን ፋጤ ኣብቲ ዓራት ተዘርጊሓ ደቂሳ ኣላ፡፡ “ኣረ መኪና ብቕልጡፍ ፀዉዑ፣ ቀልጥፉ!” በላ ሓንቲት ዓባይ ሰበይቲ ብድንጋፀ እናተንቀጥቀጣ። ሽዑ ንሽዑ መኪና ተፀዊዓ እታ ቆልዓ ናብ ቤት ሕክምና ተወሰደት።

ኣብ ቤት ሕክምና ምስ በፅሑ ወ/ሮ ኣማረች እናበኸያ ኣብ ኢደን ዝሓዝኦ መድሓኒት ንታ ዶክተር ሃብኦ። እታ ዶክተር ድማ እቲ መድሓኒት ኣገላቢጣ

ረኣየትሞ ብድንጋፀ “እዚ መድሓኒት ግዚኡ ዝሓለፎን ዝተበላሸወን እዩ። ካበይ ዓዲግክንኦ”? ኢላ ሓተተት።

ወ/ሮ ኣማረች ኀለን ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ምዃና ስለዝተገንዘባ እናበኸያ “ኣረ ኣነ ካብ ቤት መድሓኒት እየ ዓዲገዮ” ኢለን መለሳ። ሽዑንሽዑ እተን ዶክተር ንፋጡማ ናብ ላዕለዋይ ሕክምና ብምልኣኽ ንፖሊስ ደዊለን እቲ ኩነታት ኣፍለጣ። ፖሊስ ብዘካየዶ ምርመራ ድማ እቲ መድሓኒት ካብ ሕጊ ወፃኢ ብኮንትሮባንድ ናብ ሃገር ምእታዉ ተፈለጠ።

ነቲ መድሓኒት ካብ ሕጊ ወፃእ ዝኣተውን ናይቲ ቤት መድሓኒት ሰራሕተኛታትን ብሙሉኦም ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ቅፅዓት ማእሰርቲ ተፈረዶም።



## መልመዲ 13

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ካብቲ ዝቐረበ ምንባብ ብዛዕባ ኮንትሮባንድ እንታይ ተገንዚብኩም? እስቲ መመያየጥን ፀሓፍን መሪፅኩም ተመያየጡ።
2. ፋጤ ዝወሰደቶ መድሓኒት ፀገሙ እንታይ እዩ?

**ኮንትሮባንድ፣-** ካብ ክልተ ቃላት ቋንቋ ጣልያን ዝተመስረተ እዩ፡፡

**ኮንትራ፣-** ማለት ምቅዋም፣ ምፅራር ወይ ተቓራኒ ምዃን ማለት እንትኾን ባንድ ማለት ድማ ኣዋጅ፣ ሕግን መምርሕን የጠቓልል፡፡ ብመሰረት ‘ዙይ ንግዲ ኮንትሮባንድ ማለት ሕግን ደንብን ከምኡ’ዉን መምርሒ ብምጥሓስን ብምቅዋምን ዝግበር ምንቅስቓስ ዘይሕጋዊ ንግዲ ምዃኑ መዝገብ ቃላት እንግሊዝኛ ይትርጉም፡፡

## እዚ ተግባር፦

1. ናብ ውሽጢ ዓዲ ዝኣተዉ ኣቑሑ ክፍፅምዎ ዝግባእ ሕጋዊ ስነ-ስርዓት ከይተኸተሉ ብሕቡእ ዶብ ኣስጊርካ ክኣቱ ምግባር እዩ።
2. ናብ ወፃኢ ዓዲ ዝላኣኹ ኣቑሑ ክፍፅምዎ ዝግባእ ሕጋዊ ስነ-ስርዓት ከይተኸተሉ ብሕቡእ ዶብ ኣሰጊርካ ክወፁ ምግባር እዩ።

በዚ ዓይነት ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ ኩነት ካብ ሃገር ዝወፁን ናብ ሃገር ዝኣተው'ውን ኣቑሑ ኣብ ልዕሊ ህይወት ዜጋታት፣ ኣብ ምጣነ-ሃብቲ ሃገር ከምእውን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሕብረተሰብ ጉድኣት እናብፅሑ ይርከቡ፡፡ እቲ ግቡእ ደረጃ ምሕላዎም ብዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ምርመራ ዘይተገበረሎም መድሓኒታትን ዝተመረዙ ምግብታትን ብኮንትሮባንድ ናብ ውሽጢ ሃገር ስለዝኣተው ኣብ ጥዕና ዜጋታት ጉድኣት የብፅሑ ኣለው። ነዙይ እውን ኣብ ልዕሊ ፋጤ ዝበፅሐ ፀገም ሓደ ኣብነት እዩ፡፡

ኣቑሑ ብኮንትሮባንድ መልክዕ ናብ ወፃኢ ዓዲ እንትወፅኡ'ውን መንግስቲ ካብ ግብርን ቀረፅን ክረኽቦ ዝግብኦ እቶት ክስእን ብምግባር ንምጣነ ሃፍቲ ሃገር የድክም፡፡

ምንቅስቓስ ኮንትሮባንድ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናገደደ መፂኡ ኩነታቱ ኣዝዩ ሓደገኛ ደረጃ በፂሑ ኣሎ።

ብሓፈሻ ዘይሕጋዊ ንግዲ ኮንትሮባንድ ኣብዚ ሓዚ እዋን፣

1. ንፈጠርቲ ራዕዲ (መሸበርቲ) ፍልፍል እቶት ብምኳን የገልግል
2. እቶት መንግስቲ የድክም
3. ፅሬቱን ደረጅኡን ዘይሓለወ ሸቀጥን ዘይተፈቐደ ኣፅዋርን ናብ ውሽጢ ሃገር ንኽኣትው ብምግባር ሰላምን፣ ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ፣ ማሕበራዊ ህይወትን ጥዕናን ህዝቢ ኣብ ምንጋዕ ዝርከብ ከቢድ ገበን እዩ።



### መልመዲ 14

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኮንትሮባንድ እንታይ እዩ?
2. ኮንትሮባንድ እንታይ ጉድኣት የምፅእ?

## መጠቓለሊ

ዓርስኻ ንምኽኣል በብእዋኑ ፍልጠትካ ምምሕያሽ የድሊ። እዙይ ንምግባር ድማ ኣብ ገዛ ዓብይቲ ዝሰርሕዎ ምስትውዓል፣ ምስ ኣባላት ስድራቤት ምምይያጥ፣ ዘስተውዓልካዮ ነገር ብዝተኻእለ ዓቕሚ ብዝሓሸ ኩነታት ምስራሕ ጠቓሚ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ድማ ስነ-ስርዓት እቲ ቤት ትምህርቲ ምፍላጥ፣ መምህራን እንትምህሩ ፅንኢልካ ምድማፅ፣ ምንባብ፣ ሕቶታት ምስራሕ፣ ምስ ደቂ ክፍልኻን ምስ ናይ ውልቅኻ ዓፅርኽትን ምምይያጥን ዝሐሸ ሓሳብ ምቕባልን ኣዝዩ ኣድላይ እዩ።

ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ዓርስና ንኽንክእል የብቁዑና። ዓርሶም ዝኸኣሉ ሰባት ድማ ተገዛእቲ ናይ ካልኦት ሰባት ኣይኾኑን። ዝኣምንሉ ነገር ንምውሳን ይኽእሉ እዮም።

ብኻሊእ ወገን ኮንትሮባንድ እቶት ሃገር ብምድኻም ዓርሳ ንኸይትኽእል ዝገብር ጕዳኢ ተግባር እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ፅሬቶም ዘይተረጋገፁ መድሓኒታትን ምግብታትን ብሕቡእ ናብ ውሽጢ ሃገር ክኣትው ብምግባር ፀገም ጥዕና የስዕብ እዩ። ኩሉ ሰብ ዓርሱ ንምኽኣል እንተፅዒሩን ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾኑ ነገራት እንተተኸላኺሉን ሃገር ክትምዕብል ትኽእል እያ።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ምልዕዓል፡-** ምንቕስቓስ፣ ምብርባር፣ ምጉስጓስ

**ምንሻው፡-** ትሕት ኣቢልካ ምርኣይ፣ ምንዓቕ

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" ኢልኩም መልሱ

1. ዓቕምኻ ብዝግባእ ምፍላጥ ኣብ ዓርስኻ ንኽትታኣማመን ይሕግዝ እዩ፡፡
2. ኣብ እዋን ምይይጥ ንናይ ካሊእ ሰብ ሓሳብ ዕድል ከይሃብካ ብናይ ባዕልኻ ድልየት ጥራሕ ምክታዕ ጠቓሚ እዩ።
3. ዝሕግዘና ሰብ እንተልዩና ዓርስና ንምኽኣል ምስራሕ ምንም ረብሓ የብሉን።
4. ብዛዕባ ዘይንፈልጦ ነገር ንኻሊእ ሰብ ምሕታት ምልክት ታሕታዋይነት እዩ።
5. እናተማሃሃርካ፣ ተሓጋጊዝካን ምስራሕ ንሃገርን ንዓርስኻን ጠቓሚ እዩ።

## II. ትሕት ኢሉ ኣብ ዝቐረበ ሰደቓ ኣብ ትሕቲ "ዝተሰርሑ ስራሕቲ" ዝብል ዝተዘርዘሩ ተግባራት "ፅግዕተኛነት" ወይ ዓርስኻ ምኽኣል ምኻኖም /✓/ምልክት ብምግባር ግለፁ፡፡

| ሪጋ | ዝተሰርሑ ስራሕቲ | ፅግዕተኛነት | ዓርስኻ ምኻኣል |
|---|---|---|---|
| 1 | ደፋትረይ ኣበይ ከምዘቐመጥኩዎ ረሲዐ ሓወይ ደልዩ ብምርካብ ኣብ ቦርሳይ ኣእትዩ ሂቡኒ | | |
| 2 | ክዳነይ ባዕላይ ተኸዲነ | | |
| 3 | ዝተመገብኩሎም ኣቑሑ ሓፍተይ ንኽተልዕሎም ኣብ ልዕሊ እቲ ጠረጴዛ ገዲፈዮም | | |
| 4 | ስዓት ት/ቲ ከይረፍደኒ ብንጉሆ ካብ ድቃሰይ ተሲአ | | |
| 5 | ንግዲ ኮንትሮ ባንድ | | |
| 6 | ዓራተይ ኣንፂፈ | | |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትሕቲ ኢሎም ካብዘተወሃብኹም ቃላት ወይ ሓረጋት እናመረፅኩም ምልኡ፡፡

- ዓርስኻ ምኽኣል
- ፅግዕተኛነት
- ኣብ ሓሳብካ ምፅናዕ

1. መምህራን ዝሃብዎም ዕዮ ገዛ ከይሰርሑ ካብ ካሊእ ሰብ ምቕዳሕ _______ እዩ።
2. ኣብ እዋን ፈተና ካብ ካልኦት ተምሃሮ ከይቀዳሕኻ ምስራሕ ________እዩ::
3. __________ማለት ነገራት ኣመዛዚንካ ዝሓሸ ሓሳብ ምሓዝን ብዘይ ጋእ ጋእታ ምፍፃምን እዩ።

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ፡፡

1. ዓርሱ ዝኽኣለ ሰብ፣
   ሀ) ንባዕሉ ጥራሕ ክሓስብ ኣለዎ
   ለ) ልዕሊ ካልኦት ሰባት እየ ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ
   ሐ) ትሕቲ ካልኦት ሰባት እየ ብዝብል ስምዒት ክስከፍ ኣለዎ
   መ) ካብ ተሓጋዝነት ነፃ እዩ፡፡
2. ካብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ብዓርሱ ዝተኣማመን ተምሃራይ ኣየናይ እዩ?
   ሀ) ሕቶ ንምምላስ ኢዱ የውፅእ
   ለ) ምስ ካልኦት ተምሃሮ ይመያየጥ
   ሐ) ዝመሰሎ ሓሳብ ይገልፅ
   መ) ኩሎም ትኽክል እዮም፡፡
3. ብቕዋምካ ምፅናዕ ጠቓሚ ዝኾውን፣
   ሀ) ናተይ ሓሳብ ጥራሕ እዩ ትኽክል ኢልካ ግትር ምባል
   ለ) ብዘዕባ ሓደ ጉዳይ ብምንባብ፣ ብምምይጥ ብምፍታን ግንዛበ ኣዕቢኻ ብምውሳንን ብምፍፃምን
   ሐ) ሓሳብ ካልኦት ሰባት ጥራሕ ተኸቲልካ ብዘይምግንዛብ ምውሳንን ምፍፃምን
   መ) ኩሎም ትኽክል እዮም፡፡

4. ሓበራዊ ምዕባል ንምምፃእ ዝክኣል
   - ሀ) ብውልቓኻ ሰሪሕኻ ምህፍታም
   - ለ) ብሓባር ሰሪሕኻ ብሓባር ተጠቃሚ ብምኳን
   - ሐ) ብምምሃሃርን ፍልጠት ብምዕባይ
   - መ) ብዘይ ሀ ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
5. ንግዲ ኮንትሮባንድ፣-
   - ሀ) ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣቑሑ ናብ ውሽጢ ሃገር ምእታው እዩ።
   - ለ) ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣቑሑ ካብ ሃገር ምውፃእ እዩ።
   - ሐ) ንሃገርን ንህዝብን ዝጐድእ ተግባር እዩ።
   - መ) ኩሎም መልሲ እዮም።

## V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ*

1. ዓርስኻ ምኽኣል እንታይ ማለት እዩ?
2. ብቕዋም ንምዕናዕ እንታይ የድሊ?
3. ስምዒት ልዕልነትን ፣ስምዒት ታሕታዋይነትን ዝግለፁሎም ባህርያት ዘርዝሩ፡፡

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ባህሊ ምዕቛር


### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣

እዚ ምዕራፍ ተምሂርኩም ምስወዳእኹም፡-

- እንታይነት ዕቛር ትርድኡ፡፡
- ምምዕባል ባህሊ ምዕቛር ዓርስኻ ንምኽ ኣል ዘገልግል ምዃኑ ትርድኡ፡፡
- ኣብ ካባቢኹም ምዕባይ ባህሊ ምዕቛር ንምንታይ ከምዘድሊ ትግንዘቡ፡፡

## 9.1 ምዕቛር

### 9.1.1 እንታይነት ምዕቛር



ስእሊ 9.1 ምዕቛር ዘይምፍላጥ



ስእሊ 9.2 ኣብመገልገሊ ናውቲ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ምፅሓፍ ፀረ ቅኑዕ ስነ ምግባር እዩ።

- እዞም ክልተ ፎቶግራፋት ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ እንታይ እዩ?

**ምዕቛር ማለት፡-** ካብ ዝተረኽበ እቶት ብስርዓት ንዘድሊ ወፃኢ ተጠቒምካ፣ ዝተወሰነ ድማ ንቐፃላይ ንኽውዕል ምውህላል ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣድለይቲ ካብ ዘይኮኑ ወፃኢታት ምዕቃብ የርእየና። ምዕቛር ማለት ሎሚ እናተሸገሩ ንፅባሕ ምሕሳብ ኣይኮነን። ስለዚ ምቕጣብ ማለት ካብ እንረኽቦ እቶት ዘድልየና ተጠቒምና ዝተወሰነ ድማ ምውህላል ማለት እዩ።

ብኸሊእ መልክዕ ድማ ዕቋር እንጥቀመሎም ኣቑሑ ብስርዓት ምሓዝን ንነዊሕ እዋን ምግልጋልን ምጥቓምን ማለት እዩ። ንኣብነት መምሃሪ መፃሕፍቲ ብስርዓት ምጥቃምን ብፅሬት ምሓዝን፣ መምሃሪ ክፍልታትና፣ ወናብርናን፣ ጠረጴዛታትናን፣ ጉድኣት ከይበፅሖም ብጥንቃቐ ምሓዝን ምጥቃምን ይግበኣና።

በዝሒ እቲ ምዕቋር ብዓቕሚ እቲ ተጣቃሚ ይውሰን። ንኣብነት ሓደ ፀራጊ ጫማ ዕቊብ ንምውዳቕ ኣብ ሰሙን ኣሰርተ ብር ዝከኣሎ ክኸውን ይኽእል። ብአንፃሩ ሓደ በዓል ታኽሲ ኣብ ሰሙን ሚኢቲ ብር ከውድቕ ይኽእል። መጠን ምዕቛር ምስ መጠን ዝርከብ ኣታዊ ዝተተሓዘ እዩ።



መልመዲ 1

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ምዕቛር ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ዝተዓቖረ ገንዘብ ንምንታይ ንምንታይ ከምዝጠቅም ኣብ ከባቢ ኹም ካብ ዝነብሩ ሰባት ወይ ካብ ስድራቤትኩም ብምሕታት ንኽፍሊ መሓዝትኩም ኣረድኡ። ሓደ ተምሃራይን ሓደ ሓረስታይን ከም ኣብነት ብምውሳድ ክልቲኦም ብኸመይ ዓቖርቲ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ተመያየጡ፡፡

## 9.1.2 ዕላማታት ምዕቛር

### 9.1.2.1 ዕግዕተኛ ካልኦት ዘይምኳን

- ዕግዕተኛነት እንትበሃል ሰሚዕኹምዶ ትፈልጡ? እንታይ ማለት ይመስለኩም?

## ኣይተ ሳሙኤልን ወ/ሮ ብርትኳንን

ኣይተ ሳሙኤል ሳዴቦ ዝተወለደ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ኣረካ ኣብ ዝተብሃለ ከተማ እዩ። ብህፃንነቱ ኣብ ሕቑፊ ብዝበፅሖ ሓደጋ ምኽንያት ጉዱእ ኣካል እዩ።

ኮይኑ ግና ወለዱ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣእትዮም ኣምሂረምዎ እዮም። ዓሰርተ ዓመት ምስኮኖ ፅጉማት ወለዱ ንምሕጋዝ ኣብ ትርፊ ስዓት ስራሕ ሊስትሮነት

ጀመረ። ካብዙይ ተላዒሉ ኣብ ስራሕ ንግዲ ኣናእሸቶይ ሸቐጣት ተዋፈረ። ወዲ ዕስራ ዓመት ምስኮነ ምስ ወ/ሮ ብርትኳን ተማራፅዮም ክልተ ቆልዑ ወለዱ። ኣብ ሓደ እዋን ኣይተ ሳሙኤል ይሰርሖ ዝነበረ ንግዲ ኮንትሮባንድ ስለ ዝኸሰሮ ኣብ ድኽነት ወደቐ።

ኣብዚ ግዜ ኣይተ ሳሙኤልን በዓልቲ ገዝኡ ወ/ሮ ብርትኳንን ዝነበሮም ካቲም(ቀለበት) ኣፃብዕቶም ሸይጦም ከም ሓድሽ ኣብ ንግዲ ሙዝ ተዋፈሩ። ኣይተ ሳሙኤል ሓደ ሳንዱቕ ሙዝ እናገዝአ እንትሽቅጥ ቀስ ብቐስ ዝሸጦ በዝሒ ሳንዱቕ ሙዝ ወሰኸ።

ኣይተ ሳሙኣልን ወ/ሮ ብርትኳንን ሎሚ ብዘለዎም ደረጃ ናብራ ንደቆም ኣብ ፅቡቕ ቤት ት/ቲ የምህሩ ኣለው። ፅቡቕ መንበሪ ገዛ ተኻሪዮም ይነብሩ ኣለዉ። ብተወሳኺ ካብ ዝሰርሕዎ ስራሕ ብዝረኸብዎ ኣታዊ ዘድልዮም ነገራት ወፃኢ ምሰገበሩ ዕቁብ 'ዉን የውድቑ ኣለዉ።

ስራሕ ብምፍታዎም ንድኽነት ዝስዕሩ ኣይተ ሰሙኤልን ወ/ሮ ብርቱኳንን ብዛዕባ ቐፃላይ ህይወቶም እንትሓስቡ ካብ ዝቕፅል ዓመት ጀሚሮም ወ/ሮ ብርቱኳን ትምህርቲ ንኽትመሃር ተሊሞም ኣለዉ፡፡ ንግዶም እውን ብዝበለፀ ንምስፋሕ እናፀዓሩ ይርከቡ፡፡

(ፍልፍል - ጦማር መፅሄት -ብምሕፃር ዝተወሰደ)



*ስእሊ 9.3 ኣይተ ሳሙኤልን ስድርኡን*



## መልመዲ 2

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብ ህይወት ኣይተ ሳሙኤልን ካብ ባዓልቲ ገዝኡ ወ/ሮ ብርቱኳንን እንታይ ተማሂርኩም?
2. ኣብ ከባቢኹም ካብ ትሕት ደረጃ ተላዒሎም ሃፍታማት ዝኾኑ ሰባት ብምድላይ ታሪኾም ብሓፂር ብምፅሓፍ ኣብ ክፍሊ ብምንባብ ኣስምዑ።
3. ዝረኸብኩምዎ ታሪኽ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምስ ኣቕረብኩም ካልኦት ተምሃሮ ካብዘቕረብዎም ሰብ ታሪኽ ናታትኩም ሰብ ታሪኽ ብምንታይ ከምዝፍለዩ ዘለኩም ሪኢቶ ብፅሑፍ ኣቕርቡ።

ምዕቛር ዓርስና ብምኽኣል ፅግዕተኛ ካልኦት ሰባት ንኸይንኸውን የኽእለና። ብዓቕምና እናነበርና ዘለና ቆጢብና ብምጥቃም ንቐፃላይ ናብራና እንተዘይሓሲብና ዓርስና ክኢልና ክንነብር ስለእንፅገም ፅግዕተኛ ካልኦት ንኸውን። ስለዚ ኣብትሑት ብርኪ ናብራ ዋላኳ እንተኾና ዓርስና ብዓቕምና ምቑጣብ ክንላመድ ኣለና፡፡

### 9.1.2.2 ንቐፃላይ ክመፅእ ዝኽእል ፀገም ምዕዋር



ስእሊ 9.4 ወደይ ብምንታይ ከሐክሞ?



ስእሊ 9.5 ብዝዓቐርናዮ ገንዘብ እንታይ ንግዛእ?

- ካብዞም ስእልታት ዝተገንዘብኩምዎ ግለፁ፡፡

# ጻሓር ካብ ምጭናቕ ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ

ኣይተ ሙላቱን ወ/ሮ ሂሩትን ካብ ሙያ መምህርነት ጡረታ ኣብዝወፅእሉ ዓመት ብፍላይ ኣብ ኮለጅ ዝምሃሩ ዳኒኤልን ሄለንን ዝተብሃሉ ክልተ ደቆም ዓብይ ስግኣት ሓዲሩዎም ነይሩ። ምኽንያቱ ወለዶም ጡረታ እንተወፂኦም ዝረኽብዎ ወርሓዊ እቶት ስለዝንኪ ኣብ ትምህርቶም ፀገም ዘምፅእ መሲሎዎም ነይሩ።

ትምህርቲ እንከይወድኡ፣ ገንዘብ ዝረኽቡሉ ሜላ ክትደልዩ ኣለኩም ዝበሃሉ መሲሉዎም ብዙሕ እዋን ብምዝታይ ኣሕለፉ።

ኣይተ ሙላቱን ወ/ሮ ሂሩትን ግና ስግኣት ደቆም ስለዝተረድኡ ምይይጥ ንምግባር እዋኑ ሐዚ ክኸውን ከምዘለዎ ወሰኑ።

ክልቲኦም ንነዊሕ ዘበን ሓሊዮም ብዛዕባ ዘፅንሕዎ ቁም ነገር ንደቆም ንምግላፅን ኩነታት ናብራ ገዝኦም ከምዝነበሮ ከምዝቕፅልን ምዝራብ ከምዘለዎም ተሰማምዑ፡፡

ሓደ ሰንበት ድሕሪ ስዓት ኣባላት እቲ ስድራቤት ኣብ ሓደ ጠረጴዛ ተኣከቡ፡፡ ኣይተ ሙላቱን ወ/ሮ ሂሩትን ክልተ ዝተፈላለዩ ናይ ባንኪ ዕቋር ደፍተር ሒዞም ቀረቡ።

እቶም ደፋትር ዝተፈላለየ መጠን ገንዘብ ሒዞም ነይሮም።
እዚ መጠን ገንዘብ ክልቲኦም ፃዕራማት ወለዲ በብእዋኑ ንስድራቤቶም ካብ ዘማሓድሩሉ እቶት ሕማቕ ኩነታት እንትፍጠር ወይ ኣብቲ ስድራቤት ሓደጋ እንትበፅሕ ኣብ ፀገም ከይወደቑ ከምኡ'ውን ደቆም ትምህርቲ ክሻብ ዘጠናቕቑ ምእንታን ክሕግዞም ዝዓቖርዎ እዩ ነይሩ።

እዚ ኩነታት ድማ ንደቆም ከምዝስዕብ ገይሮም ኣረድኡዎም "ደስ ዝበለኩም ኩሉ ክትሓቱ እንተለኹም፣ ካልኦት ቖልዑ ዝተገበረሎም ክንገብረልኩም ክትሓቱና ዘይፈፀምናልኩም ሰብ ከምገዝኡ ከምዝነብር ንኽነምህረኩም፣ ንሕና ጡረታ እንትንወፅእ ድማ ኣብ ፀገም ከይትወድቁ ስለዝሓሰብና እዩ። ሕዚ ኩልና ከይተፀገምና ከምታ ልሙድ ናብራና ክንቅፅል ኢና።

ጡረታ ስለዝወፃእና እንረኽቦ መሃያ ቀደም ካብ እንረኽቦ ዝተሓተ ምኻኑ ኩለኹም

ክርደኣኩም ይግባእ። ኮይኑ ግና ካብዝነበረና ነኪና ዘቐመጥናዮ ገንዘብ ኣብዚሒዚ እዋን ክጠቕመና እዩ።

ንስኻትኩም ትምህርትኹም ወዲኹም ዓርስኹም እንትትክእሉ ድማ መሊእና ካብ ፀገም ነፃ ክንከውን ኢና።

ዳኒኤልን ሂለንን ነንርእሶም ብምርእኣይ ተላዒሎም ክሳድ ወለዶም ሓቝፎም ስዓሙዎም። ንክልቲኦም ኣናእሸተይ ኣሕዋቶም'ውን ብዘዕባ ጥቕሚ ምዕቋር ከምዘምህሩዎም ተዛሪቦም እቲ መዓልቲ መዓልቲ ሓጎስ ገይሮም ኣምሸዩ።



መልመዲ 3

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሂለንን ዳኒኤልን ድሕሪ ሐዚ እንታይ ዝገብሩ ይመስለኩም?
2. ክልቲኦም ወለዲ ድሕሪ ሐዚ ብዛዕባ ዕቋር ክሓስቡ ኣለዎምዶ ወይ የብሎምን? ብጉጅለ ተመያየጡ።

ዕቋር ንመፃኢ እዋን ከይተሓሰበ ከጓንፍ ዝኽእል ፀገም ምእንታን ምፅዋር ክካኣል መጠባበቒ ገንዘብ ወይ ንብረት ምዕቛር ምኻኑ ቅድም ክብል ተረዲእኹም ኢኹም፡፡ እዞም ዘይተሓሰቡ ተጓንፎታት መፃኢ እዋን ዝበሃሉ ሕማምን ሓደጋን እዮም። እዞም ተጓንፎታት ኣብ ልዕሊ ሓደሰብ እንትፍጠሩ ንሕክምና ዝኸውን ገንዘብ ዝርከብ ቅድም ክብል ካብ ዝተዓቆረ ገንዘብ እዩ። ኣድላይነት ዕቋር ንግዘ ፀገም ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ኩሎም ሰባት ኣብ መፃኢ ህይወቶም ከዕውትዎም ዝደልዩዎም ሽቶታት ክህልውዎም ይኽእሉ። ንኣብነት ትምህርቲ ንምምሃር፣ ስልጠና ንምርካብ፣ ቖልዑ ብግቡእ ንምስትምሃር፣ መርዓ፣ ማሕበር፣ ዓመት በዓል፣ ምረቓ ትምህርቲ ወዘተ፣ ንምድላው ዝኾን ገንዘብ የድሊ እዩ።

ኮይኑ ግና እዞም ዝተጠቐሱ ውልቃውን ማሕበራውን ትልምታት ልዕሊ ዓቕሚ ክኾኑን ክቐርዩን ዝኽእሉ እዮም፡፡

ንኣብነት ልደት ብዘይ ድግስ ምስ ዓዕርኽትን ምስ ስድራቤትን ኮይንካ ምሕላፍ ይካኣል እዩ። መርዓ ንምግባር ገንዘብ እንተዘይሃልዩ እቲ ስርዓት ጥራሕ ፈፂምካ ምምርዓው ይካኣል እዩ፡፡ ሓደጋን ሕማምን ግና ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ከጓንፉ ዝኽእሉ ስለዝኾኑ ኩሉሻዕ ድልዊ ኮይንካ ምፅናሕ ይግባእ። ስለዚ ብዝኾነ ይኹን ሜላ ባህሊ ምዕቛር ምምዕባል ግቡእ እዩ።



## መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ሰባት ካብዘለዎም እቶት ምዕቛሮም ንምንታይ ይሕግዞም?
2. ብስድራቤትኩም ዝኽበሩ ብዓላትን ዝግበሩ ምድላዋትን ኣብ ዓመት ክንደይ ዝኣኽሉ እዮም? እቲ መልሲ ካብ መራሕቲ ስድራቤት ሓቲትኩም ተረድኡ።
3. ኣብ ተራ ቁፅሪ 2 ንዝተሓተተ ሕቶ ዝተረኽበ መልሲ ፣ ዝወፅኡ ወፃኢታት ክንደይ ዝኣኽሉ ከምዝኾኑ ብምምዝጋብ ንምይይጥ ክፍሊ ኣቕርቡ።

## 9.2 ብትልምን ብዓቕምኻን ምንባር

### 9.2.1 እንታይነት ብትልምን ብዓቕምን ምንባር

"ሰብ ከምገዝኡ እምበር ከምኀረበቱ ኣይኸውንን!"

- ካብዚ ኣበሃህላ ዝተረዳእኽምዎ ግለፁ።

# መርዓን መልሰን

ኣይተ ፋሲል ታሪክነህ ኣቦ ሽዱሽተ ቆልዑ እዮም። ካብ ኣዲስ ኣበባ 80 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ኣብ ትርከብ ቑሸት እዮም ዝነብሩ። ኣብዚ ሰሙን ምስ ቦኽሪ ወዶም ዓብይ ባእሲ ዝፈጠርሉ ኣጋጣሚ ዝተፈፀመ ልክዕ ሎሚ ዓመት ነይሩ። እቲ ኣዲስ አበባ ዝነብርን ካብ ዩኒቨርስቲ ዝተመረቐን ወዶም ዳዊት ስራሕ ካብዝሕዝ ሰለስተ ዓመት ገይሩ ኣሎ። ኮይኑ ግና ከምኡ ተመሳሳሊ ድልየትን ዕላማን ምስዘለዋ ኣዜብ መርዓ ዝፈፀመ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት እዩ ነይሩ።

ክልቲኦም መናእሰይ ንወለዶም እዚ ትልሞም ምስ ኣፍለጡ፣ ድግስ እቲ መርዓ ብዝምልከት ብዙሕ ክትዕ ኣጓኒፋዎም እዩ። ይኹን እምበር ኣብቲ ዕለት መርዓኦም ናይ ቀረባ ኣዝማዶምን ዝፈትዉዎም ዓዕርኽቶምን ጥራሕ ኣብ ዝርከብሉ ንምኽባር ወሲኖም ምድላው ገበሩ፡፡ ብመሰረት ትልሞም እውን መርዓኦም ፈፀሙ።

ኣይተ ፋሲል ግና ቦኽሪ ወዶም ዓብይ ድግስ ብዘይምድጋሱ ቅሬታ ተስሚዕዎም እዩ። ኮይኑ ግና ዓርሱ ክኢሉ ካብ ጥቕኦም ርሒቑ ስለዝነብር ከገድድዎ ብዘይምኽኣሎም ኣይተናገርዎን። ኮይኑ ግና ብወገኖም ፈተውቶምን ኣዝማዶምን መልሲ ብዝበል ምኽንያት ደጊሶም ከብልዑ ቆሪፆም ተልዓሉ።

ኣብዚ እዋን ንወፃእ እቲ ድግስ ተወሳኺ ገንዘብ ሓቲቶምዎ ወዶም ዳዊት ግና እዙይ ንምግባር ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝኾነ ከምዘይቕበሎም ይቕርታ ብምሕታት ኣረዲኡዎም እዩ። ንኣይተ ፋሲል እዙይ ካልኣይ ጥፍኣት እዩ። ስለዚ ንሱ ዝበሎም ሽለል ብምባል ንምድጋስ ቆሪፆም ተልዓሉ። ካብ ሓደ ጎረቤቶም ብክንደይ ሽግር ገንዘብ ተለቅሑ። ንሱ’ውን እ'ኹል ኣይመስሎምን፡፡ ኣብ ሰፈሮም እድር ታሓዚ ገንዘብ ካብዝኾኑ ካብ ኣይተ ተስፋይ ብኽንደይ ልመና ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ንኽምልሱ ቃል ኣትዮም ተወሳኺ ገንዘብ ተለቅሑ። ንኽረምቲ ቀለብን ዘርእን ተባሂሉ ካብ ዝተቐመጠ እኽሊ ድማ ኣርባዕተ ኩንታል ኣውፂኦም ተጠቐሙሉ።



ስእሊ 9.6 ልዕሊ ዓቕሚ ድግስ ባህሊ ምዕቋር ይኃድእ፡፡

እቲ ምድላው ምስተወደአ ኣብ ወርሒ ሓምለ ሓያል ድግስ ወዶም ካብ ኣዲስ ኣበባ መልሲ ፀውዑ፡፡ እቲ ዝኾርዕሉ ወዶም እንተደልዩ 50 ዝኣኽሉ ኣጋይሽ ሒዙ ንኸመፅእ ኣተሓሳሰብዎ። ንእኦም ድማ ብዙሕ ዓመታት ኣብ ዝነበረሉ ከባቢ ሕማቕን ፅቡቕን ሓቢሮምዎም ዝሕለፉ ሰባት ዓዲሞም እቲ ድግስ ተኻየደ። ዳዊት ብተግባር ኣቡኡ ስግኣት ሓደሮ፡፡ ብመጠኑ ብዙሕ ሃፍቲ ከየጥፍኡን ኣብ ዕዳ ከይኣተዉን ምድጋስ ከምዝግበኦም ዋላኳ እንተነገሮም ሓደ ግዘ ዝወሰንዎን ካብናቱ ክብሪ ንላዕሊ ዝምነይዎ ነገር ከምዘየለን ብምንጋር መለሱሉ።

ኣተሓሳስቦኦም ክልውጦ ኣይካኣለን። ኮይኑ ግና እቲ ድግስ ሓደ ግዘ ወፃኢ ወፂእዎ ዝተደገሰ ስለዝኾነ እንተተሪፉ ዝስምየዎ ሓዘን ብምርዳእ ሽዱሽተ ኣዕርኽቲ ጥራሕ ሒዞም ምስ ኣዜብ መፅኡ። ኣቦኡ በዚ ብጣዕሚ ሓዘኑ። ንሱን ኣዜብን ኣብቲ ሓዱሽ ዓመት ዝተለምዎ ናይ ባዕልቶም ትልሚ ነይሩዎም። ነዚ'ዉን ብዓቕምኻ ምንባር ምልማድን ብቐዳምነት ንናብራኦም መሰረት ከንፅፉ ከምዘለዎምን ተሰማዕሚየም እዮም።

ይኹን እምበር ትልሚ ዳዊትን ተግባር ኣቡኡን ዘይተጠዓዓሙ ብምኳኖም ንባእሲ ኣብፂሕዎም እዩ። ኣብቲ ሓድሽ ዓመት ንቶም ኣናኡሽተይ ደቆም ዝኸውን ክፍሊት ቤት ትምህርቲ ነቲ መርዓ፣ ኢሎም ዝተለቅሑዎ ዕዳ ንምኽፋል ከምኡውን ንዘርኢ መግዝኢ ገንዘብ ንኽህቦም ምስሓተትዎ ክሕግዞም ኣይካኣለን። ናይ ክልቲኦም ባእሲ መልዐሊኡ እዙይ እዩ ነይሩ።



## መልመዲ 5

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኣይተ ፋሲል መልሲ መርዓ ወዶም ዝደገሱሉ ወፃኢ ካበይ ረኸቡ?
2. ዳዊት ብናይ ኣቡኡ ተግባር ዘይተሓጎሰ ንምንታይ እዩ?
3. ኣይተ ፋሲል ብዓቕምኻ ንምንባር ከይሓሰቡ ዝገብሮም እንታይ እዩ?

## 9.2.2. ብትልምን ብዓቕምኻን ምንባር

ደረጃ ናብራን ሃፍትን ሰባት ዝተፈላለየ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኩሉሰብ ብዓቕሙ ልክዕ ክነብር ኣለዎ። ብዓቕምኻ ምንባር ማለት ሓደሰብ ብናይ ባዕሉ ደረጃ ናብራ ወይ ድማ መጠን ሃፍቲ ክገብሮ ዘይኽእልን ዘይግበኦን ነገር ዘይምግባር ማለት እዩ። ሰባት ብዓቕሞም ክነበሩ እንተዘይ ክኢሎም ኣብ ፀገም ይወድቁ እዮም። ስለዝኾነ ድማ ዝኾነ ሰብ ከምዚ ዓይነት ፀገም ከየጓንፎ ብትልምን ብመጠን ዓቕሙን ምንባር ይግበኦ።

ባህሊ ምዕቛር እንተልዩና ግና ዓቕምና ሪእና ወፃኢ ምስዘለና ዓቕሚ ኣጣዓዒምና ወሲና ነውፅእ። ባህሊ ምዕቛር እንተልዩና ናብራና እንመርሕን ወፃኢ እነውፅኦን ዓርስና ምስ ካልኦት ብምውድዳር ከይኮነስ ብናይ ዓርስና ዓቕሚ ይኸውን። ብዓቕምና እንትንነብር ሎሚ ነቢርና ፅባሕ'ውን ከይንፅገም ይገብረና።

ምስጢር ብዓቕምኻ ምንባር ዝርከብ ብትልሚ ካብ ምምራሕ እዩ። ትልሚ ንእንደልዮ ዕላማ ንምዕዋት ወሳኒ እዩ።



## መልመዲ 6

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጥሎም፡፡**

1. ብዓቕምኻ ልክዕ ምንባር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
2. ኣብ ከባቢኹም መነባብርኦም ብትልሚ ዝመርሑ ሰባት እንተልዮም ኣብ ናብረኦም እንታይ ለውጢ ከምዘርኣዩ ብምሕታት ብፅሑፍ ኣቕሪብኩም ተመያየጥሉ፡፡

# ኣበበን ሂሩትን

ኣበበን ሂሩትን ኣብ ሓደ ክፍሊ እዮም ዝምሃሩ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ቤት ትምህርቶም በዓል ወለዲ ይኸበር እዩ። ነዚ በዓል ተምሃሮ ምድላው ንኽግብሩ ብቤት ትምህርቶም ተነጊርዎም እዩ። እዚ መልእኽቲ ኣብ ስሌዳ ምልክታ ተለጢፉሎም እዩ።

ኣበበ እቲ ምልክታ ሪኡ ናብ ምሓዙቱ ተሓወሰ። ኮይኑ ግና ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣልዒሎም ኣይተዛረቡን።

ሂሩት ድማ እቲ ምልክታ ኣንቢባ ዝተረደአቶ እናሓሰበት ናብ ገዝኣ ከደት። እቲ ብዓል ወለዲ ድሕሪ ሓደ ወርሒ መዓልቲ ሰንበት እዩ ዝኸበር። ሂሩት ኣብ ምድላው ስነ-ፅሑፍ ንኽትወዳደር ደልያ ኣላ። ብዓል ወለዲ ምስተኸበረ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ፈተና 3ይ ርብዒ ዓመት ክዋሃብ እዩ።

ኩሉሻዕ ቀዳም ቀዳም እንዳባሓጎኣ እናኸደት ንኣቦሓጎኣ ትሪኦም እያ። ስለዚ ግዝኣ ብግቡእ ተጠቒማ ዕላማኣ ንምዕዋት ምትላም ከድልያ እዩ። ግጥሚ ንምፅሓፍ ግዝ የድልያ እዩ። ብናታ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ዝፀሓፍዎም ወይ ናይ ዓበይቲ ግጥሚታት ክተንብብ ኣለዋ።

ስለዚ ኣብ ዝቕፅል ቀዳም ናብ እንዳ ኣቦ ሓጎኣ እንትትከይድ ንሓውኣቦኣ መፅሕፍቲ ንኽደልያላ ክትሓቶ እያ።

ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ኣትያ መፃሕፍቲ ንምንባብ ሓሲባ ኣላ። ምእንቲ ‘ዙይ ድማ ኣቐዲማ ናብ ቤት ትምህርቲ ከምትኸይድ ዘንጊዓ ምውፃእን ከድልያ እዩ። እዚ ሓሳብ ንወለዳ ኣረደኣቶም። ንሳቶም’ውን ኣተባቢ.ያምዋ፡፡ ግዝኣ ብስርዓት ከምትጥቀመሉ ስለዝፈልጡ ኣበበ ዝነገሮም ኣይተቐበልዎን፡፡ ሂሩት ብትምህርትን ምስዚ ዝተታሓዙ ምንቅስቓሳትን ካብ ኣበበ ከምትበልፅ ይፈልጡ እዮም፡፡ ንዙይ መረዳእትኡ ድማ ብኽልተ ዓመት ዝዓብያ ኣበበ ክልተ ግዝ ፈተና ወዲቑ እዩ፡፡ ሂሩት ቂምነገራት እተስፍረሉ ደፍተር ከምዘድልያ ንሱ’ውን ከም ዘማልኡላን ቃል ኣትዮምላ እዮም፡፡



## መልመዲ 7

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሂሩት ትልሚ ምድላው ንምታይ ኣድለያ? እንታይ እንታይ ተግባራት ይፅበዩዋ?
2. ኣበበ ኣብ ምልክታ ሰሌዳ ቤት ትምህርቲ ንዝተጠቀዐ መልእኽቲ ትኹረት ዘይምሃቡ እንታይ የመልክት?

**ትልሚ፡-** ንግዘ ቀዳምነት ክወሃቦም ዝግባእ ተግበራት ኣቐዲምካ ንምፍፃም ገንዘብ'ውን ኣድለይቲ ንዝኾኑ ጉዳያት ብስርዓትን ምውዓል ዘኽእለና መንገዲ እዩ፡፡ ትልሚ ኣብ ኣወፃፅኣ ገንዘብ ኮነ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዘ ቀዳምነት ዝዋሃቦምን ቀዳምነት ካብዘይወሃቦን ንምፍላይ ይሕግዘና፡፡

ብትልሚ ምንባር ካብ ፀገም ክምኡ'ዉን ካብ ወጥሪ ንምውፃእ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡



## መልመዲ 8

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ትልሚ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ብዓቕምኻ ምንባርን ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ንምንባር ምሕሳብን ኣፈላላዮም እንታይ ክምዝኾነ ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝነበሩ መርኣያ ዝኾኑ ሰባት ብምሕታት ኣብ ክፍሊ ንምይይጥ ኣቕርቡ፡፡

## 9.3 ኣብ ስድራቤት ንምዕቛር ዝፃረሩ ተግባራት

- ብመሰረት ዝረኸብኩምዎ ግንዛበ ብዛዕባ ምዕቛርን ኣብ ስድራቤትኩም ንባህሊ ምዕቛርን ዝፃረሩ ተግባራት እንታይ እንታይ ክምዝኾኑ ግለፁ፡፡

ንባህሊ ምዕቛር ዝፃረሩ ብርክት ዝበሉ ኩነታት ኣለዉ። ንሳቶም'ውን ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይካኣል፡፡ ሓዲኡ ባህላዊ እንትኾን እቲ ካልኣይ ድማ ውልቃዊ እዩ።

## ባህላዊ ዝበሃል፡-

ኣብ ወሸጢ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝተለመዱ ካብ ሰባት ክብርን ስምን ንምርካብ እንትበሃል ዝግበሩ ድግሳት እዮም፡፡ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ተስካር፣ መርዓ፣ ማሕበር፣ ምረቓ፣ ኣከባብራ በዓል ወዘተ ሰባት ሃፍቶም ንክውድኡ ምኽንያታት እዮም፡፡ ንኣብነት በብባህሉ ኣባል ሓደ ስድራቤት ብሞት እንትፍለ እቶም ተረፍቲ ኣባላት ስድራ ናይቲ ዝሞተ ሰብ ሰላሳ፣ ኣርብዓ፣ ሰማንያ፣ መንፈቕ ወዘተ በብግዘኡ እናደገሱ እንተብልዖ ዝራኣየሉ ባህሊ ኣሎ፡፡ሓላፊ ስድራቤት እንትሞት ኣብ ገደና ዝተተኽሉ ተኽልታት እንሰት ዝቡቀስሉ ባህሊ'ዉን ኣሎ። እዞም ተግባራት እዚኦም ኣዚዮም ጎዳእቲ እዮም፡፡

## ውልቃዊ

ባህሊ ምዕቛር ንኽይህሉ ዝገብሩ ድማ ንርአ፡፡ እቲ ቀዳማይ ዓቕምኻ ዘይምፍላጥ እዩ፡፡ ዓቕሚ ዘይምፍላጥ ማለት መጠን እቶትን ድልየትን ዘይምጥዕዓም ማለት እዩ፡፡

እቲ ካልኣይ ድማ ሰባት ንምሕጓስ ተባሂሉ ዝግበር ዓቕሚ ዘየመዛዝነ ወፃኢ እዩ። ብዙሓት ሰባት ዓርሶም ጐዲኦም ሰባት ምሕጓስ ከምሽቶ ህይወቶም ገይሮም ይሓስቡ። ካብ ናይ ዓርሶም ድሕንነት ንምንባር ሰባት ቀዳምነት ይህቡ። ንኣብነት ፀገም ገዘኦም ሓቢኦም ሕያዋይ ንኽበሃሉን ምስግና ሰባት ንምቕባልን እንትበሃል ንእዋን ፀገም ዝኾኖም ሃፍቲ ኣውፂኦም ንሰባት ዝእንግዱ መዘከርታ ብኽባር ዋጋ ገዚኦም ዘበርክቱ ኣለዉ።

ካሊእ ኣብነት እውን ምጥቃስ ይካኣል። ኣብ ታሕተዋይ፤ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃታት ትምህርቲ ንተምሃሮ መመረቒ ድግስ ብምድላው ብኽልተ ኣንፈት ፀገም ዝፈጥሩ 'ውን ኣለዉ።

ብሓደ መዳይ ናይ ባዕልቶም መነባብሮ ምዕናው እንትኾን ብኻሊእ መዳይ ዑዱማት ኣጋይሽ ዕድመ ኣኽቢሮም ናብቲ ድግስ እንትኸዱ ንዝወሰዱዎም ነገራት

መግዚኢ ንኽሸገሩ ምኽንያት ይኾኑ እዮም። ይኹን ዳኣ'ምበር ከምዚዩ ዘመሰሉ ተግባራቶም ፀገም እንተበፅሖም ውሕስና ኣይህብዎምን። እቲ ካሊእ ውልቓዊ ዝኾነ ምዕቛር ዝፃረር ፀገም ድማ ወልፊ እዩ።

**ወልፊ፡-** ማለት ብሓደ ሕማቕ ልምዲ ተገዛኢ ምኳን ማለት እዩ። ወልፊን ልምዲን ዝመሳሰሉ ዋላኳ እንተኾኑ ፍልልይ ኣለዎም።

**ወልፊ መስተ፡-** መስተ ኣልኮል እንተዘይ ጥዒሞም ተረጋጊኦም ስራሕ ምስራሕ ዘይምኽኣል እዩ።

**ወልፊ ጠላዕ፡-** ኣብ ዘይግዝን ብዘይ ትልሚን ኣብ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ጠላዕ ተፀሚድካ ገንዘብ፣ ግዝን ኣካልን ብዘይ ኣግባብ ምብኻን ማለት እዩ። እዞም ነገራት ወልፊ ተባሂሎም ይፍለጡ፡፡ ናይ መስተ፣ ጫትን፣ ጠለዕን ውሉፍ ምኳን መነባብሮ ብትልሚ ንኸይምራሕ ይገብር። እዚ ድማ ናይ ሰባት ፅግዕተኛ ምኳንን ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ናብራ ሰላም ምስኣንን የስዕብ።



## መልመዲ 9

*ብመሰረት ዝተዉሃበኩም ኣብነት ነዞም ዝሰዕቡ ተግበራት ወልፊ ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ግለፁ፡፡*

| ረ.ኃ | ተግባራት | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ምግቢ ምብላዕ | ወልፊ ኣይኮነን |
| 2 | መፍዘዚ እፅ ምጥቃም | |
| 3 | ግዘ እንተይ ወሰኑ ካርታ ምፅዋት | |
| 4 | ኩሉ ሻዕ ኣልኮል ምስታይ | |
| 5 | ቴምብር ምእካብ | |
| 6 | ሲጋራ ምትካኽ | |
| 7 | ጠላዕ ምፅዋት | |
| 8 | ኩሉ ሻዕ ስፖርት ምስራሕ | |

ብመሰረት ኣብቲ ዝሃብኩምዎም መልሲታት ምኽንያታትኩም ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉ።

# መጠቓለሊ

ዕቋር ማለት ካብዘለና እቶት ንግዚኡ ዘድልየና ወፃኢ ተጠቒምና ንቀፃላይ ናብራና ዝውዕል ንብረት ወይ ገንዘብ ምቕማጥ ማለት እዩ። ፅቡቕ ባህሊ ከምዓቕምኻ ልክዕ ብምንባር ምምዕባል ይካኣል እዩ።

ምዕቛር ፅቡቕ ተግባር እንትኾን ተግባራዊ ንኽይኽውን ዝፃረሩ ማሕበራውን ውልቃውን ኩነታት ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ መርዓን ካልኦት ጉዳያትን ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ወፃኢ ምድጋስ ኣብ ቀፃላይ መነባብሮና ኣሉታዊ ፅልዋ ኣለዎም። ስለዚ እቶትና ብስርዓት ንዘድልዩና ነገራት ምጥቃም ይግበኣና።

ኣብ መንጎ እቶም ዘድልዩና ንቐፃላይ ዝኸውን ተቐማጢ ክንሓውስ ይግበኣና እዩ፡፡

ዕላማታት ምዕቋር ብዙሓት እዮም፡፡ ከጋጥም ዝኽእል ፀገም ንምምካት፣ ዕግዕተኛ ካልኦት ሰባት ንዘይምኳን ዝብሉ እቶም ቀንዲ ዕላማታት ምዕቋር እዮም። ፅቡቕ ባህሊ ምዕቋር ምምዕባል ዝካኣል ብትልምን ብዓቕምኻን ልክዕ ምንባር  እንትካኣል እዩ። ብዓቕምኻ ምንባር ማለት ሓደሰብ ብናይ ባዕሉ ደረጃ ናብራ ወይ መጠን ሃፍቲ ምግባር ዘይግበኦ ነገር ዘይምግባር ማለት እዩ። ብዓቕምኻ ንምንባር ብትልሚ ምምራሕ ወሳኒ እዩ፡፡

ትልሚ ማለት ኣብ ኣጠቓቕማ ግዘን ገንዘብን ቀዳምነት ክዋሃቦም ዝግበኦም ፊሊኻ ብቕደም ስዓብ ምፍፃም ማለት እዩ። ዓቕምኻ ፈሊጥካ ካብ ምንባር ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ንባህሊ ምዕቋር ዝፃረሩ ውልቃዊን ባህላዊን ኩነታት ብዝግባእ ምፍላጥ ግቡእ እዩ፡፡ ውልቃዊ ዝበሃሉ ብኹንነት ፣ወልፊ ሓደገኛ እፅን መስተን ወዘተ እንትኾኑ ባህላዊ ዝኾኑ ንባህሊ ምዕቋር ዝፃረሩ ተግባራት ድማ ኣብ ዓመት በዓላት ዝግበሩ ካብ ዕቅን ንላዕሊ ዝኾኑ ዓቕሚ መሰረት ዘይገብሩን ድግሳት፣ ተደጋጋሚ ማሕበር፣ ተስካር ፣ ወዘተ እዮም።

# ኣገደስቲ ቃላት

**ልምዲ፡-** ሓደ ሰብ ብተደጋጋሚ ዝገብሮ ተግባር፡፡

**ወልፊ፡-** ኣተሓሳስባ፣ ባህሊ ስራሕን መናባብሮን ንዘበላሸዉ ሓደገኛ እፃትን ልምድታትን ተገዛኢ ምዃን፡፡

**ዕቑብ፡-** ዝተወሰኑ ሰባት ዝተወሰነ ገንዘብ ኣብ ወርሒ ወይ ኣብሰሙን ብምውፃእ-ዕፃ ንዝወፅአሉ ተረኛ ንምሃብ ዝጣየሽ ሕብረት እዩ።

**ፅግዕተኛ፡-** ሓደ ሰብ ሰሪሑ ምንባር ዘኽእሎ ብቕዓት ኣካልን ኣእምሮን እናሃለዎ ዓርሱ ክኢሉ ምንባር እንተዘይኪኢሉ።

**ዕቛር፡-** ውህላል፣ እካብ ዓቒንካ ምጥቃም ይገልፅ፡፡

# መጠቃለሊ ሕቶታት

**I. ነዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡**

1. ምዕቛር ዝኽእሉ ሃፋታማት ጥራሕ እዮም፡፡
2. ምቛር ማለት ካብ ዘድሊ ዕለታዊ ወፃኢ ነኪኻ ንዝመፅእ ግዘ ምቕማጥ ማለት እዩ።
3. ምቛር ወርሓዊ እቶትካ ንናብራ ሓደ ወርሒ ጥራሕ ከይኮነስ ንመፃኢ ናብራውን ንኸኸውን ምጥዕዓም ማለት እዩ።
4. ብዛዕባ ምቛር ክሕሰብ ዝከኣል ካብ ዕለታዊ ወፃኢና እንተተሪፉና ጥራሕ እዩ፡፡
5. ሓደ ስድራቤት ዘለዎ ብምትእኽኻል ዝዓቑሮ ንናይ መፃኢ ቆልዑ ብምሕሳብ እዩ።

**II. ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ሓረጋት ኣብ ትሕቲ "ሀ" ምስ ዘለዉ ኣዛምዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ________1. ድኽነት | ሀ) ዋና መምርሒ ዕቛር |
| ________2. ከምዓቕምኻ ምንባር | ለ) ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ምድጋስ |
| ________3. ንብኽነት ዘቃልዕ ባህሊ | ሐ) መሰረታዊ ድልየታት ክተማልእ ዘይምኽኣል |
| ________4. ትልሚ | መ) ኅዳኢ ዝኾነ ዝውትር ተግባር |
| ________5. ወልፊ | ረ) ቀዳምነት ክዋሃቦ ዝግባእ ካብ ካሊእ ምፍላይ |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብዝስማማዕ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡

1. ካብ መንነ ወልፊ ከትሕዙ ዝኽእሉ ልምድታት ____________ን ________ን ከም ኣብነት ይጥቀሱ።

2. ካብ መንነ ብኽነት ከምፅኡ ዝኽእሉ ድሑራተን ጎዳእትን ተግባራት __________ን ____________ን ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ፡ም፡፡

1. ከም ዓቕምኻ ምንባር ማለት፡-

ሀ) ድልየትካ ብመጠን እትረኽቦ እቶት ምውሳን እዩ

ለ) ንመፃእ ከምዝረኽቡ ብምትእምማን ተለቂሕኻ 'ውን እንተኾነ ዝደለኻዮ ጉዳይ ምግባር እዩ።

ሐ) ብዛዕባ ፅባሕ ዘይምሕሳብ

መ) ኩሎም መልሲ እዮም

2. ተፃራሪ ምዕቛር ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ) ዝረኽብዎ ኹሉ ንኻልኦት ምክፋል

ለ) ካብ ካልኦት ክረክብ እየ ኢልካ ዘለካ ምሃብ

ሐ) ተለቂሕኻ ዲግ ዝበለ ድግስ ምድጋስ

መ) ኩሎም መልሲ እዮም

3. ዉሉፍ ምኳን ማለት

ሀ) ሓደ ሙያ ኣስጢምካ ምሓዝ

ለ) ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ወልፍታት ምውዓል

ሐ) ልምዳዊ ዝኾነ ፅቡቕ ኣሰራርሓ ምጉልባት

መ) መልሲ ኣይተዋሃበን፡፡

4. ዕግዕተኛነት

ሀ) ሓቢርካ ምብላዕን ምስታይን እዩ

ለ) ምትሕግጋዝ እዩ

ሐ) ምኽርን ሓሳብን ካልኦት ምርካብ እዩ

መ) ዓቕምኻ ከይተጠቐምካ ብኻልኦት ተጠቃማይ ምኳን እዩ።

5. ትልሚ

ሀ) መሰረት ዕቑር እዩ

ለ) መሰረት ንፍፅና እዩ

ሐ) ግዘ ከይባኽን ይገብር

መ) ኩሎም መልሲ እዮም

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ኣብ ከባቢኹም ክንደይ ዓይነት ድግሳት አለዉ? ክልተ ጥራሕ ጥቅሱ
2. ምዕቛር ማለት አንታይ ማለት እዩ?
3. ብትልሚ ምምራሕ ካብ ዝህቦም ረብሓታት ክልተ ጥቐሱ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ

### ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስወዳእኹም፡-

- እንታይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ትፈልጡ፡፡
- ህዝባዊ ተሳትፎ ንዕብየት ዘለዎ ረብሓ ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ከባብን ኣድላይነት ተሳትፎ ኣብ ተግበራት ዲስፕሊን፣ ፅሬትን ልምዓትን ትርድኡ።

## 10.1 ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ



*ስእሊ 10.1 ከባቢና ብሓባር ነፅሪ*

- ካብዚ ስእሊ እንታይ ተረዲእኹም?
- ኣብቲ ስእሊ ዘራኣዩ ተምሃሮ እናፈፀምዎ ዝርከብ ተግባር ንምንታይን ብኸመይን ከምዝኾነ ግለፁ።

### ፀገም ክፍሊ ሓምሻይ 'ለ'

መብዛሕቲኦም ተምሃሮ ሓምሻይ "ለ" ብኹነታት ክፍሎም ሕጉሳት ኣይነበሩን። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መምህር ዘይመፅአሉ ክፍለ ግዘ ስለዝረኸቡ እዙይ ንኣኼባ ንኽጥቀምሉ ተሰማምዑ።

ገና ምይይጥ እንትጅምሩ ቁምነገር ዘይኾነላን ፈታዊት ፀወታን ለምለም ፈሊጣ ዝሓመመት መሲላ እናተቐንዘወት ወፀት። ስራሓ ዝተረድአ ሓዋ ኣብርሃም ዝድግፍ መሲሉ ሓቢሩ ናብ ፀወታ ኸደ።

ኣብ መጀመርታ እቲ ምይይጥ  ዝተዛረቡ ከማልን ሃዋን ነበሩ። ንሳቶም እውን ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ሰሙናት ካልኦት ደቂ ክፍሎም ነቲ ፅቡቕ ስረሖም ተኸቲሎም ሓቢሮምዎም ከምዝስለፉ ተስፋ ብምግባር እቲ ክፍሎም እናፅረዩ ከምዝቐነዩ ኣዘኻኸሩ። ኮይኑ ግና ዋላ ሓደ ሰብ ንዓኣቶም ተኸቲሉ ሓቢሩ ብዘይምፅራዩ ምሕዛኖም ገለፁ። ካልኦት እውን ተራ ብተራ ብዛዕባ መምሃሪ ክፍሎም ምርሳሕ ብፍላይ ከማልን ሓዋን ካብዘቋርፁ ንጻሓር እቲ ፀገም እናገደደ ምምፅኡ ኣብርሁ።

መብዛሕትኦም ተምሃሮ መርኣያነት እኒ ከማል ብዘይ ምኽታሎም ዓርሶም ነቒፎም። ብኸምዚ ኲነታት እኹል ምይይጥ ምስተኻየደ ኩሎም ስለዝኣመንሉ ሽዑንሽዑ እቲ ክፍሊ ንምሕፃብን ንምፅባቕን ወሰኑ።

ዳኒኤል ክዳነይን ጫማይን ክባላሸው እዩ ብዝብል ምኽንያት ከም ኣለሚቱ ኣብ  ኣፍደገ ኮይኑ በርትዑ እናበለ የጣቕዕ ነይሩ፡፡ ኣብ እዋን እቲ ምይይጥ “ንልዓል ሐዚ ነፅሪ’ እናበለ ሃናፃይ ሪኢቶ ዘቕረበ ዋላካ እንተኾነ ኣብ መወዳእታ ብዝፍፅሞ ተግባር ብዙሓት ደስ ኣይበሎምን። ጫመኣን ኣውፂኣን ብንጥፈት ካብ ዝሰርሓ ኣፅርኽታ ካብ ኣስቴር፣ ሳራ፣ ኣብርሀት ዝተፈለየት ኣለሚቱ’ውን ጫማይ ኣይተመቸወንን ኢላ ኣብ ወሰን ጠጠው ኢላ  ተበርታትዐን  ነይራ።

ኣብቲ ምይይጥ ሕድሕዶም የቕርብዎ ብዝነበረ ሃናፃይ ርኢቶ ተጠናኺሩን ውሳነ ረኺቡን ዝተፈፀመ ስራሕ ፅሬት ኣዝዩ ብዝዕግብ ኩነታት ተወዲኡ፡፡  እቲ መምሃሪ ክፍሊ’ ውን ፅሩይን ደረጅኦም ብዝሓለዉ መምሃሪ ሓገዛት ዝማዕረገን ኮይኑ። እቲ ስራሕ ምስተወድአ ኣኼባ ንዓሰርተ ደቒቓ ተገይሩ ውፅኢቱ ተገምጊሙ።

ልዑል ተሳትፎ ንዘርኣዩ ተምሃሮን ኣቐዲሙ ፍሉይ ፃዕሪ ንዝገበሩ ንከማልን ንሃዋን ጣቕዒት ምስግና ተገበረሎም፡፡ ኣብ መወዳእታ ካብቲ ከይዲ ኩሎም ጠቓሚ ትምህርቲ  ከምዝረኸቡ ንምርግጋፅ ተኻኢሉ እዩ።

## ዕዮ-ጉጅለ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ብምስራሕ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሉም**

1. ናይ ሓምሻይ “ለ” ተምሃሮ ዝፈፀምዎም ተግባራት ግቡኣት ድዮም? ንምንታይ?
2. ተምሃሮ ሓምሻይ “ለ” ብዝፈፀምዎም ተግባራት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝገበሩን ዘይገበሩን ኣባላት ነይሮምዶ? ኣፈላላዮም እንታይ ይመስል?
3. ከማልን ሓዋን ዝገበርዎ ፈላማይ ፃዕሪ ብመንፅር ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ከመይ ይምዘን?

ካብዚ ቀፂሉ ተምሃሮ ዝፈፀምዎም ዝተፈላለዩ ተግባራት ቀሪቦም ኣለዉ። ነዞም ተግባራት ከከም ኩነታቶም ኣብ ክልተ መድብዎም። እቲ ሓደ መደብ “ብንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝተፈፀሙ” ዝብል እቲ ካልእ ድማ “ብንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዘይተፈፀሙ” ብዝብል ይቕርቡ ንመልስታትኩም ድማ ምኽንያት ኣቕርቡ።

1. ሓለቓ ክፍሊ ንኹሉ ፀገም ብሓይሊ ጥራሕ ንምፍታሕ ይፍትን ነይሩ፡፡ ስለዚ ኩላትና ተኣኪብና ብምምይያጥ ብድምፂ ኣብዝሓ ሓዱሽ ሞኒተር መሪፅና።
2. ቤት ትምህርቲ ወፍሪ ምትካል ፈልሲ ስለዝፀወዐ ካብ ክፍልና ብዙሓት ተምሃሮ ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ተኺሎም።
3. ሞኒተርና ክፍልና ዝመሓደረሉ ስሪት ኣዳልዩ ብምምፃእ ብንባብ ምስ ኣስመዐና ብጣቕዒት ክነፅድቖ ገይሩ።

ካብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ መልመድታት ሓደ ብምውሳድ ብጉጅለ ውሱን መፅናዕቲ ኣካይዱ።

ውፂኢቱ ድማ ኣብ ቀፃሊ ኣብ ሓደ ክፍለ-ግዘ ብመምህርኩም ኣቢልኩም ንኽፍሊ ኣቕሪብኩም ተመያየጥሉ።

1. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፅቡቕ ምንቅስቓስ ዝገበሩ ክልተ ክለባት ምረፁ።

   ቀፂሉ ብዛዕባ ኣመሰራርቶኦም፣ ዕላምኦም፣ መተሓዳደሪ ደንቦም፣ ኣወዳድባኦም፣ ትልሚ ስርሖም ዝፈፀምዎም ዓበይቲ ተግበራት ግለፁ፡፡ ኣተሓሒዝኩም ኣባላት'ዞም ክለባት ብዛዕባ ዝገብርዎ ዓይነት ተሳትፎን ደረጃን ኣስፊሕኹም ኣቕርቡ። ኣፈላላይ ክልቲኦም ክለባት ኣነፃፅሩ፡፡ ኣየናይ ይሓይሽ? ንምንታይ?

2. ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛኹም ብፅቡቕ ኩነታት ዝንቀሳቀሱ ክልተ ማሕበራዊ ትካላት ምረፁ።

ቀፂሉ ብዛዕባ ክልቲኦም ትካላት ኣመሰራረታ፣ ዕላማ፣ መተሓዳደሪ ደንቢ ኣወዳድባ፣ ትልሚ ስራሕን ዝፈፀምዎም ዓበይቲ ተግባራትን ግለፁ። ብምትሕሓዝ ድማ ኣባላቶም ዝገብርዎ ዓይነት ተሳትፎን ደረጃን ኣስፊሕኹም ኣቅርቡ ኣፈላላይ እቶም ክልተ ትካላት ኣነፃፅሩ። ኣየናይ ይሕይሽ? ንምንታይ?

ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ ኣብዝኾነ እዋን ንንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓርስኹም ድልዋት ክትገብሩ ይግባእ። ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ሰባት ሓደ ውፅኢት ከምፅእ ኣብ ዝኽእል ጭቡጥ ተግባር ኣስተዋፅኦ ምግባሮም መበገሲ ይገብር። ነዚ'ውን ዓርሰ ተበግሶን ፃዕርን የድሊ።

ከምዚ ዝበለ ተሳትፎ ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ንኽኾውን ክስራሕ ዘለዎ ብውልቀ ጥራሕ ከይኮነስ ብሓባር እዩ። ስለዚ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓርሰ ተበግሶ ዘለዎን ብሓባር ዝተዋፈርሉ ውፅኢታዊ ዝኾነ ጭቡጥ ተግባር እዩ።

## 10.2 ኣድላይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ



ስእሊ 10.2 ብተሳትፎ ተምሃሮ ዝተመላኸዐ ቤት ትምህርቲ

- ብመሰረት እቲ ኣብ ላዕላይ ዝቐረበ ስእሊ ኣድላይነት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ግለፁ፡፡

### ንሕንሕ

ማርቆስን ገነትን ናይ ክፍሊ ምሓዙት እዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ክልቲኦም ብፀባዮምን ብፃዕሮምን ከምኡ'ውን ብኣቀባብላ ትምህርቲ ልዕሊ ኩሎም ምኻኖም ይፍለጡ።

ሓድሓደ ግዘ ኣብ ጉዳያት ትምህርቲ እንትካትዑ ዝበኣሱ ይመስሉ። ኮይኑ ግና ድሕሪ ክትዕ ከምናይ ቀደሞም ብሰላም እንትንጋገሩ ይርከቡ። ሓድሓደ እዋን ተኻቲያም ኣብ ስምምዕ ንምብፃሕ እንትኣብዮም ናይ መን ሓሳብ ትክኽል ከምዝኾን ንምርግጋፅ ተተሓሒዞም ናብ ዝምልከቶ መምህር ብምኻድ ሓዲኦም ብዓወት ይምለሱ።

ሓደ መዓልቲ ከምኣመሎም እንትካትዑ ኣብዘይ ስማምዕሉ ብርኪ በፅሑ፡፡ ማርቆስ "ኣብ ሓደ ክለብ ኣባል ብምኻን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ብምግባርና ክንጥቀምን ከይንጥቀምን ንኽእል ኢና።" ይብል።

ገነት ድማ ኣብዝኾነ እዋን ካብ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ውልቃዊ ረብሓ ከምዝርከብ ኣረደኣቶ። ማርቆስ ግና ብዚ ኣበሃህላኣ ኣይተስማዕምዐን። ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣብ ውሽጢ ክለብ ክንክን ከባቢ ኣብ ፕሮግራም ፊልሲ ምትካል

ብምስታፎም ክልቲኦም ዝረኸብዎ ረብሓ ከምዘይ ነበረ ገለፀ። ብኣንፃሩ ገነት ዝሃበቶ መልሲ ካብ ምትካል ፈልሲ መንፈሳዊ ዕግበት፣ ተሞክሮን ፍልጠትን ከምዝረኸቡ፣ ንቕድሚት'ውን ዱር እንተዘይህሉ ክበፅሕ ካብ ዝኽእል ጉድኣት ከምዝሕለዉ ኣረደአቶ። ሽዑንሽዑ ከም ኣጋጣሚ ኣብጥቕኦም ዝተደፍአ ጓሓፍ ረአዩ። ማርቆስ እዚ ከም መረዳእታ ብምውሳድ ኣብ ክለቦም ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ብምግባር ከምዙይ ዝተበተነ ጓሓፍ ከምዘይኣልዓሉ ኣረደአ። ብምትሕሓዝውን እቲ ጉሓፍ ብዘይምልዓሎም፣ ኣብ ክልቲኦም ዋላ ሓደ ጉድኣት ከምዘይባፅሖ ወይ እንተዘልዕልዎ ነይሮም'ውን ዋላ ሓደ ውልቃዊ ረብሓ ከምዘይረኽቡ ኣብረሀ። ከምዚ ኢሉ እናተኻትዐ እንተሎ ከይተሓሰበ ኣብ ልዕሊ ቅላጥ ሙዝ ጠጠው ስለዝበለ ሸታሕ ኢሉ ወደቐ። ገነት ደንጊፃ ክተቕንዖ እንተትተፍትን ካልኦት ተምሃሮ ኣርኪቦም ተሓጋጊዞም ኣልዐልዎ።

"ሐዚ ተረጋጊፁ 'እዩ፣ ኣብ ክለብና ብንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ስራሕቲ ፅሬት እንተነሳልጥ ነይርና ኩልና ንፅሬት መረባና እንሓስብን ሰብ ዋና ምኸንና ነይርና።

ኣነውን ብውልቀይ ምተረባሕኹን ካብዝበፅሐኒ ጉዱኣት ምደሓንኩን ነይረ። ኣእሚንክኒ እኺ። ንስኺ ትኽክል ስለዝኾንኪ ናብ መምህር ምኺያድ ኣየድልየናን "በላ'ሞ ተተሓሒዞም ተመለሱ።



## መልመዲ 1

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ማርቆስ ዝረኸቦ ትምህርቲ እንታይ እዩ?
2. ማርቆስን ገነትን ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣባላት ክለብ ክንክን ከባቢ እዮም፡፡ ኣብ ምትካል ፈልስን ፅሬት ቀፅርን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ እንትገብሩ ክረኽብዎ ካብዝኽእሉ ረብሓ ሰለስተ ጥቐሱ፡፡

3. እስኪ ንስኻትኩም ድማ ብዓርስኹም ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትፍፅምዎ እትኽእሉ ጠቓሚ ተግባር ኣቕርቡ፡፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ተግባርው'ን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ እንትዘይትገብሩ ክትስእንዎም ትኽእሉ ሰለስተ ነገራት ዘርዝሩ።

ክሳብ ሐዚ ከምዝተምሃርክምዎ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ልዑል ረብሓ ከምዘለዎ ሪኢኹም ኢኹም። ከምዚ ዓይነት ተሳትፎ ብሓባር ካብ ዝህቦ ውፅኢት ብተወሳኺ ሕድሕድ ኣባል'ውን በይኑ ዝረኽቦ ረብሓ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ክፍሊ ኣብ ምምራፅ ሞኒተር፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ መተሓዳደሪ ስሪት ኣብ ምፅዳቕ፣ ፀገም ክፍሊ ንምፍታሕ ኣብ ዝካየድ ኣኼባ፣ ክፍሊ ንምፅራይን ንምፅባቕን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ፣ ሃፍትን ንብረትን ቤት ትምህርቲ ንምክንኻን ኣብ ዝግበር ተግባር፣ ወዘተ ተምሃሮ ብንጥፈትን ብተበግሶን ብሓባር ክሳተፉ ይግባእ። ከምዚ ይ ምግባር ድማ ንዉልቀ ሰባት ክጠቕም ይኽእል እዩ። ንኣብነት ጉልበተኛ ጉዳኣት ኣየብፀሓሎምን፡፡ ፅቡቕ ዝኾነ ስርዓት ቤት ትምህርቲ ይዓሰል፡፡ ጥዕና ዘይጐድእን ስሓባይን መምሃሪ ክፍሊ ይህልዎም፡፡ ከምኡ'ውን ትምህርቲ ብስርዓት ንምክትታል ዘኽእል ምቹዊ ኩነታት ይፈጥር።



## መልመዲ 2

### ኣብዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።

1. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ካብ ሞንጎ ዝርከቡ መንግስታውን ህዝባዊ ሃፍትታት ግቡእ ክንክን ዘይረኽቡ ኣለዉዶ? እንተሃሊዮም ዘርዝሩዎም።
2. ግቡእ ክንክን ዘይረኽቡ ንብረታት እንታይ ክግበረሎም ይግባእ?
3. ክግበረሎም ዝግባእ ክንክን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ የድልዮዶ? ብኸመይ?

## 10.3 ዓይነታት ተሳትፎ ሕዝቢ



ስእሊ 10.3 ቤት ትምህርትና ነፀብቕ



ስእሊ 10.4 ከባቢና ኣልምዕ

- ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ፎቶ ግራፋት እንታይ የርኢዩ?
- ኣብ ክልቲኦም ፎቶ ግራፋት ዘሎ ምምስሳል እንታይ እዩ? ፍልልዮምከ?

ክሳብ ሓዚ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳተፎ እንታይ ከምዝኾነን ንምታይ ኣድላይ ከምዝኾነን ንምግንዛብ ኪኢልኩም 'ኢኹም ሐዚ ድማ ዓይነታት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ክትሪኡ'ኢኩም።

ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ኣብ ኽልተ ክኽፈል ይካኣል። እቲ ሓደ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ መንበሪ ገዛ ወይ ኣብ ከባቢ ስራሕ ቦታ ዝካየድ ህዝባዊ ተሳትፎ እዩ።



### መልመዲ 3

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡ፡፡**

1. ኣብ -ቤት ትምህርትኹም ዝንቀሳቀሱ ክለባት ስም ዘርዝሩ፡፡ ክለባት እንተዘየልዮም ከመይ ዝበሉ ክለባት ክጣየሹ ከምዝግባእ ኣረድኡ።
2. ኣብ ከባቢ ቁሸትኩም ወይ መንበሪኹም ዝርከቡ ማሕበራዊ ትካላት ስም ዘርዝሩ፡፡ ትካላት እንተዘየልዮም ከመይ ዝበሉ ማሕበራዊ ትካላት ክጣየሹ ከምዝግባእ ኣረድኡ።

3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዘለዉ ወይ ክጣየሹ ዝግበኦም ክለባትን ኣብ ቁሸትኩም ዘለዉ ወይ ክጣየሹ ዝግበኦም ማሕበራዊ ትካላትን ብምንታይ ይመሳሰሉ? ብምንታይከ ይፈላለዩ?



## መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎታት ብኽልተ ዓይነት መዲብኩም መልስኹም ኣብ ደፍተርኩም ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ገልቢጥኩም ስርሑ።*

1. ኣብ ኣባልነት ኣመራርሓ ፓርላማ ተምሃሮ ብብቕዓት ምስራሕ።
2. ናይቲ ቤት ትምህርቲ ስካውት ክለብ መራሒ ጉጅለ ብምኳን ሓላፍነት ብዝግባእ ምውፃእ፡፡
3. ንኤች.ኣይ.ቪ. ሕሙማት ኣብ ዝግበር ክንክን ግልጋሎት ንምሃብ ብሰናይ ድልየት ምውፋር፡፡
4. ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣባል ክለብ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ብምኳን ዝተማልአ ምንቅስቓስ ምግባር።
5. ኣባል ክለብ ምትሕግጋዝ ተምሃሮ ብምኳን ብፅሒት ስራሕ ብዘዕግብ ኩነታት ምፍፃም፡፡
6. ኣብ ማሕበር ስራሕ ሓረስቶት ጥንኩር ኣባል'ቲ ማሕበር ኮይንካ ምንቅስቓስ፡፡

| ሪጋ | ብቤት ትምህርቲ ዝካየድ | ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ዝካየድ |
|---|---|---|
| | | |
| | | |

## 10.4 ማሕበራት ሲቪክ



ስእሊ 10.5 ማሕበር ቀይሕ መስቀል/ ቀይሕ ወርሒ



ስእሊ 10.6 ጉባኤ ማሕበር መምህራን

- ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ፎቶ ግራፋት እንታይ ይገልፁ?
- ክልቲኦም ፎቶግራፋት ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን እንታይ እዩ?

ማሕበር ሲቪክ፣ ማለት ናይ ንግዲ ዘይኮነ፣ ካብ ፖለቲካን ካብ መንግስትን ነፃ ዝኾነ ትካል እዩ፡፡

ሓደ ሰብ ድልየቱ ብዓርሱ ውልቃዊ ፃዕሪ ጥራሕ ንምምላእ ኣይኽእልን። ሓባራዊ ፃዕርታት ብዙሕ ነገራት የዕዉቱ እዮም፡፡ ህዝቢ ህይወቱ ንምምሕያሽ እንተደልዩ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ልምዓታት ክፍፅም ኣለዎ። ብዙይ ውፅኢታዊ ንክኸውን፣ ስራሕቲ ልምዓት ብሓባር ክስርሑ ይግባእ። ብሓባር ንምስራሕ ድማ ምውዳብ የድልዮም እዩ። ሰባት ዝተፈላለዩ ዓይነት ትካላት ከጣይሹ ይኽእሉ እዮም። ካብዚኣቶም ሓደ ዝኾነን ካብ ካልኦት ብባህሪኡ ዝተፈለየ ማሕበር ሲቪክ እዩ። ማሕበራት ሲቪክ ካብ ካልኦት ትካላት ዝፍለዩሎም ናይ ባዕላቶም መፍለይ ባህሪያት ኣለዎም። ቀዳማይ ብመንግስቲ ዝምርሑ ብዘይምዃኖም ነፃ እዮም።

ካልኣይ ዕላማኦም ከሰቢ ንምርካብ ከይኮነስ ማሕበራዊ ግልጋሎት ምብርካት ጥራሕ እዩ።

ሳልሳይ እቶቶም ዝረኽብዎ ካብ ኣባላት ዝዋፃእን ካብ ካልኦት ገበርቲ ሰናይ እዩ። ኣብ መወዳእታ ፖለቲካዊ ወገናውነት ኣይህልዎምን። ሰባት ኣብ

ማሕበራት ሲቪክ ተዋፊሮም ዘገልግሉ ብሰናይ ድልየት ወይ ብቲ ማሕበር ተቆፂሮም እዮም። ማሕበራት ሲቪክ ንዕብየት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት፣ንሓበራዊ ሰላምን ንምስላጥ ልምዓትን ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ዝኽእሉ ማሕበራዊ ትካላት እዮም።



## መልመዲ 5

### I. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ነዞም ዝስዕቡ ባህርያት ዘማልኡን ዘየማልኡን ትካላት ቀዊሉ ካብ ዝቐረበ ዝርዝር ፍለዩ። መልስኹም ኣብ ታሕታይ ዘሎ ሰደቓ ሃቡ።

**ባህርያት ፖለቲካዊ ወገናውነት ዘይብሉ**

- ብመንግስቲ ዘይምራሕ (ካብ መንግስቲ ነፃ ዝኾነ)
- ብኣባላቱ ሰናይ ድልየት ዝንቀሳቐስ
- ንከስቢ ዘይተጣየሸ
- እቶቱ ካብ ኣባላት ዝዋፃእ ገንዘብን ካብ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ዝርከብን

- ማሕበር ልምዓት ወረዳ
- ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ
- ማሕበር ነጋዶ
- መንግስታዊ ቤት ዕዮ
- ፖለቲካዊ ውዳበት
- ማሕበር መናእሰይ
- ሙያዊ ማሕበር
- እድር ነበርቲ ሓደ ኸባቢ
- ዘይመንግስታዊ ትካል ተራድኦ
- ማሕበር ሰራሕተኛታት

| ሪጋ | ነቶም ባህሪያት ዘማልኡ | ነቶም ባህሪያት ዘየማልኡ |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

2. ነዞም ኣብ ላዕላይ ዝተዋሃቡ ባህርያት ዘማልኡ ትካላት ብሓባር እንታይ ተባሂሎም ክፅውዑ ይኽእሉ?
3. ብመሰረት ክሳብ ሐዚ ዝሰራሕኹምዎ ብዛዕባ እንታይነት ማሕበር ሲቪክ ሓፂር መብርሂ ብምቕራብ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡ።

## መጠቓለሊ

ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ሓደ ሰብ ብዓርሰ ተበግሶ ምስ ካልኦት ብሓባር ዝፍፅሞ ርኡይ ዝኾነ ተግባር እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝካየዱ ተግባራት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ምግባር ካብ ዝኾነ ንጡፍ ተምሃራይ ዝሕሎ እዩ። ከምዙይ ምግባር ተወሳኺ ተሞክሮን ፍልጠትን ንምርካብን ካብቲ ውፅኢት ንኽትርባሕን የኽእል።

ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ናይ ሓባር ምንቅስቓስ ይጠልብ። ገንዘብ፣ ጉልበትን፣ ፍልጠትን ኣዋሂድካ ብሓባር ምስራሕ ብዝለዓለ ኩነታት ውፅኢታዊ ይገብር። ብሓባር ንምስራሕ ካብ ዝውደቡ ኣካላት፣ ማሕበራት ሲቢክ ይርከቡዎም። ኣብ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ኣካላት ዝካየድ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ንምዕባለ ዴሞክራሲ፣ ንምርግጋፅ ሰላምን ልምዓትን ልዑል ኣበርክቶ ይገብር።

## ኣገደስቲ ቃላት

**ስቪክ፡-** ፖለቲካውን ወታደራውን ዘይኮነ።

**ጭቡጥ ተግባር፡-** ንይምሰል ከይኮነስ ውፅኢታዊ ዝኾነ ስራሕ

**ዓርሰ ተበግሶ፡-** ብድፍኢት ከይኮነስ ካብ ናይ ዓርስኻ ውሽጣዊ ድሌት ሓደ ተግባር ምፍፃም

**ምውዳብ፡-** ንሓበራዊ ውፅኢት ጉጅለ ወይ ማሕበር ምጥያሽ።

**ስራሕ ልምዓት፡-** ዕብየት ሕብረተሰብ ንምምፃእ ዝሕግዝ ውፅኢታዊ ተግባር።

## መጠቓለሊ ሕቶታት

***I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡***

1. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ጭቡጥ ዝኾነ ምንቅስቓስ ይሓትት፡፡
2. ክልቲኦም ዓይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ማሕበራት ሰቪክን ማሕበራዊ ውዳበታትን እዮም፡፡
3. ካብ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ኣባላት ብውልቀ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ረብሓ ኣይህሉን፡፡
4. ትካላት ንግዲ ሓደ ኣብነት ማሕበራት ሲቪክ እዮም፡፡
5. ምህላው ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ካብ መንግ ዘረጋግፁ ነገራት ሓደ እቲ ምንቅስቃስ ብሓባር ዝካየድ ምኻኑ እዩ፡፡

***II. ኣብ ትሕቲ 'ሀ' ንዝተዘርዘሩ ዝስማዕምዑ ኣብ ትሕቲ 'ለ' ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ።***

| 'ሀ' | 'ለ' |
|---|---|
| 1. ፖለቲካዊ ወገናዊነት ዘይምህላው | ሀ. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተጣየሸ ማሕበራት ሲቪክ |
| 2. እድር ምትሕግጋዝ | ለ. ማሕበራት ሲቪክ ዘስዕብ'እ ጉድኣት |
| 3. ዝረአ ተግባር ምፍፀም | ሐ. ኣብ ከባቢ መንበሪ ዝርከብ ማሕበር ሲቪክ |
| 4. ክለብ ተምሃሮ ፀረ-ኤች-ኣይቪ ኤድስ | መ. ዉልቃዊ ረብሓ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ |
| 5. ተሞክሮ ምዕባይ | ሰ. ካብ ሓደ ባህሪይ ማሕበራት ሲቪክ |
| | ረ. ውሳነ ህዝባዊ ተሳትፎ |
| | በ. ሓደ ባህሪይ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡

1. እቶም ክልተ ዓይነታት ንጡፍ ሕዝባዊ ተሳትፎ __________ን ________ን እዮም፡፡
2. ንምዕባለ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት፣ ሓባራዊ ሰላምን ንቅልጡፍ ልምዓትን ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎ መንግስታዊ፣ ፖለቲካዊን፣ ወታደራዊን ዘይኮነ ዉዳበ ____________ እዩ፡፡

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።

1. ንጡፍ ሕዝባዊ ተሳትፎ____________ዝራኣየሉ ምንቅስቃስ እዩ።
   ሀ. ብሓባር ምስራሕ
   ለ. ጭቡጥ ተግባር
   ሐ. ዓርሰ ተበግሶ
   መ. ኩሎም ትክክል እዮም
2. መፍለይ ባህሪይ ማሕበራት ሲቪክ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ንኽሰቢ ዝሰርሑ ኣይኮኑን
   ለ. ካብ መንግስቲ ነፃ እዮም
   ሐ. ፖለቲካዊ ፓርቲ ክኾኑ ይኽእሉ
   መ. እቶቶም ካብ ኣባላት ይረኽቡ
3. መፍለይ ንጡፍ ተምሃራይ ካብ ዝኾኑ ሓደ__________እዩ፡፡
   ሀ. ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ምግባር
   ለ. ሓለቓ ክፍሊ ምዃን
   ሐ. ብመምህራንካ ናእዳ ምርካብ
   መ. ኩሎም ትኽክል እዮም
4. ማሕበራት ሲቪክ ካብ ዝኾኑ ሓደ ____________ እዩ።
   ሀ. ማሕበራዊ ዘርፌ ምምሕዳር ወረዳ
   ለ. ማሕበር ሙያ
   ሐ. ሕቡራት መንግስታት
   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

5. ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ንውልቀ ሰባት ዝህቦ ጥቕሚ___________

   ሀ. ፍልጠትን ተሞክሮን እዩ

   ለ. ዋላ ሓንቲ ኣይህሉን

   ሐ. ሃፍትን ምዕባለን እዩ

   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

6. ብሓባር ምስራሕን ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎን ዘምፅኦ ረብሓ፣-__________

   ሀ. ዝበለፀ ውፅኢታዊ ይገብሮ

   ለ. ፍልጠት ሃፍትን ክእለትን ንምውሃድ

   ሐ. ሀን ለን ትኽክል እዮም

   መ. መልሲ ኣይተዋሃበን

## V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ።*

1. ንንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ሓፂር ትርጉም ሃቡ።
2. እንታይነት ማሕበራት ሲቪክ ዘርእዩ ሓሙሽተ መፍለይ ባህርያት ዘርዝሩ።

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

## ኣለሻ ፍልጠት

### ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ፡-

እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስ ወዳእኹም፡-

- ፍልጠት ምእላሽ ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ፡፡
- ፈላጥ ምዃን ንምምሕያሽ ናይ ዓርስኻ ናብራን ንምዕባለ ሕብረተሰብን ዘለዎ ኣሰተዋፅኦ ትግንዘቡ፡፡
- ትኽክለኛ ውሳነ ንምውሳን ኣድላይነት ፍልጠትን መረዳእታን ትርድኡ፡፡

## 11.1 እንታይነትን ረብሓን ፍልጠት



ስእሊ 11.1 ኦም



ስእሊ 11.2 ገመል



ስእሊ 11.3 መኪና

- እንታይነት ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ስእልታትን ንሰባት ዝህብዎ ረብሓን ግለፁ።
- ብዛዕባ ዮም ነገራት ብኸመይ ክትፈልጡ ክኢልኩም?
- ብመንፅር ንኽልቲኦም ሕቶታት ዝሃብኩምዎ መልስታት እንትትሪእዎ፣ ንሓደ ነገር ምፍላጥ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

### ምይይጥ ተምሃሮ

ዘይነባ፣ ሙሓባ፣ ለማን፣ ጉተማን ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ እዮም። ሓደ መዓልቲ ናይ ስነ-ዜጋ መምህሮም መምህር ኪሮስ ዕዮ ገዛ ሃበኦም። እቲ ዕዮ ገዛ “ዝተፈላለየ መረዳእታታት ተጠቒምኩም እንታይነት ፍልጠት ኣብርሁ ”ዝብል ነይሩ። እቶም ተምሃሮ ኣብ ክሊ ትምህርቶም ኣብ ምንባብ፣ ኣብ ምክታዕን፣ ኣብ ምምይያጥ ምስታፍ የዕግቦም ነይሩ።

ስለዚ እቲ ዕዮ ገዛ እንትዋሃቦም ኣዝዮም ተሓጎሱ። እቶም ተምሃሮ እቲ ዕዮገዛ ምስተቐበሉ ዝተፈላለዩ መረዳእታት ኣብ ምድላይ ተዋፈሩ።

መፃሕፍቲ ኣንቢቦም ሰባት'ውን ኣዘራሪቦም ካብኡ ሕድሕዶም ዝረኸብዎም መልስታት ሒዞም ንሓባራዊ ምይይጥ ተራኸቡ፡፡ ኣብቲ ጉዳይ ድማ ብዙሕ ተኻትዑ፡፡

ዘቕረቡዎም መልስታት ብሓፂሩ ነዞም ዝስዕቡ ዓይነት ይመስሉ ነይሮም። ዘይነባ፣ "ፍልጠት ማለት ኣብ ጥቓና ዘለዉ ነገራት፣ ቦታታት፣ ሰባት ብዝምልከት ዘለና ግንዛበ እዩ" ብምባል ተዛረበት።

ሙሓባ፣ "ፍልጠት ዝባሃል ረብሓን ጕዳእነትን ነገራት እንርደአሉ መሳርሒ ኣእምሮ እዩ" ብምባል ኣቕረበት።

ለማ፣ "ፍልጠት ብዛዕባ እንስሳ፣ መሬት፣ ኩነታት ኣየር፣ ቴክኖሎጂ፣ እንግንዘቦ ነገር እዩ" በለ፡፡

ጉተማ፣ "ፍልጠት እንብሎ ካብ መምህራን፣ መፃሕፍቲ፣ ከባቢ ምስትውዓልን ካብ መፅናዕትን እንረኽቦ ግንዛበ እዩ ብምባል መለሰ።

ብድሕሪ 'ዙይ ነናይዓርሶም ሓሳብ ንደቂ ክፍሎም ኣቕረቡ። እቶም ተምሃሮ'ውን ብትኹረት የዳምፁዎም ነይሮም። እተን መምህር ብፃዕሪ ተምሃሮአን ኣዝየን ተሓጎሳ።



## መልመዲ 1

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምስ ኣንበብኩም ተመያየጡሎም፡፡*

1. ካብቶም ኣርባዕተ ተምሃሮ ዝሃብዎም መልስታት ብዛዕባ እንታይነት ፍልጠት ስሕተት ዝኾነ መልሲ ኣስተውዒልኩም ዶ? ብኸመይ?
2. ንስኻትኩም'ከ "ፍልጠት እንታይ እዩ?" ንዝብል ሕቶ ሐዚ እንታይ ዓይነት መልሲ ምሃብኩም?

ፍልጠት ከበቢን ዓለምን ናይ ምርዳእ ክይዲ እዩ። ሰባት ከባቢ ብምስትውዓል ኣተሓሳስበኦም የስፍሑ። ካብ ሰባት መረዳእታታት ብምርካብ ኣእምሮና ነስፍሕ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣቲና ካብ መምህራናን ካብ መፃሕፍትን ብዙሕ ቁምነገር ንረክብ ኢና። እዚ'ውን ፍልጠት እንታይ ከምዝኾነ የርኢየና። መራኸብቲ ሓፋሽ ብምክትታል ከምኡ'ውን ዑደት ብምክያድ እንረኽቦ ቁምነገር ፍልጠት ይበሃል። ስለዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣርባዕቲኦም ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ፍልጠት ዝሃብዎም መልስታት ትኽክል እዮም ምባል ይካኣል።

ፍልጠት ካብ ዝተፈላለዩ ፅዕንቶታት ነፃ ንኽንከውን ዝሕግዘና መሳርሒ እዩ። ንኣብነት ፅሬት ዘለዎ መንበሪ ገዛ ሰሪሕና ብምንባር ቁሪ፣ ዝናብ፣ ፀሓይ ዝኣምሰሉ ተፈጥሮኣዊ ጉድኣታት ንከላኸል፡፡ እዙይ ባዕሉ ፍልጠት ኣስራርሓ መንበሪ ገዛ ይሓትት እዩ። ሕማም ንኸጥቅዐና ዝገብሩ ነገራት ብፍልጠት ንረኽቦም፡፡ ምስ ፈለጥናዮም ድማ ንኸይንጥቓዕ ዝሕግዝ ሜላ መከላኸሊ ንፈጥር። እንተጥቂዖምና እውን ንምድሓን ዘኽእል መድሓኒት ንኽንረክብ ፍልጠት ኣዝዩ የድሊየና እዩ። ስለዚ ፍልጠት እናተመሓየሸ ብዝኸደ ቑፅሪ ናብራ እውን ይምሓየሽ ማለት እዩ።

ንስኻትኩም እውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሐሸ ፍልጠት ብዝረኽብኩም ቁፅሪ ንፋዓትን ተመራመርትን ተምሃሮ ትኾኑ፡፡ እዚ ብግዲኡ ዝዓበየ ፍልጠት ንኽህልወኩም ይሕግዘኩም።



## መልመዲ 2

### ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ፍልጠት ሓደ ግዘ እንመሃሮ ነገር እምበር እናተምሓየሸን እና ዓበየን
2. ዝኸይድ ኣይኮነን እንተተባሂሉ ትኽክል እዩ ትብሉዶ? ንምንታይ? ዝሓሸ መንበሪ ገዛ ንምህናፅ ካብ ገንዘብን ካብ ፍልጠትን ብቐዳምነት ዘድልየና ኣየናይ እዩ?
3. ልዕል ዝበለ ፍልጠት ካብ ዘለዎን ትሕት ዘብለ ፍልጠት ካብ ዘለዎን ሃገሩ ዝጠቅም ኣየናይ' ዩ? ብኸመይ?

## 11.2 መረዳእታ ዝርከቡሎም ሜላታት



ስእሊ 11.4 ሰባት ጋዜጣ እንተንብቡ



ስእሊ 11.5 ሰባት ሬድዮ እንተዳምፁ



ስእሊ 11.6 ቴሌቪዥን እንትርእዩ

- ኣብ ላዕላይ ትርእይዎ ስእሊ ብዛዕባ ሜላ መርከቢ መረዳእታ እንታይ ምልክት ይህበኩም?
- መረዳእታታት ካበይ ካበይ ንረክብ ይመስለኩም?
- ኩልግዘ መረዳእታ ምርካብ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

# ራስ ስሞኽ

“ራስ ስሞኽ“ ዝበሃል ባህሊ ምትሕግጋዝ ስራሕ ኮይኑ ኣብ ሓረስቶት ክልል ኦሮምያ ዞባ ኣርሲ ዝተለመደ እዩ። ኣብ ራስ ስሞኽ ናኺራይ ንዓዲ ሕምኡ ስራሕ ዝሕግዙ ሰባት ሒዙ ይመፅእ። እዚ ጉጅለ ስራሕ ናይ ምምፃእ ድሌት ካብ ቤተሰብ ሰበይቱ ወይ ካብ ባዕሉ ካብቲ ናኽራይ ክመፅእ ይኽእል፡፡ እዞም ክልተ ሜላታት ዕላማኦም መብዛሕትኡ ግዘ ስራሕ ዓቢድ ተሓጋጊዝካ ምስራሕ እዩ፡፡ በዚ ኣቢሉ’ውን ኣብ ሞንጎ ዓዲሕማ ዘሎ ድልየት ምትሕግጋዝ የዕቢ።

እቲ ጉጅለ ስራሕ ብዙሕ ሓይሊ ሰብ ዝሓቑፍ ኮይኑ ፍልይ ብዝበለ ኩነታት ስራሕ ንምፍፃም ሓደራ ዝተዋሃቦ እዩ። እዚ ብርክት ዝበለ ሓይሊ ሰብ ብቕዓት እንግዶት እንዳኣል ዘገምግም እዩ፡፡ ብፍላይ ሓተትቲ እቲ ራስ ስሞኽ እንዳኣል እንተኾይኖም ዓብይ ድግስ ምድጋስ ዘይቐሪ እዩ። ስዋ፣ ኣረቂ፣ ሕንባሻ፣ እንጀራን፣ ፀብሕን ብፍሉይ ጥንቃቐ እዩ ዝዳሎ፡፡ ሽማግለታት ዓዲ ከምዝብልዎ እንተኾይኑ፣ መብዛሕትኡ እዋን ንስራሕ ዝተለመኑ ሰባት ብእንግዶት ኣሕጕስካ ምስዳድ ንቤተሰብ ዓዲሕማ ዓብይ ክብርን ሞገስን የውህብ እቲ ንድግስ ዝግበር ወፃኢ ነቲ ናኺራይ እውን ክምልከቶ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱም ከከም ኩነታቱ ውሑድ ዝኾነ ነገር ንእንግዶት ንኽሕግዝ ትፅቢት ክግበራሉ ይኽእል እዩ።

ብፍላይ ድማ እዚ ጉጅለ ስራሕ ናይ ምድላው ሓሳብ ብባዕሉ እንተኾይኑ ሓላፍነት ምድላው እቲ ድግስ ናይ ባዕሉ ይኸውን።

ባዕሉ ደጊሱ ፂዒኑ ይመፅእ። እንዳ ኣል እውን እንተነኣሰ ሓደ ምክት ምሕራዶም ኣይቐርዮምን፡፡ ብምኽንያት ርሕቐት ቦታ እቲ ጉጅለ ስራሕ ናብ ገዝኡ እንተዘይተመሊሱ ኣብቲ ክስርሐሉ ዝዋዐለ ቦታ ምሕዳር ዝተለመደ እዩ።

እዚ ባህሊ ስራሕ ኣብ ኣርሲ ክልል ኦሮሚያ ጥራሕ ዝርከብ ኣይኮነን ኣብ ትግራይ እውን ልሙድ እዩ፡፡ እንዳ ኣል ንእንዳ ወዲ ዓቢድ እኽሊ ወይ ማሕረስ ብወፈራ ክሰርሑ ይእዝዙ እዮም፡፡ ዓድሕማ እንዳኣል ድማ ብዝኣዘዝዎም መሰረት ፈፀምቲ እዮም፡፡



## መልመዲ 3

**ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ብዘዕባ ራስ ስሞሽ ዝፅሓፈ ሰብ ንመማዕበሊ እቲ ፅሑፍ ዝኾን
2. መረዳእታ ዝረኸቦ ካበይ ይመስለኩም?
   እቲ ፀሓፊ መረዳእትኡ ብኸመይ ክእክብ ክኣለ?
3. ፍልጠት ካብ ምንታይ ካብ ምንታይ መረዳእታታት ምርካብ ይካኣል ትብሉ?

**መረዳእታ፡-** ብፅሑፍ፣ ብሬድዮ፣ ብቴሌቪዥን፣ ወዘተ ተዳልዩ ዝቐርብ ፍልፍል ግንዛበ ወይ ፍልጠት እዩ። መረዳእታታት ብምርኣይ፣ ብምስማዕ፣ ብምጭናው፣ ብምድህሳስ ወይ ብምጥዓም ክንረኽቦም ንኽእል፡፡ መረዳእታት ካብ ከባቢና ወይ ካብ ከባቢና ወፃኢ ክንረክብ ንኽእል፡፡ ካብ ከባቢና ካብ እንረኽቦም መረዳእታት ሰላም ከባቢ፣ ያታን ዕድመን ዝምልከት ብተደጋጋሚ ዝኸበሩ ዓመት ብዓላት ወዘተ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡ ውፅኢት መረፃ ተወከልቲ ህዝቢ፣ ኩነታት ዋጋ ነዳዲ ዓለም፣ ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወዘተ ድማ ካብ ከባቢና ወፃኢ ካብ ዘሎ ፍልፍል እንረኽቦም እዮም።

ፍልጠትና ንምዕባይ ዝሕግዙና ዝተፈላለዩ ፍልፍል መረዳእታታት ኣለዉ። ብዋናነት ዝጥቀሱ ድማ ስሩዕ ትምህርቲ፣ ምንባብ፣ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ ዑደት ወዘተ እዮም።

**ትዕዝብቲ፡-** እንብሎ ኣብ ከባቢና ዝረአ ነገር ወይ ተግባር ሰባት ብጥንቃቐ ምርኣይ እዩ። ንኣብነት ልዕል ክብል ዘንበብናዩ "ራስ ስሞሽ" ንመጀመርታ ግዘ ዝፀሓፈልና ሰብ ኣብ ዓዲድ ቦታ ተረኺቡ ኣስተውዒሉ፣ ሽማግለታት ዓዲ ኣዘራሪቡ መረዳእታ ረኺቡ እዩ። ኣብቲ እዋን ዝረኣዮን ሓቲቱ ዝረኸቦን እዩ ንኣና ዘካፈለና፡፡ ንቲ ምንባብ ዘንበቡ ሰባት ድማ ብናይ ባዕልቶም ቋንቋ እቲ ሓሳብ ናብ ካሊእ ከባፅሕዎ ይኽእሉ ማለት እዩ።

ቤት ትምህርቲ ድማ ካብ ኩሉ ዝበለፀ ፍልጠት ዝርከበሉ ቦታ እዩ። ብዝተፈላለዩ ሙያታት ዝሰልጠኑ ምሁራት ኣብ ቤት ትምህርቲ ይርከቡ፡፡ ንሳቶምውን ንኣና ንምሕጋዝ ቀትርን ለይትን ይደኽሙ እዮም።

መፃሕፍቲ፣ ጋዜጣታት፣ መፅሄታት ብምንባብ ፍልጠት ክንረክብ ንኽእል። ካልኦት ፍልፍላት ፍልጠት ድማ ሬድዮን ቴሌቪዥንን እዮም፡፡ እዚኦም ኣብዙርያ ዓለም ዘለዉ እዋናዊ ጉዳያት ተኸታቲሎም ኣብ ምቕራብ ተወዳዳሪ የብሎምን።

ኣብ ዝተፈላለዩ ተጓንፎታት ስራሕ ወይ ኣብ መስሕብ ቱሪስት ዝኾኑ ቦታታት ብምጉብናይ ብዙሕ ፍልጠት ክንረክብ ንኽእል ኢና፡፡ እንትንጉብኒ ብዛዕባ ኣቀማምጣ መሬት፣ ኩነታት ኣየር፣ ባህሊ ህዝብታት ፍልጠት ንረክብ ኢና።

ስለዚ ነዞም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝረኽብናዮም መረዳእታታት ብዝግባእ ንምግንዛብን ምስናይ ባዓልትና ህይወት ብምውህሃድን ኣብ ተግባር ምውዓል ይግባኣና። እዙይ ጥራሕ ከይኮነስ ጥቕሞምን ጉዳኣቶምን እናስተውዐልና ደጋጊምና ምፅናዕ ይግበአና። ብዚ ውፅኢታዊ ንምኧን ኣብ መዘከርታ ደፍተር ክንምዝግብ ወይ ብካሴት ክንቀድሖም ኣለና።



## መልመዲ 4

### ካብዞም ዝስዕቡ ርእስታት ዝሕሸኩም ብምምራፅ፡፡

ሀ. ነቲ ርእሲ ዘራጉዱ መረዳእታታት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ኣክቡ።

ለ. ፈሊኹም ዘውፃእኽምዎም መረዳእታታት ብዝተፈላለዩ ሜላታት ስርዕዎም።

1. ታሪኽ ኣመሰራርታ ቤት ትምህርትኹም
2. ጥዕና መላእ ላሕሚ ብኸመይ ከምንከናኸን
3. በብግዚኡ ማዓር ምምጋብ ንጥዕና እንታይ ጥቅሚ ኣለዎ?

## 11.3 ድሑር ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን

- ሓድሓደ ሰባት ብዘመናዊ ድኹዒ ዝለምዐ እኽሊ በረከት የብሉን ክቡሉ ይስምዑ። እዚ ኣተሓሳስባ ትኽክል' ዶ ይመስለኩም? ንምንታይ?
- ኣብ ከባቢኹም ዝንገሩ ድሑራት ኣተሓሳስባታት ዘርዝሩ፡፡
- ኣብ ከባቢኹም ድሑር ኢልኩም እትግንዘብዎም ኣተሓሳስባታት ብኸመይ ምውጋድ ይካኣል? ኣብ ከይዲ እቲ ምውጋድ ናታትኩም ግደ እንታይ ኽኮን ይኽእል?

ድሑር ኣረኣእያ ኣብ ድፉን ኣተሓሳስባ ዝተደረኸ ልማድ እዩ፡፡ ብድሑር ኣተሓሳስባ እንትተመሪሕና ንእንገብሮ ነገርን ጉዳይን መእመኒ ምኽንያት ኣይህልወናን፡፡ እቲ ልማድ ንብዙሕ እዋን ምሳና ሓቢሩ ዝነበረ ክኾን ይኽእል ስለዚ ዘበናውን ሳይንሳዉን ኣተሓሳስባ ከይንቕበል ይገብረና፡፡ ብዘይጭቡጥ ግምታትን እምነታትን ንኽንግዛእ ይደፋፈኣና፡፡ ንኣብነት ስራሕቲ ሸኽላ ንምታይ ናይ ዝተወሰኑ ጉጅለታት ጥራሕ ክኾን ክኢሉ? እንትተበሃልና ጭቡጥ መልሲ የብልናን። "ሰበይቲ ዝነደቐቶ ገዛ ዝብኢ እንትንቁይ ይፈርስ "ዝብል ኣባሃህላ ሓቢሩና ስለዝነብር ንሕና'ውን ብድፉኑ ንዛረቦ ይኸውን። "ንምንታይ?" ንዝብል ሕቶ ግና ሳይንሳዊ መልሲ ክቐርብ ኣይኽእልን፡፡

ድሑር ኣረኣእያ ብዝተፈለለየ መልክዕ ይግለፅ። ገሊኦም ኣብ ምስላታትን ቃላዊ ግጥምታትን ይርከቡ። እቶም ካልኦት ብተግባር ዝግለፁን ጥዕና እውን ዝጎዱኡን እዮም፡፡ ጥዕና ካብዝጎድኡ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮን ምኽላእ ዓንቀርን ይጥቀሱ። ብኣጉል እምነት ዝራኣዩ እውን ኣለዉ። "ጠቢብ ሰብ አሎ" ኢልካ ምእማን ሓደ ድሑር ኣተሓሳስባ እዩ፡፡ ብሓደ ገፅ ማሕበራዊ ናብራ እቲ ጠቢብ ዝበሃል ሰብ ዝጕድእ እዩ። ብኻሊእ ወገን ድማ ሰባት ንሰባት ብምፍራሕ ብጭንቀት ንኽሳቐዩ ይገብር፡፡

ድሑር ኣረኣእያ ዘለዎ ሕዝቢ ዕብየቱ ቁልጡፍ ኣይኾንን፡፡ ምኽንያቱ ረብሓ ዘለዎም ነገራት ንኽጠፍኡ ይገብር፡፡ ጎዳእቲ ንዝኾኑ ድማ የተባብዕ፡፡ እዚ ኩነታት ድማ ፍልጠት ንከይስፋሕፋሕ ይገብር፡፡ ስለዚ እቲ ሓድሽ ወለዶ ድሑራት ኣታሓሳስባታትን ኣረኣእያታትን ከወግዶም ይግባእ፡፡




## መልመዲ 5

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ድሑር ኣተሓሳስባ ኣብ ነበርቲ ከባቢና እንታይ ዓይነት ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል?
2. ሳይንስን ቴክኖሎጂን እንትምዕብል ድሑር ኣተሓሳስባታት ይውገዱ ዶ ወይ ብዘለዉዎ ይቕፅሉ? ንምንታይ?

## 11.4 ባህሊ ንባብ



*ስእሊ 11.7 መፅሓፍ ኣንቢብካ ሳይንሳዊ ኣታሓሳስባ ምዕባይ*

- ኣብቲ ስእሊ እትርእይዎም ቆልዑ እንታይ እናገበሩ እዮም?
- ከምዞም ቆልዑ' ዚኦም መንበቢ ምኳን ዝህቦ ጥቕሚ እንታይ እዩ?
- ምንባብን ፍልጠትን እንታይ ርክብ ኣለዎም ትብሉ?

ንባብ ኣብ ልዕሊ ወረቀት ወይ ኣብ ካሊእ ዝርጉሕ ኣካል ብፊደላት ተፃሒፉ ዝቐረበ ሓሳብ ዝርከበሉ መንገዲ እዩ። ካብቲ ምንባብ ንረኽቦ ሓሳብ መረዳእታ ዝህበና ፍልጠትና ዘስፍሕ ወይ ዘዘናግዐና ክኾውን ይኽእል። ገና ካብ ቁልዕነት ጀሚርና ናይ ንባብ ልምድና ምዕባይ ይግበኣና፡፡ ካብ ህፃንነት ዕድሜና ጀሚርና ምእንታን ክንነፍዕ ኩሉግዚ መፃሕፍ ክነንብብ ይግበኣና፡፡

ብምኽንያት ምንባብ ፍልጠቶም ኣመሓይሾም ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ዝበፅሑ ሰባት ኣለዉ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሃገርና ከምኒ በዓል ከበደ ሚካኤል፣ ይልማ ዴሬሳ፣ ፀጋየ ገብረመድህን ካልኦት ውልቀ ሰባትን ዓበይቲ ሰባት ምኻን ዝኻኣሉ ገና ካብ ቁልዕነቶም ጀሚሮም ልምዲ ንባብ ስለዝነበሮም እዩ።



**መልመዲ 6**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ጠንኪሮም ብምንባብን ብምምሃርን ኣብ ዓብይ ብርኪ ዝበፅሑ ኣብ ከባቢኹም ወይ ብደረጃ ሃገር ዝፍለጡ ሰባት ስም ካብዝፈልጡ ሰባት ሓቲትኩም ወይ ካብ ፅሑፍ ኣንቢብኩም መረዳእታ ኣታኣኻኽቡ፡፡ ብድሕሪ 'ዚ እዞም ሰባት ንከባቢኦምን ንሃገሮም እንታይ ከምዝሰርሑ ንክፍሊ ምሓዝትኩም ኣቕርቡ።
2. ቀፂሉ ዘሎ ግጥሚ ብዝግባእ ኣንብዎ'ም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።



*ስእሊ 11.8 ካብ መንጎ ፍልፍላት ፍልጠት መፃሕፍቲ ይርከብዎ፡፡*

# ፈታዊተይ

ዕንዓት ዝወለዳ፣ ሳይንስ ዘዕበያ፣
ፈላስፋታት ሽሊሞም ሙሁራን ዘጌፅዋ።
ብዛዕባ ኽብሪ ሞገሳ ሰባት ዝመሓልሉላ ፣
ኣላትኒ ፍቅረኛ ትፅዋዕ መፅሓፍ ተባሂላ።
ናይ ምሁራን ዳኛ፣ ናይ ጥበብ መስካሪት፣
ከም ኣቦ ሓጋዚት  ከምእኖ መኻሪት ፣
መጥፈኢት ድንቁርና ተውፅእ ካብ ፀልማት።
ንዕለይ መፅሓፈይ ጉይኺ ገስጊስኪ
ውሽጠይ ከይጠሚ ስኢኑ ንዓኺ፡፡
ዝብለኪ ስምዕኒ ኾይንኪ ኣብጥቓይ፣
መንፈሰይ ፀሚኡ ተሃንጥዩ ልበይ፣
ብፅሕለይ መፅሓፈይ ቀለብ ናይ ኣእምሮይ፣
ናይ ዕንዓት መብራህተይ ናይ ሳይንስ ፈታዊተይ፣
እንትኸድ ኣብ መንገዲ እንትቕመጥ ኣብ ደገይ፣
ሓጋዚት መፅሓፈይ ኣይትፈለይኒ ካብ ኢደይ፣
ፍትውቲ መፅሓፈይ ንኣኺ ኣንቢቡ፣
ኣእምሮይ ዓጊቡ ፍልጠት ተመጊቡ፣
ልበይ ኣተስፉዩ መንፈሰይ ፀጊቡ።

ሀ. መፅሓፍ ብኸመይ ካብ ፀልማት ተውፅእ?

ለ. መፅሓፍ መጥፈኢት ድንቁርና ከምዝኾነት ምግላፁ ትኽክል ድዩ? ንምንታይ?

ሐ. ብሓፈሻ እንትረኣ መፅሓፍ ምንባብ እንታይ እንታይ ጥቕምታት ኣለዉዎ?

## 11.5 ሜላ ኣፀናንዓ ትምህርቲ

- ትምህርትኹም ምፅናዕ ቅድሚ ምጅማርኩም እንታይ ዓይነት ምድላው ከምትገብሩ ንኽፍሊ ምሓዝትኩም ኣረድኡ።
- ትምህርቲ ምፅናዕ ድሕሪ ምጅማርኩም ተግባር መፅናዕትኹም ብኸመይ ተካይዱ? መፅናዕትኹም ምስ ወዳእኹም እንታይ ትገብሩ?

ትምህርቲ ብዝግባእ ምፅናዕ ብዙሓት ረብሓታት ኣለዊዖ፡፡ ፅቡቕ ውፅኢት ብምምፃእ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ክንሓልፍ እንኽእል ብፅምቆት እንተፅኒዕና እዩ፡፡ ብዝግባእ ኣፅኒዕና ብትምህርትና ናብ ዝለዓለ ብርኪ እንትንበፅሕ እውን መምህር፣ መሃንዲስ፣ ነዳቒ፣ ሰኣሊ፣ ወዘተ ኮይና ንዓርስና፣ ንስድራና፣ ንማሕበረ ሰብናን ንሃገርናን ክነገልግል ንኽእል፡፡

እንትነፅንዕ መፅናዕትና ዕውት ብዝኸነ ኣገባብ ንምፍፃም ዘኽእሉና ሜላታት ምኽታል የድሊ፡፡ ኣቐዲምና ምችዉ ግዘ መፅናዕትን ዝርብሽ ድምፂ ዘይብሉ ቦታ ምምራፅ የድሊ፡፡ መፅናዕትና እንትንጅምር ድማ ጠቐምቲ ሓሳባት ኣብ መዘክር ምፅሓፍ ጠቓሚ እዩ፡፡

እቲ እነፅንዖ ትምህርቲ'ውን ምስ ኩነታት ዓርስናን ከባብናን ምዝማድ ኣድላይ እዩ፡፡ ሓቅነት እቲ ሓሳብ'ውን ምፍታሽ የድሊ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ሓሳብ ከምዘለዎ ብቓል ምሽምዳድ እንተይኮነ ብኸመይ ኣብ ስራሕ ክነዉዕሎ ከምዝግባእ ክንሓስብ ኣለና፡፡

ኣብዚ ግዘ እዚ እቲ ዘፅናዕናዮ ፍልጠት ጭቡጥነት ይህልዎ፣ መፅናዕትና'ውን ሽትኡ ወቒዑ ማለት እዩ፡፡

# ዕዮ-ጉጅለ

መፅናዕቲ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ከይዲ ቅደም ሰዓብ ኣለዎ። እቲ ከይዲ "ቅድመ መፅናዕቲ" "እዋን መፅናዕቲ" "ድሕሪ መፅናዕቲ" ዝበሃሉ ብርክታት ዘለዉዎ እዩ። ቀፂሉ ዝቐረበ ስእላዊ መግለፂ ብዛዕባ ብርክታት እቲ ከይዲ ሐፂር ግንዛበ ዝህበኩም'ዩ፡፡ ነቲ መግለፂ ኣንቢብኩም መፅናዕቲ ብኸመይ ከምዝፍፀም ብጉጅለ ተመያየጡሉ።

**ቅድመ መፅናዕቲ**
ምቹዊ ግዘ መፅናዕቲ ፣ቦታ፣ ናውቲ፣ መፅናዕቲ፣
ምምራፅ ፕሮግራም መፅናዕቲ ምውፃእ

**ግዘ መፅናዕቲ**
ብፅሞና ምንባብ፣ ምስ ዓርሰ ተመኩሮን ምስ ጭቡጥ
ኩነታት ከባቢን ምግንዛብ መዘከርታ ምሓዝ

**ድሕሪ መፅናዕቲ**
ዝሓዝዎ መዘከርታ ፅሑፍ ምኽላስ፣ እቲ ዝተረኸበ
ፍልጠት ንምትግባር ዘኽእል ስራሕ ምስራሕ

ብፍላይ ኣብ እዋን መፅናዕቲ መዘከርታ ምሓዝ ኣድላይ እዩ። ኣብዞም ቀፂሎም ዘለዉ ሳንዱቓት ትሪእዩዎም ነጥብታት ኣብ ከይዲ ምሓዝ መዘከርታ "ወርቃዊ ሕግታት" ዝበሃሉ እዮም፡፡ እስቲ ብጉጅለ እናኾንኩም ብዛዕባ እንታይነቶምን ኣድላይነቶምን ተመያየጡሎም።

ኣዘውቲርካ መዘከርታ ምሓዝ → ኣብ ሓሳብ እና ተሳተፍካ ምንባብ → ነጥብታት ምኽላስ



## መልመዲ 7

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግቡእ መብርሂ ብምቕራብ መልሱ፡፡**

1. ረብሓ መፅናዕቲ እንታይ እዩ?
2. ሓደ ተምሃራይ ኣብዞም ዝስዕቡ ብርኪ መፅናዕቲ እንታይ ክገብር ኣለዎ?

    ሀ) ኣብ እዋን ቅድመ መፅናዕቲ

    ለ) ኣብ እዋን ዓዉደ መፅናዕቲ

    ሐ) ኣብ ድሕሪ መፅናዕቲ
3. ኣብ እዋን መፅናዕቲ መዘክር ምሓዝ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
4. መዘክር እንትንሕዝ እንታይ ዓይነት ሜላ ክንክተል ኣለና?
5. መፅነዕትና ብትኽክል ሽትኡ ወቒዑ ዝበሃል መኣዝ እዩ?

# መጠቓለሊ

ፍልጠት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝርከብ ዓርስናን ከባቢናን ንምልዋጥ ዘኽእለና መሳርሒ ምዃኑ ተገንዚብና፡፡ እዚ ፍልጠት ካብ ቤት ትምህርቲ፣ ንባብን፣ ከባቢ ብምስትዉዓልን ክርከብ ከምዝኽእል ተምሂርና ኢና። ጎዳእቲ ልምድታት ብዝምልከት እውን ኣዝዩም ጠቓምቲ ቁም ነገራት ኣጨቢጥኩም እዩ። ሳይንሳውን ጭቡጥን ብዘይኮ ዕሙት ሓሳባትን ልምድታትን ምምራሕ ተገዛእቲ ዱሑር ኣተሓሳስባ ከምዝገብር ሪእና ኣለና።

ኣተሓሳስባና ድሑር ብዝኾነ መጠን ድማ ዓርስና ንምልዋጥን ከባቢና ንምልማዕን ኣይንኽእልን። ብተወሳኺ ድሑር ኣተሓሳስባ ንጥዕናና ጉድኣት ከምፀአልና ከምዝክእል ተመልኪትና ኣለና።

መፅናዕቲ ቅድመ መፅናዕቲ፣ እዋን  መፅናዕቲ፣ ድሕረ መፅናዕቲ ዝበሃሉ ደረጃታት ኣለዉዎ፡፡ ኣብ ቅድመ መፅናዕትን ንመፅናዕትና ዘድልዩ ነገራት ነመቻቹ።

እዋን መፅናዕቲ ኣብሓደ ዝተወሰነ ግዘ ተቐሚጥና እነፅነዐሉ ግዘ እንትኾን ፀጥታ የድሊ። ኣብ ብርኪ ድሕሪ መፅናዕቲ ዋናዋና ሓሳባት ዘፅናዕናዮ ትምህርቲ ኣጠናኺርና ምሓዝና እነረጋግፀሉ እዩ።

እምበኣርከስ ኣብ ውሽጢ'ዚ ትምህርቲ ኩሎም ቀንዲ ሓሳባት ብጥንቃቐ እናራኣኹም ከምዝመፃኹምን እዞም ቀንዲ ነጥብታት ከምዝጨበጥኩምን ከምኡውን ዝሐሸ ፍልጠት ከምዝሓዝኩምን ይእመን።

ኮይኑ ግና ብዙሕ  ፍልጠት  ምርካብኩም በይኑ እኹል ኣይኮነን፡፡ ዝተምሃርኩምዎ ቁምነገር ኣብ ስራሕ ንምውዓል ፃዕሪ ንኽትገብሩ ትፅቢት ይግበረልኩም እዩ። ፍልጠት ብዝበለፀ ንምሓዝን ጎዳእቲ ዝኾኑ ኣጉል ልምድታትን  ኣተሓሳስባታትን ንምቅላስን  ከቢድ ሓደራ ኣለኩም።

# ኣገደስቲ ቃላት

- **ፍልጠት፡-** ነገራትን ኩነታትን ብብቕዓት ንምርዳእ ዘኽእል ዓቕሚ
- **መረዳእታ፡-** ብዛዕባ ጉዳያት ንምፍላጥ ዝእከብ ጥረ ሓሳብ
- **መፅናዕቲ፡-** ፍልጠት ብዝግባእ ንምጭባጥ ፅሑፋዊ ወይ ካልኦት ፍልፍል መረዳእታ ምፍታሽ
- **ድሑር ኣተሓሳስባ፡-** ብትምህርቲ ዘይተደገፈ ኣብ ልምዲ ጥራሕ ዝተመስረተ ኣጉልን ጎታትን ኣተሓሳስባ።
- **ዓወደ መፅናዕቲ፡-** ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ እናሃለና ዝስተበሃል ወይ ዝፍፀም ኩነታት
- **ድሕሪ- መፅናዕቲ፡-** መፅናዕትና እንትፍፅም እነጠልሎም ተግበራት

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## I. ቀፂሎም ዝቐረቡ ሙሉእ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ "ጌጋ" ኢልኩም መልሱ፡፡

1. ተወሳኺ ፍልጠት ንምርካብ ጋዜጣታትን መፅሔታትን ምንባብ ፅቡቕ እዩ።
2. ምጉብናይ ምዝንጋዕ እምበር ፍልጠት መርከቢ ሜላ ክኾን ኣይኽእልን፡፡
3. ውፅኢታዊ ነጋዳይ ንምኳን ዝሐሸ ፍልጠት የድሊ እዩ።
4. ዝተፈላለዩ ነገራት ብውነ ብምርኣይ ፍልጠትካ ምምዕባል ይካኣል እዩ፡፡
5. ደቂ ሰብ ዘተኣማምን ፍልጠት ዝረኽቡ መፃሕፍቲ ብምንባብ ጥራሕ እዩ።

## II. ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ምስ ኣብትሕቲ "ሀ" ዘለዉ ኣዛምዱ

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. እዋን መፅናዕቲ | ሀ) ሬድዮ፣ ቴሌቪዥን መፃሕፍቲ |
| 2. እቲ ቀንዲ ፍልፍል ፍልጠት | ለ) ናውቲ መፅናዕቲ ምምራፅ |
| 3. ድሑር ኣርኣእያ | ሐ) ንዓበይቲ ምኽባር |
| 4. ፍልፍላት መረዳእታ | መ) ስራሕ ደቂ ኣንስትዮ፣ ደቂተባዕትዮ ክሰርሑ የብሎምን ምባል |
| 5. ቅድመ መፅናዕቲ | ረ) ትምህርቲ ብውነ ዝንበበሉ ከይዲ |
| | ሰ) ቤት ትምህርቲ |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።

1. ድሑር ኣተሓሳስባታት እናተዳኸሙ ክኸዱ ዝኽእሉ መዓዝ እዩ?

   ሀ. ብትምህርትና እናተመሓየሽና እንትንከይድ፣

   ለ. ሳይንስን ቴክኖሎጅን እንትዳኸም፣

   ሐ. ባህልና ገዲፍና ባህሊ ወፃእተኛታት እንትንማሃር፣

   መ. "ለ"ን "ሐ"ን መልሲ እዮም

2. ዘተኣማምን ፍልፍል ዘመናዊ ፍልጠት ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ቤት ትምህርቲ

   ለ. መንበሪ ገዛ

ሐ. ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሽማግለታት ዓዲ

መ. “ለ”ን “ሐ”ን መልሲ እዮም

3. ካብዞም ዝስዕቡ መረዳእታ ክህበና ዝኽእል ኣየናይ እዩ?

ሀ. ጋዜጣ ለ. ሬድዮ

ሐ. ቴሌቪዥን መ. ኩሎም መልሲ እዮም

4. ኣብ እዋን መፅናዕቲ መዘክር ምሓዝ ንምታይ ይጠቅም?

ሀ. ዘንበብናዮ ሓሳብ ሽዑ ንሽዑ ንዘይምርሳዕ

ለ. እንትነንብብ ዘይተረደአና ነገር እንተሃልዩ ምስ ሰባት ንምምይያጥ ንኽሕግዘና

ሐ. ናይ ኢድ ፅሑፍና ንምምሕያሽ

መ. “ሀ”ን “ለ”ን መልሲ እዮም

5. ካብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ ጎዳኢ ኣተሓሳስባ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ሰውነት ኣዘውቲርካ ምሕፃብ ቆርበት የንቅፅ

ለ. ኣብ ገዛ ደቂ ኣንስትዮ ዝሰርሐኦ ስራሕ ደቂ ተባዕትዮ እውን ክሕግዙ ይግባእ፡፡

ሐ. ኩሎም ባህላዊ ስራሕቲ ምድጋፍ ግቡእ እዩ።

መ. ደቂ ተባዕትዮ ዝሰርሕዎ ስራሕ ደቂ ኣንስትዮ ክሰርሕኦ ኣይ ኽእላን፡፡

## IV. ኣብ ውሽጢ እቲ ሰደቓ ዝተዘርዘሩ ጉዳያት ጠቓሚ ንዝኾኑ "ሃናፂይ" ጎዳኢቲ ዝኾኑ ድማ "ድሑር" እናበልኩም ኣብቲ ባዶ ቦታ "✓" ምልክት ግበሩ።

| ረ.ጋ | ዝርዝር ጉዳያት | ሃናፂይ | ድሑር |
|---|---|---|---|
| | ኣብነት፣ ሀ) ዓንቀር ምኽላእ<br>ለ) ሕማሙ ዝሓብአ መድሓኒት የብሉን | <br>✓ | ✓ |
| 1 | መተሓዳደሪ ንዝሳኣኑ ሰባት ምፅዋት ካብ ምሃብ ዕድል ስራሕ ምፍጣር | | |
| 2 | ስራሕቲ ሸኽላ ጠቓሚ ሙያ ኣይኮነን | | |
| 3 | ህፃናት እንትሓሙ ናብ ቤት ሕክምና ምውሳድ | | |
| 4 | ምምሃር፣ ምምሃር ሐዚ እውን ምምሃር | | |
| 5 | እኖን ኣቦን ምኽባር | | |
| 6 | ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ | | |
| 7 | ሓገዝ ሰብ ካብ ምትእምማን፣ ተፃዓዒርካ ዓርስኻ ምኽኣል | | |

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ፍልጠት ንምርካብ ዝሕግዙ እንታይ እንታይ ዓይነት ፍልፍላት ኣለው?
2. ኣብ ግዘ መፅናዕቲ ኣዘውቲርካ መዘከርታ ምሓዝ ንምታይ ይጠቅም?
3. እንትነንብብ ተሳታፍነት ንባብና ብኸመይ ተግባራዊ ክነገብር ንኽእል?